# ቃለ መሕትት ምስ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ



**ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና ኤርትራ ምስ ክቡር ፕረዚዳንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብዛዕባ ህልውኩነታት ኤርትራ፣ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዓለምን ዝምልከት እዚ ዝስዕብ ሰፊሕን ዓሙቕን ቃለ መጠይቕ ኣካይዶም።**

- **ክቡር ፕረዚደንት ዘለናዮ ቅነ ብኣቈጻጽራ ፈረንጂ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ብኣቈጻጽራ ግእዝ፡ ቅነ ምስግጋር ወቕቲ ካብ ክራማት ናብ ቀውዒ እዩ። ስለ’ዚ ምስዚ ኣተኣሳሲርና ሕቶታትና ብመደባት ውሕስነት መግቢ ክንጅምሮ ኢና። ክራማት ሎምዘበን ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ብዙሕ ዘዕግብ ከም ዘይነበረ ዝፍለጥ እዩ። እዚ ጸገማት እዚ ብፍላይ ኣብ’ዚ ዞባ’ዚ ብተደጋጋሚ ዘጋጥም ከም ምዃኑ መጠን መንግስቲ ካብዚ ጸገም እዚ ንምንጋፍ ኣብ በበይኑ ከባቢታት ሃገር ብዙሓት ማእከሎትን ዓበይትን ሓጽብታት ክሰርሕ ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ሓጽብታት እዚ ጭቡጥ ውጽኢት ምእንቲ ክርከቦ ክማላእ ዘለዎ ስርሓት ከምኡ’ውን ንምዕባለ ሕርሻን ኣግሮ ኢንድስትርን ብዝምልከት ዘሎ ሃገራዊ ውጥን እንታይ ከምዝመስል ዘሎ ትግባረኡ ከ ኣብ ምንታይ በጺሑ ከም ዘሎ ከተብርሃልና?**

ዝናብ ኩሉ ግዜ ዘተኣማምን ኣይኮነን። ንኣብነት ኣብ ነንበይኑ ከባቢታት ኤርትራ ዝዘነበ ዝናብ ንነዊሕ ዓመታት ንድሕሪት ተመሊስካ እንተ ርኢኻዮ፡ ብዘይካ ካብ ትጽቢት ናይ ዝናብ ሓራ ምዃን፡ ዝኾነ ካልእ ሕርያ ዝበሃል የለን። ወላ’ውን እቲ ዝወሓደ እዋናት፡ ኣብ’ዛ ኤርትራ እትበሃል ሃገርና ዓመት ዓመት ዝሃርም ማይ ኣብ ሓደ መዕረቒ ክንእክቦ እንተ ንኽእል’ሞ፡ ኣብ ዝሓንጸጽናዮ ቦታን ብዝደለናዮ ዓቕንን እነተ ንዝርግሖ፡ እንታይ ምመሰለ ኢልካ እንተ ሓሲብካ፡ ኣብ’ቲ ዝኸፍአ እዋናት’ውን ሕመቕ ናይ ማይ ኣይመሃለወን። እንተ ኾነ ግን ካብ ዝናባዊ ሕርሻ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ክትገላገል ዝሕሰብ’ውን ኣይኮነን። ካብ ዝናባዊ ሕርሻ ናብ መስኖኣዊ ሕርሻ ንኽትሰጋገርን ኣብ መንጎ ክልቲኡ ዘሎ ረብሓ ንተጸባይነት ብስሩ ከም ዝፈትሖ ንምግባርን፡ ኣብ ክንዲ ንሃልኪ ጥራይ ዝኣክል ምህርቲ፡

ኪኖኡ ክትከይድ እንድሕር ኼንካ፡ እንታይ ክትገብር ኣለካ? ንነዊሕ ዓመታት ክዝረበሉ ዝጸንሐ "ጥብ ዝበለት ማይ ከምኡ'ውን ሓመድን ማይን ምዕቃብ" ዝብል ጭርሖታት ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ምስኡ ክሰላሰሉ ዝግባእ ከም ሓጽብታት ንኣሽቱ፡ ማእከሎትን ዓበይትን ፕሮጀክትታት ዝኣመሰሉ ክሰላሰሉ ዝግብኦም ብዙሓት ዕዮታት ኣለዉ። ስለ ዝተባህለ ብጭርሖታት ጥራይ ክትርእዮ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሓደ ግብራዊ ውጥን ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ካብ ዝናባዊ ሕርሻ ብሰብዓ ሰማንያ ሚእታዊት ናብ መስኖኣዊ ሕርሻ ንኽንኣቱ፡ ኣብ'ቲ ብተዛማዲ ዘተኣማምን ዝናብ ዘለዎ ከባቢታት'ውን ክልቲኡ ሓዋዊስና ምእንቲ ክንሰርሓሉ ኣብ'ቲ ዝናብ ዘለዎ ቦታታት'ውን ናይ ሓመድ ምዕቃብን ሓጽብታትን ፕሮጀክትታት ደው ክብል የብሉን። ክትዛረበሉ ቀሊል ዕዮ ይመስል ይኸውን፣ ኣብ ግብሪ ክትሰርሖ ግን ከቢድ ጻዕሪ ዝሓትት'ዩ። እንድሕር ኣብ ሓደ ቦታ ሓጽቢ ተደኲኑ፡ እቲ ማይ ከያ ክትፍውሶ ክትክእል ኣለካ። "መልክዕ መሬት በቲ ሓደ ወገን ምረቓ እዩ።" እንድሕር ጽቡቕ ጌርካ ተጠቒምካሉ፡ ኣብ ሓመድን ማይን ምዕቃብ ብዙሕ ነገር ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ። ካብ ኣብ ሰጣሕ መሬት፡ ኣብ ከም'ዚ ናትና ኣኽራናዊ መሬት ብዙሕ ብልጫታት ኣለዎ። ስፍሓት መሬት ብግቡእ ርኢኻ፡ ኣብ ነንበይኖም ዓመታት ዝነበሩ ዓቕን ናይ ዝናብ ጽቡቕ ገይርካ ፈሊጥካ፡ ኣብ ውሽጢ ነፍሲ ወከፍ ማይ ከያ ክግበር ዝከኣል ናይ ሓመድን ማይን ምዕቃብ ፕሮግራማት ንምትግባር፡ መእለይ ማይ ናይ ምዝላይ ዕዮታትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ናይ ምጽፋሕ መደባትን ብሃገር ደረጃ ንኽተኣታቶ ቀሊል ስራሕ ኣይኩነን። ናይ ግዜ ሰሌዳ ክግበረሉ ኣለዎ። ካብዚ ዘለናዮ ናይ ዝናብ ትጽቢት በብቑሩብ ናብ መስኖኣዊ ክንሰጋገር ክንክእል ምእንቲ እንታይ ክንገብር ኣለና? መስኖኣዊ ሓጽቢ ጥራይ ስለ ዝተሰርሐስ ኩሉ ነገር ተማሊኡ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ። ትሕቲ እቲ ሓጽቢ ዘሎ ክሕረስ ወይ ክለምዕ ዝኽእል መሬት ስፍሓቱን ኣቀማምጣኡን መልክዕ ናይ'ቲ መሬት ከምኡ'ውን ክግበር ዘለዎ ናይ ምድላው መሬት ስራሕ ቀሊል ኣይኮነን። ብጉልበት ሰብ ዝግበር ስለ ዘይኮነ፡ ገዚፍ ናይ ማሽነሪን ቴክኖሎጅን ዓቕሚ ይሓትት። ነቲ መሬት - ሚእቲ ካብ ሚእቲ ነቲ ማይ ከያ ፈዊስናዮ ኢና። ስለ'ዚ ኣብ ውጥር ዝበለ ከባቢ ኣብ መሬት ይዘሩቕ፣ ናብ ዲጋ ዝመጽእ ከኣ ናብ ዲጋ ይመጽእ። ኣብ ሓጽቢ ማለት'ዩ። ብላዕልን ብታሕትን ሓጽቢ፡ እቲ ዝኣኽለካ ምድላው ክትገብር ክንደይ ዝኣልክ ግዜ ይወስደልካ? ወላ ኣብ'ቲ ንኣሽቱን ማእከለቶትን ሓጽብታት ዝበሃሉ'ውን ቀሊል ኣይኮነን። 'እዚ መሬት ሰናን'ዩ፣ ኣይጽቡቕን'ዩ፣ ዓባር'ዩ፣ ክትብል ዝግባእ ኣይኮነን። ዓባር መሬት ዝበሃል የለን። እንድሕር ጽቡቕ ጌርካ ፈዊስካዮ፡ ኣብኡ ዝውህለል ሓመድ፡ ኣብኡ ዝውህለል ጸጋ ኣብኡ ዝውህለል መጫኒ ጸጋታት፡ መደብ ከተታኣታትወሉ ይሕግዝ።

ድሕሪ ሓጽብታት ዝመጽሕ ናይ ቴክኖሎጂ ሕቶ'ዩ። ሓጽቢ ተሰሪሑ ብኽራማት እናተደገፈ ሓደ ምህርቲ ትረኽበሉ። ኩለን ሓጽብታት ኣብ ክንዲ ሓደ ምህርቲ 'ተተኻኢሉ፡ ኣብ ሰለስተ፡ 'ተዘይተኻኢሉ ከኣ ኣብ ክልተ ምህርቲ'ውን ክትኣቱ ክትክእል ኣለካ። ብነግሒ ክትጥቀመሉ ከኣ ኣየወጻጽእን እዩ። ዘዋህለልካዮ ማይ ኩሉ ወጻኢታት ገይርካ፡ መሬት ኣዳሊኻ፡ ማይ ከያ ፈዊስካ፡ ገዚፍ ወፍሪ ገይርካ ጥብ ዝበለት ማይ ምሉእ ብምሉእ ክትጥቀመላ እንተ ድኣ ኼንካ፡ ኣብ ዓለም ዘሎ ዝማዕበለ ቴክኖሎጂ መስኖ ከተታኣታቱ ክትክእል ኣሎካ። ዓይነት ናይ ዘራእቲ ክትቀያይር ትኽእል፣ ግዜ ክትመርጽ ትኽእል፣ ምህርቲ ንምብዛሕ ዝሕግዘካ ኣጠቓቕማ . . . ነዚ ንምምላእ ተተኣታትዎ ቴክኖሎጂ ቀሊል ኣይኮነን። ካብ ደገ ሸሚትካ ተምጽኦ ባዕልኻ ክትሰርሖ ትኽእል። ንሱ ንገዛእ ርእሱ፡ ናብ ክልተ ምህርቲ ናብ ሰለስተ ምህርቲ ክትከይድ እንተ ድኣ ኴንካ ድማ፡ ካብ'ተን ዘዋህለልካየን ማይ ልዕልን ትሕትን ሓጽቢ መሬት ምሉእ ብምሉእ ንኽትጥቀመሉ ስራሕ ይሓትት'ዩ። ቀሊል ነገር'ውን ኣይኮነን። ኣብ ገለ ገለ ከባቢታት እቲ ቴክኖሎጂ እንተ ተረኺበ፡ ጸዓትከ ኣብ መወዳእታ? ናይ መስኖ ስርዓት መጨንጉዒ የድልዮ፣ መንጸጊ የድልዮ፣ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ከተካይድ ምእንቲ ጸዓት ክህልዎ ኣለዎ። ምናልባት ኤሌክትሪክ ዝኣተዎን ኤሌክትሪክ ዘይኣተዎን እንተሃለው'ኳ፡ መብዛሕትኡ እቲ ብሕርሻ ክለምዕ ዝኽእልን ሓጽብታት ክግበረሉ ዘለዎን ቦታታት ከኣ ካብ ኣገልግሎት ናይ ኤለክትሪክ ምሕድግ ዝበለ ስለ ዝኾነ፡ ናቱ ናይ ጸዓት ምንጭታት ክትረኽበሉ ክትክእል ኣለካ። ጸዓት ንገዛእ ርእሱ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ውሽጢ ፕሮጀክት ናይ ሓደ ሓጽቢ ኩሉ ነገር ኣዋዲድካ ምስ ወዳእካ፡ ቴክኖሎጂ ምስ ኣተኣታተኻ፡ ጸዓት የድልየካ። መተካእታ ጸዓታት ዝበሃሉ'ውን ኣለዉ። ናይ ጸሓይ ናይ ንፋስ ይኹን ካልኦት ዝተፈላለዩ ምርጫታት ኣለዉ። መልክዕ ናይ መሬት'ውን ሓጋዚ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ብስሕበት ብዙሕ ሓይሊ ክትፈጥር ስለ እትኽእል፡ ናይ መስኖ ተክኖሎጂ ኣእቲኻ ትጥቀመሉ።

እቲ ብብልጫታትና፡ ንነፍሲ ወከፍ ስፍሓት መሬት ብዝለዓለ ክንጥቀመሉ ምእንቲ፡ ናይ ሓንቲ ፕሮጀክት ምህርቲ ሓጽቢ ከም ኣብነት እንተ ድኣ ወሲድና፡ ኣብ ምሉእ ሃገር ከ እንታይ ክንገብር ክንክእል ኣለና? ብደረጃ ሃገር ዓበይቲ፡ ኣብ ገሊኡ ሰፊሕ ኣብ ገሊኡ ድማ ጸቢብ ማይ ክኸውን ይኽእል። ኣብ ገሊኡ ጽቡቕ ዝናብ ክርከብ ይኽእል፣ ኣብ ገሊኡ ዘይረክብ ክኸውን ይኽእል፣ ስለ'ዚ ግቡእ ገምጋም ተገይሩ ነፍሲ ወከፍ ማይ ክዖ ፍወሳ የድልዮ። ክጽናዕ ከኣ ኣለዎ። እቲ ኣብ ነብሲ ወከፍ ቅርጺ መሬት ዝሰራሕ ሓጽቢ ክሕዞ ዝኽእል ዓቐን ማይ ተፈሊጡ፡ እቲ ክትጥቀመሉ ዘለካ መሬት ብኣጋ ተፈሊጡ፡ ናይ መስኖ ቴክኖሎጂ ጸዓት ከተታኣታትወሉ ክትክእል ኣለካ። ሕጂ ኩሎም ብደረጃ ሃገር ከነታኣታትዎም ዘለና ብሓሳብ ኣብ ወረቐት ጥራይ እንተ ርኢኻዮም ኣዝዩ ገዚፍ'ዩ። ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ፡ ካብ ሰሜን ንደቡብ፡ ካብ ምብራቕ ንምዕራብ፡ ኣብ'ቲ ማይ የብሉን ዝበሃል ገማግም'ውን ንኹሎም'ዚኦም ማይኮዖታት ብግቡእ ገይርና ከም ዝረኣናዮምን ዘጽናዕናዮምን፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ማይ ክዖ፡ እቲ ዝድለ ሓመድን ማይን ምዕቃብ፡ ናይ ምድልዳል፡ ናይ ምስፋሕ ምስኡ'ውን ሓጽብታት ጥራይ ዘይኮነ፡ መእለዩ ማይን መስኖታትን፡ ኣብ ገሊኡ'ውን ዒላታት ክትውስኸሉ ትኽእል። ንኸምዚ ዝኣመሰለ ካብ ዝናባዊ ናብ መስኖኣዊ ኣገባብ ናይ ምስግጋር ገፊሕ ሃገራዊ መደብ፡ ከተትግብሮም ዘለካ ፕሮግራማትን ፕሮጀክታትን ግዜ ይወስዱ። ከተቕላጥፎም ትደሊ፣ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ሓደ መድረኽ ክትበጽሕ ትደሊ። ነዚ ኩሉ ክትገብር ከኣ ዓቕምታት የድልየካ፣ ጸጋታት የድሊ። ናይ ማሽነሪ፡ ናይ ናውቲ፡ ናይ ዘርኢ፡ ናይ ድኹዒ፡ ናይ ቀመማት፡ ሕርሻ ኩሎም እዚኦም ንኸተማልእ፡ ማዕረ ዓቕምኻ ክትከይድ ስለ ዘለካ፡ ነዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ንነዊሕ ዓመታት ዝኸዱ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ንኸተተግብር፡ እንተላይ እቲ ካልእ ዋጋታት ተሰኪምካ ከመይ ገይርካ ከተሳጉም ከም እትኽእል ዝድርተካ ጸጋታት ስለ ዝኾነ፡ ንዕኦም ኣብ ግምት ኣእቲኻ ክትሰርሕ ኣለካ።

ነዚ ንኹሉ ኹሉ ደሚርና እንተ ርኢናዮ፡ ምናልባት ክሳብ ሎሚ ዓበይቲ ዝመስሉ ፕሮጀክትታት ተተግቢሮም ክኾኑ ይኽእሉ። ግና ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ እንታይ ገይርና? ካብ'ቲ ክንበጽሖ እንደሊ ወይ ዝከኣል ክሳብ ክንደይ ዓሚምና? ኢልካ እንተ ርኢኻዮ፡ ኣዝዩ ኣዝዩ ንእሽቶ እዩ። ምስኡ ዝኸዱ ብዙሓት ኣርእስትታት ኣለዉ። ዝርግሐን ምንቅስቓስን ህዝቢ፡ መቓምጦ ህዝብን ምስኡ ዝኸይድ ኣገልግሎታትን፡ ኣብ ሓደ ከባቢ ሓጽቢ ኮፍ ስለ ዘበልካ ሰብ ዘይነብሮን ዘይጥቀመሉን እንተ ድኣ ኮይኑ፡ መዓልኡ ኣይወዓለን ኢልካ ክትዛረብ ትኽእል። እዞም ማሕበራውያን ወይ ማሕበራዊ ጉዳያት እዮም፣ ማሕበራዊ ርእስታት እዮም ንብሎም'ውን ኣብ ግምት ከኣትዉ ኣለዎም። እዞም ሕጂ ዝትግበሩ ዘለዉ ሓጽብታት ናይ መን እዮም? ናይ መንግስቲ ትካላት ዘመሓድራኦ ወይ ናይ መንግስቲ'ዩ ዝበሃል የለን። ኣብ መወዳእታ ተጠቃሚ ክሰፍሮ ክኽእል ኣለዎ። ተጠቃሚ ኸኣ ካብ ሓደ ኩነት ናብ ካልእ ኩነት ተሰጋጊሩ፡ ነቲ ተዋዲዱ ዘሎ ናይ መስኖ ስርዓት ብኹሉ ኹሉ ክጥቀመሉ ክኽእል ኣለዎ። ምእንቲ ንሱ'ውን ብሓሳብ ክቕበሎን ክጥቀመሉን ሚእቲ ካብ ሚእቲ ብዙሕ ናይ ሞያ፡ ስልጠና፡ ምጉስጓስ መደባት የድልዮ። ምኽንያቱ ኣብ ወረቐት ስኢልካ፡ ብዝተፈላለየ መንገዲ ጸጋታትን ምወላን ረኺብካ ምስ ተግበርካዮ፡ ኣብ መወዳእታ ህዝቢ ክጥቀመሉ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ'ዞም ከባቢታት እዚኣቶም ኣብ ገለ ገሊኡ ዝተደኮነ ዓድታት ስለ ዘሎ፡ ምስኡ ዝኸይድ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ከም ናይ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ መጒዓዝያ፡ መብራህቲ፡ መራኸቢታትን ካልኦትን መሳለጥያታት ስለ ዘለዉ ጽቡቕ ክትብል ትኽእል ኢኻ። ቅሩብ ዓቕሚ፡ ቅሩብ ጉልበት ኣሎ። ኣብ ምሕድግ ዝበለ'ሞ ማይ ክርከቦ ዝኽእል መሬት'ውን፡ 'ከም'ዝን ከም'ዝን ረብሓታት ክንረኽበሉ ንኽእል ኢና ዝብል ሓድሽ ናይ ምጥያስ፡ ናይ ሰፈራ መደባት ከተተግብር እንተ ድኣ ኼንካ፡ ንሱ'ውን ከም ማዕዶ ክርሳዕ ዘይብሉ እዩ። ኣብኡ ከሎ ጥራይ ብድርቐ፡ ናይ ወረቐት ስራሕ፡ ናይ መጽናዕቲ፡ ናይ ውጥናት ንትግባረ ንዕኡ የድሊ'ዩ ኢልካ ክትዛረብ ኣየድልን። እዚ ኩሉ ኬድካ ኬድካ ኣብ መወዳእታ ኣበይ ኢኻ ክትበጽሕ? ወላ እቲ ሓደ ምህርቲ፡ ክልተ ምህርቲ፡ ሰለስተ ምህርቲ ዝበሃል ዘሎ'ውን፡ ዝዓይየሉ ጉልበት እንተዘይረኺቡ፡ ነቲ ተዋዲዱ ዘሎ መሳለጥያ፡ ምሉእ ብምሉእ ዝጥቀመሉ ዓቕሚ ህዝቢ ዘየለ እንተ ድኣ ኾይኑ፡ ፕሮጀክትታት እቲ ዝድለ ዕላማታት ወቒዑ ክትብል ኣይትኽእልን ኢኻ። ውሕስነት መግቢ ኢልና ክንዛረብ ከለና፡ ዝኣኽለና ኣፍሪና ኢና ኢልካ ደው ክትብል ዘይኮነ፡ ኪኖኡ ውሽጣዊ ጠላባት ናብ ሰደድ'ውን ክትሓስብ ኣለካ። ናብ ሰደድ ክትሓስብ እንተ ኼንካ ዓይነት ዘርእን ብቑልን እቶም ተፍርዮም ምህርቲታት እንታይ እንታይ እዮም፣ ኣብ እኽሊ መግቢ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ሃብቲ እንስሳ ማዕዶ'ውን ክኸውን ኣለዎ። እቶም ፕሮጀክትታት፡ ዝተፈላለየ ፕሮግራማትን ከምኣቶም ዝኣመሰሉን

ኣብ ሓጺር ግዜ ከተኣታተዉ ኢልካ ክትዛረበሎም ምናልባት የጸግም ይኸውን። ግን ቅኒት ኣእምሮና ኣብ ክራማትን ዝናብን ጥራይ ተኣሲሩ፡ ነቲ ገፊሕ ስእሊ ከይረኣናዮ ትም ኣይንብልን። ከምኡ’ውን ወላ እቲ ዝወጽእ ፕሮግራማት፡ ፕሮጀክትታትን ውጥናትን ጽቡቕ ይኹን፡ ኣብ መወዳእታ ዕዉት ምእንቲ ክኸውን፡ ብዝለዓለ ደረጃ (ሚእቲ ካብ ሚእቲ) ህዝቢ ክጥቀመሉ ምእንቲ ምስ ትግባረ ናይ’ቲ ፕሮጀክትታት ክንርእዮ ክንክእል ኣለና።

ሕጂ ብድምር እንተ ርኢናዮ ምህርቲ ምስ ተሓፍሰ ክንደይ ካብ’ቲ ሃገራዊ ጠለብ የማልእ ኣሎ እንድሕር ኢልና፡ በብዓይነቱ ጥረምረ፡ ኣሕምልቲ ካልኦት ዝተፈላለዩ ናይ መግቢ ኣእካል’ውን ሓዊስካ ክብን ለጠቕን’ዩ። ሕጂ ኣብ’ታ ናይ መወዳእታ መስመር ምስ በጻሕና’ምበኣር፡ ብዘተኣማምን ዝናብ ዘይሃበና ብመስኖኣዊ ሕርሻ ክንሸፍኖ ክኢልና ኣለና። **ዝናብ ዝሃበናን መስኖኣዊ ሕርሻን ሓዊስና ኸኣ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ በጺሕና ኣለና ክንብል ኣብ ገምገም ኣለና።** ምኽንያቱ ካብ ዝናብ ክትገላገል ኢልካ ምሕሳብ  ኩሉ ግዜ ዘዋጽእ እይኮነን። ንሱ’ውን ናቱ ሓይልን ናቱ ስሕበትን ኣለዎ። ‘ተሰጋጊረ’የ’ ንኸትብል ከኣ፡ ኩሎም እቶም ምስ’ቲ ፕሮጀክትታት ክዋደዱ ዘለዎም መሳለጥያታት ከየዋደድካ ተኣማሚንካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን። እቲ ንገብሮ ዘለና ነቀላጥፎ፣ ነቶም ሓደጋታት ብምሉኦም ድሒሬና ገዲፍና፡ ዝናብ በርከተ ዓበረ ከይተጨነቕናሉ ዘተኣማምን መንገዲ ሒዝና ኣለና። ካብ’ዚ ከኣ ከመይ ገይርና ንቕድሚት ንስጉም ኣብ ዝብል ደረጃ ክሳብ ንበጽሕ ግዜ ዝሓትት እዩ። ናይ ሎሚ ዓመት ክራማት ከም’ቲ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ከመይ ነይሩ እንተ ድኣ ኢልካ፡ ኣነ ዝርዝር ሓበሬታ ክህበካ ኣይክእልን እየ። ምናልባት ኣስመራን ከባቢኡን ኣይረኸበን ክኸውን ይኽእል። ኣብ ካልኦት ከባቢታት ድማ ብርኩት ነይሩ። መወዳእታ ግን መስከረም ምስ ሓለፈ ጸሓይ ምስ በረቐ ብልክዕ እንታይ ይመስል እቲ ክራማት ክንግምግሞ ግዜ ኣለና።

ምስ ትካላት ኣግሮ እንዳስትሪ ምስኡ ኣተሓሒዝካክሕጽሮ ስለ ዝደለኹ’ዩ እምበር “እቲ ፕሮግጀክት ኣእካል ጥራይ ከነፍርየሉ ድዩ ዘድሊ? ዕፉን፡ መሽላ፡ ብልቱግ፡ ስርናይ፡ ጡጥ፡፡ ጥራይ ዲና ከንፍርየሉ? ናይ ዘይቲ ጥረታት ጥራይ ዲና ከነፍርየሉ? ሽኮር ዲና ከነፍርየሉ? ናይ ፍረታት ኣግራብ ዲና ከነፍርየሉ? ኣሕምቲ፡ ኮሚደረ፡ ሽጉርቲ ካልኦትን ዲና ከነፍርየሉ?” እንድሕሪ ኢልካ፡ ኣብ ክብሪ ወይ ምውሳኽ ዋጋ ዝበሃል ንውሽጢ ሃገር ይኹን ንሰደድ ትሓስብ እንተ ሃሊኻ  ኣግሮ ኢንዳስትሪ እንድሕሪ ዘይተተኣታቱ ኼንካ፡ ንምህርትኻ ብጥሪኡ ኣብ ዘቤታዊ ዕዳጋ ይኹን ኣብ ናይ ግዳም ዕዳጋ ሽይጥካዮ እንታይ ረኺብካሉ? ተመስሪሑ ተዓሺጉ ንዘቤታዊ ዕዳጋታት ይኹን ንደገ ክቐርብ ከሎ ስለ ዝበልጽ እዚ ንምግባር ኣብ ከመይ ዝበሉ ዋኒናት ወይ ኢንዱስትሪታት ክተተኩር ኣለካ? ኢንዱስትርይ መስርሒ ኮሚደረ፡ ጥሪት እንድሕር  ሃልየን ድማ መመስርሒ ስጋን ጸባን፡ ደርሁ እንድሕሪ ሃልየን ኰይነን እውን ከምኡ፡ ካልእ ምስኡ ዝተኣሳሰረ ዝተፈላለየ’ውን ትርኢ። ምህርቲ ሕርሻ ከም’ቲ ዘለዎ ብጥረ ክትወስዶ ዘይብልካ መስሪሕካ ክብሪ ክትውስኸሉ ስለ ዘድልን ከም’ዚኣቶም ዝኣመሰሉ ፕሮጀክታት ኣገዳስነት ናብ ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ስለየእትዉኻ። ኤለክትሪክ ወይ ጸዓት ዘድልየካ ንናይ መስኖ ስርዓት ከስርሓልካ ጥራይ ዘይኮነ፡  ካልኦት ኣድለይቲ ዝኾኑ  ብዙሓት ናእሽቱ፡ ማእከሎትን ዓበይትን ዋኒናት ኣግሮ እንዳስትሪ ወይ ኣብ ዝተፈላለየ ካልኦት ወፍሪታት’ውን ከእትወካ ስለ ዝኽእል ጸዓት ወሳኒ’ዩ። ምስ ኩሎም እዞም ንሰርሓሎም ዘለና ፕሮጀክትታት ንኣብንነት ሓደ ቦታ እንድሕሪ ጡጥ ንምፍራይ ዝጥዕም ኮይኑ፡ ኣብቲ ከባቢ ንኣብነት ከም’ዚ ኣብ ከባቢ ተሰነይ ዝነበረ መድሃጽ ጡጥን ካልእን የድልያካ። ድሂጽካ  ጡጥ ከተምጽእ ትኽእል። ከም ዘለዎ ጥረ ጡጥ ንደገ ኣባላታት ጠቕሊካ ክትሸጦ ድዩ ዘዋጽኣካ ወይስ ናብ ዓለባታት ክትቅይሮ? ናብ ዓለባታት ክትቅይሮ እንተ’ኼንካ ኢንዱስትሪ የድልየካ። ካብ ዓለባ ናብ ልብሲ ክትቅይሮ እንድሕሪ ኮይንካ ኢንዱስትሪ የድልየካ። እቲ ሰንሰለት ብምልኡ  ከተማልኦ ምእንቲ፡ ኣብ ሕርሻ ውሕስነት መግቢ ሓጽብታት ኢልካ ጥራይ ክትሕጸር ዘይኰነስ ንብምልኡ ሰንሰለታት ናይ’ቲ ፕሮጀክት ከም ዘማልእ ገይርካ ክትጥቀመሉ ኣብ ዝኽኣልካ ደረጃ ጥራይ ኢኻ ነቲ ፕሮጀክት ኣተግቢርናዮ ማይ ኣዋህሊልና ኣዕሪቕና ዝኣክል ወፍሪ ገይርና መዊልና ሚእቲ ካብ ሚእቲ

ተጠቒምናሉ ኢና ክትብል እትክእል። ኩሎም እዚኣቶም ኣብ ግምት ከተእትዎም ክትክእል ኣለካ። እቶም ፕሮጀክታት ናእሽቱ ክመስሉ ይኽእሉ። ኣብ ገሊኦም ነሕምልቲ ዘቤታዊ ዕዳጋ ኣብ ከተማታትን ቀረባ ከተማታትን ከተቕርቦም ትኽእል ጥራይ ኢልካ ክትሓስብ ትኽእል። እዚኦም ከም ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ክንወስዶም ኣይንኽእልን ኢና። ምስኦም ዝኸዱ ዝተፈላለዩ ናይ መፍረ እንስሳ ፕሮግራማት ንኸተትእታኡ ግን ገጂፍ ዓቕሚታት ዝሓትትት'ዩ። ካልእ እንተ ተረፈ ክተቕርቦም እንድሕሪ ኼንካ ንዓታቶም ዝኸውን ባኮታት ከተዳሉ ክትክእል ኣለካ። ናይ መጐዓዝያ መሳለጥያታት መሳርሒ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ዘቤታዊ ዕዳጋ ዘሎ ምንቅስቓሳት'ውን ስሉጥ ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። ውሕስነት መግቢ ንበይና እታ ቃል ወይ እታ ሓረግ ወሲድካ ምርኣይ ዘይኰነስ ምስኡ ዝተኣሳሰረ ብኻልእ ማዕዶ ክትጥምቶ ዘለካ ነገር ክትርኢ ኣለካ። ደማሚርካ ክትርእዮ ኮፕለኻ እዚ ሃገር ገዚፍ ጸጋ ኣለዎ። "ማይ የለን፡ ክራማት ዓቢሩ" ጥራይ ኢልካ ክትዛረብ፡ ነቲ ኣማዕዲኻ ክትሰርሓሉ ዘለካ ፕሮጀክታት ከይረኣኻዮ ክትተርፍ የብልካን። ኣግሮ እንዳስትሪ መሰረታውን ምስ ዝኾነ ይኩን መደብ ውሕስነት መግቢ ክኸይድ ዘለዎ'ዩ። ብዛዕባኡ ድማ ኣፍልጦ የድልየካ። ጡጥ ዲኻ ከተፍሪ ሽኮር፡ ኣሕምልቲ ዲኻ ወይስ ስጋ፡ ክተለሊ ኣለካ። ንብምልኦም ኣብ'ቲ ፕሮጀክትታት ተፍርዮም ክትምስርሖም ክትክእል ኣለካ። ኣግሮ እንዳስትሪ ገፊሕ ኣርእስቲ'ዩ፣ ግን ከም መደብ ሒዝና ንሰርሓሉ ስለ ዝኾነ፡ ሓደ ሓደ ዕዉት ተመኩሮታት ኣሎ። ገሊኡ ተመኩሮታት ኣይሰለጠን ግን ንድሕሪት ዘልሓጥ ዘብል ነገር የብልናን። ንስጉምኻ ከቀላጥፈልካ ወይ ከደናጉየካ ዝኽእል ናይ ጸጋታት ወይ ናይ ምወላ ጉዳይ'ዩ። እቲ ስእሊ ግን ንኹሉ ሰብ ብሩህ ዘሎ ኮይኑ ይስምዓኒ።

**※ ምስ ምኽዛን ማይ ወይ ምዕራቕ ማይ ተተሓሒዙ ዝርአ፡ ጉዳይ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ኣብ ገጠራትን ከተማታትን'ዩ። ኣብ ሓያሎ ከተማታት ኤርትራ እንተላይ ኣብ ኣስመራ ኣብ ቀረብን ኣገልግሎትን ናይ ማይ ጸገማት ኣሎ። ነዚ ቀሪፍካ ውሕስነት ቀረብ ማይ ንምርግጋጽከ እንታይ ይሕሰብ?**

= ሓንቲ ኣግሂድና ብጻዕዳ መገዲ ክንዛረበላ ዘለና፡ ሰብ ኣብ ማይ ዘለዎ'ዩ ዝኸይድ። እምበር ማይ ኣብ ሰብ ዘለዎ ክመጽእ የብሉን። እዚኣ ከም ሕጊ እንተወሲድካያ እዚ ዝግበር ዘሎ ፕሮጀክትታት ብምልኡ ነቲ ዝርግሐ ናይ ቁጠባዊ ዕብየት ይኹን ናይ ልምዓት መደባት'ውን ኣብ ግምት ኣእቲዩ ክሰርሕ ክኽእል ኣለዎ። ንሕና ሙብዛሕቲኡ ግዜ ተደኲኑ ዝጸንሐ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ኣገልግሎታት ከነቕርበሉ ክንክእል ኣለና። ግና ንዕኡ ኢልና እንድሕሪ ንዛረብ ኣለና ኰይና፡ ኣብ መወዳእታ መኣዝና ክንስሕት ኢና። ሓንሳብ ኣብኡ ምስ ኣተኮርካ፡ ኣብኡ ትገብሮ ወፍሪ ኣብኡ ትገብሮ ጻዕሪ ከቢድ ክሳራታት ወይ ተኸፋሊታት ኣለዎ። ሰብ ናብ ቦታ ማይ ይኺድ ኣብ ክንዲ ማይ ናብ ሰብ ዘለዎ ቦታ ይምጻእ ዝበሃል'ውን፡ ቃል ብቓል ክትወስዶ ኣይከኣልን'ዩ። ግን ሓፈሻዊ መረዳእታ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ማይ ዝርከበሉ ቦታ ጥራይ ዘይኮነ ንመስእኖኣዊ ሕርሻ፡ ንኢንዱስትሪያዊ ኣገልግሎት፡ ዝስተ ማይ ኢልካ ኢኻ ተዳልዎም። ሓጽቢ ክበሃል ከሎ ኩሉ ግዜ ንሕርሻ ጥራይ'ውን ኣይኮነን። ነቲ ማይ ንኢንዱስትሪያዊ ኣገልግሎት'ውን ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። ንዘቤታው ኣገልግሎት'ውን ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። ንጽሬት፡ ንጥዕና፡ ንዝስተ፡ ክትግልገለሉ ትኽእል ኢኻ። ከም እንዕዘቦ ካብ ዘበናት ዝጸንሐ ስለምንታይ'ዮም ሰባት ኣብ ገለ ገለ ከባቢታት ክሰፍሩ ዝግደዱ? ክሰፍሩ እንተ ኼይኖም ኣብ'ቲ ከባቢ ማይ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ንሂወት ዝድግፍ ኩነት ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ምስ ዘመናዊ ምዕባለ ናይ ጽርግያታት ኤለክትሪክን ካልኦት ኣገልግሎታትን ካልኦት ስልጣነታትን ድማ ከተማታት ክድኮና ይጅምራ። እዚ ድማ ብናቱ ክንገልጾ ንኽእል ንኸውን። እተን ዓበይቲ ከተማታት (mega-cities) ዝብልወን ክንደይ ነባራይ ኣልወን? ንኣብነት ዓዲ እከለ ወይ እታ ከተማ ክንደይ ሰብ ኣለዋ? ሽውዓት ሚልዮን፡ ኣርባዕተ ሚልዮን፡ ሽዱሽተ ሚልዮን. . . እዚ ምናልባት ምስ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ናይ ነፍሲ ወከፍ ህዝብን ኩነታትን ክመጣጠን ይኽእል። ናትና በዚ መንጽር ብጂኦግራፍ እንክረአ፡ ካብ ሰሜን ንደቡብ፡ ካብ ምዕራብ ንምብራቕ፡ እቲ ቅድሚ ሒጂ ዘይተዳህሰሰ ጸጋታት ዘለዎን ልምዓት ክነካይደኩ እንኽእልን፡ ዝተፈላለየ ቦታታት ሕጂ ድማ በዞም ዝትግበሩ ዘለዉ ፕሮጀክትታት ናቱ ቁጠባ ናይ ምንቅስቓስ ሓይሊ ኣንፈት ቁጠባኢ ዕብየት ዝህብ ዘሎ ቦታታት ክንግዕዝ ክንክእል ኣለና። ኣብ መወዳእታ ዋሕዚ ሰባት ማዕረ'ቲ ንቁጠባን ዕብየቱን ዝድርኽ ዝተፈላለየ ረቛሒታት ተመጣጢኑ

ክኸይድ ክኽእል ኣለዎ። ናብ ነጥብኻ ክመጽእ - ኣብ ኣስመራ ማይ ተሳኢኑ ይበሃል ኣሎ። ንዓይ እንድሕሪ ሓቲትካኒ እዚ ዝበሃል ዘሎ ንዓይ፡ ቀዳምነት ኣይኰነን። ከምኡ ክበሃል ከሎ ማይ ኣየድልን'ዩ ማለት ኣይኰነን። ሰብ ማይ ክሰቲ የብሉን ማለት ኣይኰነን፡ ሰብ መነባብሮኡ ወይ ዓይነት ሂወቱ ከመሓየሽ የብሉን ማለት'ውን ኣይኰነን። ማይ ቅድም ንመን ተስቲ? እንድሕሪ ድኣ ህዝቢ ናብ ኣዝየን ዝማዕበላ ከተማታት እናተሳሕበ ከይዱ፡ ነቲ እናዓበየ ዝመጸ ዋሕዚ ኣገልግሎታት ከተቕርበሉ ኼንካ፡ ምስ ዓይነት ሂወት ናይ ሰባት፡ ሃልኪ ማይ ካብ መስመሩ ስለ ዝወጽእ ኣጸጋሚ ክኸውን እዩ። ብሃገር ደረጃ ንማይ ከም ጸጋ እንድሕሪ ትሓስቦ ሃሊኻ ማይ  ናብ መን ኢኻ ትሰዶ ዘለኻ? መን እዩ'ኸ ዝጥቀመሉ ዘሎ? ካብ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ውጽእ ኢልካ'ኮ ይትረፍ መሕጸቢ ኣብስሶምን መሕጸብ ኣእዳዎምን፡ ንጐሮሮኦም ማይ ዘይረኽቡ ሰባት ኣለዉ'ኮ።  ንሳቶም'ውን ዜጋታት'ዮም፣ መሰል ኣለዎም፣ ብዝተኻእለ ዓቕሚ መሰሎም ክረኽቡ ክኽእሉ ኣለዎም። ኣገልግሎታት ክረኽቡ ክኽእሉ ኣለዎም። ጽርግያታት ክህልዎም ክኽእል ኣለዎ። ናይ ጥዕና፡ ናይ ኣብያተ ትምህርቲ. . . ኣገልግሎታት - ልዕሊ ኩሉ ከኣ ማይ ክህልዎም ክኽእል ኣለዎ። እዚ'ውን ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ እዩ፣ ናይ ሰናይ ተግባር ሕቶ ኣይኰነን። መሰል'ዩ፣ ግቡእ'ዩ። ስለ ዝኾነ ማይ ኣበይ ኣበይ ከባቢታት ህክሉ ኣለዎ? እዘን ተደኲነን ዘለዋ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ጥራይ ዝጠለብኦ ማይ ከነምጽኣለን ዝብል ሓሳብ ደረት ኣለዎ፡ ነተን ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ዝበሃላ ዘለዋ ዝኣክል ትሕተ ቅርጺ ኣዋዲድካ ማይ ከተቕርበለን እንድሕሪ ኰይንካ፡ ምስ'ዚ እናዓበየ ወይ እናወሰኸ ዝኸይድ ሃልኪ እቲ ዝበዝሕ ሰብ ናብ ማይ ዘለዎ፡ ከባቢታት ክሰሓብ ምኽኣሉ ጥራይ ዘይኰነ ንሂወት ንመነባብሮ ዘድሊ ምንጪ ረቛሒታት ዘማልእ ኩነታት ክህሉ'ውን ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ናይ ብዙሕ ሃገራት ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ከምእውን  ምውጣን ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ዝርግሐን፡ ብዘይካ ናይ ጸዓት ኣገልግሎታት እቲ ቀዳማይ ዝመጽእ ማይ'ዩ። እንተ ድኣ ኢንዱስትሪያዊነት ማዕቢሉ'ሞ ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎታት ብርትዓዊ ዋጋ ኣብ ኩሉ ክባጻሕ ክኢሉ ዝኣክል ማይ ስለ ዘለዎ ማይ ይወሃብ ክትብል ትኽእል። ሲንጋፖር  ትሽዓተ ኣዋርሕ ማይ ይዘንባ። እታ ከተማ ድማ ብስፍሓታ ዓዲያ ትበሃል። ኣብ ዝኣተኻዮ ሆቴል ግን "በጃኹም ማይ ኣይተባኽኑ፡ ኣእዳውኩም ከም'ዚ ጌርኩም ተሓጸቡ፡ ከም'ዚ ገይርኩም ኣስናንኩም ጎጽጉጹ ዝብል ጽሑፍ ኣሎ። እዚ ኩሉ ማይ ከለዎም ስለምንታይ እዮም ከምዚ ዝብሉ? ቅድሚ ዓሚ ኒውዮርክ ከይድና ኣብ ሓንቲ ሆቴል ኣቲና ነይርና። እቲ ማይ ሃትሰን ዝብልዎ ሩባ ብእኡ'ዩ ዝሓልፍ። ስለ'ዚ እታ ከተማ እንተ ዓበየት ነባሪኣ ዓሰርቲ ሚልዮን፡ ዓሰርተ ክልተ ሚልዮን፡ ዓሰርተ ሓሙሽተ ሚልዮን ወላ ዕስራ ሚልዮን እንተ በጽሐ ዝኣክል ማይ ኣለዎም እንዶ? እኹል ማይ እናሃለዎም ስለምንታይ ከም'ዚ ዓይነት ንቕሓት ኣብ ሰባት ክፈጥሩ ይደልዩ? ንኣብነት ኰነና እምበር ኣብ'ቲ ናታቶም ደረጃ'ውን ኣይበጻሕናን። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ማይ፡ ቀረብ ማይን ኣገልግሎት ማይን ኣብ ከተማታት፡ ሓውሲ ከተማታትን ገጠራትን ብኸመይ መገዲ ክውጠን ክኽእል ኣለዎ? ንዕኡ ዘድሊ ትሕተ ቅርጺ ብኸመይ ክዋደድ ኣለዎ? ናይ ዕደላ ስርዓት ብቑዕ ክኸውን ምእንቲ ብኸመይ ክኸውን ኣለዎ። ዓይነት ሂወት ናይ ሰባት ክቕየር ምእንቲ መነባብሮ፡ ኣባይቲ፡ ናይ ማይ ቀረብ፡ ዝርግሐ ማይ፡ ዕደላታት ማይ፡ ከምኡ'ውን ኣጠቓቕማ ማይ ብግቡእ ክረአ ኣለዎ። ዘርካ ዘርካ ግን እዚ ሕጂ ዝትግበር ዘሎ ንኸተማታት ዝምልከት ናይ ውሕስነት መግቢ፡ ናይ ሕርሻ፡ ናይ መስኖ፡ ናይ ሓጽብታት. . . ፕሮግራማት ናብኡ ገጹ ክኸይድ ኣለዎ። ተገዲድካ፡ ንዓ ውረድ ናብ ማይ ዘለዎ ኪድ ክትብሎ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሰብ  ከም ዝሓረየ፡ እንተ ደልዩ ክኸይድ ይኽእል እንተ ደልዩ ኣይከይድን። ግዱድ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ። "ኣብ'ዚኣ ኮፍ ኢለ ኣለኹ'ሞ ማይ ኣምጽኡለይ፡ ኣብ'ዚ ከባቢ'ዚ ማይ ከምድላየይ ዝሕጸበሉ፡ ኣብ መዓልቲ ክልተ በርሚል ከፍስስ" እንድሕሪ ኢሉኒ ግን  በየናይ መሰል'ሞ ክልተ በርሚል ከፍስስ'ዩ፡ ካልእ ኣሎ'ኮ ንጐሮሮኡ ማይ ዘይረኸበ! ኣብ ካልእ ቦታ'ውን ክውዕል ይኽእል'ዩ። ንገዛእ ርእሱ ኣብዘን ከተማታት ዘሎ ማይ ዝኣክል ትሕተ ቅርጺ ስለዘይብሉ ከም ብሓድሽ ናይ ፍወሳ (ትሪትመንት) ማእከላይ ውን የብሉን። ኣብ ኩለን ዓበይቲ ከተማታት ከምኡ ዝኣመሰለ ኣሎ። ምናልባት ኣብ ገለ ገለ ከተማታት ቀደም ክድኮና ከለዋ ናይ ሽቓቓት ናይ መጻረዪ መስመራት ትሕተ ቅርጺ'ውን ስለ ዝጸንሐ እናደኸመ ከይዱ ክንብል ንኽእል። ንዕኡ ከነማዕብሎ ክንክእል ጥራይ ዘይኮነስ ብውሕጅ ብማይ ዝወርድ ወላውን እቲ ካብ ሽቓቓትን ካብ ዝተፈላለየ ናይ መመስርሒ ዝመጽእ'ውን ከም ብሓድሽ

ክንጥቀመሉ ክንክእል ኣለና። ኣብ ካልእ ገጅፍ ኣርእስቲ ከይኣተና፡ ማይ ተሳኢኑ፡ ማይ ተሳኢኑ፣ ከምዚ ኮይኑ፣ ከምዚ ተፈጢሩ፣ ዝበሃል ዘረባ ኣግፍሕ ኣቢልካ ምጥማቱ የድሊ። ኣብ ከባቢኻን ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ ጥራይ ክትጥምት የብልካን። ናይ ሕልና ጥራይ ዘይኰነስ መሰል እውን'ዩ። ሓንቲ መዓልቲ ቦጥ እንተ ዘይተረኺበት በርሚል እንተ ዘይተረኸበ፡ ማይ ተሳኢኑ ኢልካ ጫቕ ጫቕ ክትብል፡ ንሙሉእ ስድራ ዘይኣክል ማይ ብደልሚ፡ ብኣድጊ፡ ብተሳሓቢ ማይ ዝጓርት'ውን ኣሎ። ዜጋታት ናይ'ዛ ሃገር'ዮም፣ መሰሎም'ዩ። ናብ ካልእ ኣርእስቲ ከብሎ ኣይደልን'የ። ግን ተጠቃምነት ማይ ካብ መሰል ናይ ዜጋታት ሓደ ስለ ዝኾነ፡ ከመይ ገይርካ ከም እትጥቀመሉ ጥንቅቕ ዝበለ ውጣነን ኣተሓሕዛን ከም ዘድልዮ ክፍለጥ ኣለዎ። ከም መሰል ከተዕዘምዝም ትኽእል ኢኻ፣ ኣብ መወዳእታ እቲ ምዕዝምዛም ብኸመይ መንገዲ ይምለስ? እቲ ዝጥለብ ዘሎ ኣገልግሎትከ ናይ ብሓቂ ቀዳምነት ድዩ? ዝብሉን ብዙሓት ካልኦትን ክምለሱ ዘለዎም ሕቶታት ስለ ዘለዉ ክረእዩ ይግባእ። ኣነ ኣብ'ቲ ናይ ዜና ፕሮግራማትኩም ንማይን ኣጠቓቕማኡን ጥቕምን ቁም ነገርን ማይ ጽቡቕ ጎስጓሳት እንተ ኣካየድኩምሉ፡ ነብሲ ወከፍ ዜጋ ናይ'ዛ ሃገር ንቕሓቱን ሕልናኡን ኣብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ እንተ ድኣ በጺሑ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ማያትና ከነዋህልሎም፡ ኣብ ሓጽብታት፡ ኣብ መዐደሊ መስመራት ጥራይ ዘይኰነስ ኣብ ገዛውትና'ውን ከመይ ገይርና ከም እንጥቀመሎም ክንፈልጥ ንኽእል ኢና።

**ሕራይ ክቡር ፕረዚደንት ኣብ ናይ ትሕተ ቅርጺ፡ ብፍላይ ከኣ ናይ ጽርግያ መርበባት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብዙሕ ወይ ቀጻሊ ስርሓት ክካየድ ጸኒሑ። ሕጂ'ውን ናይ ቀረባን ናይ ርሑቕን ዓበይቲ መደባት ናይ ህንጻ ጽርግያ ይኹን ናይ ሓዲታትን ኣብ ሃገራዊ ማስተር ፕላን ተሳኢሉ'ዩ ዘሎ። እዚ ብዙሕ ወጻኢታት ዝሓትት መደባት'ዚ ብኸመይ'ዩ ክትግበር'ዩ? ናይ ዘቤታዊ ዓቕሚ ኣሎ ድዩ ንዕኡ ንምትግባር? ናይ ምወላ ኸ ክሳብ ክንደይ ተኽእሎ ኣሎ?**

= እወ ሕጁ ሓደ ካብቶም ሽውዓተ ናይ ትሕተ ቅርጺ ዓውድታት እንድዩ። ጽርግያ መሰረታዊ'ዩ። ጽርግያትት ክንብል ንክእል ኢና፡ ሓጽብታት ክንብል ንኽእል ኢና፡ መንበሪ ኣባይቲን ህንጻታትን  ክንብል ኢና፡ ጸዓት ኤለክትሪክ ክንብል ንኽእል ኢና፡ መራኸቢታት ክንብል ንክእል ኢና፡ መዐደኒ ክንብል ንኽእል ኢና፡ ኩሎም እዚኦም ነንሓድሕዶም ዝጸላለዉ'ዮም። እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ኣይርሕቕን'ዩ። መትንታት ናይ ደም ኣብ ኣካላትና ናይ ዝኾነ ፍጡር ኣለዉ እንተኾይኖም ኣነ መትንታት ጽርግያታት'ዮም። ንዝተፈላለየ ናይ ሕርሻ፡ ናይ ልምዓት፡ ናይ ሓጽቢ፡ ናይ ሓመድ ምዕቃብ መደባት፡ ካልእ ዝተፈላለየ ንኻልኦት ጽላታት ዝምልከት ጽርግያታትን ኣገዳስነቶምን ብዙሕ መደረ ዝሓትት ኮይኑ ኣይርኣየኒን'ዩ። ምኽንያቱ ዝወረስናዮ ጽርግያታት ኣሎ። ምናልባት እቶም ጽርግያታት ኣብ ክልተ ከፊልና ክንርእዮም ንኽእል። ብዓቢኡ ናይ ቅጥራን ጽርግያታት ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ናይ ቅጥራን ጽርግያታት ውን ደረጃታት ዓይነት ኣለዎ፡ ግፍሑ፡ ብዝሒ መስመራቱ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል፡ ብናይ ጸጸር ጽርግያታት ኢልና 'ውን ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ናይ ጸጸር ጽርግያታት ውን በብደረጃኦም። ሕጂ ምስቲ ካልእ መደባት ልምዓት ተኣሳሲሩ ንሱ ውን ደራኺ ልምዓት ስለዝኾነ ጽርግያታት ምእታውን ልምዓት ማዕረ ማዕሪኡ ምኻድንሲ ንእለቱ ትርእዮ ለውጢ'ዩ። ሕጂ እስከ ውዱእ ንድፊ ወይ ውጥን ኣሎ ኢልካ ምዝራብ ዝከኣል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ብተዓጻጻፍነት ዝተሓዝ ጉዳይ'ዩ። ብመሰረቱ ግን ከም ዓቢ መስመራት ዝጸንሐ ዝወረስናዮ ጽርግያታት ናይ ቅጥራን ብእኡ ገይርና ንመጻኢ ንቕይሶም ናይ ልምዓት መደባትና ከነሳልጥ ኣይንኽእል ኢና። እዚ ጽርግያታት'ዚ መዓልቱ ዘእኸለ ዘብቅዐ ጽርግያታት'ዩ። ብዓይነቱ ይኹን ብግፍሑ ይኹን ዝሓልፈሎም ከባቢታት ብግምት እንተሪኢናዮ ሓድሽ ክህልወና ኣለዎ። ንዕኡ ንደርብዮ ኣብ ጉሓፍ ነእትዎ ማለት ኣይኮነን። ንዕኡ ከነማዕብሎ ከነብሎ ንኽእልእ ኢና፡ ምስኡ ዝተኣሳሰረ ሂወት ምስኡ ዝተኣሳሰረ ልምዓት ዕብየት ኣሎ። ብዘይክኡ ግን ሓደስቲ ጽርግያታት ክህልውና ክኽእሉ ኣለዎም። ከም ኣብነት ናይ ጽርግያትትን ናይ መገድታትን ጥራይ ዘይኮነ ናይ መስመር ባቡር ሕቶ'ውን ኣሎ ኣናኢስካ ዘይርአ። ሕጂ ምናልባት ተወንዚፉ ኣሎ ምስ ቀዳምነታት ክስራዕ ስለዘይክእል ብዙሕ ጻዕሪ'ውን ስለዝሓትት ኢልካ ክትዛረብሉ ይከኣል'ዩ። ግን ንዕኡ'ውን ዝውንዘፍ ኣይኮነን። እቶም ዓበይቲ መስመራት ንብሎም ቀዳማይ ደረጃ ጽርግያታት ዝበሃሉ በዚ ሕጂ ዘሎ ክኸዱ ኣይክእሉን። ስለዝኾኑ ካብ ገማግም ንዶብ ሱዳት ዘብጽሑና ጽርግያታት  እንድሕሪ ኢልና ኣብ ባጽዕ ንኣስመራ

ምናልባት ክሳብዚ በጺሕናዮ ዘለና ክንበጽሕ ንኽእል ኢና። ንነዊሕ ግዜ ክዝረበሉ ዝጸንሐ ግን ንምዕራብ ክንወርድ እንድሕሪ ኮይንና፡ ንኸረን እንድሕሪ ከይድና ካብኡ ነቑርደት ወሪድና ንባረንቱ ክንመጽእ ድዩ ዘዋጽኣና፡ ካብዚ ብሊባን ሓበላ ወሪድና መንሱራ ኣቲና ኣቑርደት ከይድና ንባረንቱ ከይከድና ከለና ንሳዋ ወይ ፎርቶ ወገን ከይድና ካብኡ ናብ ዶብ ሱዳን ክንኣቱ? እዚ ሓደ ዓቢ ጽርግያ’ዩ። እዚ ጽርግያ’ዚ ኣገዳስነቱ ኣከራኻሪ ኣይኮነን። እንታይ ዓይነት ጽርግያ ክኸውን ኣለዎ? ክሳብ ክንደይ ስሉጥነት ይፈጥር’ዩ? ኣብ ሓደ ኪሎ ሜትር ቶን ክንደይ ወጻኢታት ክትገብረሉ ትኽእል? ንኹለን ዓይነት መኻይን ናይ ጽዕነት እንታይ ኣሳልጦ ክህብ ይኽእል? ናይ ሰብ መጓዓዓዝ ክትጥቀመሉ እንድሕሪ ኮይንካ ክሳብ ክድነይ ኣሳላጥነት ኣለዎ፡ ምስ መልክዕ ናይ መሬት ኣብኡ ምስ ተውፍሮም ዘለካ። እዚኦም ዓበይቲ ጽርግያታት እንብሎም ሓደ ካብኦም እዚ’ዩ። እዞም ዝጸንሑ ካብ ኣስመራ ንኸረን፡ ካብ ከረን ንናቕፋ መገዲ ኣፍዓበት ዝኸዱ፡ ካብ ኣስመራ ንደቡብ ክሳብ ዓዲኳላን ኪኒኡ፡ ሰንዓፈን ኪኒኡን ዝኸዱ ኣለዉ። እዚኣቶም ኣገዳስነቶም ናይ ምስፍሓም ጉዳይ ምስ ጠለብ ናይቲ ኣገልግሎት ክዓብዩ ዘለዎም’ዮም። በዚ ዘለዎም ጽበትን በዚ ዘለዎም ዓይነት ናይ ጽርግያ ቅጥራን ኢልካ ክትዛረበሎም ግን ኣይትኽእልን ኢኻ። እዚኦም ኣብ ግምት ኣእቲኻ ክትዛረብ ትኽእል። ካብ ገማግም ናይ ግድን ካብ ባጽዕ ብመገዲ ጊንዳዕ ገይርካ ኣስመራ ክትመጽእ ዘይኮነ ስለምንታይ ካብ ፎሮ ወይ ዊዓ ተበጊስካ ንዓዲቐይሕ መጺእካ ንመንደፈራ ኣቲኻ ንባረንቱ ካብኡ ከኣ ንተሰነይ ዘይትኸይድ። ንሱ ኸ ንገዛእ ርእሱ መስመር’ዩ። ኣብ ውሽጢ ጋሽ ዘሎ ዝተፈላለየ ዕብየትን ኣገዳስነት ዘለዎ ናይ ቁጠባዊ ልምዓት ፕሮግራማት’ውን ጽርግያታት የድሎ’ዩ። ሕጂ እቶም ናይ ቅጥራን ጽርግያታት ዝግብኦም ከባቢታትን ኣገዳስነቶምን ንቑጠባ ይኹን ንዕብየት ንመነባብሮ ካልኦት ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ኣተኣሳሲርካ እዞም ናይ ቅጥራን ጽርግያታት ዝበሃሉ ብዙሓት’ዮም። ኣብ ገማግም ካብ ባጽዕ ክሳብ ቃሮራ ካብ ባጽዕ ክሳብ ዓሰብ ካብኡ ሓሊፍካ’ውን ክሳብ በዓል ጅቡቲ ዝኸይድ ጽርግያ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ኣገዳስነቱ ከኣ ርዱእ’ዩ፡ ምስ ዝተፈላለየ ቁጠባዊ ንጥፈታት ዝተኣሳሰረ’ዩ። ብናይ ጸጸር ጽርግያ ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ ኣብ መወዳእታ ግን ናብ ናይ ቅጥራን ጽርግያ’ውን ክትሰጋገር ኣለካ። ሕጂ ኩሉ ናይ ቅጥራን ጽርግያ ሓንሳብ ምስ ተዋደደ ኣኺሉዎ’ዩ ዘይኮነስ ካብ ጸጸር ናብ ቅጥራን’ውን ከተሰጋግሮ ዘለካ ጽርግያታት ኣሎ። ብመገዲ ጉልቡብ ንኣፍዓበት መጺኻ ንኸረን ከይኣተኻ ንምዕራብ ንበዓል ዛራ ገጽካ’ውን ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ኣገዳሲ ከባቢታት’ዩ። ብዙሕ ናይ ዕብየት ተስፋ ዘለዉ ቦታታት’ዩ። ጽርግያ ዝበሃል የብሉን። ክትንቀሳቐስ እንተኮይንካ በዘን ዝጸንሐ ጽርግያታት ተጠዋዊኻ ምስ ከቢድ ክሳራታቱን ዝግበር ምንቅስቓሳት ናይ ጽርግያ መደባትና ብግዜ ክንከፋፍሎ ንኽእል፡ ብዓይነት መደባት ከነውጽኣሉ ንኽእል፡ ካብ ናይ ቅጥራን ገፊሕ፡ ክልተ ዝመስመሩ፡ ኣርባዕተ ዝመስመሩ፡  ናይ ጸጸር ኢልካ ከተብል ትኽእል። ሕጂ ምስቲ ቀዲመ ክገልጾ ዝጸናሕኩ ዋላ’ቶም ናይ ሕርሻ ናይ ልምዓት መደባት ዝወጹ ምስ መስኖ ዝተኣሳሰሩ እቶም ጽርግያታት ክኣትውዎም እንተዘይኪኢሎም ዝኾነ ምህርቲ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ከተንቀሳቕስ እንድሕሪ ኮይናንካ ‘ሞ ተኸፋሊ ናይ መጉዓዓዚኡ ከቢድ እንተኾይኑ ብናይ ቀደም ጽርግያ ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ። ስለዚ እዚ ጽርግያ’ዚ ዘወጻጽእ’ዩ እንድሕሪ ተባሂሉ ተመኺኒዩሉ ክስራሕ ክኽእል ኣለዎ። ሕጂ ሓደ ዘንቢል ናይ ኩሎም ጽርግያታት ናይ ቅጥራን በቢደረጃኦም ናይ ጸጸር በብደረጃኦም ናይ ሓመድ ዝበሃሉ’ውን በቢደረጃኦም ተሰሪዖም ክሳብ ክንደይ ናይ ትግባረ ዕድል ኣሎ። ሕጂ ድሓን ናይ ወረቐት ስራሕ ይሰራሕ ክንብል ንኽእል። ገሊኡ ሓፈሻዊ ንድፊ ወይ ኣምራዊ (ኮንሰፕቸዋል) ክኸውን ይኽእል፡ ገሊኡ ደቂቕ ዝርዝራት ዝውጥን ዝወጻሉ ክኸውን  ይኽእል። ናይ ትግባረ ተኽእሎ ዝግባእ መጽናዕቲ ዝተገብረሉ ክኸውን ይኽእል፡ ግን ኣብ ዘንቢልካ ሓደ ገፊሕ ንኹሉ’ቲ ብሃገር ደረጃ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ክህሉ ዘለዎ መርበብ ናይ ጽርግያታትን መገዲታትን እንተላይ ኣብ ከተማታትን ኣብ ክሊ ከተማታትን ኣብ ውሽጢ ከተማታትን  ዘሎ ጽርግያታት ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። እዚ ሕጂ ኣብ መስርሕ ምምዕባል ዘሎ’ዩ።  ሓፈሻዊ ኣምራዊ መረዳእታ ክህልወና ክኽእል ይኸውን  ግን ዝርዝራዊ ውጥናት ኣውጺእካ ተኸፋሊኡ ክንደይ የውጽእ ክንደይ ገንዘብ ይሓትት ኢልካ ክትዛረብ ክትክእል እዚ ኣገዳሲ’ዩ። ምናልባት ምሉእ ዝተወድአ መጽናዕቲ ኣሎ እንተዘይተባህለ ንመርሓ ጎደና ዝኸውን መጽናትታት ኣሎ ብውሕዱ። እቶም ጽርግያታት ከኣ ፍሉጣት’ዮም። ኣበይ ኣበይ ኮን ዓቢ ጽርግያ የድሊ፡ ኣበየናይ ናይ ጸጸር ናይ ሓመድ ጽርግያ የድሊ፡ ኣብኡ ከለኻ ብሃውሪ’ውን ክትግምቶም ትኽእል

ኢኻ። ሕጂ ኩሉ ግዜ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት እዋን ክንሰርሓሉ ዝጸናሕና እንታይ'ዩ እዚ ኩሉ'ዚ ዋላ ኣብ ወረቐት'ውን ምስ ኣጻፈፍካዮ ምስ ኣዳቐቕካዮ፡ ቀዳምነታትካ ምስ ፈልጥካ ናይ ተኸፋሊኡ ወይ ወጻኢታቱ ግምት ውን ምስ ወሰድካ ከመይ ገይርካ ትሰርሖ። ናይ ደገ ኩባንያታት እንተተምጽእ ማለት ዝተራቐቐ ምሃንድሳዊ ስራሓት ከቢድ ዓቕሚ ዝሓትት ስለዘሎ፡ ኩሉ ባዕለይ ይኽእሎ'የ ክትብል ኣይትኽእልን ኢኻ። ግን መድረኽ ብመድረኽ ናይ ምትግባር ዓቕሚ ከተዕቢ ክትክእል ኣለካ። ሕጂ ብዙሕ ጎድናዊ ወይ ድማ ብነንበይቱ ማዕዶ ክትርኦ እትኽእል ብልጫታት ኣለዎ። ናይ ምትግባር ተኽእሎን ዓቕሚን እናዕበኻ ብዝኸድካ መጠን ግዜ ተሕጽር፡ ወጻኢታትካ ተውሕድ ነቲ እትደልዮ መደብ ከኣ ብኣድማዕነት ክትሰርሓሉ ትኽእል ኢኻ። ሕጂ ነቲ ናይ ቁጠባ ዕብየት ናይ ህዝቢ ናይ መነባብሮ ደረጃን ዓይነት ሂወትን ተምጽኦ ለውጢ ዓቢ ብልጫታት ኣለዎ። ኣብ መብዛሕቲኡ ሃገራት ከም ልምዲ ብብዙሓት ናይ ደገ ኩባንያታት'ውን ብዝተፈላለየ መገዲ ዝድረኽ፡ ናይ ደገ ኩባንያታት ጥራይ ክሰርሕኦ ኣለው። ሓቂ'ዩ ኩሉ ነገር ባዕልኻ ክትሰርሖ ኣይትኽእልን፡ ኩሉ ዓቕማታት ኣለኒ ክትብል ኣይትኽእል ኢኻ፡ ቀስ ብቐስ ግን ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃ ክትበጽሕ ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ እዋን ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ እዞም ክዛረበሎም ዝጸናሕኩ ጽርግያታት ኣለዉ ንኣብነት። ካብ ኣስመራ ብሊባን ሓበላ ንመንሱራ ክትወርድ እንተኰይንካ ኣዝዩ ከቢድ መሬት'ዩ ክንሰርሖ መሬት ንኽእል ዲና ኣይንኽእልን፡ ኣብ ገለ ገለ ከበድቲ ቦታታት ባዕልና ክንሰርሖም ንኽእልን ዘይንኽእልን ብውሑዱ ኣብዚ ሕጂ ዘለና ደረጃ ክንግምግምን ዘይክንግምግም ንኽእል። ድሕሪ ክንድዚ ዓመታት ዓቕምና እናዕበና ምስ ከድና ምስ ሞያዊ ብቕዓት ናይ ኣወዳድባ ናይ ተመኩሮ ደረጃና እናዓበየ ምስ ከደ ምናልባት ክንሰርሖ ንኽእል። እዚ ንብሎ ዘለና ጽርግያታት ግን ሕጂ ስለዘድልየና ሕጂ ክንሰርሖ ስለዘለና ጥቕሙ'ውን ርዱእ ስለዝኾነ ብዓቕምና እንድሕሪ ክንገብሮ ዘይንኽእል ኮይና ብኻልእ ዓቕምታት ክንገብሮ ንኽእል። ንጽገና ናይ ጽርግያታት ንናእሽቱ ናእሽቱ ብዓቕምና ክንገብሮም ንክእል ጽርግያታት ግን ናይ ደገ ሓገዝ ዘሕትት ምኽንያት ኣለና ድዩ? ናይ ክብሪ ሕቶ ኣይኮነን፡ ባዕልና ስለዝገበርናዮ ክንሕበን ስለዘይኮነ ኣየዋጻጽኣናን'ዩ፡ ወጻኢታቱ ኣይንኽእሎን ኢና፡ እቲ ኣድካሚ ጎድንታቱ፡ ባዕለይ ክገብር'የ ባዕለይ ዓቕሚ ከጥሪ'የ ክትብል ከለኻ ትምህርቲ ትውስኽ ሞያ ትውስኽ ተመኩሮ'ውን ስለትውስኽ፡ ኣዋዳድባኻን ምሕደራኻን'ውን ስለተመሓይሽ ብልጫ ኣለዎ። እንድሕሪ ድኣ ናይ ደገ ትካላት ኮይኑ ዝሰርሖ እዚ ኩሉ ናይ ጽርግያ ፕሮጀክትታትና ዓቕምኻ ክትድልብ ኣይትኽእልን ኢኻ ፡ መልመሲ'ዩ ብሓደ ወገን። ሕጂ ንሽምኡ ከየጋነንካ ዓቕምኻ ፈሊጥካ ኣበየናይ እዋን፡ ነየናይ ዓይነት ጽርግያ ባዕልኻ ክትሰርሖ ትኽእል ኣለካ ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ። ሕጂ ዳርጋ እተን ዘለዋና ሰገን፡ ብድሆ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣስቤኮ እንብለን ዓበይቲ ናይ ትሕተ ቅርጺ ኩባንያታት ሲ ተመኩሮ ኣዋህሊለን ኣለዋ። ነዞም ዝዛረበሎም ዘለኹ ሰማያ ተስዓ ሚእታዊት ካብኡ ባዕላተን ከተግብሮኦ ይኽእላ'የን። ድሕሪኡ ዝመጽእ ናይ ጸጋታት ሕቶ'ዩ። ናይ ጸጋትት ሕቶ ማሺነሪ'ዩ፡ ዓሚ ቅድሚ ዓሚ ዘእተናዮን እዚ ሕጂ ንድልቦ ዘለናን ንናይ ምትግባር ዓቕምና ብኹሉ ዓነይነት ማሺነሪታት ብኹሉ ዓይነት ናውቲ ኣብ ክብ ዝበለ ደረጃ ኣብጺሒዎ ኣሎ። ምናልባት ኣብቲ ዝድለ ደረጃ ኣይበጽሐን ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ናይ ጥረ ንዋት ጉዳይ ኣሎ፡ ቅጥራን ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ፡ ጸጸር ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ፡ ዘንጊ ሓጺን ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ። ሲሚንቶ'ውን ዝክኣለካ ከተፍሪ ክትክእል ኣለካ፡ ጽርግያታት ክትሰርሕ እንድሕሪ ኮይንካ ምስ ጽርግያታት ዝኸዱ ዝተፈላለዩ ቅርጽታት'ውን ክትሰርሕ እንድሕሪ ኮይካ ናይ ኩባንያታት ናይ ሞያውያን ናይ ተመኩሮ ዘለዎም ሰባትን ኩባንያታትን ሓይሊ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ማሽነሪ ሓይሊ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ህንጻ ጥረ ንዋት ዓቕሚ'ውን ክህልወካ ኣለዎ። ከተፍሪ ክትክእል ኣለካ። ነቶም ጽርግያታት ብግቡእ ክትሰርሖም እንድሕሪኮይንካ። ምናልባት ካብቶም ዘትኣታተናዮም ናይ ኣለቡ ድልድል ናይ ተኾምቡያ ድልድል ናይ ሰለሙና ድልድል፡ እዚታት ገዚፍ ኣይኮነን ግን ብቕዓሚ እንተሪኢናዮ፡ ንዕኡ ክትሰርሖ ፍልጠትን ቴክኖሎጂ ናይ ደገን ኣእቲኻ ኣእዳውካ ምስ ኣጽረኻ ኣብ ዝኾነ ቦታ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ። ሕጂ እቶም ምስ ጽርግያን ምስ ጽርግያ ዝተኣሳሰሩ ቅርጽታትን ክንሰርሖም እንኽእል ከነታኣታትዎም ዝጸናሕና ብድምር እንተሪኢናዮ ናይ ምትግባር ዓቕምና ኣብዚ ደረጃ'ዚ በጺሖ ኣሎ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ሕጂ እቲ ናይ ጽግርያታት መደብ ምስ ክሳብ ክትባረ ዘሎን ንዕኡ ዘድሊ ጸጋታት ሓደ ብሓደ ጸብጺብካ ናይ ማሽነሪ ናውቲ መሳርሒ ወይ ኤኩፕመንት ናይ ሰብ ጉልበት ማለት ካብ ሞያዊ ክሳብ ጉልበት ዝሰርሕ፡ ናይ ጥረ ንዋት ንህንጻ ዘድልዩኻ ደሚርካ ክትርእዮ ከለኻ'ዩ እቲ ዓቕሚ ኣለካ ድዩ የብልካን ክትመዝን

ትእኽል። ምናልባት ኣብ መወዳእታ ኩሉ ግዜ ዝመጽእ ምወላ ኢዩ። ብሃገራዊ ባጤራ ትምውሎ ኣብ ውሽጥኻ ባዕልኻ ትንሳጉሶ ጸጋታት'ዩ። ብናይ ወጻኢ ሸርፊ ክትምውሎም ዘለካ ክፋላት ናይቲ ፕሮጀክትታት ከኣ ናቶም ናይ ገዛእ ርእሶም ጽዕነትን ሓላፍነትን ኣለዎም። እዚኦም'ውን ኣብቲ ጸጋ ዝኣትዉ'ዮም። ከይድካ ከይድካ እዚ ኩሉ ጸጋትት ምስ ኣከብካ ግን ሓደ ምስጢር ኣሎ፡ ደም'ዩ ዝብሎ ኣነ። መትንታት ናይ ደም ዘይኮነ ደም ንኹሉ ኣካላትካ ነዳዲ'ዩ። ነዳዲ ብናይ ወጻኢ ሸርፉ ሽሚትካ ስለተምጽኦ ኣብ ኩሎም'ዞም ናይ ጽርግያታትን መገድታትን ዝበሃሉ ዘለዉ መደባት ኩሉ እቲ ዘድልየካ ካልእ ጸጋታት ምስ ኣከብካ ክትሰርሕ ዘይክትሰርሕ ናይ ግዜ ወይ ናይ ትግባረ ሰለዳ ከተውጽእ ዘይከተውጽእ ምወላ ክበሃል ከሎ ኣብ መወዳእታ ከኣ ብወረቐት ዝርአ ዘይኮነ ክሳብ ክንደይ ነዳዲ ከተቕርብ ትኽእል። ኩሉ እቲ ዘለካ ጸጋታት ተዋህሊሉ ብዝድለ ናህሪ ንቕድሚ ክኸይድ እንድሕሪ ኮይኑ ሰገጥ ዘብለካ ናይ ነዳዲ ወጻኢታት'ዩ። ሕጂ እዞም ከነካይዶም ዝጸናሕና ምስናይ'ቲ ዕብየቶም ናህሪ እናወሰኹ ብዝኸዱ ሃልኪን ጠለብን ናይ ነዳዲ እናዕበዩ ስለዝመጹ ንሱ ኣብ ካልእ ጽላታት ናይቲ ቁጠባ ጸቕጥታት ስለዝፈጥር እዋ ሰገጥ ክንብል ኣለና፡ ኣከያይዳና ከነማዓራሪ ክንክእል ኣለና፡ ብቕዓትን ትግባረን ከነመሓይሽ ኣለና፡ ምኽንያቱ ነቲ ዘሎ ጸጋታት ክንጥቀመሉ'ውን ድሩትነት ኣሎ ክትብል ትኽእል። ሕጂ እዚኦም ደሚርካ ክትርእዮም ናይ ትግባረ ዓቕሚ ኢልካ ክትዛረበሎም ትክእል ኢኻ። ስለዚ እቲ ንድፊን ሓፈሻዊ ውጥንን ወይ ኣምራዊ ውጥንን ንዕኡ ናይ ምትግባር ዘውጻእካዮ ናይ ሰሌዳ ግዜን ንምትግባርን ዘለካ ዓቕሚን ነንሓድሕዶም ተወሳሲቦም ዝኸዱ'ዮም። ክሳብ ሕጂ ከይድናዮ ዘለና ጸጋታት ዝኣክል ኣለና። ከም ድላይና ክንንህር፡ ከም ድላይና ከነተግብሮም ግን ነዳዲ ኣለና ድዩ የብልናን፡ ክንደይ ነዳዲ ክንሽምት ንኽእል ብዓቕምካ ክትከይድ ክትክእል ኣለካ። ኣብ ገለ ገለ ሕጽረታትና'ውን ጥረ ነገራት፡ ድሓር ምናልባት ከሞጾ'የ ምስቲ ናይ ጸዓት ዝበሃል ዘሎ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ጸገማት ናይ ጸዓት ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ሽግር'ዩ። ኩሉ በብዝመስሎ ክዛረብ ይኽእል'ዩ። ኣብ ትሕተ ቅርጻዊ መደባት ናይ ጽርግያታት ምስኦም ዝተኣሳሰሩ ካልኦት ናይ ትሕተ ቅርጺ ፕሮግራማት ምስ ናይ ኣባይቲ ናይ ኣገልግሎታዊ ህንጻታት መጺኻ ትርእዮ'ውን ሰሚንቶ'ዩ። ሲሚንቶ ሓደ ስትራተጂያዊ ሃላኺ'ዩ። ኣገዳስነቱ ተረዲኡና ብኣጋ እቲ ጥረ ንዋት ኣብ ኢድ ኣሎ ማለት ዝተተኽለ ፋብሪካ ኣሎ። እቲ ፋብሪካ ግን ኣይሰርሕን'ዩ ዘሎ። ስለምንታይ ኤለክትሪ ስለዘቋርጾ ቀጻሊ ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓት ክሰርሕ ስለዘይክእል። ድሓር ከመጾ'የ ግን ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ረቛሒታት'ዩ ዋላ እቶም ሸውዓተ ቀንዲ ዓውድታት ትሕተ ቅርጺ ኢልና ኣቐሚጥናዮም ዘለና'ውን እዚኦም መሰረታውያን ወይ ስትራተጂያውያን ዝበሃሉ ጸጋታት ከተማልኦም ክትክእል ኣለካ። ሲሚንቶ ካብ ደገ ክትሽምትን ባዕልኻ ኣፍሪኻ ንዝደለኻዮ ፕሮጀክት ከተቕርብን እንታይ'ዩ ፍልልዩ ዓቢ'ዩ ግን ምናልባት ንሱ ኣብቲ ዳሕራይ ክንመጾም ኢና። ሕጂ እቶም ናይ ጽርግያታት መደብናስ ብኹሉ ኩሉ ሓፈሻዊ መረዳእታ ኣምራዊ ውጥን ናይ ግዜ ሰሌዳ ናይ ጸጋታት ምጉስጓስ ዝበሃሉ እንተላይ ናይ ምትግባር ዓቕምና ኣብ ድሓን ኩነታት ኣሎ ግን ጥንቅቕ ኢልካ ክትሓዝ ዘለዎ ኣገዳሲ ስትራተጂያው ናይ ልምዓት ፕሮግራም'ዩ።

**ሕራይ ክቡር ፕረዚደንት ኣብ ናይ ትሕተ ቅርጺ፡ ብፍላይ ከኣ ናይ ጽርግያ መርበባት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብዙሕ ወይ ቀጻሊ ስርሓት ክካየድ ጸኒሑ። ሕጂ'ውን ናይ ቀረባን ናይ ርሑቕን ዓበይቲ መደባት ናይ ህንጻ ጽርግያ ይኹን ናይ ሓዲታትን ኣብ ሃገራዊ ማስተር ፕላን ተሳኢሉ'ዩ ዘሎ። እዚ ብዙሕ ወጻኢታት ዝሓትት መደባት'ዚ ብኸመይ'ዩ ክትግበር? ነዚ ንምትግባር ዘቤታዊ ዓቕሚ ኣሎ ድዩ? ተኽእሎ ናይ ምወላኸ ክሳብ ክንደይ'ዩ?**

= ሓደ ካብቶም ሸውዓተ ናይ ትሕተ ቅርጺ ዓውድታት እንድዩ። ጽርግያ መሰረታዊ'ዩ። ጽርግያትት፡ ሓጽብታት፡ መንበሪ ኣባይቲን ህንጻታትን፡ ጸዓት ኤለክትሪክ፡ መራኸቢታት፡ መዐደኒ፡ ኩሎም እዚኦም ነንሓድሕዶም ዝጸላለዉ'ዮም። እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ኣይርሕቕን'ዩ። ጽርግያታት መትንታት'ዮም። ንሕርሻ፡ ንልምዓት፡ ሓጽብታት፡ ናይ ሓመድ ምዕቃብ መደባት፡ ከምኡ'ውን ንዝተፈላለዩ ካልኦት ጽላታት ኣገዳስነት ጽርግያታትን ብዙሕ መደረ ዝሓትት ኰይኑ ኣይርኣየንን'ዩ። ዝወረስናዮም ጽርግያታት

ኣለዉ። ጽርግያታት ኣብ ክልተ ከፊልና ክንርእዮም ንኽእል። ናይ ቅጥራን ጽርግያታት በብደረጅኦም ብዓይነት ግፍሕን ብዝሒ መስመራትን፡ ናይ ጸጸር ጽርግያታት’ውን ከምኡ በብደረጅኦም ኣለዉና። ምስ’ቲ ካልእ መደባት ልምዓት ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ደራኺ ልምዓት ስለ ዝኾነ ጽርግያታትን ምእታውን ልምዓትን ማዕረ ማዕረ ስለ ዝኸይድ ንእለቱ ለውጢ ዝረኣዮ’ዩ። ሕጂ ውዱእ ንድፊ ወይ ውጥን ኣሎ ኢልካ ምዝራብ ዝከኣል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ብተዓጻጻፍነት ዝተሓዝ ጉዳይ’ዩ። ብመሰረቱ ግን ኣብ’ቶም ዝወረስናዮም ወይ ዝጸንሑና ናይ ቅጥራን ጽርግያታት ተመርኲስና ንመጻኢ ንቐይሶም ናይ ልምዓት መደባትና ከነሳልጥ ኣይንኽእል ኢና። እዚ ጽርግያታት’ዚ መዓልቱ ዘብቅዐ ጽርግያታት’ዩ። ብዓይነት ብግፍሒ ይኹን ዝሓልፉሎም ከባቢታት ኣብ ግምት ብምእታው ሓደስቲ ጽርግያታት ክህልዉና ኣለዎም። ነቶም ዝወረስናዮም ኣብ ንጉሓፎም ማለት ኣይኮነን። ምስኣታቶም ዝተኣሳሰረ ልምዓትን ዕብየትን ስለ ዘሎ ከነማዕብሎም ንኽእልእ ኢና። ብዘይካኦም ግን፡ ሓደስቲ ጽርግያታት ክህልዉና ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብ’ዚ መዳይ ናይ ጽርግያትትን መገድታትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣነኣኢስካ ዘይረአ ናይ መስመር ባቡር ሕቶ’ውን ኣሎ። ምስ ዝሓቶ ጻዕሪ ምስ ቀዳምነታት ክስራዕ ስለ ዘይክእል ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ተወንዚፉ ኣሎ። ግን ተወዚፉ ዝተርፍ ኣይኮነን። እቶም ዓበይቲ መስመራት ቀዳማይ ደረጃ ጽርግያታት ዝበሃሉ በዚ ሕጂ ዘሎ ክኸዱ ኣይክእሉን። ስለ ዝኾኑ ካብ ገማግም ንዶብ ሱዳት ዘብጽሑና ጽርግያታት እንድሕሪ ኢልና ኣብ ባጽዕ ንኣስመራ ምናልባት ክሳብዚ በጺሕናዮ ዘለና ክንበጽሕ ንኽእል ኢና። ንነዊሕ እዋን ክዝረበሉ ዝጸንሐ ንምዕራብ ዝወረድ ጽርግያ፡ ብከረን ኣቢልና ንኣቑርደት ወሪድና ንባረንቱ ክንመጽእ ድዩ ዘዋጽኣና፡ ወይስ ካብዚ ብሊባን ሓበላ ወሪድና መንሱራ ኣቲና ኣቑርደት ከይድና ንባረንቱ ከይከኣተና ብወገን ሳዋ ወይ ፎርቶ ወገን ኣቢልና ናብ ዶብ ሱዳን ክንኣቱ? እዚ ጽርግያ’ዚ ኣገዳስነቱ ኣከራኻሪ ኣይኮነን። እንታይ ዓይነት ጽርግያ ክኸውን ኣለዎ? ክሳብ ክንደይ ስሉጥነት ክፈጥር ይኽእል? ኣብ ሓደ ኪሎ ሜትር ቶን ክንደይ ወጻኢታት ክግበረሉ ይኽእል? ንኹለን ናይ ጽዕነት መኻይን እንታይ ኣሳልጦ ክህብ ይኽእል? ንመጓዓዓዚ ሰባት ክትጥቀመሉ እንድሕሪ ኼንካ ክሳብ ክድነይ ኣሳላጥነት ኣለዎ? ምስ መልክዕ መሬትን ኣብኡ እተውፍሮ ጸጋታትን ክረአ ኣለዎ። ከም’ዚኣቶም ዝበሉ ጽርግያታት ዓበይቲ ጽርግያታት ክንብሎም ንኽእል። እዞም ዝጸንሑ ካብ ኣስመራ ንኸረን፡ ካብ ከረን ኣፍዓበት ናቕፋ፡ ካብ ኣስመራ ክሳብ ዓዲ ኳላን ክኒኡን፡ ሰንዓፈን ኪኒኡን. . . ዝኸዱ ኣለዉ። እዞም ጽርግያታት ምስ ጠለብ ናይ ናይ’ቲ ኣገልግሎት ክዓብዩ ዘለዎም’ዮም። በዚ ዘለዎም ዓይነትን ጽበትን ግን “ቅጥራን” ክትብሎም ኣይትኽእልን። ስለ’ዚ ነዚኣቶም ኣብ ግምት ኣእቲኻ ክትዛረብ ትኽእል። ካብ ባጽዕ ናይ ግድን ብመገዲ ጊንዳዕ ገይርካ ኣስመራ ክትመጽእ ዘይኮነ ስለምንታይ ካብ ፎሮ ወይ ዊዓ ተበጊስካ ብዓዲቐይሕ ኣቢልካ ንመንደፈራ ኣቲኻ ንባረንቱ ካብኡ ከኣ ንተሰነይ ዘይትኸይድ። እዚ’ኮ ንገዛእ ርእሱ መስመር’ዩ። ኣብ ውሽጢ ጋሽ ዘሎ ዝተፈላለየ ዕብየትን ኣገዳስነት ዘለዎ ናይ ቁጠባዊ ልምዓት ፕሮግራማት’ውን ጽርግያታት የድልዮ። ምስ ቑጠባ ምስ ካልኦት ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ መነባብሮን ኣገልግሎትን ኣተኣሳሲርካ ዘድልዩና ናይ ቅጥራን ጽርግያታት ብዙሓት እዮም። ካብ ገማግም (ባጽዕ) ክሳብ ቀሮራ፡ ካብ ባጽዕ ክሳብ ዓሰብ፡ ካብኡ ሓሊፍካ’ውን ክሳብ በዓል ጅቡቲ ዝኸይድ ጽርግያ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ኣገዳስነቱ ምስ ዝተፈላለየ ቁጠባዊ ንጥፈታት ዝተኣሳሰረ’ዩ። ክሳብ ዓቕሚ እትረክብ ብናይ ጸጸር ጽርግያ ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ። ኣብ መወዳእታ ግን ናብ ናይ ቅጥራን ጽርግያ’ውን ክትሰጋገር ኣለካ። ኩሉ ናይ ቅጥራን ጽርግያ ሓንሳብ ምስ ተዋደደ ኣኺሉዎ’ዩ ማለት’ውን ኣይኮነን። ዘሎ ናይ ጸጸር ጽርግያታት ናብ ቅጥራን ክተሰጋግሮ ኣለካ። ብመገዲ ጉልቡብ ንኣፍዓበት መጺኻ ንኸረን ከይኣተኻ ንምዕራብ ንበዓል ዛራ ገጽካ’ውን ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ብዙሕ ናይ ዕብየት ተስፋ ዘለዉ ቦታታት’ዩ። ጽርግያ ዝበሃል የብሉን። በዘን ዝጸንሓ ጽርግያታት ተጠዋዊኻን ምስ ከቢድ ክሳራታቱን ዝግበር ምንቅስቓሳት ዘዋጽእ ኣይኮነን። ናይ ጽርግያ መደባትና ብግዜን ዓይነትን ክንከፋፍሎን መደባት ክነውጻሉን ንኽእል። ወላ ኣብ’ቶም ናይ ሕርሻ ናይ መስኖ መደባት ልምዓት ጽርግያታት ክኣትውዎም እንተ ዘይክኢሉ ምህርቲ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ከተንቀሳቕስ እንድሕሪ ኮይናንካ ‘ሞ ተኸፋሊ ናይ መጉዓዓዚኡ ከቢድ እንተ ኾይኑ ብናይ ቀደም ጽርግያ ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ። ስለ’ዚ እቲ ዘወጻጽእ ጽርግያ እኹል ምኽንያት ተዋሂቡዎ ክስራሕ ክኽእል ኣለዎ። ኩሎም ናይ ቅጥራን፡ ጸጸር፡ ሓመድ ጽርግያታት በብደረጃኦም ተሰሪዖም ክሳብ ክንደይ ናይ ትግባረ ዕድል

ኣሎ? ሕጂ ናይ ወረቐት ስራሕ ይሰራሕ ክንብል ንኽእል። ገሊኡ ሓፈሻዊ ንድፊ ወይ ኣምራዊ (conceptual) ክኸውን ይኽእል፣ ገሊኡ ብደቂቕ ዝርዝራት ዝውጠን ክኸውን ይኽእል። ዝግባእ መጽናዕቲ ተኽእሎ ትግባረ ዝተገብረሉ ክኸውን ይኽእል፣ ኣብ መወዳእታ ግን፡ ኣብ ዘንቢልካ ብሃገር ደረጃ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ክህሉ ዘለዎ መርበብ ናይ ጽርግያታትን መገዲታትን፡ እንተላይ ኣብ ከተማታት፡ ክሊ ከተማታትን ውሽጢ ከተማታትን ጽርግያታት ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። እዚ ድማ ኣብ መስርሕ ምምዕባል ዘሎ'ዩ። ምናልባት ዝተወደአ ምሉእ መጽናዕቲ ኣሎ እንተ ዘይተባህለ ብውሑዱ ንመርሓ ጎደና ዝኸውን መጽናትታት ኣሎ። ጽርግያ ዘድልዮም ቦታታት ከኣ ፍሉጣት'ዮም። ኣበይ ኣበይ ኰን ናይ ቅጥራን ናይ ጸጸረ ናይ ሓመድ ጽርግያ የድሊ፡ ክትግምቶም ትኽእል ኢኻ። ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት እዋን ክንሰርሓሉ ዝጸናሕና እንታይ'ዩ? ቀዳምነታት ምስ ሰራዕካ፡ ኣብ ወረቐት ምስ ኣጻፈፍካዮን ምስ ኣዳቐቕካዮን፡ ናይ ወጻኢታቱ ግምት'ውን ምስ ወሰድካ ከመይ ገይርካ ትሰርሖ? ዝተራቐቐ መሃንድሳዊ ስራሓትን ከቢድ ዓቕምን ስለ ዝሓትት፡ ናይ ደገ ኩባንያታት ክተምጽእ ስለ ዘድሊ ድማ፡ መድረኽ ብመድረኽ ናይ ምትግባር ዓቕሚ ከተዕቢ ክትክእል ኣለካ። ብብዙሕ ጎድናዊ ወይ ድማ ብነንበይቱ ማዕዶ ክትርኦ እትኽእል ብልጫታት ኣለዎ። ናይ ምትግባር ተኽእሎን ዓቕምን እናዕበኻ ብዝኸድካ መጠን ግዜ ተሕጽር፡ ወጻኢታትካ ተውሕድ ነቲ እትደልዮ መደብ ከኣ ብኣድማዕነት ክትሰርሓሉ ትኽእል። ነቲ ናይ ቁጠባ ዕብየት፡ መነባብሮ ደረጃን ዓይነት ሂወትን ህዝቢ ተምጽኦ ለውጢ ዓቢ ብልጫታት ኣለዎ። ኣብ መብዛሕትኡን ሃገራት ከም ልምዲ ኣብ ርእሲኡ'ውን ብብዙሓት ናይ ደገ ኩባንያታት ብዝተፈላለየ መገዲ ዝድረኽ፡ ናይ ደገ ኩባንያታት ጥራይ ክሰርሓኦ ኣለወን። ሓቂ'ዩ "ኩሉ ዓቕምታት ኣለኒ" ክትብል ኣይትኽእል ኢኻ፡ ቀስ ብቐስ ግን ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃ ክትበጽሕ ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ ካብ ኣስመራ ብሊባን ሓበላ ንመንሱራ ክትወርድ እንተ ኼንካ፡ ኣዝዩ ከቢድ መሬት'ዩ። ባዕልና ክንሰርሖ ንኽእልን ኣይንኽእልን፡ ኣብዚ ሕጂ ዘለና ደረጃ ኼንና ክንግምግምን ዘይክንግምግም ንኽእል። ድሕሪ ዓመታት ምስ ሞያዊ ብቕዓት ተሞክሮን ኣወዳድባን ደረጃና እናዓበየ ምስ ከደ ምናልባት ክንሰርሖ ንኽእል። እዚ ሕጂ ዘድልየና ጽርግያታት ግን ሕጂ ክንሰርሖ ስለ ዘለና፡ ብዓቕምና እንድሕሪ ክንገብሮ ዘይንኽእል ኼንና ብኻልእ ዓቕምታት ክንገብሮ ንኽእል። ንጽገና ናይ ጽርግያታት ዝኣመሰሉ ብዓቕምና ክንገብሮም እንኽእል ናእሽቱ ናእሽቱ ጽርግያታት ግን ናይ ደገ ሓገዝ ዘሕትት ምኽንያት ኣለና ድዩ? ናይ ክብሪ ሕቶ ኣይኰነን እቲ ኣድካሚ ጎድንታቱ። "ባዕለይ ክገብር'የ፣ ባዕለይ ዓቕሚ ከጥሪ'የ" ክትብል ከለኻ፡ ትምህርቲ ትውስኽ፣ ሞያ ትውስኽ፣ ተመኩሮ ትውስኽ፡ ኣዋዳድባኻን ምሕደራኻን'ውን ስለ 'ተመሓይሽ ብልጫ ኣለዎ። እንድሕሪ ድኣ ናይ ደገ ትካላት ጥራይ ኰይነን ዝሰርሖ ግን ኣብ ኩሉ እተዳልዎ ናይ ጽርግያ ፕሮጀክትታት ዓቕሚ ክትድልብ ኣይትኽእልን ኢኻ። በቲ ሓደ ወገን ከኣ መልመሲ'ዩ። ስለ'ዚ ዓቕምኻ ፈሊጥካን ከየጋነንካን፡ ኣበየናይ እዋን፡ ነየናይ ዓይነት ጽርግያ ባዕልኻ ክትሰርሖ ከም እትኽእል ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ። እተን ዘለዋና ሰገን፡ ብድሆ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣስቤኮ እንብለን ዓበይቲ ናይ ትሕተ ቅርጺ ኩባንያታት ዳርጋ ተመኩሮ ኣዋህሊለን ኣለዋ። ተስዓ ሰማንያ ሚእታዊ ናይ'ዞም ዝዛረበሎም ዘለኹ፡ ባዕላተን ከተግብራኦ ይኽእላ'የን። ድሕሪኡ ዝመጽእ ናይ ጸጋታት ሕቶ'ዩ። ናይ ጸጋትት ሕቶ ማሺነሪ'ዩ። ዓሚ ቅድሚ ዓሚ ዘእተናዮን፡ ንድልቦ ዘለና ተመኩሮን፡ ብኹሉ ዓነይነት ማሺነሪታት፡ ብኹሉ ዓይነት ናውቲ ንናይ ምትግባር ዓቕምና ኣብ ክብ ዝበለ ደረጃ ኣብጺሕዎ ኣሎ። እቲ ካልእ ናይ ጥረ ንዋት ጉዳይ'ዩ፡ ቅጥራን፡ ጸጸር ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ፡ ዘንጊ ሓጺን ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ። ሲሚንቶ'ውን ዝከኣለካ ከተፍሪ ክትክእል ኣለካ፡ ጽርግያታትን ምስ ጽርግያታት ዝኸዱ ዝተፈላለዩን ቅርጽታት ክትሰርሕ እንድሕሪ ኼንካ፡ ናይ ኩባንያታትን ሞያውያንን ተመኩሮ ዘለዎምን ሰባት ናይ ማሽነሪ ሓይሊ ጥራይ ዘይኰነ፡ ናይ ህንጻ ጥረ ንዋት ዓቕሚ'ውን ክህልወካ ኣለዎ። ነቶም ጽርግያታት ብግቡእ ክትሰርሖም እንድሕሪ ኼንካ። ምናልባት ካብ'ቶም ዘተኣታተናዮም ናይ ኣለቡ ድልድል፡ ናይ ተኾምብያ ድልድል፡ ናይ ሰለሙና ድልድል፡ ገዚፍ ኣይኰነን። ግን ብዓቕሚ እንተ ርኢናዮ፡ ንዕኡ ክትሰርሖ ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ናይ ደገ ኣእቲኻ ኣእዳውካ ምስ ኣጽረኻ ኣብ ዝኾነ ቦታ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ። እቶም ክነተኣታትዎም ዝጸናሕና፡ ምስ ጽርግያን ምስ ጽርግያ ዝተኣሳሰሩ ቅርጽታትን ክንሰርሖም እንኽእል ብድምር እንተ ርኢናዮ ናይ ምትግባር ዓቕምና ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ በዚሖ ኣሎ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ኣብ መወዳእታ ኩሉ ግዜ ዝመጽእ ምወላ ኢዩ። ብሃገራዊ

ባጤራ ትምውሎ ኣብ ውሽጥኻ ባዕልኻ ትኅሳጉሶ ጸጋታት’ዩ። ብናይ ወጻኢ ሸርፊ ክትምውሎም ዘለካ ክፋላት ናይ’ቲ ፕሮጀክትታት ከኣ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ጽዕነትን ሓላፍነትን ኣለዎም። እዚኦም’ውን ኣብ’ቲ ጸጋ ዝኣትዉ’ዮም። ከይድካ ከይድካ እዚ ኩሉ ጸጋትት ምስ ኣከብካ ግን ሓደ ምስጢር ኣሎ፡ ደም’የ ዝብሎ ኣነ። መትንታት ናይ ደም ዘይኰነ ደም ንኹሉ ኣካላት ነዳዲ’ዩ። ነዳዲ ብናይ ወጻኢ ሸርፉ ሸሚትካ ስለ እተምጽኦ፡ ኣብ ኩሎም ናይ ጽርግያታትን መገድታትን መደባት፡ ኩሉ እቲ ዘድልየካ ካልእ ጸጋታት ምስ ኣከብካ ክትሰርሕ ዘይክትሰርሕ፡ ናይ ትግባረ ሰሌዳ ከተውጽእን ዘይከተውጽእን ክሳብ ክንደይ ነዳዲ ከተቕርብ ትኽእል። ኩሉ እቲ ዘለካ ጸጋታት ተዋህሊሉ ብዝድለ ናህሪ ንቕድሚ ክኸይድ እንድሕሪ ኮይኑ ሰገጥ ዘብለካ ናይ ነዳዲ ወጻኢታት’ዩ። እዞም ከነካይዶም ዝጸናሕና ምስናይ’ቲ ዕብየቶም ናህሪ እናወሰኹ ብዝኸዱ ሃልኪን ጠለብን ናይ ነዳዲ እናዓበየ ስለዝመጽእ ኣብ ካልእ ጽላታት ናይ ቁጠባ’ውን ጸቕጥታት ስለ ዝፈጥር  እዋ ሰገጥ ክንብል ኣለና።  ኣከያይዳና ከነማዓራሪ ክንክእል ኣለና። ብቕዓትን ትግባረን ከነመሓይሽ ኣለና። ምኽንያቱ ዘሎ ጸጋታት  ድሩትነት ኣለዎ። ክንጥቀመሉ’ውን ድሩትነት ኣሎ። ስለ’ዚ እቲ ንድፊን ሓፈሻዊ ውጥንን ወይ ኣምራዊ ውጥንን ንዕኡ ንምትግባር ዘውጻእካዮ ናይ ግዜ ሰሌዳ ዘለካ ዓቕሚ ትግባረን ነንሓድሕዶም ተወሳሲቦም ዝኸዱ’ዮም። ክሳብ ሕጂ ከይድናዮ ዘለና ጸጋታት ዝኣክል ኣለና። ከም ድላይና ክንንህር፡ ከም ድላይና ከነተግብሮም ግን ነዳዲ ኣለና ድዩ የብልናን፡ ክንደይ ነዳዲ ክንሽምት ንኽእል? ኣብ  ጸዓት እንተ መጺእና፡ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ሓደ ካብ’ቶም ዓበይቲ ጸገማት ናይ ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት። ኣብ ትሕተ ቅርጻዊ መደባት ናይ ጽርግያታትን ምስኦም ዝተኣሳሰሩ ካልኦት ናይ ትሕተ ቅርጺ ፕሮግራማትን፡ ምስ ናይ ኣባይትን ኣገልግሎታዊ ህንጻታትን ኣተኣሳሲርካ ትርእዮ’ውን ሲሚንቶ’ዩ። ሲሚንቶ ሓደ ስትራተጂያዊ ሃላኺ’ዩ። ኣገዳስነቱ ተረዲኡና ብኣጋ ዝተተኽለ ፋብሪካ ኣሎ? እንተ ኾነ ግን 24 ሰዓት ከስርሖ ዝኽእል ኤለክትሪክ ስለ ዘየለ  እቲ ፋብሪካ ኣይሰርሕን’ዩ ዘሎ። ስለ’ዚ ጸዓት ሓደ ካብ’ቶም ኣገደስቲ ረቛሒታት’ዩ።  ወላ እቶም ሸውዓተ ቀንዲ ዓውድታት ትሕተ ቅርጺ ኢልና ኣቕሚጥናዮም ዘለና’ውን፡ መሰረታውያን ወይ ስትራተጂያውያን ዝበሃሉ ጸጋታት ከተማልኦም ክትክእል ኣለካ። ሲሚንቶ ካብ ደገ ክትሸምትን ባዕልኻ ኣፍሪኻ ንዝደለኻዮ ፕሮጀክት ከተቕርብን ፍልልዩ ዓቢ’ዩ። ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ብኹሉ ኩሉ ሓፈሻዊ  መረዳእታ ናይ ጽርግያታት መደባትና ኣምራዊ ውጥን፡ ናይ ግዜ ሰሌዳ፡ ናይ ጸጋታት ምጉስኳስ፡ እንተላይ ናይ ምትግባር ዓቕምና፡ ኣብ ድሓን ኩነታት ኣሎ። ግን ጥንቅቕ ኢልካ ክትሓዝ ዘለዎ ኣገዳሲ ስትራተጂያው ናይ ልምዓት ፕሮግራም’ዩ።

- **ፕረሲደንት ንወደባትን ማርሳታትን ከምኡ’ውን ማዕርፎ ነፈርቲ መሳለጥያታትትን ኣገዳስነቱ ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት ርዱእ እዩ። ኣብዚ መዳይ’ዚ ዝጸንሐ ትሕተ ቅርጺ ንምዕባይ ከምኡ ውን ሓደስቲ ማርሳታትን መዕልቦታትን ንምውሳኽ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ዝተታሕዘ ወይ ክካየድ ዝጸንሓ ስርሓት ኣሎ ድዩ? እዞም ትሕተ ቅርጽታት እዚኣቶም  ንዘቤታውን ዞባውን ኣገልግሎት  ብቑዓት ንወፍርን ንግዳውን ንጥፈታትን ዓደምቲ ንምግባሮም ዘድሊ ተወሳኺ ስርሓት ዝሎ ውጥን እንታይ ይመስል መብርሂ ክትህበና? እዚ ገዚፍ ማእን ጸዓትን ዝፈሰሶ ናይ ናጻ ዞባታት’ውን ኣሎ’ሞ ምስ’ቲ ናይ ወደባት ኣጠቓሊልካ ክትምልሰልና፡**

ወደባት ኣለና ኢልና ክንዛረብ ዝከኣል ኣይኰነን። ክንደይ ዓመታት ገይሩ ኣሎ?  ምናልባት ካብ ናጽነት ጀሚሩ ቀዳሞት ቀዳምነታት ባጽዕን ዓሰብን እየን። እዘን ክልተ ወደባት ቀደም ተደኲኖም ስለ ዝጸንሑ’ሞ ክንጥቀመሎም ስለ ዘለና ዘይኰነስ ብጆግራፍያዊ ኣቀማምጥኦምን ኣገዳስነቶምን ካልእ ምህዞ ክትምህዝ ስለ ዘይከኣል’ዩ።   እዞም ወደባት እዚእቶም ክንዮ ከም መእተዊ ንዘቤታዊ ረብሓን ሰደድ ንምምጻእን ኣግፈሕና እንተ ተዛረብናሎም፡ ከም’ዚ ዘይዓቕምና ንምጠጥ ከይንመስል ኢልካ ክትዛረብ ትኽእል። እዚ ግን ኣዝዩ ጸቢብ ጂኦግራፍን ኣዝዩ ጸቢብ ቁጠባን’ዩ። ንዕኡ ጥራይ ንበይኑ ክትሓስብ ኣይትኽእልን ኢኻ። እዞም ወደደባት እዚኣቶም ኣገዳስነቶም ኪኖ ዞባዊ ኣገልግሎትን ረብሓን’ዩ ክኸይድ። ፈቲኻ ኣይፈቲኻ ናይ ሕርያ ጉዳይ ኣይኮነን ናይ ግድን እዞም ክልተ ወደባት እዚኣቶም ክዓብዩ ኣለዎም። ምስ ዓሰብ ብዙሕ ዘረባታት ይዝረብ እዩ። ግን ኣነ ፖለቲካ’የ ዝብሎ። ስለምንታይ ኣብኡ ብዙሕ ክከራኸር ኣይደልን’የ፡ ግና ዓሰብ ክትዓቢ ኣለዋ። ምናልባት  ምስ ኢትዮጵያ

ናይ ኲናትን ናይ ዶባት ጸገም ስለ ዘሎ ንኢትዮጵያ ጥራይ’ያ እተገልግል ዝብል ኣተሓሳስባ ለይህሉ። ዓሰብ እንተ ዓብያ’ኮ ዞባውን ዓለማውን ኣገልግሎት ኣለዋ። እንድሕር ናይ ብሓቂ ከም ኣገልግሎት ወሃቢት ኮይና ክትዓቢ ኮይና፡ ክሳብ’ቲ ክትዓብየሉ እትኽእል ዓቐን ክትዓቢ ክትክእል ኣለዋ። ምስ ዘሎ ሓደ ሓደ ናይ ፖለቲካን ናዩ ጸጥታን ግምታት ሰገጥ መገጥ ትብለሉ ነገር ኣይኰነን። ስትራተጅያዊ ፕሮጀርክት እዩ። መዓስ ተተግብሮ ከመይ ገርካ ተተግብሮ ግን ካልእ ኣርእስቲ እዩ። እዚ ሕጂ ዘሎ ወደብ ዓሰብ “ወደብ” ኢልካ ክትዛረበሉ ዝከኣል ኣይኰነን። ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝነበሮ ኣገዳስነት ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ከይተቐየረ ወይ ከይተመሓየሸ ከም ዘለዎ ክኸውን ኢልካ ትሓስቦ ወደብ የለን። በዝን በትን እናተጻገምካ ይኸይድ ኣሎ። ይትረፍ ንዞባውን ዓለማውን ኣገልግሎታት ዘገልግል ትሕተ ቅርጺ ኣለና ኢልና ክትዛረብ፡ ንዞባዊ ኣገልግሎት ዝበቕዕ ትሕተ ቅርጺ’ውን የለን ። እዞም ወደባት እዚኣቶም ንኽኣሎም ኣይንኽኣሎም ነርከበሉ ኣይንርከበሉ ሓደ ዝተጸንዐ ውጥን ኣለና፡ ናይ ውዕል ሰነድ ኣለና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ወላ ወረቐቶም ተጻፊፉ እንተ ሃለወ መዓስ ኢና ከነተግብሮም እዞም ወደባት እዚኣቶም ወላ ወረቐቶም ተጻፊፉ ተወዲኡ እንተ ሃለወ፡ ኣብ ምትግባር ግን ምስኣቶም ዝኸይድ ናይ ጸዓት፡ ናይ ኤለክትሪክ፡ ናይ ማይ ጠለብ ኣሎ. . . ። በቲ ዝኣክል ዓቐን ክገፍሑ እንድሕሪ ኰይኖም ማዕረ ማዕሪኦም ዝኸይድ ማዕልቦ ነፈርቲ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ብዓቐን ክህብዎ ዝኽእሉ ኣገልግሎታት ኣብ ክሊ ናይ’ቶም ወደባት ትሕተ ቕርጺ ክህነጽ ኣለዎ። ወደብ ናጻ ዞባን መመስርሒ ዞባን ምኽኑ ብዙሕ ጥቕሚ ስለ ዘለዎ፡ ኣብ ኣስመራ መጺኻ ካብ እትሰርሖ ስራሕ፡ ኣብቲ ከባቢ ከይድካ ትሰርሖ ስራሕ ይበዝሕ። ስለ’ዚ፡ ወደብ ኢልና ክንዛረበሉ ከለና፡ ዝእንግድን ዘፋኑን ጥራይ ዘይኰነ፡ ናጻ ዞባ፡ ማእከል ንግድ፡ መመስርሒ ዝተፈላለየ ፍርያት፡ ከም ናይ ዓሳ፡ ናይ ሓጺን፡ ናይ ፕላስቲክ. . . ዝኣመሰሉ ኢንዱስትሪ ዋኒናት ኣብ’ቲ ከባቢ ክምዕብሉ ክኽእሉ ኣለዎም። በዚ መዳይ’ዚ፡ ናይ ባጽዕን ዓሰብን ውዱእ ወረቓቕቲ ኣለና። ንትግባረኦም ግን ዝሓጽሩና ነገራት ኣለዉ። ግና ደንጎየ ቀልጠፈ፡ ኣብ’ቲ ክበጽሕኦ ዝኽእላ ደረጃ ከነብጽሐን ክንክእል ኣለና። ብውሑዱ ድማ ትሕተ ቅርጺ። ብድሕር’ዚ ከም ወደባት ኣብ ኣገልግሎት ምስ ኣተዉ፡ ብናይ ቀይሕ ባሕሪ ደረጃ፡ ብናይ ዞባና ማለት ብናይ ማእከላይ ምብራቕ ደረጃ፡ ብናይ ምብራቕ ኣፍሪቃ ደረጃ. . . ተወዳደርቲ ወደባት ክኾኑ ድዮም “ነሀለ ጎልጎል ነሀለ ፈረስ” ይኸውን ሸዑ። ጽባሕ ንግሆ “የርብሑና ድየም ኣየርብሑናን፡ የኽስቡናዶ የኽሱሩና” ኢልና ክንዲ ምዝራብ፡ ትሕተ ቅርጺ ነዋድዶ። ከም ኣብነት፡ ናይ ባጽዕ ማዕርፎ ነፈርቲ ክስራሕ ከሎ፡ ዝተፈላለያ መወልቲ ትካላት “ኣየድልየኩምን እዩ፣ ዓቕምኹም ኣይኰነን” ይብላና ነይረን። ግን ወላ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣይንጠቀመሉ፡ እቲ መዕልቦ ነፈርቲ ተሰሪሑ። ቅሙጥ ጸጋና እዩ ድማ። ጽባሕ ንግሆ ንጥፈታት ክብገስ ምስ ጀመረ፡ ናይ ብሓቒ ኣገልግሎቱ ከበርክት’ዩ። ኣብ ወደባት ምስ እንመጽእ ግን ናይ ዓሰብ ኣገልግሎት ኤለክትሪክ የብሉን። ማይ’ውን የብሉን። እዞም ተታሒዞም ዘለዉ ፕሮጀክትታት ንምትግባር ድማ ምስ ቀዳምነታት ዝኸይድ እምበር፡ ምስ ቀለልቲ ኣገልግሎታት ዝርአ ኣይኰነን። ናይ’ዞም ክልተ ወደባት፡ ከም ተገዳስነት ካብ ነዊሕ እዋን ዝጸንሐ ኰይኑ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ግን ውዱእ ወረቓቕቲ ኣለናኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ወደባት ጥራሕ ግን ጥራሕ ግን ኣይኰኑን፣ ማርሳታት ኣለዉ። ካብ ዓሰብ ናብ በርዓሶለ ይኹን ንዕዲ፡ ንጢዖ፡ ገልዓሎ፡ ንዙላ፡ ንባጽዕ፡ ካብ ባጽዕ ንንው’ውን ክሳብ በዓል ተኸላይን ጫፍ ናይ ራስ ቄሳር’ውን ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ማእከሎትን ናእሽቱን ማርሳታት ክህልዉ ክኽእሉ ኣለዎም። ናይ ዓሳ ምግፋፍን ዝተፈላለዩ ካልኦት ንጥፈታትን ኣለዉ። ግድን ኩሉ ንጥፈታትና ኣብ’ዘን ክልተ ዓበይቲ ክልተ ወደባት ክሕጸር ዘለዎ ኣኡኰነን። ናይ ጽርግያታት ፕሮጀክት’ውን፡ ንኹሎም እዞም ክድኰኑ ዘለዎም ትሕተ ቅርጽታት፡ ከሊጋግቦም ክኽእል ኣለዎ። ምስኣቶም ለጊቦም ዝሰርሑ ዓበይቲ ማዕርፎ ነፈርቲ፡ ናይ መመስርሒ ትካላት. . . ኣብ ውሽጢ ኣቲ ውጥን ክኣትዉ ጥራይ ዘይኰነ ጨናፍር’ውን ክህልዎም ክኽእል ኣለዎ። ንዝተፈላለየ መዓላ ዝውዕሉ ሻንብቆታት ክዝርግሑ ኣለዎም። ምስ ናይ ገማግም ባሕሪ ናይ ልምዓት ፕሮጀክት፡ ምስ ሕርሻ፡ ምስ ከባብያዊ ኣገዳስነት ናይ’ቲ ቦታ፡ ምስ ጨው፡ ምስ ዓሳ፡ ምስ ኢንዱስትሪ፡ ምስ ሓጺንን ፕላስቲክን ከምኡ’ውን ምስ ካልኦት ዝተፈላለዩ ቴክኖሎጂታት ተኣሳሲሩ ክምዕብል ዘለዎ መትኒ እዩ። ዓሰብን ባጽዕን ንበይነን ከገልግላ’ውን ይኽእላ። እንድሕር ኢትዮጵያ ደልያ ክትጥቀመሉ ትኽእል እያ፣ ጅቡቲ ተደልያ ክትጥቀመሉ ትኽእል እያ፣ ኣብ ጎልጎል ክንቀዳደም ንኽእል ኢና። እዞም ናይ ወደባት ፕሮግራማት እዚኣቶም ግን ንጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ዝደናጎዩ ኣይኰኑን። ንእግረ መንገደይ ብዛዕባ’ቲ ናይ መዓልቦ ነፈርቲ ክዛረብ፡ እዛ ናይ ኣስመራ መዓልቦ ነፈርቲ፡ ከም መዓልቦ ነፈርቲ ትሓስባ ኣንተ ድኣ ሃሊኻ፡ ኣብኡ ተቐርቂርካ ክትተርፍ ጥራይ ኢኻ። እዚኣ መዓልቦ ነፈርቲ ኣይኰነትን። ኣቡኡ

ስለ ዝጸንሓና፡ ኣስመራ ድማ ርእሰ ከተማ ስለ ዝኾነት፡ ማእከል ስለ ዝኾነት ኢልና ክንዛረበላ ንኽእል። ግና ኣብ'ዚ ሃገር ልዕሊ ናይ ባጽዕ ብቐዳማይ ደረጃ ዝስራዕ መዓልቦ ነፈርቲ ክህሉ የብሉን። ስለ'ዚ ናይ ባጽዕ መዓልቦ ነፈርቲ፡ ምስ ኩሉ ዘድልዮ መሳለጥያታት ክዓብን ኣገልግሎት ክጅምርን ክኽእል ኣለዎ። ምስ ወደብ ጥራይ ተኣሳሲሩ ዘይኮነ፡ ምስ ንግድ፡ ምስ ኢንዱስትሪ፡ ምስ ቱሪዝም ተኣሳሲሩ መዓልቦ ነፈርቲ'ውን ምስኡ ክዓቢ ክኽእል ኣለዎ። ንኹሉ ክነካይዶ ዝጸናሕና ናይ መጓዓዝያ ኣየር ፕሮግራማት፡ ካብ ዘፍሽሉ ጠንቕታት ሓንቲ ኣስመራ'ዩ። ናይ ቴክኒክ ኪኢላታት ብዙሕ ክዛረብሉ ይኽእሉ ይኾኑ፣ ግን ንዝኾነ ናይ ኣየር መጓዓዓዚ ዋኒን ካብ'ቶም ዘዐውትዎን ዘየዕውትዎንሓደ እንታይ እዩ? እንድሕር ኢልካ፡ ሃልኪ ናይ ነዳዲ'ዩ። ሓንቲ ነፋሪት ካብ ኣስመራ ክሳብ ትብገስ ጥራይ ተሕርሮ ነዳዲ፡ ኣብ ባጽዕ ኣይተሕርርን'ያ። ካብ ኣስመራ ክትትስእ እንተ ድኣ ኰይና እንጽዕኖ ሰብ ይኹን ንብረት ክንድቲ ኣብ ባጽዕ ትጽዕኖ ኣይኰነን። ምናልባት ናይ ቴክኒክ ኪኢላታት ከዳቕቕዎ ይኽእሉ ይኾኑ እዮም። ግን ኣስመራን ባጽዕን ወይ ኣስመራን ዓሰብን ኣወዳዲርካ፡ መዓልቦ ነፈርቲ ኣስመራ ገጅፍ ዞባውን ኣህጉራውን ኣገልግሎት ክህብ ኣይክእልን እዩ። ዝተፈላለዩ ንክሊማን ንካልእን ዝምልከቱ ነገራት ክሕሰብ ይከኣል'ዩ። ግን ኣብ ምዕባይ መዓልቦ ነፈርቲ፡ ብቐዳማይ ደረጃ ክስራዕ ዘለዎ ናይ ባጽዕ፡ ብካልኣይ ደረጃ ናይ ዓሰብ፡ ሳልሳይ ደረጃ ናይ ተሰነይን ከባቢኡን'ዩ። ናይ ኣስመራ ምናልባት ኣብ ራብዓይ ወይ ሓሙሻይ ደረጃ ይመጽእ ይኸውን። ንሰሜን ዝጥምት፡ ንምዕራብ ዝጥምት፡ መጠነ ሰፊሕ ወይ ዓበይቲ መዓልቦ ነፈርቲ ዘይኰኑስ፡ ምጡን ጽዕነት ከጓዓዕዝ ዝኽእሉ ካልኦት ማዓልቦታት'ውን ክህልዉ ይኽእሉ። ንኣብነት ናይ ሳዋ መዓርፎ ነፈርቲ፡ ሕጂ ኣይንጥቀመሉን ኢና ዘለና። ግን ኣብ ዝኾነ እዋን ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። ኣብ ተሰነይ'ውን ናይ ጸጸር መዓልቦ ነይሩ፡ ሕጂ ግን የለን። ብሓቂ ግን እብ'ቲ ከባቢ ግቡእ ናይ ኣየር መሳለጢ መጓዓዝያ ክህሉ ኣለዎ። ትሕተ ቅርጺ መዓልቦ ነፈርቲ፡ በዚ ሕጂ ዘሎ እንተ ድኣ ንሓስቦ ኣለና፡ ኣብኡ ከርዚዝና ክንተርፍ ጥራይ ኢና። ናይ ብሓቂ ሃገር፡ ዞባን ዓለምን ዝጠልብዎ ትሕተ ቅርጽን ኣገልግሎታትን ክንበቅዕ ኢና ኢልና ንሓስብ እንተ ድኣ ሃሊና፡ በዞም ዘለዉ ጥራይ ክንከይድ ኣይንኽእልን ኢና። ብኸመይከ ከም ዝበቕዑ ክንገብሮም ኢና። ውጥን ኣለና። ከመይ ገይርናኸ ክንትግብሮም ኢና። ሕጂ ብናትና ዘቤታዊ ዓቕሚ ከነተግብሮም ኢልና ክንሓስብ ኣይንኽእልን ኢና። ብዙሕ ናይ ወጻኢ ጸጋታት፡ ናይ ወጻኢ ዓቕሚ፡ ክእለት፡ ሞያ፡ ዝሓቱ ስለ ዝኾኑ፡ ሰለይ እናበልናን እናተለማመድናን ክንከይድ ንኽእል። ኣብ ትግባረ፡ ሰብ ረብሓ መጺኦም ነቲ እነዋድዶ ትሕተ ቅርጺ ምሳና ሓቢሮም ክጥቀሙሉ ክኽእሉ ኣለዎም። ንሕና'ውን ምስኣቶም ሽርክነት ኣቲና ክንሰርሕ ክንክእል ኣለና። ኣብ ዞባውን ዓለማውን መርበብ ናይ ወፍሪ ክንከይድ እንተ ድኣ ኼንና፡ ኩሉ ነገር በይንና ክንገብሮ ኣይንኽእልን ኢና። ኣብ ናይ ወደባትን መዓልቦ ነፈርትን፡ ሓፈሻዊ ጽቡቕ ድሌት ጥራይ ዘይኰነ፡ ናብ ትግባረ ክንከይድ እንተ ድኣ ደሊና ምስና ዝላፈኑ፡ ዝሻረኹን ዝተሓጋገዙን ዝተፈላለዩ ናይ ብሕቲ ወይ ናይ ሃገራት ትካላት ኣብኡ ኣትዮም ከም ዝሰርሑ ክንገብር ስለ ዘለና ጥሙር ትሕተ ቅርጻዊ ናይ ልምዓት መደብ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ምኽንያቱ ብሕርያና ንውድኦ ዘይኰነስ፡ እቲ ቦታ ንገዛእ ርእሱ ዝውስኖ እዩ። ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኢና ዘለና። ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ስለ ዘለና፡ ነቲ ቦታ፡ ነቲ ህልዊ ኩነታት ንገዛእ ርእሱ ክንጥቀመሉ እንታይ እንታይ ኣገልግሎታት ከነቕርብ ኣለና? ነቲ ኣገልግሎታት ዝበቅዕ ትሕተ ቅርጺኸ እንታይ ክመስል ኣለዎ? ኢልና ክንሓስብ ሕርያና ዘይኮነ'ስ ግድነት'ዩ። እዚ ቀዲመ ዝጠቐስክዎ ጸጋታት ምስ ተማልአ ክስራሕ ዘለዎ እዩ። ንዘይተወሰነ ግዜ ክደናጎን ክውንዘፍን ዘይብሉ'ዩ። ምስ ካልኦት እዋናውያን ቀዳምነታትና እንብሎም ወይ ኣብ መንጎ ግዜ የድልዩና እዮም እንብሎም ኣጽኒሕና ናብኦም ክንከይድዶ የወጻጽኣናስ፡ ወይ ንዓኣቶም ኣደንጉና፡ ነዚ ከነስልጥ ኢልካን ኣመዛዚንካን ዝርአ ጉዳይዩ። ከም ሓሳብ ግን ካብ'ዚ ዝበልክዎ ዝወጽእ የለን። እዞም ወደባት'ዚኣቶም ትማል ክሰርሑ ዝኽእሉ ነይሮም እንተ ዝኾኑ ኣይመናሕሰናሎምን። ዓቕሚ እንተ ዝህልወና ንድሕር ጽባሕ ኢልና ከነደናጉዮም ዘይንደሊ ፕሮጀክትታት'ዩም።

**ተዋዲዱ ዘሎ ናጻ ዞባን ምስዚ ክትጠቕሶ ዝጸናሕካ መደባት ምስ ምስፋሕ ይኹን ምስ ምህናጽ ናይ ወደባት'ሲ ብኸመይ ይጠዓዓም?**

= እቲ ናጻ ዞባ ኣምራዊ'ዩ እየ ዝብል። ከም ሓሳብ ከም ፖሊሲ ንዕኡ ዘድሊ ኣዋጃት ምውዳድ ቀስ ብቐስ ከኣ መድረኽ ብመድረኽ ከምዝዓቢ ክትገብሮ ክትሓስብ ክትክእል ኣለካ። እዚ ግን ንበይኑ ናጻ

ዞባ ብዘይ እዞም ክጠቕሶም ዝጸናሕኩ ትሕተ ቅርጻዊ ፕሮግራማት ተዛሚዱ ክኸይድ ኣይክእልን'ዩ። ቀሊል ሕቶ ሓደ ከውፍር ዝደለየ ንባዕጽ ከም ቦታ (ሎከሽን) ክጥቀመላ እንድሕሪ ደልዩ ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ብቑዕ ኣሎ ድዩ? ማይ ኣሎ ድዩ? ካልኦት ዝተፈላለዩ ንመራኸቢታት ንመጎዓዓዚ ናይ ባሕሪ ናይ ኣየር ናይ ምድሪ መሳለጢያታት ኣለዉ ድዮም? ንእሽቶ ፋብሪካ ንእሽቶ ዋኒን ክኸፍት እንተደልዩ ከም ኣብቲ ናጻ ዞባ ማለት'ዩ ኣሎ ድዩ እቲ መሳለጢያታታት? ንብረት ውን ከገዓዕዝ ሓፈሻዊ ንግድቲ ኣቕሑ ተምጽእ ትሸይጥ ተሰጋግር ከም ማእከል'ውን ክጥቀመላ እንድሕሪ ደልዩ ኣለዋ ድዩ? ሕጂ ከም ኣምር ሕማቕ ኣይኮነን። ናጻ ዞባ ናይ ብሓቂ ኣሎ ኣብኡ መስሪትና ኢና ኢልካ ክትዛረብ ግን ካብ ክውንነት ዝረሓቐ'ዩ። እዚ ማለት ስለዘየለ ፈቲንና'ውን ክንደይ ዓመታት ኣዋጅ ኣውጺእና ክንሰርሕ ጀሚርና ፋይዳ ኣይረኸብናሉን'ሞ ነዋድቆ ኢልካ ተዋድቖ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንበይኑ ናጻ ዞባ ስለዝኣወጅካ ፖሊስታትካ ስለዘመዓራረኻ ነውፈርቲን ነጋዶን ሰብ ዋኒንን ክትስሕብ ወይ ስሕበት ክትፈጥር ኢልካ ዘዋደድካዮ ሃዋሁው ንግብራዊ ናይ ናጻ ዞባ ዓቕሚ ኣጥሪዩ ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን። ንገዛእ ርእሱ ንናትና ዓቕሚ ክንሰርሓሉ ኣይከኣልናን። ሓደ ሓደ ናእሽቱ ትካላት ተተኺሎም ኣለዉ፡ ብኻልእ መኣዝናት ምናልባት ምርኣዩ ክብድ ይብል ይኸውን፡ ብዙሓት ዝተሓላለኹ ጉዳያት ስለዘለዎ። ዓሳ ጥራይ ኢልና እንድሕር ንሓስብ ኣሊና ኮይንና ወይ ናይ ሃገር ምህርቲ ኣሎ'ሞ ብባጽዕ ገይርና ንሰደድ ከነዋድዶ ኢና፡ ወይ ብባሕሪ ወይ ብኣየር ኢልና እንድሕሪ ንሓስብ ኮይንና ናይ መሬት መጓዓዚ ዓቕምና ክሳብ ክንደይ ደረጃ ኣሎ፡ ናይ ኤለክትሪክ መመንጨዊ መደበር እንታይ ክገብር ይኽእል የለን፡ ናይ ማይ ቀረብ ኣብቲ ከባቢ'ውን ዘተኣማምን ኣይኮነን፡ ዓሳ ገፊፍና ካብ ኩለን እተን መበገስን መእከብን ነቑጣታት፡ ናይ ዓሰብ ምናልባት ናቱ ናይ ገዛእ ርእሱ ከባቢ ኣለዎ ኢልካ ክትዛረብ ትኽእል። ካብኡ ንነጀው ግን ኣብ ከባቢ ባጽዕ ዓሳ ኣዝሒልካ ኣብሪድካ ዓሺግካ ንደገ ክትሰዶ ወይ ከኣ ፍረሽ ከም ዘለዎ ንደገ ክትሰድድ ዘኽእል መሳለጢያታት ኣሎ ድዩ? ኣብዚ ከምዚ ኣለና፡ ኣብዚ ከምዚ ኣለና፡ ክብልካ ይኽእል'ዩ፡ ግን የለን ንገዛእ ርእሱ እቲ ናይ ምግፋፍ ዓቕሚ'ውን የለን፡ እቲ ምስኡ ዝኸይድ ኣገልግሎታት ዝቕርብ ዓቕሚ'ውን የለን ካብኡ ንሰደድ ዝኸይድ ዓሳ ከም ናይ ናጻ ዞባ ሰደድ ኢልካ ወሲድካ'ውን ብዙሕ ክትሓስብ ትኽእል። ናጻ ዞባ ጽቡቕ ሓሳብ'ዩ መሳጢ ጥራይ ዘይኮነስ ከም ኣምር ክትግበር ዝኽእል ሓሳብ'ዩ። ግን ንዕኡ ኣብ ሓደ ብቑዕ ደረጃ ከብጽሖ ዝኽእሉ ክማልኡ ዘለዎም ብዙሓት ነገራት ከምዘለው ክንርስዕ የብልናን። ናጻ ዞባ ስለዝኣወጅና ናጻ ዞባ ኣሎ ማለት ኢልና ክንሓስብ ኣይንኽእልን።

**ሕራይ ኣቕድም ኣቢልካ ብዝተፈላለየ ጉዳይ ክትተናኽፎ ጸኒሕካ ኣለኻ፡ ንሱ ከኣ እዚ ናይ ጸዓት ጉዳይ'ዩ። ኣብዚ ጽላት'ዚ ዘሎ ዓቕሚ ውሑድ'ዩ። ምስቲ ዘሎ ዋሕዲ ከኣ ብፍላይ ኣብ ኣፍረይቲ ዋኒነ ትካላት ቁሩብ ሃስያ ጸኒሑዎ'ዩ፡ ማሕንቖ ኮይኑ ኣሎ። ስለዚ ነዚ ዘሎ ጸገማት ፈቲሕካ ንሓዋሩ ንዕብየት ቁጠባ ክድርኽ ዝኽእል ዓቕሚ ብሃገር ደረጃ ንምዕባይ ተታሒዙ ዘሎ ውጥን ብዝምልከት እንታይ መብርሂ ክትህበና ትኽእል?**

= እወ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ማሕንቖ ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት ኣገልግሎት ኤለክትሪ'ዩ። ጸዓት ምስኡ ኢልካ ክትዛረብ ትኽእል፡ ነዳዲ ኢልካ'ውን ትክዛረብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ኣገልግሎት ናይ ኤለክትሪክ ክጅምር ከሎ ምናልባት ምስቲ ውስጠ-ልጉብ (ኢንተር ኮነክትድ) ዝብሎ ንኣዚዩ ጸቢብ ከባቢ ናይዛ ሃገር ዘገልግል መርበብ'ዩ ጸኒሑ። ዋላ እቲ ግሪድ ንገዛእ ርእሱ ዝርግሐኡ በቲ ቀደም ንርእዮ። ንሱ'ውን መዓልቱ ዝበልዐ መርበብ'ዩ ነይሩ። ፈለማ ክጅምር ከሎ እቲ ስማዊ ብቕዓት ናይቲ ዓቕሚ ካብ 120 ሜጋ ዋት'ውን ዝሓልፍ ኣይነበረን። ንናይ ሃገር ምሉእ ጠለባት የማልእ ድዩ ነይሩ ሽዑ እንተኢልና ኣየማልእን'ዩ ነይሩ ሽዑ። ንናይ ኣባይቲ ኣገልግሎት (ንመብራህቲ) ንኻልኦት ፈኮስቲ ፈኮስቲ ኣገልግሎታት እንተዘይኮይኑ ከቢድ ጽዕነት ዘለዎም ዝተፈላለዩ ዋኒናት ወይ ንጥፈታት ከተካይደሉ ትኽእል ኣይኮነን። ግን ብመድረኽ እናዓበየ ክኸይድ ይኽእል'ዩ ተባሂሉ'ዩ ተተኺሉ። ሕጂ ብፍርቁ ዓቕሙ ይሰርሕ ኣሎ ኢልና'ውን ክዛረብ ኣይንኽእልን ኢና። ናይ ናብዮት ወይ መይንተናንስ ጸገም ኣሎ፡ ናይ ቅያር ይኹን ናይ ምዕራይ ሽግራት'ውን ጸኒሑዎ'ዩ። እዚ ሕጂ ኩሉ ግዜ እንርእዮ መብራህቲ ጠፊኣ፡ ኤለክትሪክ ተበቲኹ ከምዚ ኮይኑ ከምዚ ኮይኑ ዝበሃል ናይ ኢቲ ትካል ዓቕሚ ኣብ ምንታይ ደረጃ ከምዘሎ ዝገልጽ'ዩ። እቲ ዝርግሐ ንገዛእ ርእሱ፡ እቲ መርበብ ማለት'ዩ ንውሱን ከባቢታት'ዩ ዝምልከት። ንምዕራብ እንተከይድና ካብ ኦሙሓጀር ናብ ተሰነይ ሃይኮታ ኢልና ዋላ ናብ በዓል

ኣቑርደትን ባረንቱን ሓዊስና እንተሪኢናዮ መጢጥካ መጢጥካ ዝግበር ዘሎ ዝርግሐ ናይ መርበብ'ዩ'ምበር እዚ ሕጂ ዘሎ መመንጨዊ ጉልበቱ ኣዝዩ ዝተደረተ'ዩ፡ ናብኡታት'ውን ክበጽሕ ኣይክእልን'ዩ። ሕጂ ብሃገር ደረጃ ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ወይ ናይ ጸዓት ቀረብ ነቲ ዝድለ ማዕረ'ቲ ጠለብ እናማዕበለ ክኸይድ እንተኮይኑ ሓደ ውጥን ክወጽእ ክኽእል ኣለዎ። ሕጂ ዝግበር ዘሎ ናይ ቅልውላው ምሕደራ'ዩ። ነቲ ዘሎ ጸገም ከመይ ገይርካ ትሰግሮ ጥራይ'ዩ። እዚ ከኣ ቴክኒካዊ ሽግራት ኣለዎም፡ ምናልባት ኣብኡ ዘለዉ ሰባት ክገልጽዎ ይኽእሉ ይኾኑ ግን ስለምንታይ'ዩ ብምሉእ ዓቕሙ ዘይሰርሕ ዘሎ እንድሕሪ ኢልና ካብ ናይ ናብዮት ድዩ ካብ ካብ ቅያር ኣቕሑ ስእነት ድዩ ኣብ ምንታይ'ዩ ንሱ መግለጺታት ኣለዎ፡ እዚ ግን ይፈታሕ። ዋላ ንሱ'ውን እንተተፈትሐ እቲ ሽግር ተማሊኡ ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና። ወሰኽ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ናብ ክንድዚ ክንድይብ ኢና። ካብ 120 ሜጋ ደሚርካ ደማሚርካ ስማዊ'ውን ኢዩ እዚ ናብ 200፡ 300፡ 400፡ 500 ሜጋ ዋት ክትከይድ ትኽእል ዲኻ ነዚታት እንድሕሪ ክትሓስብ ኮይንካ ኩሎም'ቶም ደረቲ ዝበሃሉ ረቛሒታት ብግቡእ ኣጽኒዕካ መድረኻዊ ዝኾነ ዕብየት ክትስእል ትኽእል። እዚ እቶም ኣብኡ ዘለዉ ክኢላታት'ውን ኣይጽግሞምን'ዩ ይፈልጥዎ'የም ኣጻቢቖም እንታይ የድሊ እንታይ ኣየድሊን፡ ከመይ ገይርካ ክትውስኾ ከመይ ገይርካ ከተዕብዮ ዝበሃል ኣሎ። ነቲ ጉልበት ምዕባዩ ጥራይ ዘይኮነ ነቲ መርበብ ምስፍሑ'ውን ኣሎ። ክሳብ ክንደይ ደረጃ ኢኻ ክትዝርግሖ ትኽእል? ካብ ሓደ መመንጨዊ ክትዝርግሕ ድዩ ዘዋጽኣካ ብኽልተ ሰለስተ ክፍልታት ፡ ሞጁላር ይኹን ዋላ ዝኾነ ሽም ክትህቦ ትኽእል ኢኻ። ንምዕራብ መመንጨዊ ክህልዎ፡ ናይ ዓሰብ መመንጨዊ ትካል ናይ ግድን ምስ ናይ ሒርጊጎ መመንጨዊ ትካል ክተኣሳሰር ኣለዎ ድዩ የብሉን ምናልባት ክኢላታት ድላዮም ክብሉ ይኽእሉ። ዓሰብን ከባቢኡ እንተድኣ ከም ሓደ ቁጠባዊ ዞባ ክዓቢ ኮይኑ፡ ምስዚ ክገልጾ ዝጸናሕኩ ናይ ወድብ ናይ መዓልቦ ነፈርቲ ናይ ማይ ኣገልግሎት ካልኦት ናይ መጓዓዓዚ ኣገልግሎት ናይ ኣየር ናይ ባሕሪ ናይ ምድሪ ክህሉውዎ ኮይኖም፡ ምስ ውሽጢ ሃገር ጥራይ ዘይኮነስ ምስ ጎረባብቲ'ውን ዘተኣሳሰር ንንጥፈታት እንድሕር ክህብ ኮይኑ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ክንደይ'ዩ ጠለቡ፡ ነቲ ብውሕዱ ብዝወሓደ ናይ ኤለክትሪክ ጉልበት ክህልዎ ኣሎ ትብሎ ክንደይ ዲዩ ዓሰብ ኣርባዕተ ኣርባዕተ፡ ዓሰርተ፡ ዕስራ፡ ሳላሳ ሜጋ ድላይካ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ግን ንሱ ንዝእ ርእሱ ኣሎ። ኣብ መወዳእታ'ውን ምናልባት ከተለጋግቦም ትኽእል ትኽውን። ንሰሜን ገጹ ዝጠመተ ምስ ዝተፈላለየ ናይ ልምዓት መደባት'ውን ካልእ መመንጨዊ ኢልካ ክትሓስብ ትኽእል። ኣይፋሉን ካብኡ ጥራይ ንግበሮ'ሞ ከነዕብዮ ኢና እቲ መስመራት ወይ እቲ መርበብ እናጻፈፍና ገለ ክትብል ትኽእል። እዚ ሕጂ ካልእ ቴክኒካዊ ስራሕ'ዩ። እዚ ሕጂ ዘሎ ግን ኣየስርሕን'ዩ። ብናይ ቅልውላው ምሕደራ'ዩ ዝካየድ ዘሎ። ከመይ ገይርና ናይ ሓምሳ ዶኾን ንውስኽ ንኽውን፡ ከመይ ገይርና ክንከይድ ንኽእል፡ ኣብ ካልኦት ከባቢታት ብፍላይ ኣብተን ከተማታት ንመብራህቲ ዘድሊ ኣገልግሎታት ንምቕራብ፡ ንመጻንሒ ኣናተባህለ ክተኣታቶ ዝጸንሐ ጀነረተራት'ውን ዝረብሕ ኣይኮነን ገዚፍ ነገራት ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ጽዕነት ክስከሞ ዝኽእል ኣዝዩ ዝተደረተ'ዩ፡ ነቲ መብራህርቲን ኣገልግሎታትን'ውን ዝበቅዕ ኣይኮነን። መጻንሒ ግን መጻንሒ ሕማቕ ኣይኮነን ተባሂሉ ተተኺሉ። ኪኒኡ ዝኸይድ ፍታሓት ግን ክርከበሉ ክኽእል ኣለዎ።ዓበይቲ ናይ ሕርሻ፡ ናይ ኣግሮ እንዳስትሪ ፕሮጀክትታት ከተካይድ እንተኮይንካ፡ ካልኦት ዝተፈላለዩ ኢንዱስትሪያዊ ንጥፈታት'ውን ከተካይድ'ውን እንተኮይንካ እቲ ጠለብ ናይ ጸዓት ኣብኡ ብግቡእ ተገምጊሙ ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ክቐርብ ክኽእል ኣለዎ። ምስዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ካብ መብራህቲ ጀሚርካ ክሳብ እዚ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ ናይ ሲሚንቶ ፋብሪካ ለሚሱ ዘሎ'ዩ። ካልእ ሰብ ምናልባት ብብጸገሙ ክዛረብ ይኽእል'ዩ። ናእሽቱ ብማእከሎት ዋኒናት ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ስለዘየለዉ ስራሖም ይባኾር ኣሎ። ነዚ ዝኽሕዶ ሰብ የለን። ግን ከመይ ገይርካ ኢኻ ፍታሓት ተምጽኣሉ፡ በብተናጸል ኣይተምጽእን ኢኻ። ገለ ገለ ምናልባት ጀነረይተር ኣምጺኡ ናይ ፖምፓ፡ ናይ መዘሓሓሊ ናይ ካልእ ንጥፈታት የካይድ'ዩ። ብኸምኡ ገይርካ ከተካይድ ኣይትኽእልን ኢኻ። ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ብኸምኡ ክትፈትሖ ኣይክኣልን'ዩ። እቲ ዝዓበየ ግዳይ ናይዚ ሕጂ ዘሎ ቅልውላው ናይ ኤለክትሪክ ናይ ሲሚንቶ ፋብሪካ'ዩ። ጠለብ ናይ ሲሚንቶ ኣብዛ ሃገር እዚ ንእሽቶ ኣይኮነን። ምስቶም ቀዲመ ዝተዛረብኩሎም ዋላ ካልኦት ትሕተ ቅርጺ መደባትና ቀረብ ናይ ስሚንቶ ብዝሓሰረ ዋጋ ጥረ ነገር ካብ ገዛና ካብ ኢድና ካብ ጎዶቦና ኣምጺእና ሰሪሕና ብዝዋሓደ ወጻኢታት ነቲ ጠለብ ከነማልእ እናኽኣልና ከለና ብሰንኪ ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት ክሰርሕ ስለዘይክእል ካብ ደገ ነምጽእ ኣለና። ካብ ደገ ከነምጽእ እንድሕሪ ኮይንና ብናይ ወጻኢ ሸርፊ ኢና ነምጽኦ ዘለና። ካብዚ ዝዓቢ ክስራ የለን፡ ግን ንጻወሮ

(ሳስተይን ገይርናዮ) ኣለና ቅልውላው ነማሕድር ኣለና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። መስረታዊ ፍታሕ ክይረኸበ ግን እቲ ፋብሪካ ክሰርሕ ኣይክእልን'ዩ። ሕጂ ምናልባት ከም መተካእታ እተተዓረየ ዋላ እቲ ዓቢ መደብ ዝበሃል'ውን እንተተግበረ ብውሕስነት ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት ክሰርሕ ምእንቲ እቲ ናይ ሲሚንቶ ፋብሪካ ናቱ ናይ ገዛእ ርእሱ ትሕጃ መመንጨዊ ክልህዎ ክኽእል ኣለዎ። ትሕጃ መመንጨዊ ክሳብ ክንደይ ከቢድ'ዩ ክሳብ ክንደይ ዓቢ'ዩ ጉልቦቱ ክንደይ ክኸውን ኣለዎ ንሱ ምናልባት ናይ ዝምልከቶም ስራሕ'ዩ። ግን ተኣማሚንካ ሲሚንቶ ከነፍሪ ንኽእል ኢና ንኹሎም'ዞም ናይ ትሕተ ቅርጺ መደባት ዘድሊ ቀረብ ከማልኣልና ክኽእል ኢዩ ኢልካ ክትዛረብ ምእንቲ እቲ ናይ ኤለክትሪክ ጉዳይ ክፍታሕ ክኽእል ኣለዎ። እዚ ሕጂ ሓደ ዓቢ መግለጺ ናይቲ ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ'ዩ። ኣብ ካልኦት ዝተፈላለዩ ዋኒናት ኣብዚ ንእሽቶ ፋብሪካ ኣሎ ኣብዚ ናይ ዓለባ ፋብሪካ ኣሎ ኣብዚ መስርሒ ትካል ኣሎ ኣብዚ መጥሓን ኣሎ ኣብዚ ክሳብቲ ዝደቐቐ ብናይ ኤለክትሪ ኣገልግሎት ዝካየድ ንጥፈታት ይትንከፍ ኣሎ። ሕጂ ገዚፍ ገይርና ከየጋነንና ክንርእዮ ጸገም ኣይኮነን። ጸገም እቲ ኣካይዳኻ ክትፈልጥ ክትክእል ኣለካ። ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ምናልባት ብፍርቂ ዓቕሚ ይሰርሕ ኣሎ እንብሎ ናይ ሚእቲን ሓሙሳን ናይ ክልተ ሚእቲ፡ ክልተ ሚእቲን ሓሙሳን ናብ ሰለስተ ሚእቲ፡ ሰለስተ ሚእቲን ሓሙሳን ኢልካ ክንከይድ እንተኾይንና ማዕረ ዓቕምና ዲና ንኸይድ ዘለና። ንጃህራ ክንድዚ ሽሕ ሜጋ ዋት ኣለና ኢልካ ክትዛረብ እንድሕሪ ዘይትጥቀመሉ ኮይንካ ስለምንታይ ተፍርዮ ኣለኻ ? እቲ ኣብዚ ናትና ዓይነት መመንጨዊ ኣብ ግምት ዝኣቱ ከኣ ረስናዊ'ዩ። ረስናዊ ማለት ወይ ብፍርናስ ወይ ብኻልእ ወይ ብጋዝ ወይ ብኻልእ ምንጪ ኢኻ ትጥቀመሉ። ናይ ማይ ዝምንጬ ኣይኮነን። ረስናዊ መመንጨዊ ጸዓት ጉልቦቱ ዝመሰለ ይምሰል ኣብ መወዳእታ ንሓደ ኪሎ ዋት ኣዋር ክንደይ ወጻኢታት ትገብረሉ ኣለኻ? ብእኡ  ወጻኢታት ዘፍረኻዮ ናይ ኤለክትሪክ ሓይሊ ኣብ ምንታይ መዓላ ተውዕሎ ኣለኻ? ንሽም ምንታይ ኢኻ ትጥቀመሉ ዘለኻ? እቲ ሓይሊስ ንመወሰኺ ክብሪ ንመወሰኺ ዋጋ መሳለጢ ንብዙሕ ነገራት ከቃልለልካ ተደማሚሩ ከኣ ኣብ መወዳእታ ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት ዓቢ ኣበርክቶ ከምዝገብር ኢኻ ትተኽሎ ዘለኻ። ሕጂ ከነገፋፍሕ ኢና ኢልካ ዘይዓምቕምኻ'ውን ኣይትኸይድን ኢኻ። ሕጂ በዚ ዘለናዮ ሃዲእና ዘድልየና ዓቕን ናይ ጉልበት ዓቕን ንምውሳኽ ጽቡቕ ዕዮ ገዛና ክሳብ ንገብር ነዚ ሕጂ ዘለናዮ ቅልውላው መሰጋገሪ ዝኾነና መደብ ጥራይ ኢና ሒዝና ዘለና። ንሱ ከኣ እንታይ'ዩ፡ ሕራይ ናይ ሓምሳ ሜጋ ክንውስኽ ንኽእል፡ ኣብተን ኣገደስቲ ማእከላይ ናይ ቁጠባዊ ዕብየት እንብለን ከኣ ንኣኣተን ናይ ገዛእ ርእሰን መመንጨዊ ምስ ዓቕመን ዝመጣጠን ምስ ኣፍራይነተን ዝካየድ ተተኺሉለን ይጸንሕ፡ ንኹሉ ኩሉ ግን እቲ መርበብ ንገዛእ ርእሱ፡ እቲ ግሪድ ብሃገር ደረጃን ብዝተፈላላየ ናይ ልምዓት ዞባታትን ናቱ ናይ ገዛእ ርእሱ መስመራት ክዝርግሓሉ ኣለዎ ተባሂሉ እዚ ሕጂ ንሽዕብ ዝኸይድ ንፎሮ ዝኸይድ ኣብ ከባቢ በዓል ኣቑርደት ባረንቱ ከባቢ በዓል ተሰነይ ዝዝርጋሕ ዘሎ ኣብ መወዳእታ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሃገራዊ መርበብ ክኣቱ'ዩ፡ መመንጨዊኡ ኣበይ'ዩ? እዚ ሕጂ መጻንሒ ዘሎ ናብ ነባሪ ክሰጋገር እንድሕሪ ኮይኑ ከመይ ገይሩ'ዩ ዝዓቢ፡ ህውኽ ኢልካ ዝግበር ነገር ኣይኮነን፡ ሕጂ ሽግር ስለዘሎ ተጨኒቕና ተብተብ ኢልና ናብ ዘየወጻጽኣና ኣማራጺታት ከይንኸይድ ምእንቲ ዝጋነን ጸገም ኣይኮነን ተጻዊርናዮ ክንከይድ ንኽእል ኢና ንዝተወሰነ ግዜ  እንድሕሪ ዕዮ ገዛና ብግቡእ ሰሪሕና ዘድልየና ጺጋታት ኣጎሳጒስና መበገስን ንማእከል ደረጃ (ንሚድየም ተርም) ሽግርና ክፈትሓልና ዝኽእል ናይ ኤለክትሪ ኣገልግሎት እንድሕሪ ኣዋዲድና ነዞም ካልኦት ናይ ልምዓት መደባትና'ውን ብግቡእ ውጥናቶም ከነጻፍፍ ስለእንኽእል ሕጂ ተጨኒቕና ተብተብ እንተዘይበልና። "ኤለክትሪክ ተሳኢኑ፡ ከምዚ ኮይኑ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ. . ." እናበለ ብዙሕ ሰብ ክዛረብ ይኽእል'ዩ። ሚእቲን ዕስራን ሚእቲን ሓምሳን ሚእቲን ሰማንያን ክልተ ሚእቲ ሜጋ ኢልካ ክትሓስብ ዝከኣል ኣይኮነን። ብፍላይ ናህሪ ናይቲ ዕብየት ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታትን ኣብ ዝተፈላለዩ ኢንዱስትሪታትን ዋኒናትን ዘሎ እንድሕሪ ርኢኻዮ እቲ ናህሪ ማዕረ'ቲ ቀረብ ስለዘይከይድ፡ ጽዕነት'ውን ስለዝፈጥረሉ ኣብ መንጎ፡ እዞም ርእዮም ዘለና ጸገማት ኣለዉ። ስለዚ እቲ ናይ ጸዓት ዝበሃል ብግፍሕ ዝበለ መገዲ ድሓር ከኣ ምስ ግዜ ኣዛሚድና ክንርእዮ ከምዘለና ንምብራህ'የ ሓደ ሓደ ተወሰኽቲ ነጥብታት ዘቕርብ ዘለኹ።

- **ክቡር ፕረሲደንት እዚ ረስናዊ ምንጭታት ከም ዝጠቐስካዮስ ክቡር እዩ ካልእ ኣማራጺታት ክህሉ ኣብ ኤርትራ ንቐጻሊ ኣብዚ ረስናዊ ምንጭታት ጸዓት ጥራይ ኢና ክንገብር ወይስ ካልእ ኣማራጺታት ንእብነት ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ኣምጺካ ናይ ጸሓይ ናይ ገለ እዚስ ብከመይ ይርአ።**

- ብኽልሳ ሓሳብ ደረጃ እወ፡ ሎሚ ጽባሕ ንድሕሪ ጽባሕ ዘይሕሰብ ውን ኣይኮነን። ናይ ሱዳን ከም ኣብነት ንውሰድ ናይ መረዊ ኣሎ ናይ ሪሶርስ ኣሎ ናይ ሰቲት ዓባራ ዝብልዎ ኣሎ ብድምር እንተርኢኻዮ ኣነ ኣብቲ ናታቶም መደብ ኣትየ ክዛረብ ኣይደልን ኣየ ግን ኣሽሓት መጋ ዋት ተባሂሉ እዩ ዝዝረበሉ። ነቲ መመንጨዊኡ ማይ ስለዝኾነ ከም ረስናዊ መመንጨዊ ኣይኮነን ብልጫታት ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ ምስኣቶም ዘራኽበና ምናልባሽ ዞባዊ ዝበሃል ጉዳያት መጺኻ ክትርእዮ ትኽእል ኢኻ እንድሕሪ ናይ ምዕራብ መርበብ ናይ ኤለክትሪክ ዘርጊሕና መጻንሒ ዝኸውን መመንጨዊ ውን ኣዋዲድና ብኡኡ ጥራይ ክንሰርሕ ንኽእል ኢና።ከነዕብዮ ውን ንኽእል ኢና ዘይሩ ዘይሩ ረስናኣዊ ዝኾነ ተኸፋሊኡ ብጣዕሚ ከቢድ እዩ። ኣብ ዝተፈላለይ ናይ ኣግሮ ኢንዱስትሪ ፕሮጀክትታት ዝተፈላለየ ናይ ሕርሻ ናይ ልምዓት ፕሮጀክትታት ሓደ ኪሎ ዋት ኣዋር ክንደይ ሳንቲም ዝኸውን ንኽፍለሉ ክንደይ የወጻጻኣካ ድዩ ወላ ኣየዋጻጻኣካን ክትፈልጥ ኣለካ እንድሕር ካብ ጎረቤት ሃገር ዝሓሰረ ብተዛማዲ ዝሸየጥ ኤለክትሪክ ክረክብ ኪኢለ ዝኽልክለኒ ነገር የለን።እንድሕር ተሰማሚዕና ማለት እዩ ። ስለዚ እዚ ኣይንሓስበልሉን ማለት ኣይኮነን ንሓስበሉ ኢና ወላ እዚ ናይ ሚለንዩም ዝበሃል ኣብ ኢትዮጵያ ዝትከል ዘሎ ምስዚ ሕጂ ዘሎ ናይ ዶብ ጸገም ክንርእዮ ኢና ኣነ ብዛዕብኡ ብዙሕ ክዛረብ ኣይደልን መዓልቱ ክበልዕ እንድዩ ክንርእዮ እንዲና እቲ ዋና ነገር ግን ክገዝእ እንድሕር ደልየ እንድሕር ክሸየጥ ኢሉ ኣብ ዕዳጋ ዝወርድ ኮይኑ ኤለክቲርክ ኣገልግሎት ኣሎ እኸንድሕር ኮይኑ ካብኡ ውን ክገዝእ ይኽእል እየ። ካብ ደቡብ ሱዳን ዝምንጩ ጸዓት እንድሕር ኣለና ንዕኡ ዘድሊ መርበብ ዘርጊሑ እንድሕር ካብኡ ክገዝእ ደልየ ዞባዊ ምምልላእን ዞባዊ ምትሕግጋዝን ክበሃል ከሎ እኮ እቶም ንዞባዊ ምምልላእ ዝጸልዉ ረቋሒታት መሰረታውያን ናይ ትሕተ ቅርጺ ፕሮግራማት'ዮም። ኣብ ንግድ ኣብ ካልእ ዝተፈላለዩ ከይመጻካ ከለኻ ናይ ጸዓት ናይ ጽርግያታት ናይ ዝተፈላለዩ ትሕተቅርጻዊ ፕሮግራማት ነንሕድሕድካ ምትእስሳር ጅቡቲ ንኣብነት ናይ ጂኦ ናይ ትሕተ ባይታዊ መመንጨዊ ጸዓት ከብሉ እዮም ይበሃል ኣሎ ኣለዎምን የብሎም ካልእ ኣርእስቲ'ዩ ኣብኡ እንድሕር ዝሸየጥ ኤሌክትሪክ ኣሎ እሞ እቲ ኪሎ ዋት ኣዋር ዘወጻጽኣኒ እንተድኣ ኾይኑ ካብኡ ውን ክገዝእ ውን ይኽእል እየ። ኣብ ከባቢ ዓልድ ኣብ ከባቢ ተሰነይ ኣብ ከባቢ ዓሰብ ናትና ናይ ገዛእ ርእስና ናይ መመንጨዊ ዕድላት ኣለና ከም ዝኾነ ናይ ሪፍት ሃገራትና ውን ከነበግሶ ንኽእል መን ይፈልጥ ካልእ ምጭታት ከነምጽእ ውን ንኽእል ኢና ዘይንጥቀመሉ ዘለና ናይ ረስናዊ መመንጨዊ ትካል ብፍርናሽ ይሰርሕ እዩ ከነታኣታትዎም ካልኣት ኣብ መወዳእታ ነቲ ተኸፋሊ ወይ ኮስት ናይ ጸዓት ከነውሕደሉ ንኽእል ካብ ባዕልና ንሰርሖ ድዩ ካብ ጎረባብትና ንገዝኦ እንተድኣ እቲ ዕድል ዘፍቅድ ኮይኑ ዘይንገዝኣሉ ምኽንያት የለን ሕጂ ኣብ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ጥራይ ተቐርቂርና ንኸይድ ኣይኮንና ሕጂ ዘለናዮን ትማሊ ዝነበርናዮን ንቕድሚት እናሓሰብና ንሰርሕ ስለዘለና ተተኻኢሉ ጽቡቕ ናትና ናይ ገዛእ ርእስና ዓቕሚ ከነዕቢ ንኽእል እኸንተድኣ ኮይንና ሓደ ካብቲ ንፈተነ ዝካየድ ውን መተካእታ ጸዓት ኣሎ። ብዘይካ ማያውን ረስናዊን ዝበሃል ጸሓያዊ ኣሎ ንፋሳዊ ኣሎ ትሕተ ባይታዊ ኣሎ ኩሎምዚኦም ክንደማምሮም ውን ንኽእል ኢና ሎሚ ብጸሓያዊ መመንጨዊ ብሜጋታት ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ ብዙሕ ተስፋ ከምዘለዎ ይዝረበሉ'ዩ ክንደይ ይኸፈለሉ ወጻኢታቱ ይከኣል ድዩ ኣይከኣልን ካልእ ነገር እዩ ንሕና ደማሚርና ነቶም ኣብ መወዳእታ ንዋህዮታትና ኣብ ምምንጫው ኤሌክትሪክ ዘሐይሉልናን ተኸፋሊናን ዘውሑድልና ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣብ መዓላ ከነውዕሎም ከኣ ዝውታሬኦም ነቲ ንደልዮ ዘለና ዕቤት ከምዘምጻልና ዝገብር ኩሉ ተኽእሎታት ኣብ ጠረቤዛ ኮፍ ኣቢልካ እቲ ኣማራጺታትካ ምርኣይ እዩ ሕጂ እዚኦም ሰዓቱ ከይኣኸለ'ውን ክንሓስበሎም ስለዘለና ከምቲ ኣቀዲመ ክጠቕሶ ዝጸናሕኩ ናይ ስሚንቶ ፋብሪካ ጸገም ኣሎ ናይ ዓለባ ፋብሪካ ጸገም ኣሎ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ትካል ጸገም ኣሎ ዘይኮነን እዚኦም ግዚያውያን እዮም ድሮ ውን ምስ ጎረባብትና ንዛረበሉ ጉዳይ'ዩ እቲ ዋና ነገር ኣብ መወዳእታ ናይ ብሓቂ እቲ ናታቶም መርበብ ኣብ ዶባትና ከበጽሕ ይኽእል ድዩ ካብኡ ከነላጋግቦ ንኽእል ዲና ምስ ናትና እቲ ጠለብና እንታይ እዩ ዝመስል ቀረብ ናታቶም'ከ ዘተኣማምን ድዩ ወጻኢታቱ ከ ርትዓዊ ድዩ ምስዚ ሕጂ ንኸዶ ዘለና ኣሰዓግማ የወጻጽእ ድዩ

እዚኣቶም ኲላቶም ሕጂ ዝጽንዓሎም ናይ ክልሳ ሓሳብ ወይ ናይ ኣእምሮ ምውስዋስ ዝግበረሎም እዮም ኢልና እንተ ኣጽናሕናዮም ናብቶም ኣብ ቅድሜና ተገቲሮም ዘለዉ ናይ ትሕተ ቕርጺ መደባት ክንዛረብ ንኽእል እንበር እዚኦም ዘሰክፉ ኣርእስትታት ውን ኣይኮኑን ።

- **ሕራይ ክቡር ፕረሲደንት ክብሪ መሸጣን ክራይ ኣባይትን ኣብ መነባብሮ ህዝቢ ዓቢ ጸቕጢ ዝፈጥር ዘሎ እዩ። ሽግር መንበሪ ኣባይትን ህንጻታትን ንሱ ዘስዕቦ ዘሎ ጸገማት ነባሪ ፍታሕ ንኽረክብ ብኸመይ'ዩ? ንልምዓት ኣባይቲ ብዝምልከት ዘሎ ሃገራዊ ውጥንን ቀዳምነታትን ትግባሬኡን እንታይ ይመስል? ምስዚ ተኣሳሲሩ ዘቤታዊ ዓቕሚ መፍረ ናይ ቸሜንቶ ዘንጊ ሓጺን ሕጡብን ካልኦት ንዋት ናይ ህንጻ ንምዕባይ እንታይ መደባት ተታሒዙ ኣሎ?**

  - እወ ሕጂ እቲ ሒዝናዮ ዝጸናሕና ፖሊስታት ብድምር ክትገልጾ እንድሕር ኮይንካ ናይ ጽቡቕ ድሌታት ፕሮግራማት ጥራይ እዩ። ጽቡቕ ድሌት ጽቡቕ መበገሲ እዩ።ጽቡቕ ድሌት ክህልወካ ይኽእል እዩ ድሌት ከም ድላይካ ገርካ ግለጾ ኣብ መወዳእታ ግን ነቲ ድሌትካ ተጨባጢ ክትገብሮ ምእንቲ ዝጭበጥ ነገር ክትገብር ክትክእል ኣለካ። ሕጂ ምስ ኩሉ ቅርስና ታሪኻዊ ውርሻና ጠለብ ናይ ኣባይቲ መንበሪ ጠለብ ናይ ዝተፈላለዩ ኣግልግሎትዊ ህንጻታት ምስ ከተማታት ሓውሲ ከተማታት ምስ ገጠራት ኣተኣሳሲርካ ክትርእዮ ብዘቤታዊ ዓይኒ ክንርእዮ እንተድኣ ኮይንና ንቱሪዝም ንኻልኦት ዝተፈላለዩ ናይ ደገ ስሕበት ክንፈጥረሎም ንኽእል ናይ ህንጻ ስርሓት ንጸግዒ ገዲፍና ንዘቤታዊ ጠለብ ጥራይ ምስ ኩሉ ጽዕነት ናይ ልምዓት ፕሮግራማት እኻታይ ሰሪሕና ብግሁድ ኣዘራርባ ኩሎም ብጽቡቕ ድሌት ዝተተግበሩ ፈተነታት ዕዉታት ኣይነበሩን። ከም ድሌት ኩሉ ጽጉም ኩሉ ንሃገር ዝስውእ ዘሎ ኩሉ ግዚኡን ዓቕሙን ዕድሉን ኣወንዚፉ ካልእ ስርሓት ዝሰርሕ ዘሎ ኣብ መወዳእታ መዕቀል ነብሱ ዝኸውን ገዛ ውን ክህልዎ ክኽእል ኣለዎ እንታይ ዓይነት ገዛ'ዩ ደረጅኡ እናትይ እዩ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ ንኸምዚታት ሕጂ ሓርኮትኮት ምባል ወይ ምህቃን ታህዳድ ክግበር ጸኒሑ ኣየስርሐን። ናይ ውልቀ ኣውፈርቲ ነተባብዕ ከምዚ ተባሂሉ ዝተሰርሐ ስራሕ ኣሎ እዚ ናይ ቁሸት ገዛውቲ ዓይነቱ ድዩ ክንደይ ይኣክል ካብቲ ጸገም ፈቲሑ ኣቃሊሉ ክንደይ ዝኣክል ካብቲ ጠለብ ኣማሊኡ ኢልካ ክትዛረበሉ ትኽእል ኣሃዛት'ውን የለን መምስረኣኻዮ ዘጣዕሰካ ፕሮጀክትታ ተዘይኮይኑ ተስፉ ዝህበካ ፕሮጀክቲ ኢልካ ውን ክትዛረብሉ ኣይትኽእልን። ስለዚ ኣባይቲ ውን ኣይኮነን ሓደ ምናልባት ምስ ኩሉ ዕቃበታትና ዝተሰርሐ እዚ ናይ ኮርያ ፕሮጀክት'ዩ ናይ ሰንበል ዘሎ ናይ ባጽዕ ዘሎ። ብተዛማዲ ጽቡቕ እዩ እቲ ዝበለጸ እዩ ኢለ ክዛረበሉ ኣይደልን'የ ግን ብውሑዱ ገለ ካብ ጸቕጢ ክፈትሕ ክኢሉ ወይ ኣፋኹሉ። ብኸምኡ ክትቅጽል ግን ኣይትኽእልን ኢኻ። ብናትና ሓርኮትኮት ዘይንፍትን ተባሂሉ ናይ ሙሳ ዓሊ ኣብ ባጽዕ ዝተገብረ ኣሎ ክሳብ ሎሚ ብሰንከልከል ኣይተተግበረን። ኣብዚ ናይ ማይ ሑጻ ዝተገብረ ፈተነ ውን ኣሎ ኣይተገብረን። ንኣሽቱ ንኣሽቱ ናይ ህንጻ ፕሮጀክትታ ዝተፈተነሉ ሓደ ዓይነቱ ካልኣይ ነገር ክንድይ ጽዕነት ኣፋኹሱ ኣሎ ዝበሃል ገዛውቲ ኣብዚ ሓለፍቲ መንግስቲ እቶም ላዕሊ ላዕሊ ሒዞሞ ዘለዉ ቪላታት እዩ። ብኡኡ ዝተፈትሐ ሽግር ኣሎ ድዩ የለን ክንደይ ዝኣክል ናይቲ ሽግር ተፈቲሑ የለን ብኸምኡ ክትዛረብ ትኽእል። ሕጂ ካብ ጽቡቕ ድሌት ተበጊስና ባህግና ድሌትና ጽሩይ ጭቡጥ እንታይ ኢና ገርና ብንቡር ፈትሒና ዝተፈትሐ ነገር የለን ክሳብ ሕጂ። ብብሕታዊ ክፋል ከምዚ ክግበር ይከኣል እዩ ብደገ ዘሎ ኤርትራዊ ኣብ ደገ ዘሎ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግዱስ እዩ ንሃገሩን ንነብሱን ውን ክሰርሕ ይደሊ እዩ በዚ ሕጂ ዝኸዶ ዘሎ መንገዲ ክስራሕ ዝኽእል ኣባይቲ የለን።ስለዚ ኩሉ ፖሊሲታትና ኩሉ ቅድሚ ሕጂ ዘውጻናዮ መደባትን ውጥናትን ከሊስና ብኽውንነታዊ መንገዲ ብመድረኽ ነዚ ሽግራት እዚ ብስሩ ዝፈትሓልና ገዚፍ ናይ ኣባይትን ናይ ኣገልግሎታዊ ህንጻታትን ፕሮግራማት ክንሕንጽጽ ኣለና። ነብስና ነቚፍና ዲና ነብስና ኣሪምና ዲና መደባትና ከሊስና ሕጂ ንብገስ ኣለና ክንብል ንኽእል። ነዚ ከምቲ ናይ ትሕተ ቕርጺ እንታይ ኢኻ ትብሎ ዘምጻኽዎም መሰረታውያን ካማልኡ ዘለዎም ነገራት ኣለዉ።

ሓደ ቴክኖሎጂ እዩ። ናይ ቴክኖሎጂ ተመኩሮና እንድሕሪ ርኢናዮ ኣብ ምምሕዳር ናይ ከተማ ኣስመራ ቴርሞኑር ዝበሃል ኣምጺኦም ኣብ መንጎ ሰፍነግን ስልክን ኣለጋጊብካ ገዛ ክትሰርሕ ትኽእል ናይ ስሉጥ ገዛውቲ እዚ ኣብ ኣብ ሓደ ዞባ ተሰሪሑ ዘሎ ገዛውቲ ከም ኣብነት ክንወስድ ንኽእል ግን ኣይቀጸለን ቴክኖሎጂ ውን ክንጥቀመሉ ኣይከኣልናን ድሕሪኡ ናይ ኤን 2 ዝበሃል ቴክኖሎጂ ከምዚ ኣብ ባጽዕ ተተኺሉ ዘሎ ሕጂ ከኣ ኣብ ኣለቡ ዘሎ ነቲ ዓይነትን ነቲ ስልጡነትን ንወጻኢታት ከውሕድ ይኽእል እዩ ንቴክኖሎጂ የወጻጽኣና እዩ ተባሂሉ ተተኺሉ ዓቕምና ውን ኣይተጠቐምናሉን እዚ መንገዲ ጋሕተላይ ተዘርጊሑ ዘሎ ድኳናት ከም ኣብነት ኢልና ክንዛረበሉ ንኽእል ነቲ ቴክኖሎጂ ሚኢቲ ካብ ሚኢቲ ከነዘውትሮን ክንጥቀመሉን ኣይከኣልናን ሕጂ ከም ፈተነ ኢልና ክንዛረበሉ ንኽእል ኢና። ምናልባት ሓደ ዕዉት ተመኩሮ እዚ ናይ ፕሪካስት ኣብ ባጽዕ ዘሎ እዩ።ድልድላት ሰሪሕናሉ ዝተፈላለዩ ቅርጽታት ውን ሰሪሕናሉ እቲ ቴክኖሎጂ ከኣ ምዕብል ዝብለ ኣድቫንስ እዩ። ምስቶም ካልኦት ኣዛሚድካ ክትርእዮም ከለኻ ኣብ ስሉጥነት ኣብ ዋጋን ወጻኢታትን ዝበለጸ ስለዝኾነ። ዋላ እቶም ዕድላት እናተባህሉ በብውልቂ ገንዘብ ዘለዎ ዘዝኣከብ ዶላር ዘለዎ ከምዚ ክገብር ይኽእል እዩ ዝበሃል ብኽምኡ ገርካ ክትፈትሖ ትኽእል የለን ጸበብቲ ጸበብቲ ናኣሽቱ ሽግራት ምናልባሽ ከተቃልል ትኽእል ትኽውን ገዛ ዘድልዮን ዝጠልብን ሰብ ክንደይ እዩ። ኣውራ ግዚኡ ዕድሉ ሰዊኡ ኣብ ናይ መንግስቲ ስራሕ ዝሰርሕ ዘሎ ሰብ መዓስ እዩ ገዛ ክሰርሕ ዝኽእል ካበይ እዩ ከምጽኦ ክሰርሕ እንተድኣ ኮይኑ እንታይ ዓይነት ገዛ እዩ'ኸ ዘድልዮ ኣበየናይ ከባቢ እዩ'ኸ ክነብር ብኸመይ መንገዲ ዝበሃሉ ሕቶታት ኩሎም እዚኦም ማሕብራዊ ማዕድኦም ይኹን ቁጠባዊ ማዕድኦም ብግቡእ ተጸኒዖም ማዕሪኦም ዝኸይድ ዝግስግስ ናይ ኣገባብን ናይ ቴክኖሎጂን ናይ ሞያን ጺጋታትን ምድላው። እዚ ሕጂ ተተኺሉ ዘሎ ምናልባሽ እዚ ሕጂ ኣብ ዜና ዘመተ ዝካየደሉ ዘሎ ብኸምዚ ዓይነት ቴክኖሎጂ ብዝበለጸ ቴክኖሎጂ ብዝሓጸረ ግዜ ብዓይነት ጽቡቕ ኣባይቲ ክንሰርሕ ንኽእል ኢና ተባሂሉ ዝወጸ ውጥን ኣሎ ከም መበገሲ ማለት እዩ። ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ባጽዕን ከባቢኣን ኣብ ትሰነይን ከባቢኣን ኣብ ካልኦት ከም ሓውሲ ከተማታትን ከተማታትን ክድኩኑ ይኽእሉ እዮም ዝተባህሉ ከባቢታት ንተመኩሮና ኣዋህሊልና ሓቀኑንና ሓቋቀኑንና ላህመቱ ኣውጺእና እቶም ክንሰርሓሎም ንኽእል ከባቢታት ብግቡእ ፈሊጥና እቲ ዝበለጸ ቴክኖሎጂ ወይ ቴክኖሎጂ ኣእቲና ሓዋዊስና ክንሰርሓሉ ክንክእል ኣለና። ናይ ማሽነሪን ናይ ህንጻ መስርሒ ንዋትን ኣሎ ምስቲ ንጽርግያታት ናይ ካልኦት ትሕተ ቅርጺ መደባት ዝኸይድ እዩ ንሱ እውን እዚ ይጎድለና ኣሎ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ንጥረ ንዋት ዘጋዓዕዛ ዳንትራክስ ድየን ንጽርግያታት መስርሒ ን ኮንክሪት መዳወሲ ዝተፈላለዩ ህንጻታት፡ መንበሪ ናይ ኣባይቲ ይኹን ናይ ህንጻዊ ኣገልግሎታት ነውዕሎም ጺጋ ብውሑዱ ኣጠራቒምና ኣለና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል እዚ ምስቲ ዝወጽእ ውጥናት ውን ክኸይድ ዘለዎ እዩ። መሰረታውያን ጥረ ንዋት ኣለዉ። ስሚንቶ ምናልባት ቀዲመ ስለዝተዛረብኩሉ ካልኣይ ግዜ ክደግሞ ኣይደልን እየ።ዝገበርካ ጌርካ ወረቓቕትኻ ኣጻፊፍካ ዕዮገዛኻ ወዲእካ ክትሰርሕ እንተኾይንካ ብዘይ ስሚንቶ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ። ስሚንቶ ከኣ ንኸምዚ ዝኣመሰለ መድረኽ ብመድረኽ ተትግብሮ ናይ መንበሪ ኣባይትን ናይ ኣገልግሎት ህንጻታት ፕሮጀክታት ኢንፖርት ወይ ድማ ካብ ደገ ብተምጽኦ ስሚንቶ ጥራይ ከተካይድ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብዚኣ ብሊኮቲ ገሩ ገዛ ሰሪሑ ጠፊኡ ጠፋፊኡ ሰርቪቸ ገይሩ ብኽምኡ ገርካ ዝፍታሕ ነገር ኣይኮነን ገጅፍ ጠለብ ናይ ስሚንቶ ስለዘሎ እቲ ፋብሪካና ከኣ ንዕኡ ተባሂሉ ስለዝተሰርሐ ናይ ግድን ናይዚ ፋብሪካ እዚ ሕርጊጎ መመንጨዊ ትካል ክይተጸበየ ከፍሪ ክኽእል ኣለዎ 24 ሰዓት ሰሪሑ ንኹሉ ናይ ህንጻ ናይ ትሕተ ቅርጺ ናይ ኣባይቲ ካልኦት መደባትና ከማልእ ክኽእል ኣለዎ ስለዚ እታ ምስ መንበሪ ኣባይቲ ትመጽእ ብዝኾነ እቲ ቴክኖሎጂ ተኣታትዩ ኣሎ ይበጋግሰ ኣሎ ሕጂ ናይ ግድን እቲ ናይ ስሚንቶ ፋብሪካ ይስራሕ ኣይስራሕ ካብ ደገ ኣምጺእና እቲ ዝብገስ ፕሮጀክትታት ከበግሶ እዩ ተባሂሉ ድሮ ተበጊሱ ኣሎ። ምስኡ ዝኸይድ ናይ ጸጸር ኣሎ ጆያ ዝበሃል ናይ ሑጻ ኣሎ ናይ ዘንጊ ሓጺን ኣሎ ተንዲኖ ዝበሃል እዚኦም ኩላቶም ከተማልእ ክትክእል ኣለካ። ናይ ሕጡብ ጉዳይ ኣሎ። ናይ ጊንዳዕ ናይ ሕጡብ ፋብሪካ ይትረፍ ንጠለብ ከማልእ ብዓይነቱ ውን

ካብቲ ዝፈሪ ሕጡብ ጥዑይ እዩ ኢልካ ክትዛረበሉ ኣይትኽእልን። ማዕረ እቲ ጠለብ ዝኸይድ ኣፍራይነቱ ወይ ፍርያቱ ገጅፍን ጥዑይን እዩ ብዓይነቱ ብዓይነት ብዋጋ ከኣ ዘወጻጽእ ናይ ሕጡብ ፋብሪካ ክህሉው ኣለዎ። ተነጻፍቲ ዝበሃሉ እዞም ታይትስ ናይ መንደቕ ይኹኑ ናይ ንሓስ ይኹኑ ናይ የለዉን ኣብዚ ዓዲ ካብ ደገ ዝመጹ'ዮም።ኣብ ኢድና ዘሎ ጥረ ነገራት ከምቲ ናይ ስሚንቶ ፋብሪካ ንዓና ኮይኑ ንኻልእ ዝኸውን ኣሎ ንዓኡ ንመስርሒ ትካላት ነይሩ ንኣሽቱ እቲ ትካላት ግን የለን ሞይቱ እዩ።የፍሪ እዩ ብዓቐን ግን ነዚ ዘሎ ጠለባት ዘማልእ ኣይኮነን ንሽቓቓት ንመጻረዪ ዘድሊ ንመዕእጹን መሳኩትን ዘድሊ ካብ ዕንጻይቲ ድዩ ካብ ዝተፈላለዩ መታላት ዝተፈላለዩ ሻንብቆታት መጻራረዪ ድዩ ንትሕተ ቕርጺ ዘድሊ ማዕረ'ቶም ናይ ኣባይቲ ፕሮግራማት ኣገልግሎታት ናይ ጥዕና ናይ ትምህርቲ ናይ ስፖርት ናይ መዘናግዒ ኣገልግሎት ናይ ዕዳጋታት ምስራሕ ውን ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ሕጂ እስከ ከም መፈተኒ እዚኣ ናይ ኣስመራ ኣብ ገለ ገለ ከባቢታት ክፉት ዝጸንሐ ቦታ ብኡኡ ንጀምር እዚ ናይ ቴክኖሎጂ ኢድና ነጽርየሉ። ኩሉ ክንገብሮ እኳ እንተዘይከኣልና እናተሓጋገዝና ምስ መላፍትና ውን ነቲ ናይ ምስራሕ ናይ ምትግባር ዓቕምና ውን ነዕብዮ። እዚ ሕጂ ዝግለጽ ዘሎ ብዝያዳ ነቲ ዝካየደሉ ዘሎ ናይ ፓይሎት ፕሮጀክት እዩ።እምበር ገጂፍ ናይ ኣባይቲ መንበሪ ኣባይቲ ፕሮጀክቲ ኢልካ ክትዛረበሉ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ ገጂፍ መደብ ክንኣቱ ምእንቲ ኩሎም እቶም ከማልኡ ዘለዎም መሰረታውያን ረቛሒታት ንዓዓቶም ከነማልእ ክንክእል ኣለና።ናይ ማሺነሪ ናይ ኢኩትመንት ናይ ስሚንቶን ካልኦት መሰረታውያን ጥረ ነገራት ውን ከነፍሪ ክንክእል ኣለና።እዚኦም ኣማሊእና ብሃገር ደረጃ ኣበይ ኢና ንሰርሕ ሕጂ ወላ ሓፈሻዊ ኣብ ሰለስተ ናይ ልምዓት ዞባታት ኢልና ንዛረብ እንድሕር ኣለና ኮይንና ምብራቕን ናይ ጎላጉልን ናይ ምዕራብ ጎላጉል እዚ ማእከል ንብሎ ከኣ በረኽቲ ቦታታት ናይ ልምዓት ቦታታት ሕጂ እተን ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ዘለዋ ሕጂ ክዓብያ ይኽእላ ድየን ክሳብ ክንደይ እየን ክዓብያ ዝኽእላ ሓደስቲ ክድኮና ዝኽእላ ኣለዋ ድየን እዘን ቁሸታት ዓድታት ንብለን ናብ ሓውሲ ከተማታት ክዓብያ ይኽእላ ድየን ንዓዓተን ዘድሊ ናይ ቀረብ ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ካልኦት ዝተፈላልዩ ንቁጠባዊ ዕድላት ተስፋ ዝህቡን ምስ ዕቤተን ዝዛመዱን ራህያትት ኣለዉ ድዮም ሕጂ ምስኡ ማዕረ ማዕሪኡ  ናይ መንበሪ ኣባይትን ናይ ኣገልግሎታዊ ህጻታትን ሃገራዊ ንድፊ ኣሎ ኢልና ክንዛረብ ንክእል ብሃገር ደረጃ። ሓፈሻዊ ንድፊ ኣሎ ኣንበር ውዱእ ዝተጻፈፈ ኣሎ ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን። ሕጂ እዚኦም ፕሮግራማት እዚኣቶም ከምዚ ኣቀዲመ ዝጠቐስክዎ ግቡ ነቐፌታ ተገይርሎም ሕጂ ከም ብሓድሽ ብሓድሽ መንገዲ ንጅምር ኣለና እዚ ንጅምሮ ዘለና ጉዕዞ ውን ኣበር ዘይብሉ ውርጹጽ መደብ እዩ ንኹሉ ሽግራት ክፈትሕ እዩ ብሓጺሩ እዚን እዚን ክገብር እዩ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን። ናይ ድሕሪት ተመክሮ ተመሊስካ እቲ ድሌትና ግን ኣብ በትኡ እናሃለወ እቲ ድልየት ተጨባጢ ዝኾነሉ ናይ ራሕቂ ናህሪ እናወሰኽና ዝኸፈልና ከፊልና ክንሰርሓሉ ምእንቲ ካልኦት ዓበይቲ ናይ ልምዓት መሰባት ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና።መንበሪ ኣባይቲ ግን ቀዳምነት ማዕረ'ቶ ቀዳምነታት ዝስራዕ ስለዝኾነ እቲ ዝማላእ ኣማሊእና ክንሰርሓሉ ኢና ተባሂሉ ይኸይድ ኣሎ።ማለት ኣብዘን 3 መፈተኒ ቦታታት ናይ ባጽዕን ከባቢኣን ንብዙሕ ረቛሒታት ምስቲ ናይ ወደብ ናይ ናጻ ዞባ ናይ ዓሳ ካልኦት ዝተፈላለዩ ንጥፈታት እንተላይ ቱሪስታዊ ኣገዳስነት ስለዘለዎ እቲ ከባቢ ብቴክኖሎጂ እስከ ንፈትኖ ንስርሓሉ ተባሂሉ ዝተነድፈ ፕሮጀክትታ ኣሎ ብዘይካ መንበሪ ንቱሪስታዊ ኣገልግሎት ውን ዝውዕል። ኣብ ምዕራብ ሓፈሻዊ ንድፊ ንተሰነይን ከባቢኡን ዝወጸ ኣሎ ምስቲ ቀዲመ ክጠቕሶ ዝጸናሕኩ። ሕጂ ኣፍካ መሊእካ ምእንቲ ቅድሚ ሕጂ ፈቲነ ብዙሕ ስለዘይሰለጠኒ ሕጂ ከኣ ኣብ ንፋስ ከይከይድ ምእንቲ እስከ ቅድም'ሞ ኢደይን ኩሉ እቲ ነገር ከረጋግጽ፡ ሕጂ እዘን ዝጭበጣ ናይ ሲሚንቶ ቀረብ ቅድም ከነረጋግጽ ክንክእል ኣለና። መሰረታዊ'ዩ። ምናልባት ጸጸር፡ ሑጻ፡ ዘንጊ ሓጺን፡ ተነጻፊ ሻምብቆታት ናይ መጻረዪ፡ ናይ ኤለክትሪክ ናይ ማዕጾ ናይ መሳኹቲግን ቅድም ቀዳድም ሲሚንቶ ብዘየቋራጽ ነቲ ጠለብ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ዘማልእ ብርዓዊ ዋጋ ከኣ ኣብ ዕዳጋ ክቐርብ ክኽእል ኣለዎ፡ ወይ ከኣ ነዞም ፕሮጀክትታት እዚኣቶም ከግብሮም ኣለዎ። ሕጂ እቲ ትግባረ ኣብ ደገ ዘሎ ድዩ እቲ ተጠቃሚ፡ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ድዩ እቲ ተጠቃሚ ብዓል ዶላር ድዩ

> በዓል ናቕፋ ድዩ በዓል ጂንየ ድዩ በዓል እንታይ'ዩ ካልእ ኣርእስቲ'ዩ። እዚ ግን ሓደ ፓይሎት ፕሮጀክት'ዩ። ፓይሎት ፕሮጀክት ክብል ከለኹ ናብ ብናህሪ እንጉዓዘሉ ገዚፍ ፕሮግራም ናይ መንበሪ ኣባይቲ ቅድሚ ምእታውና ዝግበር ዘሎ ፈተነ'ዩ ግን ጽቡቕ ድሌት እንድየ ኢለ ጽቡቕ ድሌት ሕማቕ ኣይኮነን፡ ጽቡቕ ድሌት ሕጂ'ውን ሓይሉ'ዩ መጺኡ ዘሎ። ካብቲ ዝተበገስናሉ'ሞ ተገሪህና ዝተጉዓዝናሉ ብዙሕ ዘይሰለጠና፡ ሕጂ ጽቡቕ ድሌትና ኣሐይልና ንቕድሚ ክንሰርሕ ኣብ ዝሓሸ ቦታ ኣለና። ምናልባት ኣፍና መሊእና ተኣማሚንና ከይንጅሃር ሕይብ ምባል ኩሉ ግዜ ሕማቕ ኣይኮነን።

ኣብዚ ናይ ህንጻ ኣባይቲ ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት እዚ ብግሊ ዝካየድ ንጥፈታት ወይ ህንጻዊ ስርሓት ተወንዚፉ ብምጽንሑ ሓያሎ ኣብቲ ንጥፈት ወይ ኣብቲ ስራሕ ወይ ኣብቲ ጽላት ዝነጥፉ ዝነበሩ ሞያውያንን ናይ ጉልበት ሰራሕተኛታትን፡ ሃስያ ምውራዱሲ ርኡ'ይ'ዩ። ኣብ ጽላት ህንጻ ሰፊሕ ናይ ሸቕለት ዕድላት ንምፍጣር ከምኡ'ውን ብሕታዊ ክፋል ኣብ ዕብየት ናይዚ ጽላት'ዚ እጃሙ ዘበርክተሉ ዕድላት ንምኽፋት ተበግሶ ዜጋታት ኣብ ምስራሕ ጤሳን ካልእ ኣባይቲን ንምትብባዕ መጻኢ ኣተሓሕዛ ናይዚ ጽላት ከመይ'ዩ?

ኣነ ምናልባት ክጠቕሶ ስለዘይደለኹ እናፈለጥኩ'የ ጎስይየዮ እምበር ጽቡቕ ድሌት ኣብዩዝድ ይኸውን፡ ብዙሓት ጽቡቓት ድሌታት ከኣ ንጽቡቕ ነገር ኣይተሰርሓሎምን። ሕጂ ግን ክንሓሚ ክንወቕስ ኣነ ግዜኡ ዝሓለፈ ዋላ እቶም ብሕታዊ ክፋል ኢና ዝብሉኻ ንሳቶም'ዮም ኣብዚ ጽርግያታት ፕሮፖጋንዳ ዝገብሩዎ። 'ኣንታ እዚ መንግስቲ ዝገብሮ ዘሎስ ንሕና ባዕልና'ኳ ምገበርናዮ ነይርና፡መሳለጥናዮ ነይርና፡ እዘን ናይ መንግስቲ ትካላት ዝሰርሕኦ ብዙሕ ዘድምዕ ኣይኮነን' ኣናበልካ ጎስጓሳት ምክያድ ሎቢ ናይ ዎል ስትሪት'የ ዝብሎ ኣነ እዚ፡ ብኸምኡ ብሕታዊ ክፋል ክሕይልን ክሰርሕ ነይሩ እንተዝኸውን ነይሩ'ሞ ኣነ ኣብ ቅድሚኡ ተዓጊተ ደው ኣይብልን'የ። ኣብ ሕርሻ ኣብ ማኒፋክቸሪንግ ኣብ ኣባይቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ካልኦት ጽላታት ናይ መንግስቲ ጽቡቕ ድሌትን ዕድልን ንእንተፈጥረ ሓደ ብሓደ፡ ሱቕ ኢልካ ዕላል ናይ ጽግያታት ናይ ኮካ ኮላ ናይ ቡን ዘይኮነ ሓደ ብሓደ ብጭቡጥ እዚኦም እዚኦም ዕድላት ተዋሂቦም ተሰሪሑሎም ድዩ ዋላ በሽካዕላል'ዮም ተታሒዞም? እንድሕሪ ኢልካ ኣነ ብዙሕ ኣብኡ ብዝዝርዝር ክኣቱ ኣይደልን'የ ብዙሕ ስለዝኾነ እቲ ኣርእስትታ ማለት'ዩ። ብሕታዊ ክፋልን ዘይብሕታዊ ክፋልን ዝበሃል ኣይፈልጥን'የ ኣነ። ብሕታዊ ክፋል ዝበሃልሲ ኣብ መንጎ ብሕታዊ ክፋል ዝበሃልን መንግስቲን ፈላሊኻ ዝርአ ነገ የለን። እዚ ኩሉ ናይ ሓጽብታት ናይ ጽርግያታት ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ናይ ነዳዲ ቀረብ ካልኦት ተባሂሉ ዝካየድ ዘሎ፡ ኖኖ ብሕታዊ ክፋል ከገብሮ ይኽእል'ዩ'ሞ እነህለ ግደፍዎ፡ ተባሂሉ ናይ ታቸር ፕሮግራም ምትእትታው ማለት'ዩ ኣብዚ ገና ሓፍ ዘይበለ ሃገር። ብሕታዊ ክፋል ከ መን'ዩ? ብሕታዊ ክፋል እንታይ ክገብር ይኽእል'ዩ? ክንደይ ገንዘብ ዘለዎ'ዩ? ኣብ ምንታይ ኣብ ምንታይ ክሰርሕ ዝኽእል'ዩ? ሆቴላትን ሬስቶራንትታትን ከፊቱ ቀንፊዞም ዝብል ድዩ ኣብ ፋብሪካታትን ዝሰርሕ እሞ ናይ ቁጠባ ዕብየት ናይታ ሃገር ዝሰርሕ ዲዩ ማይ ኣልዩዎ ብገንዘብ ብዶላር ብኤሮ ኣውፎሪ ዝሰርሕ ድዩ ጉዳይ ብጉዳይ ክዝረበሉ ኣለዎ። ኣነ ብዙሕ ግዜ እንድየ ዝሰምዕ በቲን በቲን ዝመጽእ ዘረባታት ኣሎ ጉዳይ ብጉዳይ ብጭቡጥ። ሓፈሻዊ ኣረዳድኣ ናይ ብሕታዊ ክፋል ኢልካ ኣይዝረብን'ዩ። ኣብ ኣባይቲ ምስራሕ ኣብዚ ኣስመራ ጥራይ፡ ኣብዚ ኣስመራ ጥራይ እዚኣ ኣስመራ ኤርትራ ኮይና ዘላ ንገሊኦም፡ ብዘይካ ኣስመራ ካልእ ኤርትራ የለን ማለት እንዲዩ፡ እዘን ተሰሪሐን ዘለዋ ገዛውቲ ኣበይ ዘለዋ'የን። ናይ ኮርያ ሓደ ካብቶም ደሓን ዝምስገኑ ፕሮጀክታት ተባሂሉ ተሸይጡ ተባሂሉ ኣብኡ ዝተፈጸመን ዝፍጸምን ኣሽካዕላል ፈጺምካ እዚ'ዩ ክትብሎ ኣይትኽእልን ኢኻ። ጤሳ ተዋሂቡ'ዩ ተባሂሉ ብዛዕባ ምስ ጤሳ ዝተኣሳሰረ ናይ ምድርንጋርን ናይ ምውቕቓዓን ናይ እስፐኪለሽን ኣሽካዕላን እዚ'ዩ ደረቱ ኢልካ ክትዛረበሉ ኣይትኽእልን ኢኻ። ጤሳ ወሲደ ኢሉ ንሓሙሽተ ሚእቲ ትርብዒት መሬት ብናይ ጨራሩ ገዛውቲ ብሰርቪስን ካልእን ዘሎ ኣሽካዕላል፡ እቲ መሬት እኮ ዋጋ ኣለዎ። እንታይ ዓይነት ወፍሪ ኢኻ ተካይደሉ፡ ዓቕሚ ከይህልወካ ይኽእል'ዩ፡ መንግስቲ'ውን ኣይሓገዘካን ይኸውን፡ ናይ ፋይናንስ ትካላት'ውን ኣይሓገዛኻን ይኾና፡ እቲ መሬት ግን መሬት ኣብ መወዳእታ፡ ብጤሳ ውሰዶ

ብድላይካ ውሰዶ ክትጥቀመሉ ክትክእል ኣለካ። ኣብዚ መኻዚኖ ክገብር’የ፡ ኣብዚ ሆቴል ክሰርሕ’የ፡ ኣብዚ ሬስቶራንት ክገብር’የ ተባሂሉ ተወሲዱ ዘሎ መሬትን ዝተሰርሓሉ ፍረን እንታይ ይመስል? መሬት ከነልምዕ ኢና፡ ኤክስፖርት ክንገብር ኢና፡ ከምዚ ክንገብር ኢና፡ ተባሂሉ ብኣማኢታት ሄክታራት ንዝተፈላለዩ ሰባት ዝተፈቕደ ኣብ ምንታይ መዓላ ኣውዒሎሞ? ከመይ ገይሮም ተጠቒሞምሉ? ኣነ ሕጂ ኣብዚ ክዛረብ ኣይደልን’የ፡ ናይ ብሓቂ ኣድማዒ ከፍሪ ዝኽእል ብሕታዊ ክፋል ክምዕብል ምእንቲ ቀዳምነት ቀዳምነታት ናይቲ መንግስቲ’ዩ። እዞም ዝጠቕሶም ዘለኹ ናይ ሕርሻ ናይ ልምዓት መደባት፡ ናይ ባደሚት ናይ ገርሰት፡ ናይ ሓደ ናይ ሓደ ዝበሃሉ ዘለዉ ሰባት ክሕዝዎም ክኽእሉ ኣለዎም ኣብ መወዳእታ። ሕጂ ክሰርሕዎም ኣይክእሉን’ዮም፡ ዓቕሚ’ውን የብሎምን፡ ኣብ ገዛኦም ተኾርሚዮም ዘለዉ ብሕታዊ ክፋል ኣይኮነን? ሳምሶናይት ሒዞ ዝኸይድ ጥራይ’ዩ ብሕታዊ ክፋል’ሞ ንዕኡ ክህቦ’የ እቲ መሬት እንተይልካኒ ንዕኡ ኣይህቦን’የ እቲ መሬት ኣነ። እቲ ተዋዲዱ ዘሎ ፕሮጀክትታት ነቶም ኣብኡ ጻህያይ ክጽህዩ ዝውዕሉ ዘለዉ ገና ሕጂ ኣብ ገዛኦም ብዘይካ ንእሽቶ ጋዓትን ቕጫን በሊዖም ዝኸዱ ዘለዉ ንሳቶም ጽባሕ ንግሆ ክጥቀምሉ ክኽእሉ ኣለዎም። በብቕሩብ ከኣ እናማዕበሉ ሞያ እናቐሰሙ ተመኩሮ እናቐሰሙ ገንዘብ እናዋህለሉ ብሕታዊ ክፋል ክኾኑ ይኽእሉ’ዮም። ኩሉ ህዝቢ ብሕታዊ ክፋል ክኸውን’ዩ ምኽንያቱ ሰሪሑ ክነብር ክኽእል ኣለዎ ማለት’ዩ ብሕታዊ ክፋል። ኣብ ባንካ ሕሳብ ኣለኒ፡ ሳምሶናይት ኣለኒ፡ ኣብዚ እትው ኣብዚ ውጽእ ኢለ ከምዚ ኢለ፡ ኩለን ኣብ ዝተፈላለያ ጽላታት ምናልባት ዳሕራይ ንዝምልከቶም ኣካላት ክትሓትዎም ትኽእሉ ኢኹም፡ ኣብዚ ንስኻትኩም ተማሓድርዎ ወይ ከካይድዎ ጽላት ዝነበረ ሱታፌ ናይ ብሕታዊ ክፋል እንታይ ይመስል? ክንደይ ዝኣክል ማል’ዩ ወፊሩ? ኣብ ምንታይ መዓላ ውዒሉ? ክንደይ ማልስ ተረኺብሉ? ክሳብ ክንደይ ንቑጠባዊ ዕብየት ደጊፉ? ኢልካ ሓደ ብሓደ ብኣሃዛት ዝምለስ ሕቶታት ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ስለዚ እቲ ብሕታዊ ክፋል መንግስታዊ ክፋል ዝበሃል ጸወታታት ናይ ዘረባ ኣጽንሓዮ ኣብ ደገ። ብሕታዊ ክፋል ግን ህዝቢ ብምልኡ፡ ሎሚ ገንዘብ ዘለዎ ገንዘብ ዘይብሉ ከዋህልል፡ ጽባሕ ንግሆ ከኣ ዝመስሎ ዋኒን ክሰርሕ፡ ኣብ ሕርሻ ዲዩ ኣብ ማኒፋክቸሪን ድዩ፡ ኣብ ጥሪት ምፍራይ ድዩ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ከዋፍር ክኽእል ምእንቲ ናእሽቱ ደቀቕቲ ማእከሎት ዝበሃሉ ኣውፈርቲ ንሳቶም’ዮም ኣብ መወዳእታ ብሕታዊ ክፋል ዝኾኑ። እዚ ሕጂ መንግስቲ ዝገብሮ ዘሎ ነቶም ትካላት ኣማሓዲሩ ወኒኑ ክሰርሕ ኣይኮነን። ሕጂ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ምዕራብ ናይ ቁጠባ ፍላስፋታት መጺኦም ስቲሙለስ ዝብህሉኻ፡ ሰዓት ሕላፍ ዝመጽእ ስቲሙለስ ዘይኮነስ ከይተበገስካ ከለኻ ቅድም ከተበራብሮ ክትክእል ኣለካ። መበራበሪ ከኣ ሃዋሁው ክትፈጥር ኣለካ። እቲ ብሕታዊ ክፋል ዝበሃል ክዓብየሉን ክኹስኮሰሉን ዝኽእል ኢንቫይሮንመንት ክትፈጥር ክትክእል ኣለካ። ትሕተ ቅርጺ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ናይ ኣዋጃትን ፖሊስታትን ጉዳይ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ኩሎም እዚኦም ተደማሚሮም፡ ንብሕታዊ ክፋል መኾስኮሲን መዕበይን ዝፍጠሩ’ዮም። እንተዘይኮነ፡ ንእሽቶ ድኳን ኣብዚ ከፊትካ፡ ኣብቲኣ ንእሽቶ ድኳን ከፊትካ ከተዋቕዕ፡ ኣብዚን ኣብዚን ኢልካ ከይድካስ ኣነ ብሕታዊ ክፋል’የ? ከምኡ ዝበሃል ብሕታዊ ክፋል ኣባና ዘይኮነስ ኣብተን ምዕቡላት ሃገራት’ውን ኣይሰርሐን፡ ነቲ ቁጠባ ኣዕኒዩ ኣቕንቀኑ፡ እዚ ንርእዮ ዘለና ቅልውላው ኣእቲይዎ ስለዘሎ ንሕና ካልኦት ዝሓለፍዎ ተመኩሮ ክንደግም ኣይኮናን። ኣብ ዘየድሊ ሬቶሪክ ኣብ ዘየድሊ ናይ ፍልስፍና ቁይቀ’ውን ኣይንኣቱን ኢና፡ ብዕምቆት ተረዲእና ናይ ብሓቂ ንብሕታዊ ክፋል ዝጥዕም ሃዋሁውን ባይታን ከነዳሉ ኣለና። ብዘይ ብእኡ ቁጠባ ክዓብን ክምዕብልን ኣይክእልን’ዩ። መንግስቲ ተራኡ ክፈልጥ ክኽእል ኣለዎ፡ ናይ መንግስቲ ኣካላት ግቡኣን ከበርክታ ክኽእላ ኣለወን። ኣብ መወዳእታ ከኣ እቲ ህዝቢ ክጥቀመሉ ክኽእል ኣለዎ። ውሕስነት ክህልወካ ክኽእል ኣለዎል፡ ምኽንያቱ ኩሉ እዚ ነገር’ዚ ኣዋዲድና ንክልተ ሚእታዊ ንሰለስተ ሚእታዊ ንኣርባዕተ ሚእታዊት ናይታ ሃገር ህዝቢ እንድሕሪ ዝጥቀመሉ ኮይኑ፡ ኣነ እዚ ኩሉ ደኺመ፡ ሪሂጸ፡ ሰሪሐ፡ እዚ ኩሉ ህዝቢ ሰዊኡ እዚ ኩሉ ዓመታት ከይዱ ኩሉ ዝተሓፍሰ ኩሉ ዝነጠበ ርሃጽ ክልተ ስለስተ ሰባት ክበልዕዎ ኣለዎም እንድሕሪ ኢልካኒ ንኸምዚ ኢልና ኣይተቓለስናን ንኸምዚ ኢልና ከኣ ሃገር ክንሃንጽ ኣይንኽእልን ኢና። መደባትና ኣነጺርና መን እንታይ ይገብር ኣሎ ኢና ክንብል። እዚኦም ኣብ ዕዳጋ ዝዛረቡ ናይ ኮካ ኮላ ናይ ቡን ናይ ጀላቶ ዘረባ ኣብቲ ጽላት ብጽላት ዝመጽእ ክልዓሉ

ዘለዎም ጉዳያት'ዮም። ኣነ ሕጂ ምናልባት ኣብ ብዙሕ ግዜ ዝወሰድ ኣርእስቲ ክኣቱ ይኽእል'የ ግን ዘረባ ዕላላ ወዲ ዕላል ዝተቐባበለ ዘረባ ጥራይ ዘይኮነስ ብጭብጢ ጉዳይ ብጉዳይ እዚ ወፍሪ ኣይተፈቕደን፡ ዕድል ኣይተዋህበን፡ ከምዚ ኣይኮነን ዝበሃል ዘሎ ብግሉጽነት ህዝቢ'ውን ክፈልጦ ክኽእል ምእንቲ ጽላት ብጽላት እቲ ክፍጠር ዝድለ ሃዋሁው ዝዋደድ ዘሎ ባይታ እንታይ ይመስል? ንኣውፈርቲ እንታይ ድዕላት ክፍጠር'ዩ ዝድለ ዘሎ፡ ክሳብ ሕጂ ዝተገበረ ኸ ኣብ ምንታይ በጺሑ ኣሎ? ናታትኩም ናይ ጋዜጠኛታት ስራሕ'ዩ ጽባሕ ንግሆ ነቶም ዝምልከቶም ሓቲትኩም ኣብ ቅድሚ ህዝቢ እቲ ስእሊ ከተነጽርዎ ክትክእሉ ኣለኩም።

ፖሊሲታትናን ቅድሚ ሕጂ ዘውጻእናዮም መደባትን ከሊስና፡ ብኽውንነታዊ መንገዲ፡ በብመድረኹ፡ ንሽግራትና ካብ ሱሩ ዝፈትሓልና ገዚፍ ናይ ኣባይትን ኣገልግሎታዊ ህንጻታትን ፕሮግራማት ክንሕንጽጽ ኣለና። ነብስና ነቚፍና ዲና ወይስ ኣሪምና፡ ሕጂ ንብገስ ኣለና ክንብል ንኽእል።

**ክቡር ፕረዚደንት ተዋዲዱ ዘሎ ናጻ ዞባ ምስ መደባት ምስፋሕ ይኹን ምህናጽ ወደባት ብኸመይ ከም ዝጠዓዓም ዶ መብራህካልና?**

እቲ ናጻ ዞባ ኣምራዊ'ዩ እየ ዝብሎ። ከም ሓሳብ ከም ፖሊሲ ንዕኡ ዘድሊ ኣዋጃት ምውዳድ ቀስ ብቐስን መድረኽ ብመድረኽን ከም ዝዓቢ ክትገብሮ ክትሓስብ ክትክእል ኣለካ። ናጻ ዞባ ብዘይ እዞም ክጠቕሶም ዝጸናሕኩ ትሕተ ቅርጻዊ ፕሮግራማት ንበይኑ ክኸይድ ኣይክእልን'ዩ። ዝኾነ ኣውፋሪ ንባጽዕ ከም ናይ ወፍሪ ቦታ ክጥቀመላ እንድሕሪ ደልዩ፡ ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ብቑዕ ድዩ? ማይ ኣሎ ድዩ? ንመራኽቢታት፡ ንሰብን ንብረትን መጓዓዓዚ ባሕሪ፡ ኣየርን ምድርን ካልኦት መሳለጢያታትን ኣለዉ ድዮም? ጸዓት ወይ ኤለክትሪክከ ኣሎ ድዩ ዝብል ሕቶ ወሳኒ'ዩ። ከም ማእከል ንግዲ ክጥቀመሉ'ኸ ይኽእል ድዩ? ስለ'ዚ ኣብ'ዚ ሎሚ እዋን ናጻ ዞባ ከም ኣምር ሕማቕ ኣይኮነን። ናጻ ዞባ ናይ ብሓቂ መስሪትና ኢና ኢልካ ክትዛረብ ግን ካብ ክውንነት ዝረሓቐ'ዩ። እዚ ማለት ክንደይ ዓመታት ኣዋጅ ኣውጺእና ክንሰርሕ ፈቲንና ፋይዳ ኣይረኸብናሉን'ሞ ነዋድቕ ንብለሉ ኣይኮነን። ናጻ ዞባ ስለ ዝኣወጅካን ፖሊስታትካ ስለ ዘመዓራረኻን ጥራይ ነውፈርቲ፡ ነጋዶን ሰብ ዋኒንን ዝስሕብ ግብራዊ ናጻ ዞባ ክነዋድድ ዓቕሚ ኣጥሪና ኣለና ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን። ምኽንያቱ ካልኦት ብዙሓት ዝተሓላለኹ ነገራት ኣለዎ። ንገዛእ ርእሱ ንናትና ዓቕሚ ክንሰርሓሉ ኣይከኣልናን። ሓደ ሓደ ንኣሽቱ ትካላት ተተኺሎም ኣለዉ። እንድሕር ብዛዕባ ዓሳ ጥራይ ንሓስብ ኣለና ኼንና፡ ወይ'ውን ናይ ሃገር ምህርቲ ብባጽዕ ገይርና ንሰደድ ክነዋድዶ ደሊና ኣለና፡ ኩሉ መሳለጥያታት ኣሎዶ? ኢልና ክንሓትት ይግባእ። ናይ ማይ ቀረብ'ውን ኣብቲ ከባቢ ዘተኣማምን ኣይኮነን፣ ዓሳ እንተገፊፍካ ካብ ኩለን እተን መበገስን መአከብን ነቑጣታት - ናይ ዓሰብ ምናልባት ናቱ ናይ ገዛእ ርእሱ ከባቢ ኣለዎ ኢልካ ክትዛረብ ትኽእል። ካብኡ ንነጀው ግን ኣብ ከባቢ ባጽዕ ዓሳ ኣዝሒልካ ኣብሪድካ ዓሺግካ ንደገ ክትሰዶ ዘኽእል መሳለጢያታት ኣሎ ድዩ? ንገዛእ ርእሱ እቲ ናይ ምግፋፍ ዓቕሚ'ውን የለን፣ ምስኡ ዝኸይድ ኣገልግሎታት ዝቕርብ ዓቕሚ'ውን የለን። ካብኡ ንሰደድ ዝኸይድ ዓሳ ከም ናይ ናጻ ዞባ ሰደድ ኢልካ ወሲድካ'ውን ብዙሕ ክትሓስብ ትኽእል። ናጻ ዞባ ጽቡቕ ሓሳብ'ዩ። መሳጢ ጥራይ ዘይኮነስ ከም ኣምር ክትግበር'ውን ዝኽእል ሓሳብ'ዩ። ግን ንዕኡ ኣብ ሓደ ብቑዕ ደረጃ ከብጽሕዎ ዝኽእሉ ክማልኡ ዘለዎም ብዙሓት ነገራት ከምዘለዉ ክንርስዕ የብልናን።

**ኣቐድም ኣቢልካ ብዝተፈላለየ ጉዳያት ክትተናኸፎ ጸኒሕካ ኣለኻ። ንሱ ከኣ እዚ ናይ ጸዓት ጉዳይ'ዩ። ኣብዚ ጽላት'ዚ ዘሎ ዓቕሚ ውሑድ'ዩ። ምስቲ ዘሎ ዋሕዲ ከኣ ብፍላይ ኣብ ኣፍረይቲ ዋኒን- ትካላት ቅሩብ ሃስያ ጸኒሑዎ'ዩ፡ ማሕንቖ ኮይኑ ኣሎ። ስለዚ ነዚ ዘሎ ጸገማት ፈቲሕካ ንሓዋሩ ንዕብየት ቁጠባ**

## ክድርኽ ዝኽእል ዓቕሚ ብደረጃ ሃገር ንምዕባይ ተታሒዙ ዘሎ ውጥን ብዝምልከት እንታይ መብርሂ ክትህበና ትኽእል?

ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ማሕንቖታት ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት፡ ኣገልግሎት ኤለክትሪ'ዩ። ጸዓትን ነዳድን'ውን ምስኡ። ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ክጅምር ከሎ ምስ'ቲ ውስጠ-ልጉብ (ኢንተር ኮነክትድ) ዝበሃል ንኣዚዩ ጸቢብ ከባቢ ናይዛ ሃገር ዘገልግል መርበብ'ዩ ጸኒሑ። ዋላ እቲ 'ግሪድ' ንገዛእ ርእሱ ዝርግሐኡ በቲ ቀደም ንርኣዮ። ንሱ'ውን መዓልቱ ዝበልዐ መርበብ'ዩ ነይሩ። ፈለማ ክጅምር ከሎ እቲ ስማዊ ብቕዓቱ ካብ 120 ሜጋ ዋት'ውን ዝሓልፍ ኣይነበረን። ንናይ ሃገር ምሉእ ጠለባት ኣየማልእን'ዩ ነይሩ ሽዑ። ንኣገልግሎት መብራህቲ፡ ኣባይትን ንኻልኦት ፈኮስቲ ኣገልግሎታትን እንተ ዘይኮይኑ፡ ከቢድ ጽዕነት ንዘለዎም ዝተፈላለዩ ዋኒናት ወይ ንጥፈታት ከተካይደሉ ዘኽእል ኣይኮነን። ግን ብመድረኽ እናዓበየ ክኸይድ ይኽእል'ዩ ተባሂሉ'ዩ ተተኺሉ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብፍርቂ ዓቕሙ ይሰርሕ ኣሎ ኢልና'ውን ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና። ናይ ናብዮት ወይ "መይንተናንስ" (ጽገና) ጸገም ኣሎ። ናይ ቅያር ይኹን ናይ ምዕራይ ሽግራት'ውን ጸኒሑዎ'ዩ። ሕጂ መብራህቲ ጠፊኣ፡ ኤለክትሪክ ተበቲኹ ከም'ዚ ኲይኑ ዝበሃል ዘሎ ዓቕሚ ናይ'ቲ ትካል ኣብ ምንታይ ደረጃ ከም ዘሎ ዝገልጽ'ዩ። እቲ ዝርግሐ ወይ መርበብ ንገዛእ ርእሱ፡ ንውሱን ከባቢታት'ዩ ዝምልከት። ንምዕራብ ካብ ኦምሓጀር፡ ተሰነይ፡ ሃይኮታ . . . ከምኡ'ውን ኣቝርደትን ባረንቱን እንተ ርኢናዮ፡ መጢጥካ መጣጢጥካ ዝግበር ዘሎ ዝርግሐ ናይ መርበብ እዩ'ምበር፡ ህሉው መመንጨዊ ጉልበቱ ኣዝዩ ዝተደረተን ናብኡ ክበጽሕ ዘይክእልን'ዩ። ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ወይ ናይ ጸዓት ቀረብ ብደረጃ ሃገር ማዕረ'ቲ ዝድለ ጠለብ እናማዕበለ ክኸይድ እንተ ኾይኑ ሓደ ውጥን ክወጽእ ክኽእል ኣለዎ። ሕጂ ዝግበር ዘሎ ናይ ቅልውላው ምሕደራ'ዩ። ነቲ ዘሎ ጸገም ከመይ ገይርካ ትሰግሮ ጥራይ'ዩ። ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ቴክኒካዊ ሽግራት ኣለዎ። እዚ ይፈታሕ። ግና ወላ ንሱ እንተ ተፈትሐ እቲ ሽግር ተፈቲሑ ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና። ወሰኽ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ካብ ዘለዎ ሜጋዋት ንላዕሊ ክሳብ እቲ ዝድለ ክትከይድ እንድሕሪ ትሓስብ ኬንካ፡ ኩላቶም'ቶም ደረትቲ ዝበሃሉ ረቛሒታት ብግቡእ ኣጽኒዕካ መድረኻዊ ዝኾነ ዕብየት ክትስእል ትኽእል። ዘለዉና ክኢላታት'ውን ኣጸቢቖም ስለ ዝፈልጥዎ ኣይጽግሞምን'ዩ። ጉልበት ኤለክትሪክ ምዕባይ ጥራይ ዘይኮነ መርበብ ምስፋሕ'ውን ኣሎ። ክሳብ ክንደይ ደረጃ ኢኻ ክትዝርግሖ እትኽእል? ካብ ሓደ መመንጨዊ ክትዝርግሕ ድዩ ዘዋጽኣካ ብኽልተ ሰለስተ ክፍልታት? ምዕራባዊ ክፋል ሃገርና መመንጨዊ ክህልዎ፡ ናይ ዓሰብ መመንጨዊ ትካል ናይ ግድን ምስ ናይ ሕርጊጎ መመንጨዊ ትካል ክተኣሳሰር ኣለዎ ድዩ የብሉን ክኢላታት ዝውስንዎ'ዩ። ዓሰብን ከባቢኡን እንተ ድኣ ከም ሓደ ቁጠባዊ ዞባ ክዓቢ ኾይኑ፡ ምስ ናይ ወደብ፡ መዓልቦ ነፈርቲ፡ ናይ ማይ ኣገልግሎት፡ ናይ መጓዓዓዚ ኣገልግሎት ተዛሚዱ ምስ ውሽጢ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ ምስ ጎረባብቲ'ውን ዘተኣሳሰር ንጥፈታት ንኽህሉ ክሰርሓሉ ይኽእል። ጠለብ ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ክንደይ ክኣኽሎ ይኽእል? ዝወሓደ ናይ ኤለክትሪክ ጉልበት ክህልዎ ኣለዎ ትብሎ ክንደይ ክበጽሕ ይኽእል? ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ልምዓት መደባት ንሰሜን ገጹ ዝጠመተ ካልእ መመንጨዊ ክሕሰብ ይከኣል። እዚ ሕጂ ዘሎ ግን ኣየስርሕን'ዩ። ብናይ ቅልውላው ምሕደራ'ዩ ዝካየድ ዘሎ። ከመይ ገይርና ኾን ንውስኽ ንሸውን፡ ከመይ ገይርና ክንካየድ እናተባህለ ክኸየድ ጸኒሑ። ኣብ ገለ ገለ ከባቢታት ብፍላይ ኣብ ከተማታት ንመብራህቲ ዘድሊ ኣገልግሎታት ንምቕራብ፡ ንመጻንሒ ክተኣታቶ ዝጸንሐ ጀነረተራት'ውን ዝረብሕ ኣይኮነን። ክስከሞ ዝኽእል ጽዕነት ኣዝዩ ዝተደረተ'ዩ። መብራህትን ንኣሽቱ ኣገልግሎታትን'ውን ዝበቕዕ ኣይኮነን። ንመጻንሒ ግን ሕማቕ ኣይኮነን ተባሂሉ  ተተኺሉ። ኪንዮኡ ዝኸይድ ፍታሓት ክርከበሉ ክኽእል ኣለዎ። ዓበይቲ ናይ ሕርሻ፡ ኣግሮ ኢንዱስትሪ ፕሮጀክትታት፡ ካልኦት ዝተፈላለዩ ኢንዱስትሪያዊ ንጥፈታት'ውን ከተካይድ እንተ ኬንካ፡ ጠለብ ጸዓት ብግቡእ ተገምጊሙ ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ክቕርብ ክኽእል ኣለዎ። ምስ ህሉው ኩነታት ካብ መብራህቲ ጀሚርካ ክሳብ ፋብሪካ ስሚንቶ ለሚሱ'ዩ ዘሎ። ሰብ ምናልባት በብጸገሙ ክዛረብ ይኽእል'ዩ። ንኣሽቱን ማእከሎትን ዋኒናት ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ስለ ዘየለ ስራሖም ይባኾር ኣሎ። ነዚ ዝኽሕዶ ሰብ የለን። ግን ፍታሓት በብተናጸል ክመጽኡ ኣይክእሉን'ዮም።

እቲ ዝዓበየ ግዳይ ናይ'ዚ ሕጂ ዘሎ ቅልውላው ኤለክትሪክ ፋብሪካ ስሚንቶ'ዩ። ኣብ'ዚ ሃገር ጠለብ ናይ ስሚንቶ ንእሽቶ ኣይኮነን። ንትሕተ ቅርጽን ንኻልኦት መደባትናን ዝኸውን ቀረብ ስሚንቶ፡ ንጥረ ነገር ካብ ገዛናን ካብ ጎዶቦናን ኣምጺእና ብዝወሓደ ወጻኢታት ሰሪሕና ጠለብ ከነማልእ እናኽኣልና ብሰንኪ

ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ካብ ደገ ብናይ ወጻኢ ሸርፊ ነምጽእ ኣለና። ካብ'ዚ ዝዓቢ ክሳራ የለን። ግን ንጻወሮ ኣለና። መሰረታዊ ፍታሕ ከይረኸበ ድማ ፋብሪካ ስሚንቶ ክሰርሕ ኣይክእልን'ዩ። ወላ ሕጂ ከም መተካእታ እንተ ተዓረየ ወይ'ውን ዓቢ ዝበሃል'ውን እንተ ተገብረ፡ ብውሕስነት ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት ክሰርሕ ምእንቲ ፋብሪካ ስሚንቶ ናይ ገዛእ ርእሱ ትሕጃ መመንጨዊ ክልህዎ ክኽእል ኣለዎ። ተኣማሚንካ ንኹሎም'ዞም ናይ ትሕተ ቅርጺ መደባት ዘማልኣልና ስሚንቶ ከነፍሪ ምእንቲ ናይ ኤለክትሪክ ጉዳዩ ክፍታሕ ክኽእል ኣለዎ። ጉዳይ ፋብሪካ ስሚንቶ እቲ ሽግር ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ ዘርኢ ዓቢ መግለጺ'ዩ። ከም ፋብሪካ ዓለባ ዝኣመሰለ ትካላት፡ መስርሒ ትካላት፡ መጥሓናት. . . ክሳብ'ቲ ዝደቐቐ ብኤለክትሪክ ዝካየድ ንጥፈታት'ውን ይትንከፍ ኣሎ። ሕጂ ከም ገዚፍ ገይርና ከየጋነንና ክንርእዮ ጸገም ኣይኮነን። እቲ ጸገም ኣካይዳኻ ክትፈልጥ እንተ ዘይክኢልካ'ዩ። በዚ ሕጂ እንኸዶ ዘለና ፍርቂ ዓቕሚኸ፡ ማዕረ ዓቕምና ዲና ንኸይድ ዘለና? ንጃህራ ክንድ'ዚ ሽሕ ሜጋ ዋት ኣለና እናበልና እንድሕሪ ዘይንጥቀመሉ ኼንና ስለ ምንታይ ነፍርዮ ኣለና?

ብተወሳኺ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ እቲ ንሕና ንጥቀመሉ ዓይነት መመንጨዊ ረስናዊ'ዩ። ረስናዊ መመንጨዊ ብፋርናስ፡ ብጋዝ ወይ ብኻልእ ምንጪ ኢኻ ተስርሖ። ብማይ ወይ ብንፋስ ዝምንጩ ኣይኮነን። ረስናዊ መመንጨዊ ጸዓት ጉልበቱ ዝበጽሐ ይብጻሕ፡ ኣብ መወዳእታ ንሓደ "ኪሎዋት ኣዋር" ክንደይ ወጻኢታት ትገብረሉ ኣለኻ? በዚ ወጻኢታት ዘፍረኻዮ ናይ ኤለክትሪክ ሓይሊ፡ ኣብ ምንታይ ኣገልግሎት ተውዕሎ ኣለኻ? እቲ ሓይሊ ንኽብሪ ንዋጋ ብዙሓት ነገራት ከቃልለልካ'ሞ ኣብ መወዳእታ ተደማሚሩ ከኣ ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት ዓቢ ኣበርክቶ ክገብር ኢኻ ትተኽሎ ዘለኻ። ከገፋፍሕ እየ ኢልካ ዘይዓቕምኻ'ውን ኣይትኸይድን ኢኻ። ስለ'ዚ እቲ ጽዑቕ ዕዮ ገዛና ክሳብ እንገብር በዚ ዘለናዮ ሃዲእናን ዘድልየና ዓቕን ጉልበት እናወሰኽናን ንዘለናዮ ቅልውላው መሰጋገሪ ዝኾነና መደብ ጥራይ ኢና ሒዝና ዘለና።

ሕጂ ገለ ዓቕን ክንውስኽ ንኽእል፣ ኣብ'ተን ኣገደስቲ ማእከል ናይ ቁጠባዊ ዕብየት እንብለን ከኣ ምስ ኣፍራይነተንን ዓቕመንን ዝመጣጠን ናይ ገዛእ ርእሰን መመንጨዊ ተተኺሉለን ይጸንሕ። ኣብ መወዳእታ ብዝተፈላለዩ ናይ ሃገር ናይ ልምዓት ዞባታት ናይ ገዛእ ርእሱ መስመራት ክዝርግሓሉ ኣለዎ ተባሂሉ፡ ንሽዕብ ዝኸይድ፡ ንፎሮ ዝኸይድ፡ ከባቢ ኣቑርደት፡ ባረንቱ፡ ከባቢ ተሰነይ ዝዝርጋሕ ዘሎ መስመራት፡ ኣብ መወዳእታ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሃገራዊ መርበብ ከም ዝኣቱ ኲይኑ'ዩ ተዋዲዱ ዘሎ። መመንጨዊኡ ኣበይ'ዩ? እዚ ሕጂ መጻንሒ ዘሎ ናብ ነባሪ ክሰጋገር እንድሕሪ ኰይኑ ከመይ ገይሩ'ዩ ዝዓቢ? ዝብል ሕቶ ህውኽ ኢልካ ዝግበር ኣይኮነን። ሕጂ ሽግር ስለ ዘሎ ተጨኒቕና ተብተብ ኢልና ናብ ዘየወጻጽኣና ኣማራጺታት ከይንኸይድ ምእንቲ ንዝተወሰነ እዋን ተጻዊርናዮ ክንከይድ'ዩ እቲ ኣማራጺ። ብግቡእ ሰሪሕና፡ ዘድልየና ጸጋታት ኣንሳቒስና፡ ንመበገስን ን"ሚድየም ተርም" (ማእከላይን ደረጃ) ሽግርና ክፈትሓልና ዝኽእል፡ ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት እንድሕሪ ኣዋዲድና፡ ነዞም ካልኦት ናይ ልምዓት መደባትና'ውን ውጥናቶም ብግቡእ ከነጻፍፍ ስለ እንኽእል ሕጂ ተጨኒቕና ተብተብ እንተ ዘይበልና ይሓይሽ። "ኤለክትሪክ ተሳኢኑ፡ ከም'ዚ ኲይኑ. . ." እናበለ ብዙሕ ሰብ ክዛረብ ይኽእል'ዩ። ብፍላይ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት፡ ኢንዱስትሪታትን ዋኒናትን ዘሎ ናህሪ ዕብየት፡ ማዕረ'ቲ ቀረብ ስለ ዘይከይድ፡ ጽዕነት'ውን ስለ ዝፈጥረሉ ጸገማት ኣለዉ። ስለ'ዚ ናይ ጸዓት ጉዳይ ምስ ግዜ ኣዛሚድና ብግፍሕ ዝበለ መንገዲ ክንርእዮ ከም ዘለና ንምብራህ'የ ተወሰኽቲ ነጥብታት ዘቕርብ ዘለኹ።

- **ክቡር ፕረዚደንት ከም ዝጠቐስካዮ፡ ረስናዊ ምንጭታት ክቡር'ዩ። ንቐጻሊኸ ኣብ ረስናዊ ምንጭታት ጸዓት ጥራይ ዲና ክንምርኮስ ወይስ ካልእ ኣማራጺታት ኣሎ? ንኣብነት ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ምምጻእ፡ ናይ ጸሓይ ወይ ናይ ካልእ፡ ብኸመይ ይርአ ኣሎ?**

ብኽልሳ ሓሳብ ደረጃ እወ! ሎሚ፡ ጽባሕ፡ ድሕሪ ጽባሕ ኢልካ ዘይሕሰብ'ውን ኣይኮነን። ናይ ሱዳን ከም ኣብነት ንውሰድ፣ ናይ መረዊ፡ ናይ ሪሶርስ፡ ናይ ሰቲት ዓባራ ዝበሃል'ውን ኣሎ። ኣብ'ቲ ናታቶም መደብ ኣትየ ክዛረብ ኣይደልን'የ፣ ግን ብድምር ኣሽሓት ሜጋ ዋት ተባሂሉ'ዩ ዝዝረበሉ። መመንጨዊኡ ማይ ስለ ዝኾነ ካብ ረስናዊ መመንጨዊ ብልጫታት ኣለዎ። ምስኣቶም ዘራኽበና ዞባዊ ጉዳያት'ውን ክረአ ይከኣል'ዩ። እንድሕሪ ናይ ምዕራብ መርበብ ኤለክትሪክ ዘርጊሕና፡ መጻንሒ ዝኸውን

መመንጨዊ'ውን ኣዋዲድና፡ ብኡኡ ጥራይ ክንሰርሕ ንኽእል ኢና። ከነዕብዮ'ውን ንኽእል ኢና። ዘይሩ ዘይሩ ረስናኣዊ ዝኾነ መምንጨዊ ተኽፋሊኡ ኣዝዩ ከቢድ'ዩ። ሓደ “ኪሎ ዋት ኣዋር” ብኽንደይ ሳንቲም ትገዝኦ? የወጻጻኣካ ድዩ ወላስ ኣየዋጻጽኣካን ክትፈልጥ ኣለካ። እንድሕር ካብ ጎረቤት ሃገር ብተዛማዲ ዝሓሰረ ኤለክትሪክ ክረክብ ክኢለ ዝኽልክለኒ ነገር የለን። እንድሕር ተሰማሚዕና ማለት'ዩ። እዚ ኣይንሓስበልሉን ኢና ማለት ኣይኰነን። ወላ ካብዚ ናይ ሚለንዩም ዝበሃል ኣብ ኢትዮጵያ ዝትከል ዘሎ - ብዛዕባ'ዚ ዘሎ ናይ ዶብ ጸገም ክዛረብ ዘይደሊ እንተ ኾንኩ'ኳ - ክገዝእ እንድሕር ደልየ'ሞ፡ ክሸየጥ ኣብ ዕዳጋ ዝወርድ እንተ ኾይኑ ካብኡ'ውን ክገዝእ እኽእል'የ። ካብ ደቡብ ሱዳን ዝምንጩ ጸዓት እንድሕር ኣሎ፡ ንዕኡ ዘድሊ መርበብ ተዘርጊሑ ክገዝእ እንተ ደልየ ክገዝእ እኽእል'የ። እቶም ንዞባዊ ምምልላእን ምትሕግጋዝን ዝጸልዉ ረቛሒታትኮ መሰረታውያን ናይ ትሕተ ቅርጺ ፕሮግራማት'ዮም። ኣብ ንግድ ኣብ ካልእ ዝተፈላለዩ ምትሕግጋዝ ከይመጻእካ፡ ኣብ ጸዓት፡ ጽርግያታትን ዝተፈላለዩ ትሕተ ቅርጻዊ ፕሮግራማትን ነንሓድሕድካ ክትተኣሳሰር ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት ጅቡቲ ኣለዎም ድዩ የብሎምን ካልእ ኣርእስቲ'ዩ፣ ግና ናይ ትሕተ ባይታዊ መመንጨዊ ጸዓት ክገብሩ'ዮም ይበሃል ኣሎ። እንድሕር ዝሸየጥ ኤሌክትሪክ ኣሎ'ሞ፡ እቲ “ኪሎ ዋት ኣዋር” ዘወጻጽኣኒ እንተ ድኣ ኾይኑ፡ ካብኡ'ውን ክገዝእ እኽእል'የ። ኣብ ከባቢ ተሰነይ፡ ከባቢ ዓሰብ ናትና ናይ ገዛእ ርእስና ናይ መመንጨዊ ዕድላት ስለ ዘለና፡ ከም ዝኾና ናይ “ሪፍት ቫሊ” (ሃጓፍ ስንጭሮ) ሃገራት'ውን ከነበግሶ ንኽእል። መን ይፈልጥ! ካልእ ምንጭታት ከነምጽእ'ውን ንኽእል ኢና። ኣብ መወዳእታ ነቲ ተኸፋሊ ናይ ጸዓት ከነውሕዶ ንኽእል፣ ባዕልና ካብ እንሰርሖ ድዩ ወይስ ካብ ጎረባብትና ንገዝኦ'ዩ ዝውስኖ። እንተ ድኣ ዕድል ዘፍቅድ ኰይኑ ዘይንገዝኣሉ ምኽንያት የለን። ኣብ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ተቐርቂርና ንኸይድ ኣይኰናን። ትማሊ ዝነበርናዮን ሕጂ ዘለናዮን ብምርኣይ፡ ንቕድሚት እናሓሰብና ንሰርሕ ስለ ዘለና እንተ ተኻኢሉ፡ ናትና ናይ ገዛእ ርእስና ዓቕሚ ከነዕቢ ንኽእል እንተ ድኣ ኴንና ጽቡቕ። ንፈተነ ዝካየድ መተካእታ ጸዓት'ውን ኣሎ። ብዘይካ ማያውን ረስናውን፡ ጸሓያዊ፡ ንፋሳዊ፡ ትሕተ ባይታዊ ኣሎ። ንኹላቶም ክንደማምሮም'ውን ንኽእል ኢና። ብጸሓያዊ መመንጨዊ ብሜጋታት ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ብዙሕ ተስፋ ከም ዘለዎ ይዝረበሉ'ዩ። ክንደይ ይኽፈለሉ፣ ወጻኢታቱ ይከኣል ድዩ ኣይከኣልን ግን ካልእ ነገር'ዩ። ደማሚርና ነቶም ኣብ መወዳእታ ንዋህዮታት ምምንጫው ኤሌክትሪክ ዘሐይሉልናን ተኸፋሊና ዘውሑድልናን ኣብ መዓላ ከነውዕሎም ከለና ከኣ እንደልዮ ዕቤት ከም ዘምጽኡልና ዝገብር ኩሉ ተኽእሎታት ኣብ ጠረጴዛ ኮፍ ኣቢልካ ምርኣይ'ዩ። እዚኣቶም ሰዓቱ ከይኣኸለ'ውን ክንሓስበሎም ስለ ዘለና፡ ካብ ሕጂ ንርእዮም ኣለና። ድሮ'ውን ምስ ጎረባብትና ንዛረበሉ ጉዳይ'ዩ። ዋና ነገር እቲ ናይ ጎረባብቲ መርበብ ኣብ ዶባትና ክበጽሕ ይኽእልዶ? ካብኡኸ ከነላጋግቦ ንኽእል ዲና? ምስ ጠለብና ይቃዶ ድዩ? ካብኣቶም እንረኽቦ ቀረብከ ዘተኣማምን ድዩ? ወጻኢታቱኸ ርትዓዊ ድዩ? ምስ'ዚ ሕጂ ንኸዶ ዘለና ኣሰጓግማ የወጻጽእ ድዩ? ዝብሉ ሕቶታት ኣለዉ። እዚኣቶም ብኽልሰ ሓሳብ ወይ ብኣእምሮ ዝሕሰበሎምን ዝዝረበሎምን ኢልና እንተ ኣጽናሕናዮም ዘሰክፉ ኣርእስትታት'ውን ኣይኰኑን። ናይ'ዚ ሕጂ እዋን መደባትና ግን፡ ናብ'ቶም ኣብ ቅድመና ተገቲሮም ዘለው ናይ ትሕተ ቅርጺ መደባት ዘተኮረ'ዩ።

- **ክቡር ፕረዚደንት ክብሪ መሸጣን ክራይን ኣባይቲ፡ ኣብ መነባብሮ ህዝቢ ዓቢ ጸቕጢ ዝፈጥር ዘሎ'ዩ። ሽግር መንበሪ ኣባይትን ህንጻታትን ንሱ ዘስዕቦ ዘሎ ጸገማትን ብኸመይ'ዩ ነባሪ ፍታሕ ዝረክብ? ንልምዓት ኣባይቲ ብዝምልከት ዘሎ ሃገራዊ ውጥን፡ ቀዳምነታትን ትግባረኡን እንታይ ይመስል? ዘቤታዊ ዓቕሚ መፍረ ስሚንቶ፡ ዘንጊ ሓጺን፡ ሕጡብን ካልኦት ናይ ህንጻ ንዋትን ንምዕባይ ዝተታሕዘ መደባት ኣሎዶ?**

እወ! ግና እቲ ሒዝናዮ ዝጸናሕና ፖሊሲታት ብድምር ክትገልጾ እንድሕር ኰይንካ ናይ ጽቡቕ ድልየታት ፕሮግራማት ጥራይ'ዩ። ጽቡቕ ድልየት ጽቡቕ መበገሲ'ዩ። ኣብ መወዳእታ ግን ንድልየትካ ተጨባጢ ክትገብሮ ምእንቲ፡ ዝጭበጥ ነገር ክትገብር ክትክእል ኣለካ። ምስ ኩሉ ቅርስታትና፡ ታሪኻዊ ውርሻና፡ ጠለብ መንበሪ ኣባይቲ፡ ጠለብ ናይ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታዊ ህንጻታት ኣብ ከተማታት፡ ሓውሲ ከተማታትን ገጠራትን፡ ንቱሪዝምን ካልኦት ናይ ደገ ስሕበት ክንፈጥረሎም እንኽእል ናይ ህንጻ ስራሓትን ንጻግዒ ገዲፍካ፡ ብዘቤታዊ ዓይኒ ጥራይ ክረአ ከሎ፡ ምስ ኩሉ ጽዕነት ናይ ልምዓት ፕሮግራማት እንታይ ሰሪሕና እንተ ተባህለ ብግሁድ ኣዘራርባ፡ ኩሎም ብጽቡቕ ድልየት ዝተተግበሩ

ፈተነታት ዕዉታት ኣይነበሩን። ከም ድልየት ኩሉ ጽጉም፡ ኩሉ ግዜኡ፡ ዓቕሙን ዕድሉን ንሃገር ዝሰውእ ዘሎ፡ መዕቀል ነብሱ ዝኾውን ገዛ ክህልዎ ክኽእል ኣለዎ። ክሳብ ሎሚ ሃቐነን ሓርኮትኮት ምባልን ክግበር ጸኒሑ ግና ኣየስርሐን። ንውልቀ ኣውፈርቲ ከነተባብዕ ተባሂሉ ዝተሰርሐ ስራሕ ኣሎ። ንኣብነት ናይ ቁሸት ገዛውቲ ዓይነቱ ከመይ'ዩ? ክንደይ ዝኣክል ጸገም ኣባይቲ ኣቃሊሉ? ከርኢ ዝኽእል ኣሃዛት'ውን የለን። መምስረኣኻዮ ዘጣዕሰካ ፕሮጀክትታት እንተዘይኮይኑ ተስፋ ዝህብ ፕሮጀክት ኢልካ'ውን ክትብሎ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣባይቲ'ውን ኣይኰነን። ምናልባት ብተዛማዲ ጽቡቕ ክበሃል ዝኽእል፡ እዚ ምስ ኩሉ ዕቃበታትና ዝተሰርሐ ናይ ሰንበልን ናይ ባጽዕን ናይ ኮርያ ፕሮጀክት'ዩ። እቲ ዝበለጸ ክብሎ ኣይደልን'የ፣ ብውሑዱ ግን ገለ ካብ ጸቕጢ ኣባይቲ ኣፋኹሱ'ዩ። ብኸምኡ ክንቅጽል ግን ዝከኣል ግን ኣይኰነን። ብዓቕምና ሓርኮትኮት ክንብል ተባሂሉ ብኲባንያ ህንጻ ሙሳ ዓሊ ኣብ ባጽዕ ዝተፈተነ ክሳብ ሎሚ ብሰንከልከል ኣይተተግበረን ዘሎ። ኣብ ማይ ሑጻ ዝተገብረ ፈተነ'ውን ኣይተተግበረን። ካልኦት ንኣሽቱ ንኣሽቱ ናይ ህንጻ ፕሮጀክትታ'ውን ተፈቲኖም'ዮም። እቲ ደሓን ዝበሃል ገዛውቲ እቲ ሓለፍቲ መንግስቲ ሒዞሞ ዘለዉ ቪላታት እዩ። በዚ መንገዲ እዚኸ ክንደይ ዝኣክል ካብ'ቲ ሽግር ተፈቲሑ? ካብ ጽቡቕ ድልየት ካብ ባህጊ ተበጊስና እንታይ ጭቡጥ ነገር ገይርና? ክሳብ ሎሚ ዝተፈትሐ ነገር የለን። ብብሕታዊ ክፋል ክግበር ይከኣል'ዩ፣ ኣብ ደገ ዘሎ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግዱስ እዩ። ንሃገሩን ንነብሱን ክሰርሕ ይደሊ'ዩ። እንተ ኾነ ግን በዚ ሕጂ ንኸዶ ዘሎና መንገዲ ክስራሕ ዝኽእል ኣባይቲ የለን። ስለ'ዚ ፖሊሲታትናን ቅድሚ ሕጂ ዘውጻእናዮም መደባትን ከሊስና፡ ብኽውንነታዊ መንገዲ፡ በብመድረኹ፡ ንሽግራትና ካብ ሱሩ ዝፈትሓልና ገዚፍ ናይ ኣባይትን ኣገልግሎታዊ ህንጻታትን ፕሮግራማት ክንሕንጽጽ ኣለና። ነብስና ነቒፍና ዲና ወይስ ኣሪምና፡ ሕጂ ንብገስ ኣለና ክንብል ንኽእል።

ኣብ'ዚ ክማልኡ ዘለዎም መሰረታውያን ነገራት ኣለዉ። ሓደ ካብኡ ቴክኖሎጂ'ዩ። ኣብ ናይ ቴክኖሎጂ ተመኩሮና፡ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ ቴርሞኑር ዝበሃል፡ ሰፍነግን ስልክን ብምልግጋብ ብስሉጥ ዝስራሕ ገዛውቲ መጺኡ። ንኣብነት እቲ ኣብ ሓደ ዘባ ተሰሪሑ ዘሎ ገዛውቲ ክንወስድ ንኽእል። ግን ኣይቀጸለን፣ ነቲ ቴክኖሎጂ ክንጥቀመሉ ኣይከኣልናን። ድሕሪኡ ከም'ዚ ኣብ ባጽዕ ሕጂ ድማ ኣብ ኣለቡ ተተኺሉ ዘሎ 'ኤን-2' ዝበሃል ቴክኖሎጂ ብዓይነቱን ስሉጥነቱን ወጻኢታት ከውሕድ ይኽእል እዩ፣ የዋጻጽኣና'ዩ ተባሂሉ። ኣብ'ዚ ዓቕምና'ውን ኣይተጠቐምናሉን። እዚ ኣብ መንገዲ ጋሕተላይ ተዘርጊሑ ዘሎ ድኳናት'ውን ከም ኣብነት ክንወስዶ ንኽእል። ኮይኑ ግን ነቲ ቴክኖሎጂ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ከነዘውትሮን ክንጥቀመሉን ኣይከኣልናን። ፈተነ'ዩ ጥራይ ክንብሎ ንኽእል። ሓደ ዕዉት ተመኩሮ ክንብሎ እንኽእል እዚ ኣብ ባጽዕ ዘሎ 'ፕሪካስት''ዩ። ድልድላትን ዝተፈላለየ ቅርጽታትን ሰሪሕናሉ ኢና። እቲ ቴክኖሎጂ ኣብ ወጻኢታትን ስሉጥነትን ምስ'ቶም ካልኦት ኣዛሚድካ ክትርእዮ ከለኻ ዝበለጸ'ዩ። እቶም ዕድላት እናተባህሉ ገንዘብ ዘዝኣከበን ዶላር ዘለዎን ከምዚ ክገብር ይኽእል'ዩ እናተባህለ ዝቐጸለ ስራሓት ዝፈትሖ ዓቢ ሽግር የለን። ምናልባት ጸበብቲ ወይ ንኣሽቱ ሽግራት ከተቃልል ይኽእል ይኸውን። ግና ገዛ ዘድልዮን ዝጠልብን ሰብ ክንደይ እዩ። ኣውራ ድማ ግዜኡን ዕድሉን ሰዊኡ፡ ኣብ ናይ መንግስቲ ስራሕ ዝሰርሕ ዘሎ ሰብ፡ መዓስዩ ገዛ ክሰርሕ ዝኽእል? ክሰርሕ እንተ ድኣ ኾይኑ ካበይ እዩኸ ከምጽኦ? እንታይ ዓይነት ገዛ እዩኸ ዘድልዮ? ኣበየናይ ከባቢ እዩኸ ክነብር? ዝብሉ ሕቶታት ኩሎም፡ ማሕበራዊ ይኹን ቁጠባዊ ማዕዶኦም ብግቡእ ተጸኒዑ፡ ማዕሪኦም ዝግስግስ ናይ ኣገባብ፡ ቴክኖሎጂ፡ ሞያን ጺጋታትን ምድላው የድሊ።

እዚ ሕጂ ብዝበለጸ ቴክኖሎጂ፡ ብዓይነት ጽቡቕ፡ ብግዜ'ውን ስሉጥ ኣባይቲ ክንሰርሕ ንኽእል ኢና ተባሂሉ ወጺኡ ዘሎ ውጥን ከም መበገሲ ክኾነና'ዩ። ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ባጽዕን ከባቢኣን ኣብ ተሰነይን ከባቢኣን ካልኦት ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን፡ ማለት ክድኮኑ ይኽእሉ እዮም ዝተባህሉ ከባቢታት፡ ንተመኩሮና ኣዋህሊልናን ሓቑንና ሓቛቑንናን ላህመቱ ኣውጺእና እቶም ክንሰርሓሎም ንኽእል ከባቢታት ብግቡእ ፈሊጥና እቲ ዝበለጸ ቴክኖሎጂ ኣእቲና ሓዋዊስና ክንሰርሓሉ ክንክእል ኣለና። ማሽነሪን ናይ ህንጻ መስርሒ ንዋትን ኣሎ። ማሽነሪን ናይ ህንጻ ንዋትን ምስ'ቲ ናይ ጽርግያታትን ካልኦት መደባት ትሕተ ቅርጽን ዝኸይድ እዩ። ኣብ'ዚ ድማ ዝጎድለና ኣሎ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ብውሑዱ ንጥረ ንዋት ኣጠራቒምና ኣለና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። እዚ ምስ'ቲ ዝወጽእ ሰፊሕ ውጥናት'ውን ክኸይድ ዘለዎ እዩ። ንኣብነት ንኸምዚ ዝኣመሰለ መድረኽ ብመድረኽ ተትግብሮ ናይ መንበሪ ኣባይትን ናይ ኣገልግሎት ህንጻታትን ፕሮጀክታት ካብ ደገ

ብእተምጽኡ ስሚንቶ ጥራይ ክትሽፍኖ ኣይትኽእልን ኢኻ። ብሊኮቲ ገይርካ ጠፊዕካ ጠፋፊዕካ ሰርቪስ ብምስራሕ ዝፍታሕ ኣይኮነን። ገዚፍ ጠለብ ናይ ስሚንቶ ስለ ዘሎ፡ ፋብሪካ ስሚንቶናʼውን ንዕኡ ተባሂሉ ስለ ዝተሰርሐ፡ እዚ ፋብሪካ ናይ ግድን ካብ መመንጩዊ ኤለክትሪክ ሕርጊን ከይተጸበየ ከፍሪʼውን ስለዝኾነ፡ 24 ሰዓት ብምስራሕ ንኹሉ ናይ ህንጻ፡ ናይ ትሕተ ቅርጺ፡ ናይ ኣባይትን ካልኦትን መደባትና ከማልእ ክኽእል ኣለዎ። ንኣባይቲ ብዝምልከት እቲ ቴክኖሎጂ ተኣታትዩስ ይበጋገስ ኣሎ። ንግዜኡ ፋብሪካ ስሚንቶ ይስራሕ ኣይስራሕ ናይ ግድን ካብ ደገ ኣምጺእና ክነበግሶ ስለ ዘለናእቲ ፕሮጀክትታት ድሮ ተበጊሱ ኣሎ። ምስኡ ዝኸዱ ጸጸር፡ ጅያ፡ ሑጻ፡ ዘንጊ ሓጺን (ቴንዲኖ) እውን ክማልኡ ኣለዎም። ናይ ሕጡብ ጉዳይʼውን ኣሎ። ናይ ጊንዳዕ ናይ ሕጡብ ፋብሪካ ይትረፍ ንጠለብ ከማልእ፡ ብዓይነቱʼውን ካብʼቲ ጥዑይ እዩ ኢልካ ክትዛረበሉ ኣይትኽእልን። ማዕረ ጠለብ ዝኸይድ፡ ጥዑይን ብዋጋ ከኣ ዘወጸጽእን ናይ ሕጡብ ፋብሪካ ክህሉ ኣለዎ። ናይ ናሕስን መንደቕን ተነጻፍቲ ኣብʼዚ ዓዲ ስለ ዘየለዉ ካብ ደገ ዝመጹʼዮም። ኣብ ኢድና ዘሎ ጥረ ነገራት ግን ንዓና ኣኺሉ ንኻልእ ዝኸውንʼዩ። ካብ ዕንጸይቲ ድዩ ካብ ዝተፈላለዩ ሓጻውን ማዕረʼቶም ናይ ኣባይቲ ፕሮግራማት፡ ንትሕተ ቅርጺ ዘድሊ ሻምብቆታት፡ ኣገልግሎታት ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ስፖርት፡ መዘናግዒ፡ ዕዳጋታት. . . ምስራሕʼውን ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ነቲ ቴክኖሎጂ ንመፈተኒ ኣብ ገለ ገለ ከፉት ዝጸንሐ ከባቢታት ንጀምርʼሞ፡ እዚ ናይ ቴክኖሎጂ ኢድና ነጽርየሉ። ኩሉ ባዕልና ክንገብሮ እንተ ዘይከኣልናʼኳ፡ ምስ መላፍንትና እናተሓጋገዝና ናይ ምትግባር ዓቕምና ነዕቢ። እዚ ሕጂ ዝግበር ዘሎ እምበኣር መፈተኒ ወይ ፓይሎት ፕሮጀክት እምበር፡ ገዚፍ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ፕሮጀክት ኢልካ ክትዛረበሉ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብʼቲ ገዚፍ መደብ ክንኣቱ ምእንቲ፡ ቅድም ኩሎምʼቶም ክማልኡ ዘለዎም መሰረታውያን ረቛሒታት ከነማልእ ክንክእል ኣለና። ማሺነሪ፡ መሳርሒታት፡ ስሚንቶን ካልኦት መሰረታውያን ጥረ ነገራትʼውን ከነፍሪ ክንክእል ኣለና። ቀረብ ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ንቑጠባዊ ዕድላት ተሰፋ ዝህቡን ነገራት ክማላኡ ክኽእሉ ኣለዎም። ንመንበሪ ኣባይትን ኣገልግሎታዊ ህንጻታትን ዝተጻፈፈን ውዱእን ኣይኹንʼምበር ሓፈሻዊ ሃገራዊ ንድፊ ኣሎ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና።

ነቶም ዝሓለፉ ፕሮግራማት ግቡእ ነቕፌታ ተገይሩሎም ካብ ተመኩሮ ተማሂርና ካብ ሕጂ ከም ብሓድሽ ንጅምር ኣለና። እዚ ንጅምሮ ዘለና ጉዕዞʼውን "ኣበር ዘይብሉ ውርጹጽ መደብʼዩ፣ ንኹሉ ሽግራት ክፈትሕʼዩ" ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን። መንበሪ ኣባይቲ ማዕረʼቶም ቀዳምነታት ዝሰራዕ ስለ ዝኾነ ግን ዝማላእ ኣማሊእና ክንሰርሓሉ ተበጊስና ኣለና። ኣፍካ መሊእካ ምእንቲ ክትዛረብ ግን ናይ ስሚንቶ ቀረብ ቅድም ከነረጋግጽ ክንክእል ኣለና። ስሚንቶ መሰረታዊ ስለ ዝኾነ።

እቲ ተጠቃሚ ናይʼዚ ፕሮጀክት መንʼዩ ዝብል ድሓር ዝዝረበሉ ካልእ ኣርእስቲ እዩ። ካብʼቲ ዝተበገስናሉʼሞ ተገሪህና ዝተጉዓዝናሉ ብዙሕ ዘይሰለጠና፡ ጽቡቕ ድልየትና ኣሐይልና ንቕድሚት ክንግስግስ ኣብ ዝሓሸ ቦታ ኣለና። ምናልባት ኣፍና መሊእና ተኣማሚንና ንኽይንጃሃር ሕይብ ምባል ኩሉ ግዜ ሕማቕ ኣይኮነን።

**ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብʼዚ ናይ ገዛውቲ ህንጻ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብግሊ ዝካየድ ንጥፈታት ወይ ህንጻዊ ስርሓት ተወንዚፉ ብምጽንሑ፡ ሓያሎ ኣብʼቲ ህንጻዊ ንጥፈት ወይ ኣብʼቲ ጽላት ዝነጥፉ ዝነበሩ ሞያውያንን ናይ ጉልበት ሰራሕተኛታትን፡ ሃስያ ምውራዱሲ ርኡይʼዩ። ኣብ ጽላት ህንጻ ሰፊሕ ናይ ሸቕለት ዕድላት ንምፍጣር ከምኡʼውን ብሕታዊ ክፋል ኣብ ዕብየት ናይʼዚ ጽላትʼዚ እጃሙ ዘበርክተሉ ዕድላት ንምኽፋት ተበግሶ ዜጋታት ኣብ ምስራሕ ጤሳን ካልእ ኣባይቲን ንምትብባዕ መጻኢ ኣተሓሕዛ ናይʼዚ ጽላት ከመይʼዩ?**

ብዙሓት ጽቡቓት ድልየታት ንጽቡቕ ነገር ኣይተሰርሓሎምን። ሕጂ ግን ክንሓሚን ክንወቅስን ግዜኡ ዝሓለፈʼዩ እምበር፡ ዋላ እቶም ብሕታዊ ክፋል ኢና ዝብሉʼዮም ኣብ ጽርግያታት ፕሮፓጋንዳ ዝገብሩዎ። "ኣንታʼዚ መንግስቲ ዝገብሮ ዘሎስ ንሕና ባዕልናʼኳ ምገበርናዮ ነይርና፡ መሳለጥናዮ ነይሩና፡ እዘን ናይ መንግስቲ ትካላት ዝሰርሓኦ ብዙሕ ዘድምዕ ኣይኮነን"' ኣናበልካ ጎሰጓሳት ምክያድ (wall street loby) እየ ዝብሎ ኣነ። ብሕታዊ ክፋል ብኽምኡ ክሕይልን ክሰርሕን ዝኽእል ነይሩ እንተ

ዝኸውን'ሞ፡ ተዓጊትና ደው ኣይምበልናን። ኣብ ሕርሻ፡ ምምስራሕ፡ ኣባይቲን ካልኦት ዝተፈላለዩ ካልኦት ጽላታትን ናይ መንግስቲ ጽቡቕ ድልየትን ዕድልን እናተፈጥረ ሓደ ብሓደ ናይ ጽርግያ ዕላላት ዘይኰነ፡ ብጭቡጥ እዞም ዝተፈጥሩ ዕድላት ብብሕታውያን ኣውፈርቲ ተሰሪሖሎም ድዩ? ወይስ በሸካዕላል እዮም ተታሒዞም? እቲ ኣርእስትታት ብዙሕ ስለ ዝኾነ ሕጂ ኣብ ዝርዝር ክኣቱ ኣይደልን'የ። ብሕታዊ ክፋልን ዘይብሕታዊ ክፋልን ዝበሃል'ውን ኣይፈልጥን'የ ኣነ። ብሕታዊ ክፋል ክበሃል ከሎ ኣብ መንጎ ብሕታዊ ክፋልን መንግስትን ፈላሊኻ ዝርአ ነገር የለን። ኩሉ ናይ ሓጽብታት፡ ጽርግያታት፡ ኣገልግሎት ኤለክትሪክ፡ ቀረብ ነዳዲ. . . ብሕታዊ ክፋል ከገብሮ ይኽእል'ዩ'ሞ ግደፍዎ፡ እናተባህለ ኣብ'ዚ ገና ሓፍ ዘይበለ ሃገር ናይ ታቸር ፕሮግራም ምትእትታው ማለት'ዩ። ብሕታዊ ክፋልከ መን'ዩ? ብሕታዊ ክፋል እንታይ ክገብር ይኽእል? ክንደይ ገንዘብ ዘለዎ'ዩ? ኣብ ምንታይ ኣብ ምንታይ ክሰርሕ ዝኽእል'ዩ? ሆቴላትን ሬስቶራንትታትን ከፊቱ ቀንፈዘው ዝብል ድዩ? ንቁጠባዊ ዕብየት ሃገር ኣብ ፋብሪካታት ዝሰርሕ ዲዩ? ማይ ሃልዩዎ ብዶላር ብኤሮ ዝውፍር ድዩ? ጉዳይ ብጉዳይ ክዝረበሉ ኣለዎ። በዝን በትን ዝመጽእ ዘረባታት ኣሎ። ጉዳይ ብጉዳይ ብጭቡጥ ክዝረብ ኣለዎ። ብሓፈሻዊ ኣረዳድኣ ናይ ብሕታዊ ክፋል ኢልካ ኣይዝረብን'ዩ። ኣብ ምስራሕ ኣባይቲ፡ ኤርትራ  ኣስመራ ጥራይ ዝመስሎም ኣለዉ። ብዘይካ ኣስመራ ካልእ ኤርትራ የለን ማለት ድዩ? እዘን ቅድሚ ሕጂ ተሰሪሐን ዘለዋ ገዛውቲኸ ኣበይ ዘለዋ'የን። ሓደ ካብ'ቶም ዝምስገኑ ፕሮጀክታት ዝበሃል እንዳ ኮርያ፡ ተሸይጡ ተባሂሉ። ኣብኡ ዝተፈጸመን ዝፍጸም ዘሎን ኣሽካዕላል ፈጺምካ እዚ'ዩ ክትብሎ ዝከኣል ኣይኰነን። ምስ መሬት ጤሳ ዝተኣሳሰረ ናይ ምድርንጋርን ናይ ምውቕቓዓን(speculation) ኣሽካዕላ እዚ'ዩ ደረቱ ኢልካ ክትዛረበሉ ዝከኣል ኣይኰነን። ጤሳ ዝወሰደ ንሓሙሽተ ሚእቲ ትርብዒት ሚተር መሬት ብናይ ጨራሩ ዝመስል ገዛውቲ ከሽካዕልል እንታይ ይበሃል? መሬት'ኮ ዋጋ ኣለዎ። ዓቕሚ ከይህልወካ ይኽእል'ዩ፣ መንግስቲ'ውን ኣይሓገዘካን ይኸውን። ናይ ፋይናንስ ትካላት'ውን ኣይሓገዛኻን ይኾና። ብጤሳ ውሰዶ ወላ ብኻልእ፡ ኣብ መወዳእታ ግን ነቲ መሬት ክትጥቀመሉ ኣለካ። መሬት ክነልምዕ፡ ኤክስፖርት ክንገብር. . . እናተባህለ ንዝተፈላለዩ ሰባት ብኣማኢታት ሄክታራት ዝተፈቕደ መሬት፡ ኣብ ምንታይ መዓላ ኣውዒሎሞ? ከመይ ገይሮም ተጠቒሞምሉ? ኣብ'ዚ ክዛረበሉ ኣይደልን'የ። ናይ ብሓቂ ኣድማዒ ፍረ ክፍሪ ዝኽእል ብሕታዊ ክፋል ክምዕብል፡ ቀዳምነት ቀዳምነታት ናይ መንግስቲ'ዩ።  ከም ናይ ባድሚትን ገርሰትን ዝኣመሰሉ ናይ ሕርሻን ልምዓትን መደባት፡ ሰባት ክሕዝዎም ክኽእሉ ኣለዎም ኣብ መወዳእታ። ሕጂ ክሰርሕዎም ኣይክእሉን'ዮም። ዓቕሚ'ውን የብሎምን፡ ኣብ ገዛኡ ተኾርሚዩ ዘሎ ብሕታዊ ክፋል ኣይኰነን? ሳምሶናይት ሒዙ ዝኸይድ ጥራይ'ዩ ብሕታዊ ክፋል'ሞ፡ ንዕኡ መሬት ክህቦ'የ፡ እንተ ኢልካኒ፡ ኣይህቦን'የ። እቲ ተዋዲዱ ዘሎ ፕሮጀክትታት፡ ነቶም ኣብኡ ጻህያይ ክጽህዩ ዝውዕሉ፡ ኣብ ገዛኦም ንእሽቶ ጋዓትን ቅጫን በሊዖም ዝኸዱ ዘለዉ፡ ጽባሕ ንግሆ ክጥቀምሉ ክኽእሉ ኣለዎም። በብቕሩብ ከኣ እናማዕበሉ፡ ሞያ እናቐሰሙ፡ ተመኩሮ እናቐሰሙን ገንዘብ እናዋህለሉን ብሕታዊ ክፋል ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። ኩሉ ህዝቢ'ውን ብሕታዊ ክፋል ክኸውን'ዩ። ምኽንያቱ ሰሪሑ ክነብር ዝኽእል ማለት'ዩ ብሕታዊ ክፋል። ምናልባት ኣብ ነብሲ ወከፍ ጽላታት ዘዝምልከቶም ኣካላት ክገልጽዎ ይኽእሉ ይኾኑ፡ ሱያፌ ናይ ብሕታዊ ክፋል እንታይ ይመስል ነይሩ? ክንደይ ዝኣክል ማል'ዩ ወፊሩ? ኣብ ምንታይ መዓላ ውዒሉ? ክንደይ ማልስ ተረኺብሉ? ክሳብ ክንደይ ንቑጠባዊ ዕብየት ደጊፉ? ኢልካ ሓደ ብሓደ ብኣሃዛት ዝምለስ ሕቶታት ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ስለ'ዚ እቲ ብሕታዊ ክፋል፡ መንግስታዊ ክፋል ዝበሃል ጸወታታት ኣብ ደገ ይጽናሕ። እቶም ናእሽቱ፡ ደቀቕቲን ማእከሎትን ዝበሃሉ ኣውፈርቲ'ዮም ኣብ መወዳእታ ብሕታዊ ክፋል ዝኾኑ። ንትካላት መንግስቲ ኣመሓዲሩን ወኒኑን ክሰርሕ ኣይኰነን። ናይ ምዕራብ ናይ ቁጠባ ፈላስፋታት ብዝህቡና ናይ ሰዓት ሕላፍ ድፍኢት ዘይኰነስ፡ ከይተበገስና ከለና ቅድም ክነበራብሮ ኣለና። መበራበሪ ሃዋህው ከኣ ክትፈጥር ኣለካ። ኣቐዲምካ እቲ ብሕታዊ ክፋል ዝበሃል ክዓብየሉን ክኹስኮሰሉን ዝኽእል ሃዋህው (environment) ክፍጠር ክኽእል ኣለዎ። ንብሕታዊ ክፋል መኾስኮስን መዕበይን ትሕተ ቅርጺ፡ ኣዋጃትን ፖሊስታትን ምስ ዝፍጠሩ'ዩ ክዓቢ ዝኽእል። እንተ ዘይኰነ፡ ኣብ'ዚ ንእሽቶ ድኳን ኣብ'ቲ ንእሽቶ ድኳን ከፊትካ ከተዋቕዕ! ከምኡ ዝበለ ብሕታዊ ክፋል፡ ይትረፍ ኣባና፡ ኣብ'ተን ምዕቡላት ሃገራት'ውን ኣይሰርሐን። ንቑጠባ ኣዕኒዩ ኣቐንቂኑ ናብ'ዚ እንርእዮ ዘለና ቅልውላው ኣእቲይዎ ስለ ዘሎ፡ ንሕና ካልኦት ዝሓለፍዎ ተመኩሮ ክንደግም ኣይኰናን። ኣብ ዘየድሊ ናይ ፍልስፍና ቈይቍ ኣይንኣቱን ኢና። ብዕምቆት ተረዲእና ናይ ብሓቂ ንብሕታዊ ክፋል ዝጥዕም ሃዋሁውን ባይታን ከነዳሉ ኣለና። ብዘይ ብእኡ ቁጠባ ክዓብን ክምዕብልን ኣይክእልን'ዩ። መንግስቲ ተራኡ ክፈልጥ

ክኽእል ኣለዎ። ናይ መንግስቲ ኣካላት ግቡኣን ከበርክታ ክኽእላ ኣለወን። ኣብ መወዳእታ ከአ እቲ ህዝቢ ክጥቀመሉ ክኽእል ኣለዎ። ውሕስነት ክህልወካ ክኽእል ኣለዎል። ምኽንያቱ ኩሉ ነገር ምስ ኣዋደድና፡ ኣዝዩ ውሑድ ካብ ህዝቢ ዝጥቀመሉ እንድሕሪ ኰይኑ፡ ንኽምዚ ኢልና ኣይተቓለስናን፡ ከም'ዚ ኢልና ከኣ ሃገር ክንሃንጽ ኣይንኽእልን ኢና። እዞም ኣብ ዕዳጋ ዝዝረቡ ወረታት፡ ኣብ'ቲ ጽላት ብጽላት ዝመጽእ ጭብጢ ክለዓሉ ዘለዎም ጉዳያት'ዮም።

እዚ "ወፍሪ ኣይተፈቐደን፡ ዕድል ኣይተዋህበን. . ." ዝበሃል ዘሎ፡ ብግሉጽነት ህዝቢ ክፈልጦ ክኽእል ምእንቲ፡ እቲ ክፍጠር ዝድለ ሃዋህው፡ ዝዋደድ ዘሎ ባይታ፡ ጽላት ብጽላት እንታይ ይመስል? ክሳብ ሕጂ ዝተገብረኸ ኣብ ምንታይ በጺሑ ኣሎ? ዝብሉ ሕቶታት ናታትኩም ናይ ጋዜጠኛታት ስራሕ'ዩ፣ ጽባሕ ንግሆ ነቶም ዝምልከቶም ሓቲትኩም ኣብ ቅድሚ ህዝቢ እቲ ስእሊ ከተነጽርዎ ክትክእሉ ኣለኩም።

## "ንተኻረይቲ እናበደልካ ዝቕጽል ዘሎ ኣሰራርሓታት ኣገባብ ክግበረሉ ኣለዎ" ፕረዚደንት ኢሳይያስ

**ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብ'ዚ ናይ ገዛውቲ ህንጻ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብግሊ ዝካየድ ንጥፈታት ወይ ህንጻዊ ስርሓት ተወንዚፉ ብምጽንሑ፡ ሓያሎ ኣብ'ቲ ህንጻዊ ንጥፈት ወይ ኣብ'ቲ ጽላት ዝነጥፉ ዝነበሩ ሞያውያንን ናይ ጉልበት ሰራሕተኛታትን፡ ሃስያ ምውራዱሲ ርኢይ'ዩ። ኣብ ጽላት ህንጻ ሰፊሕ ናይ ሽቕለት ዕድላት ንምፍጣር ከምኡ'ውን ብሕታዊ ክፋል ኣብ ዕብየት ናይ'ዚ ጽላት'ዚ እጃሙ ዘበርክተሉ ዕድላት ንምኽፋት ተበግሶ ዜጋታት ኣብ ምስራሕ ጤሳን ካልእ ኣባይትን ንምትብባዕ መጻኢ ኣተሓሕዛ ናይ'ዚ ጽላት ከመይ'ዩ?**

ብዙሓት ጽቡቓት ድልየታት ንጽቡቕ ነገር ኣይተሰርሓሎምን። ሕጂ ግን ክንሓምን ክንወቕስን ግዜኡ ዝሓለፈ'ዩ እምበር፡ ዋላ እቶም ብሕታዊ ክፋል ኢና ዝብሉ'ዮም ኣብ ጽርግያታት ፕሮፖጋንዳ ዝገብሩ። "ኣንታ'ዚ መንግስቲ ዝገብሮ ዘሎስ ንሕና ባዕልና'ኳ ምገበርናዮ ነይርና፣ መሳለጥናዮ ነይሩና፣ እዘን ናይ መንግስቲ ትካላት ዝሰርሓኦ ብዙሕ ዘድምዕ ኣይኰነን'" እናበልካ ጎስጓሳት ምክያድ "wall street loby" እየ ዝብሎ ኣነ። ብሕታዊ ክፋል ብኽምኡ ክሕይልን ክሰርሕን ዝኽእል ነይሩ እንተ ዝኸውን'ሞ፡ ተዓጊትና ደው ኣይምበልናን። ኣብ ሕርሻ፡ ምምስራሕ፡ ኣባይትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ጽላታትን ናይ መንግስቲ ጽቡቕ ድልየትን ዕድልን እናተፈጥረ ሓደ ብሓደ ናይ ጽርግያ ዕላላት ዘይኰነ፡ ብጭቡጥ እዞም ዝተፈጥሩ ዕድላት ብብሕታውያን ኣውፊርቲ ተሰሪሑሎም ድዩ? ወይስ በሽካዕላል እዮም ተታሒዞም? እቲ ኣርእስትታት ብዙሕ ስለ ዝኾነ ሕጂ ኣብ ዝርዝር ክኣቱ ኣይደልን'የ። ብሕታዊ ክፋልን ዘይብሕታዊ ክፋልን ዝበሃል'ውን ኣይፈልጥን'የ። ብሕታዊ ክፋል ክበሃል ከሎ ኣብ መንጎ ብሕታዊ ክፋልን መንግስትን ፈላሊኻ ምርኣይ ማለት ኣይኮነን። ኩሉ ናይ ሓጽብታት፡ ጽርግያታት፡ ኣገልግሎት ኤለክትሪክ፡ ቀረብ ነዳዲ. . . ብሕታዊ ክፋል ከገብሮ ይኽእል'ዩ'ሞ ግደፍዎ፡ እናተባህለ ኣብ'ዚ ገና ሓፍ ዘይበለ ሃገር ናይ 'ታቸር ፕሮግራም' ምትእትታው ማለት'ዩ። ብሕታዊ ክፋልከ መን'ዩ? ብሕታዊ ክፋል እንታይ ክገብር ይኽእል? ክንደይ ገንዘብ ዘለዎ'ዩ? ኣብ ምንታይ ኣብ ምንታይ ክሰርሕ ዝኽእል'ዩ? ሆቴላትን ኣብያተ መግብን ከፊቱ ቀንፈዘው ዝብል ድዩ? ንቑጠባዊ ዕብየት ሃገር ኣብ ፋብሪካታት ዝሰርሕ ዲዩ? ማይ ሃልዩዎ ብዶላር ብኤውሮ ዘውፍር ድዩ? ጉዳይ ብጉዳይ ክዝረበሉ ኣለዎ። በዝን በትን ዝመጽእ ዘረባታት ኣሎ። ጉዳይ ብጉዳይ ብጭቡጥ ክዝረብ ኣለዎ። ብሓፈሻዊ ኣረዳድኣ ናይ ብሕታዊ ክፋል፡ ኣብ ምስራሕ ኣባይቲ፡ ኤርትራ ኣስመራ ጥራይ ዝመስሎም ኣለዉ። ብዘይካ ኣስመራ ካልእ ኤርትራ የለን ማለት ድዩ? እዘን ቅድሚ ሕጂ ተሰሪሐን ዘለዋ ገዛውቲኸ ኣበይ ዘለዋ'የን። ሓደ ካብ'ቶም ዝምስገኑ ፕሮጀክታት ዝበሃል እንዳ ኮርያ (ደምበ ሰምበል)፡ ተሸይጡ ተባሂሉ። ኣብኡ ዝተፈጸመን ዝፍጸም ዘሎን ኣሽካዕላል ፈጺምካ እዚ'ዩ ክትብሎ ዝከኣል ኣይኰነን። ምስ መሬት ጤሳ ዝተኣሳሰረ ናይ ምድንጋርን "ስፔኩሌሽን" (ምውቕቓዕን) ኣሽካዕላል እዚ'ዩ ደረቱ ኢልካ ክትዛረበሉ ዝከኣል ኣይኰነን። ጤሳ ዝወሰደ ንሓሙሽተ ሚእቲ ትርብዒት ሜትር መሬት ብናይ ጨረሩ ዝመስል ገዛውቲ ከሽካዕልል እንታይ ይበሃል? መሬትኮ ዋጋ ኣለዎ። ዓቕሚ ከይህልወካ ይኽእል'ዩ፣ መንግስቲ'ውን ኣይሓገዘካን ይኸውን። ናይ ፋይናንስ ትካላት'ውን ኣይሓገዝኻን ይኾና። ብጤሳ ውሰዶ

ወላ ብኻልእ፡ ኣብ መወዳእታ ነቲ መሬት ክትጥቀመሉ ኣለካ። መሬት ክነልምዕ፡ ‘ኤክስፖርት’ ክንገብር. . . እናተባህለ ንዝተፈላለዩ ሰባት ብኣማኢት ሄክታራት ዝተፈቕደ መሬት፡ ኣብ ምንታይ ኣውዒሎሞ? ከመይ ገይሮም ተጠቒሞምሉ? ኣብ’ዚ ክዛረበሉ ኣይደልን’የ። ከም ናይ ባድሚትን ገርሰትን ዝኣመሰሉ ናይ ሕርሻን ልምዓትን መደባት፡ ሰባት ክሕዝዎም ክኽእሉ ኣለዎም ኣብ መወዳእታ። ሕጂ ክሰርሕዎም ኣይክእሉን’ዮም። ዓቕሚ’ውን የብሎምን፡ ኣብ ገዛኡ ተኾርምዩ ዘሎ ብሕታዊ ክፋል ኣይኮነን? ሳምሶናይት ሒዙ ዝኸይድ ጥራይ’ዩ ብሕታዊ ክፋል’ሞ፡ ንዕኡ መሬት ክህቦ’የ፡ እንተ ኢልካኒ፡ ኣይህቦን’የ። እቲ ተዋዲዱ ዘሎ ፕሮጀክትታት፡ ነቶም ኣብኡ ጻህያይ ክጽህዩ ዝውዕሉ፡ ኣብ ገዛኦም ንእሽቶ ጋዓትን ቅጫን በሊዖም ዝኸዱ ዘለዉ፡ ጽባሕ ንግሆ ክጥቀምሉ ክኽእሉ ኣለዎም። በብቕሩብ ከኣ እናማዕበሉ፡ ሞያ እናቕሰሙ፡ ተመኩሮ እናደለቡን ገንዘብ እናዋህለሉን ብሕታዊ ክፋል ክኾኑ ይኽእሉ’ዮም። ኩሉ ህዝቢ’ውን ብሕታዊ ክፋል ክኸውን’ዩ። ምኽንያቱ እቲ ሰሪሑ ክነብር ዝኽእል’ዩ ብሕታዊ ክፋል ዝበሃል። ምናልባት ኣብ ነብሲ ወከፍ ጽላታት ዘዝምልከቶም ኣካላት ክገልጽዎ ይኽእሉ ይኾኑ፡ ሱታፌ ናይ ብሕታዊ ክፋል እንታይ ይመስል ነይሩ? ክንደይ ዝኣክል ማል’ዩ ወፊሩ? ኣብ ምንታይ ውዒሉ? ክንደይ ማልስ ተረኺብሉ? ክሳብ ክንደይ ንቑጠባዊ ዕብየት ደጊፉ? ኢልካ ሓደ ብሓደ ብኣሃዛት ዝምለስ ሕቶታት ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ስለ’ዚ፡ እቲ ብሕታዊ ክፋል፡ መንግስታዊ ክፋል ዝበሃል ጸወታታት ኣብ ደገ ይጽናሕ። እቶም ንኣሽቱ፡ ደቀቕትን ማእከሎትን ዝበሃሉ ኣውፈርቲ’ዮም ኣብ መወዳእታ ብሕታዊ ክፋል ዝኾኑ። ንትካላት መንግስቲ ኣመሓዲሩን ወኒኑን ክሰርሕ ኣይኮነን። ናይ ምዕራብ ናይ ቁጠባ ፈላስፋታት ብዝህቡና ናይ ሰዓት ሕላፍ ድፍኢት ዘይኮነስ፡ ከይተበገስና ከለና ቅድም ክነበራብሮ ኣለና። መበራበሪ ሃዋህው ከኣ ክትፈጥር ኣለካ። ኣቐዲምካ እቲ ብሕታዊ ክፋል ዝበሃል ክዓብየሉን ክኹስኮሰሉን ዝኽእል “ኢንቫይሮንመንት” (ሃዋህው) ክፍጠር ክኽእል ኣለዎ። ብሕታዊ ክፋል መኾስኮስን መዕበይን ትሕተ ቅርጺ፡ ኣዋጃትን ፖሊስታትን ምስ ዝፍጠሩ’ዩ ክዓቢ ዝኽእል። እንተ ዘይኮነ፡ ኣብ’ዚ ንእሽቶ ድኳን ኣብ’ቲ ንእሽቶ ድኳን ከፊትካ ከተዋቕዕ! ከምኡ ዝበለ ብሕታዊ ክፋል፡ ይትረፍ ኣባና፡ ኣብ’ተን ምዕቡላት ሃገራት’ውን ኣይሰርሐን። ንቑጠባ ኣዕንዩ ኣቖንቀኑ ናብ’ዚ እንርእዮ ዘለና ቅልውላው ኣእትይዎ ስለ ዘሎ፡ ንሕና ካልኦት ዝሓለፍዎ ተመኩሮ ክንደግም ኣይኮንናን። ኣብ ዘየድሊ ናይ ፍልስፍና ቈይቍ ኣይንኣቱን ኢና። ብዕምቆት ተረዲእና ናይ ብሓቂ ንብሕታዊ ክፋል ዝጥዕም ሃዋሁውን ባይታን ከነዳሉ ኣለና። ብዘይ ብእኡ ቁጠባ ክዓብን ክምዕብልን ኣይክእልን’ዩ። መንግስቲ ተራኡ ክፈልጥ ክኽእል ኣለዎ። ናይ መንግስቲ ኣካላት ግቡኣን ከበርክታ ክኽእላ ኣለወን። ኣብ መወዳእታ ከኣ እቲ ህዝቢ ክጥቀመሉ ክኽእል ኣለዎ። ውሕስነት ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ። ምኽንያቱ ኩሉ ነገር ምስ ኣዋደድና፡ ኣዝዩ ውሑድ ካብ ህዝቢ ዝጥቀመሉ እንድሕሪ ኰይኑ፡ ንሽምዚ ኢልና ኣይተቓለስናን፡ ከም’ዚ ኢልና ከኣ ሃገር ክንሃንጽ ኣይንኽእልን ኢና። እዞም ኣብ ዕዳጋ ዝዝረቡ ወረታት፡ ኣብ’ቲ ጽላት ብጽላት ዝመጽእ ጭብጢ ክለዓሉ ዘለዎም ጉዳያት’ዮም።

እዚ “ወፍሪ ኣይተፈቕደን፡ ዕድል ኣይተዋህበን. . .” ዝበሃል ዘሎ፡ ብግሉጽነት ህዝቢ ክፈልጦ ክኽእል ምእንቲ፡ እቲ ክፍጠር ዝድለ ሃዋህው፡ ዝዋደድ ዘሎ ባይታ፡ ጽላት ብጽላት እንታይ ይመስል? ክሳብ ሎሚ ዝተገብረኽ ኣብ ምንታይ በጺሑ ኣሎ? ዝብሉ ሕቶታት ናታትኩም ናይ ጋዜጠኛታት ስራሕ’ዩ፣ ጽባሕ ንግሆ ነቶም ዝምልከቶም ሓቲትኩም ኣብ ቅድሚ ህዝቢ እቲ ስእሊ ከተነጽርዎ ክትክእሉ ኣለኩም።

- **ክቡር ፕረዚደንት ከም ዝገለጽካዮ ጸገም ኣባይቲ ብቐንዱ ብህንጸት ኣባይቲ ዝፍታሕ እኳ እንተ ኾነ፡ ነቲ ዘሎ ጸገማት ብግዚያውነት ንምፍታሕ ኣብ ዋጋ ክራይ ኣባይቲ ምቁጽጻር ኣየድልይንዶ? መንግስቲኸ ህዝቢ ዝኸፍሎ ግብሪ ይረክብ ኣሎዶ ትብል?**

ኣገዳሲትን ገፋሕን ኣርእስቲ ስለ ዝኾነት፡ እዚ ናይ መንበሪ ኣባይትን ኣገልግሎታዊ ህንጻታትን ዝበሃል እንታይ’ዩ እቲ መበገሲኡ እንድሕር ኢልና ብዙሕ ክንትንትን ንኽእል ኢኻ። ክብርን ዋጋን ኣባይቲ፡ ጽበት ናይ ዘሎ ቀረብ . . . ኩሎም ከተለልዮም ትኽእል ኢኻ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ሓፈሻዊ ተመኩሮ፡ ብጽቡቕ ድልየት ኣብ’ቲ ክንበጽሖ እንደሊ ዘይምብጻሕና፡ ምስ እንመዝን እቲ ኣቋራጭ ቀረብ እዩ። ህንጻታት ብዝተኻእለ መጠን ብርትዓዊ ዝርግሐ ምስ’ቲ ሓፈሻዊ ውጥናት ኣባይቲ ክህሉ ክኽእል

ኣለዎ። ዋጋ ስለምንታይ ከቢሩ? ስለምንታይ ኣባይቲ ዘይተሰርሐ? . . . ክበሃል ይከኣል'ዩ። ሕጂ እንታይ ክንገብር ኣለና ዝብል ሕቶ ስለ ዝመጽእ፡ ኣብ መወዳእታ ክስራሕ ክኽእል ኣለዎ። ክብሪ ጉዳይ ኣባይቲ፡ ኣከራኻሪ ኣርእስቲ'ዩ። ፍሉይ መደብ ተገይርሉ ከኣ ዝምልከቶም ሓለፍቲ ኮፍ ኢሎም መጺኦም ክዘራረብሉ፡ ምስ ህዝቢ ክመያየጥሉ ዝሕተትቱ እንተሎ ከኣ ክሕተትሉ ምእንቲ፡ ብሸፈፍ ዘይኮነ ግሉጽነት ብዘለዎ መንገዲ ክዝረበሉ ዘለዎ ኣርእስቲ'ዩ። ምናልባት እቲ ዘረባ ናብ ኣስመራ ጥራይ ክመርሓና ይኽእል። ኣስመራ ዘሎ መንበሪ ኣባይቲ ክሳብ ክንደይ ገፊሕ እዩ? ንኹሉ እቲ ዘሎ ጠለባት ዘማልእ ድዩ? ከም ኣርእስቲ ወሲድና ኣብ ምውቕቓዕ "ሰርኩሌሽን" (ዑደት) ብዛዕባ ዘሎ ጉዳይከ? ቀዳማይ ነገር ኣብ ኣባይቲ ዝግበር ዘሎ ዝተፈላለዩ ኣሽካዕላላት ሓደ ብሓደ ክጻረዩ ኣለዎም። ብዛዕባ ናይ መሬትን ኣባይትን ምሻጥ ብዙሕ ኣርእስትታት ኣሎ። ካብ ሕጊ ዝወጸ ንተገልጋሊ ናብ ዕዳጋ ዘውርድ ኣሰራርሓታት መሊኡ'ዩ። ብፍላይ ኣብ ኣስመራ። ኣብ ካልኦት ከተማታት የለን ማለት ኣይኮነን። ስለምንታይ'ዩ ክራይ ኣባይቲ ዝኸብር ዘሎ? ሕቶ ጠለብን ቀረብን'ዩ ይበሃል'ዩ። ምስ ካልኦት ኣገልግሎታትን ኣቕሑን ኣመጣጢንካ ክትርእዮ ከለኻ፡ ኣብ ቁጠባ ዝቕባበ ባህርያዊ'ዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ "ክራይ ኣባይቲ ክውስኽ ይኽእል'ዩ" ዝብል ሓፈሻዊ ፍልስፍናዊ ምጉታት ኣሎ። እዚ ግን ብግቡእ ክምለስ ዘለዎ ጉዳይ'ዩ። ናይ ኣባይትን ክራይን ዋጋ ምስ ካልኦት ዝተፈላለዩ ቁጠባዊ ኣርእስታት ኣዛሚድካ ብኸመይ መንገዲ'ዩ ዝውስኽ ዘሎ? ኣብ'ቲ ዋጋ እቲ ቀንዲ ተሃሳዪ ዘሎ ዝበቅዕ ደሞዝ ዘይብሉ፡ ኣብ ናይ መንግስቲ ስራሕ ዝሰርሕ ዘሎን ብኽራይ ዝነብርን'ዩ። ኣብ መንግስቲ ዝሰርሑ ብዝተፈላለየ መንገዲ ገዛ ዝሓዙ ኣለዉ። ይኸፍሉን ኣይከፍሉን ወይ የካርይዎን ኣየካርይዎን ካልእ እዩ። እዚ ሓደ ክፋል'ዩ።

እቲ ካልእ ዝበዝሐ ኣብ ናይ ብሕታዊ ቤት ተኻርዩ ዝነብር፡ በቲ ዝወስዶ ዘሎ ወርሓዊ መሃያ ክካረ ይኽእል ድዩ? እንድሕር ኣታዊኡ ንኽራይ ዘየኽፍሎ ኰይኑኸ ካበይ ኣምጺኡ ይኸፍል? እንተ ድኣ ውዕል ክራይ ዝፍረም ኰይኑ፡ ስለ ምንታይ ዋጋ ወሲኹ? ከመይ ጌርካኸ ይፍታሕ ዝብል ሕቶ እስከ ንጸግዒ ንግደፎ። ክራይ ዘካሪ ወናኒ ቤት ብግቡእ ሕግታት ተኸቲሉ ግብሪ ክኸፍል ክኽእል ኣለዎ። ክራይ ብዝወሰኾ መጠን፡ ብመሰረት ህሉው ሕጊ ግብሪ ክኸፍል ክኽእል ኣለዎ። ግብሪ ኅሲኻ፡ ወይ ሕግታት ረጊጽካ፡ ንተገልጋሊ ከም ድላይካ ብትእዛዝ ውጻእ ይበሃል ኣሎ። "ክንድ'ዚ ከይከፈልካ ኣይትቕመጥን፡ ክንድ'ዚ ወስኽ፡ ተዘይኰይኑ ውጻእ! ዝዓይነቶም ናይ ኣካራይን ተኻራይን ርክባት፡ ግቡእ ስጉምቲ ከይተወስደሎም ግዜ እንድሕር በሊዖም፡ ከም ንቡራት ወይ ቅቡላት ኣሰራርሓታት ስለ ዝውሰዱ፡ ኣብ ባህሊ'ውን ስለ ዝኣትዉ፡ ኣብ'ቶም ገበርቶም ገዚፍ ተሓታትነት ዘመጽእ'ዩ። ኣብ ምምሕዳር ከተማ ይኹን ዞባ ወይ ካልእ፡ ዘለዉ ሰባት ክከታተልዎ ዝግባእ ድዩ? እቶም ውዕል ዘፈራርሙ ግብሪ ምእካብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓደ ካብ ሓላፍነታት ወይ ግዴታታት ናይ መንግስትን ኣካላት መንግስትን ተገልጋሊ ከይውጻዕ ምክልኻል'ዩ። ኣብ ናይ ሓላፍነት መንግስቲ ኮፍ ኢልካ፡ እንድሕር ደኣ ነቲ ተገልጋሊ ክትከላኸለሉ ዘይትኽእል ኼንካ፡ ዜግነት ማለት ድኣ እንታይ ማለት'ዩ? እንታይ ማለት'ዩ መሰል ናይ ሰባት? ኣብ መወዳእታ ሕግን ስርዓትን እንታይ ማለት'ዩ? እዚ ግዜ እናበልዐ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ዝኸፍአ ክኸውን'ዩ። ምናልባት ገለ ሓለፍቲ ብመፍቶ፡ ብዘመድ፡ ብዓርክን ብኻልእ ዝተፈላለየ መንገድን ጉቦ እናበልዑ፡ ብልሹው ወይ ብኩል ዝኾነ ተግባራት ዘማዕብሉ ኣይሰኣኑን'ዮም። ኣብ መወዳእታ ግን ክራይ ርትዓዊ ድዩ ኣይርትዓውን እዩ እቲ ሕቶ።

እቲ ዘገርም ኣብ 1991 ናጽነት ምስ መጸ፡ እታ ዝተወስደት ቀዳመይቲ ስጉምቲ ደርጊ ሃጊርዎ ዝነበረ ኣባይቲ ብምሉኡ ናብ ዋናታቱ ከም ዝምለስ ምግባር'ያ። ናይ መንበሪ ኣባይቲ ሽግራት ንምፍታሕ ከኣ ብጽቡቕ ድሌት ተበጊስና። እዚ ኩሉ እናሃለወ ከሎ፡ ብኸመይ መንገዲ እዩ ደኣ ዝኾነ "ወናኒ ቤት'የ" ዝብል ኣካል ከም ድላዩ ክሽይጥን ክልውጥን? እሞ ከኣ መብዛሕትኡ ትሕቲ ጣውላ ዝግበር ውዕላት እዩ። ምስ ዝተፈላለዩ ደቂ ሃገር ይኹኑ ወጻኢ ዝሰርሑ፡ እሞ ኣብ ወጻኢ ሸርፌ ከዋህልሉ ዝኽእሉ፡ ብዝተፈላለዩ መንገዲ ዝገብርዎ ውዕላት፡ ንመንግስቲ ዘየድልዮ ዘይሕጋዊ ዝኾነ ኣሰራርሓን ተግባራትን'ዩ ብምሉኡ። እዚ ተርእዮ'ዚ ግዜ በሊዑ ስለ ዘሎ ንእግረ መንገድኻ ኣብ ቓለ መሕትት ተዛሪብካሉ ዝሕለፍ ኣይኮነን። ነቲ ሓፈሻዊ ንቕሓትን ፍልጠትን ናይ ሰባት ማዕረ ንምግባሩ ምእንቲ ክከኣል ክጸዓር ኣለዎ። ክንደይ ኣባይቲ'ዩ ዘሎ? መንዩ ወናኒ ኣባይቲ? ክንደይ ወነንቲ ኣባይቲ'ዮም ዘካርዩ? ዋጋ ክራይ ክስልዑ ከለዉ ከመይ ገይሮም እዮም ዝስልዕዎ? ነዚ ዝከታተል ኣካል ናይ

መንግስቲኸ ኣሎ ድዩ? ከጽናዕ ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ እቲ ወናኒ ሓላል ዝበሃል ረብሕኡ ክረክብ ናይ ግድን እዩ። ንዕኡ ዝምልከት ዘካረየ ሓላል'ዩ። ካብ ክራይ ኣታዊ ክገብር ጽቡቕ'ዩ። ግን ካብ ሕጊ ወጻኢ ንተገልገልቲ እናበደልካ ዝካየድ ኣሰራርሓታት ኣገባብ ክግበረሉ ክኽእል ኣለዎ። ከም'ዚ ናይ ቃለ መሕትት ኣርእስቲ ብሕቶ ቀሪቡ መልሲ ተዋሂብዎ ጥራይ ዝስገር ዘይኰነስ፡ ምሉእ ፍወሳ ክግበረሉ ዘለዎ ዘይቅቡል ተርእዮን ኣከያይዳን'ዩ። ስለ ዝኾነ፡ እቶም ዝምልከቶም ኣካላት መንግስትን ሓለፍትን ልዕሊ ኩሉ ግዴትኦም ከልዕሉ ክኽእሉ ኣለዎም።

- **ክቡር ፕረዚደንት፡ ምስ ዓለማዊ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ተኣሳሲሩ እዚ ናይ መራኸቢታት ብፍላይ እዚ ናይ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ተሌፎን፡ "ኣይቲ"፡ ኢንተርነት፡ ተራ ናይ'ዘን መራኸቢታት እዚኣን ወሳኒ ኾይኑ ኣሎ። ስለ'ዚ ምስ'ዚ ምዕባለ'ዚ ንምስጓምን መራኸቢታትና ንምስፋሕን እንታይ መደባት ተታሒዙ ከም ዘሎ ክትሕብረና?**

ብኸልተ መልክዕ ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ሓደ ኤሪተል ዝህቦ ዘሎ ኣገልግሎት'ዩ። ኤሪተል ጽቡቕ ኣገልግሎት ይህብ'ዶሎ? ኢልካ ክሕተት ይከኣል'ዩ። ሎሚ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኼንካ ክትራኸብ ምኽኣል፡ ምስ ቅድሚ ገለ ዓመታት ኣነጻጺርካ ክትርእዮ ከለኻ ጽቡቕ ኤሪተል ሰጕሙ ኣሎ። ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ግን ኣይበጽሐን። እቲ ጉዳይ ከኣ ኣይተሓሰበሉን ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ኣገልግሎት ተለፎን ብዙሓት ዓይነት ተጠቀምቲ ክህልውዎ ይኽእሉ'ዮም። ኣብ ዝኾነ ቦታ ኼንካ፡ ንውልቃዊ ዋኒናትካ ንኽትራኸብ ምእንቲ ትጥቀመሉ፡ ኣብ ናይ ዝተፈላለየ ጽላታት መደባት ልምዓት ትጥቀመሉ። ዓብይን ኣሳላጥን ኣካል ናይ ትሕተ ቅርጺ ቴክኖሎጂ'ዩ። ካብ ነዊሕ እዋን ክሕሰበሉ ዝጸንሐ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣዝዩ ስሉጥ ዝኾነ ናይ መራኸቢ መርበብ ወይ ስርዓት ክህልወና ኣለዎ ዝብል'ዩ። እቲ ቀዋምን ተንቀሳቓስን (ሞባይል) ዝበሃል፡ ከም ኣካይዳኡ ይቕጽል ኣሎ ክንብል ንኽእል ኢና። ኣብ መወዳእታ ግን ብምሉኡ እቲ ስርዓት ብደረጃ ሃገር ብፋይበር ክተኣሳሰር ክኽእል ኣለዎ። ብውሕዱ ድማ እቲ ዓበይቲ። ምኽንያቱ ከም ገፊሕ ጎደና ስሉጥ ኣገልግሎት ዝህብ 'ማይክሮ ወይቭ' ወይ ስልኪ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ግን እቲ ዝበለጸ ሎሚ ኣብ ኩሉ ናይ መራኸቢ መሳለጥያታት መትኒ ክንብሎ ንኽእል ፋይበር'ዩ። ምስ ናይ ዓለም መስመራት ክንራኸብ ምእንቲ ብቐይሕ ባሕሪ ዝሓልፍ ናይ ፋይበር መስመር ኣብ ኣስመራ ኣሎ። ቅድሚ ሕጂ ናይ ኣፍሪቃ ዝብልዎ ፕሮጀክት ጸኒሑ። ነንበይነን ዓበይቲ ኩባንያታት ሃገርን ዓበይቲ ትካላትን ዝውንንኦ እዩ። ከም ኣቕረብቲ ኣገልግሎት፡ ከም ተጠቃሚ ናይ'ቲ ኣገልግሎት ክትኣቱ እንተ ድኣ ኼንካ፡ ናበይ ኢኻ ክትኣቱ ደሊኻ? እቲ መስመር ብዙሕ'ዩ። በቲ ዝሓጸረ ወይ ዝሓሰረ መስመር ነንበይኖም ኣማራጺታት ኣለዉ። እዚኣቶም ምናልባት ግዜ ዝበልዑሉ ፋይዳ ብግቡእ ምጽናዕ'ዩ ነይሩ። ወጻኢታቶም ኣገልግሎቶም ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ቀዳማይ ኣማራጺ እንታይ እዩ? ዝኾነ ጎደና ወይ መስመር እንድሕር ኣሎ ኾይኑ፡ ምስ ዓለም ንምርኻብ ክንለግቦ ዘለና ኣየናይ'ዩ? እቲ ዝሓጸረ ኢንተርነት ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ ኣብ'ዚ ዓዲ። ኣዝዩ ደንጓዩን ዝሑልን ብምኺኑ ንኹሉ ነገር ኣይትጥቀመሉን ኢኻ። ገፊሕን ስሉጥን ናይ ድምጺ፡ ዳታ. . . ክኸውን ከሎ'ዩ፡ ናይ ብሓቂ ነቲ ተገልጋሊ ዝግባእ ኣገልግሎት ዘቕርበሉ። ምናልባት ክኢላታት የጽንዕዎ፡ ናይ ፋይበር መርበብ ምዝርጋሕ ብደረጃ ሃገርን ምስ ናይ ግዳም መራኸቢታት ወይ መስመራት ምርኻብን፡ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ከም 'ማይክሮ ወይቭ' ዝኣመሰሉ ካልኦት ኣማራጺታት'ውን ኣለዉ። ካልእ እንተ ተረፈ እዚ ፋይበር ክተኣታቶ ኣለዎ። ኤሪተል ኣብ ውሱን ከባቢታት ኣተኣታትዩ ኣሎ። ብፍላይ ኣብ'ቲ ቀንዲ-ቀንዲ ኣገልግሎት ዝጠልብ ከባቢታት፡ መስመራት ክህልዎ ምእንቲ፡ መርበባት ብደረጃታት ክዝርጋሕ ክኽእል ኣለዎ። ምናልባት ኤሪተል እቲ ዝወስዶ ዘሎ ስጉምትታት ብፍላይ ኣብ ከተማ ውሱን ቦታታት ይሰርሓሉ'ዩ። ብዘይ ብኡ ኣብ ስሉጥ ናይ መራኸቢታት መርበብ ወይ ኣገልግሎት ክትኣቱ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ስለምንታይ ኣይኣተናዮን፡ ብዙሕ ቴክኒካዊ ምኽንያታት ኣለዎ። ምናልባት ናይ ምምዋል ጸገማት'ውን ክህሉ ይኽእል ይኸውን። ግን እቲ ቴክኒካዊ ሕቶታት ብግቡእ እንድሕር ተመሊሱ፡ እቲ ናይ ምምዋል ብድሆ ገዚፍ እዩ ኣይብሎን እየ። ኣብ ቀዳምነታት ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ናይ መራኸቢታት ዘይኰነ፡ እዚ ሕጂ ነተኣታትዎ ዘለና ማይክሮ ወይቭ፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ወይ ኣብ ዝተፈላለያ ኮሌጃትን ናይ ትምህርቲ ትካላትን፡ ኮምፕዩተር ክህሉ እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ብደረጃ ሃገር

ንኹላተን ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ሓደ እዋን ብቐጥታ ከራኽበን ዝኽእል ስርዓተ መራኸቢ ክኸውን የድሊ። ስርዓተ መራኸቢ ብዘይካ ኣብ ካልኦት ዋኒናት፡ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ። ስለ'ዚ ቅድሚ ዝኣገረ እቲ ናይ ፋይበር ዝበሃል ጉዳይ ይፈታሕ ኣይፈታሕ፡ ግዜ ይውሰድ ኣይውሰድ ብዘየገድስ፡ ቀዳማይ ነገር ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ኮምፕዩተር ክፍሊታት በቲ ዝከኣል መጠን ክዓብን ዕግበት ክህብን ኣልዎ። ሕጽረት ብዝሕን ዓይነትን መምህራን ኣሎ፣ ብሰሪ ርሕቀት ኣብ ገለ ገለ ከባቢታት ዘለዋ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ግቡእ ኣገልግሎት ኣይረኽባን ኣለዋ፣ ሕጽረት ኣብያተ መጻሕፍትን (ላይብረሪ) ዎርክ ሾፓትን ኣሎ፣ ላባራቶሪታት የለን፣ ሕጽረት መጻሕፍቲ ኣሎ. . . ካልእ ብዙሕ ክዝረብ'ውን ይኽእል'ዩ። ነዚ ኩሉ ጸገማት ከቃልሎ ዝኽእል ድማ፡ መራኸቢታት ስለ ዝኾነ፡ ናይ ሓበሬታ ቴክኖሎጂ ብዝለዓለ ክትጥቀመሉ ትኽእል። ኣብ ሓደ እዋን ንዕስራ ሰላሳ ሽሕ ተማሃሮ ፍልጠት ከሰጋግር ዝኽእል ናይ መምህራንን ኣሰልጠንትን ኣበርክቶ ከራብሕ ዝኽእል. . . ብቐንዱ'ውን ኣገዳስነት ስርዓተ ሓበሬታ ኣብ ትምህርቲ ዓቢ ስለ ዝኾነ፡ ዝስርሓሉ ዘሎ ንሱ እዩ። ቴክኖሎጂ ሓበሬታ እምበኣር ነዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣገልግሎት ክንጥቀመሉ ክንክእል ኣለና። ኣብ ፋይበር ጥራይ ዘይኮነ፡ ወላ ኣብ ማይክሮ ወይቭ'ውን ቅልጣፈ ርክባት ክህልወካ ምእንቲ እቲ ባንድ ገፊሕ ክኸውን ክእኽል ኣለዎ። ጂኦግራፊያዊ ባህሪያት ዝጸልዎ ናይ ምርሓቕን ኣቀማምጣን ጉዳያት ፈቲሕካ፡ ሓደ ንኹላተን ኣብያተ ትምህርቲ ዝጠምር ምሉእ መርበብ ክህሉ እቲ ቴክኖሎጂ ይስራሓሉ ኣሎ። ሓደ ካብ'ቲ ዓበይቲ መደባት ናይ ኢንተርነት፡ መስመራት ገፊሕን ስሉጥን ከም ዝኸውን ብምግባር፡ ምስ ዓለም ከም ዘራኽበና፡ ናይ ትምህርቲ መደባት'ውን ኣብ ውሽጢ ሃገር ተሓጺሩ ዝተርፍ ዘይኮነ፡ ኮለጃትን ካልኦት ኣብያተ ትምህርትን ብገዛእ ርእሰን ኣብ ሓድሕደንን ምስ ናይ ግዳም ኣብያተ ትምህርትን ክራኽባሉ ዝኽእላ ስሉጥ መስመራት ክህልወን ስለ ዘለዎ፡ ነዚታት ጠማሚርካ ኣገዳስነቱ ተራእዩ ይስርሓሉ ኣሎ። ናይ ፋይበርን ካልኦት ዓበይቲ መደባትን ክሳብ ዝፍትሑ ብውሕዱ በቲ ዘሎ ዓቕሚ፡ ነቲ ዝጸንሓና ዓንዲ ሕቐ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ኣደይብና፡ ብቐረባ ብገፊሕ ጎደና ስሉጥ ኣገልግሎት መራኸቢታት ወሲድካ ናይ ትምህርቲ መደባት ምሕያል። ምኽንያቱ እዚ ጉዳይ እናንቆልቆለ እምበር እናደየበ ኣይኮነን ዝኸይድ ዘሎ። ዓይነት ትምህርቲ ውጽኢት ናይ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪታት'ዩ። ንትምህርቲ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ዘዳኽሞ ዘሎ ብዙሕ ሕጽረታት ኣሎ ክበሃል ይከኣል'ዩ። ስለ'ዚ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ወላ'ኳ ነዚ ጸገማት ምሉእ ብምሉእ እንተ ዘይፈወሶ ከቃልሎ ይኽእል'ዩ። ሕጽረት መማህራን እንተሎ ክሸፍነልካ ይኽእል፣ መጻሕፍቲ ኣብ ዝውሕደሉ፡ ብኸፊል ናይ መጻሕፍቲ መተካእታ ክኸውን ይኽእል፣ ሓበሬታን ፍልጠትን ብዝሰለጠ መንገዲ ንምስግጋር ክሕግዝ'ዩ። ስለ'ዚ ብግብሪ ክስርሓሉ ክኽእል ኣለዎ ተባሂሉ፡ ብዓቕምና ሓደ ንእሽቶ ናይ ኮምፒዩተር መላጋገቢ መሳለጥያ ኣለና። ካብ ደገ ክንዲ ምሽማት ብዝቐለለ ወጻኢታት ንኹላተን ኣብያተ ትምህርቲ ብኾምፒዩተራትን ናይ ኮምፒዩተራት ክፍልታትን ከም ዝዓጥቃ ንገብር ኣለና። እቲ ጻዕርታት ኣብያተ ትምህርቲ ምስ ውሽጥን ወጻእን ስሉጥ ናይ ትምህርቲ ሓበሬታ ዝለዋወጣሉ ህዋህው ምምፍጣር'ዩ። ሕጂ ግን ግዚያዊ ፍወሳ ምግባር ሓደ ቀዳምነት ኰይኑ ኣሎ። እቲ ዝዓበየ ፍታሕ ድማ መድረኻዊ'ዩ።

**ሕቶይ ኣብ ዕደና'ዩ ክቡር ፕረዚደንት። ኣብ'ዚ ጽላት እዚ ዝተበጋገሰ ወፍሪ ኣሎ። እቲ ልክዕ መረዳእታ ምእንቲ ክህሉ፡ ኣብ መፍረ ደረጃ ዝበጽሐ ይኹን ኣብ መጻኢ ተታሒዙ ዘሎ መደባት መብርሂ እንተ ትህበና? ምኽንያቱ ንመሸጣ ወይ ንብርኪታት ክኸውን ይኽእል - እተን ኩባንያታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ብዙሕ'የን ዝብላ። ኣተሓሕዛ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ግን ኣብዚ ጉዳይ'ዩ ጥንቁቕ'ዩ ጸኒሑ'ሞ ስፍሕ ዝበለ መብርሂ እንተትህበና?**

ኣብ'ዚ ኣርእስቲ'ዚ ብዙሕ ግዜ ተዛሪበ ኣለኹ። ግና ብዙሕ ግዜ ክዛረበሉ ባህጊ የብለይን። ምኽንያቱ ምጥባር ኰይኑ ስለዝርኣየኒ። ተስፋ ክትህብን ክትጥብርን ክልተ ነገራት'ዩ። እቶም ገለ ገለ ኣርእስታት'ውን ናብ ዕዳጋ ወሪድና ክንዛረበሎም ንግደድ ዲና? እተን ኩባንያታት ከምኡ ክብላ ይኽእላ'የን። ኣብ መወዳእታ እዚኦም ትማሊ ዝዛረበሎም ዝነበርኩ ኣርእስታት ኣለዉ። ካብ ሓንቲ

ንእሽቶ ናይ ዕደና ቦታ፡ ካብ’ቲ ካብቲ “ክንድ’ዚ ተረኺቡ፣ ክንድ’ዚ ተሸይጡ” እናበሉ ብኢንተርነት ዝዝርግሕዎ መንግስቲ ክንደይ ዝኣክል ኣታዊታት ወይ ብጽሒት ይረክብ? ክንደይ ዝኣክል ናይ መንግስቲ ወጻኢታትከ ይሽፍን? እቶም ኣርእስቲ ብኣርእስቲ ዝተዛረብናሎም ናይ ልምዓት መደባትና ክሳብ ክንደይ ገዚፍ ወጻኢ ከም ዝሓቱ ክንግምት ዘጸግም ኣይኮነን። ካብ’ዚ ዕደናኽ ክንደይ ዝኸውን ኣታዊታት ይርከብ? ብኣሃዛት እንተ ዝዛረብ ሰብ ምሰንበደ ነይሩ። ርትዓዊ ዝኾነ ናይ ኣታዊታት ገምጋም ከይሓዝካ፡ “ከም’ዚ እንተ ተገብረ፡ ከም’ዚ እንተ ተፈጥረ. . .” እናበልካ ኣእዳውካ ኣጣሚርካ ክትምህለል! ብዊንታ ጥራይ ዝኸውን ነገር የለን። ውሱን ከባቢታት ወይ ውልቀ ሰባት ዝጥቀምሉ ጸጋ የለን። ዝተዓቑረ ድማ የለን። እቲ ጉዳይ ናብ ምጥባር ገጹ ክኸይድ የብሉን። ሓቂ ዘይኮነ ሓበሬታ ምዝርጋሕ ክህሉ የብሉን። ብዛዕባ’ተን ኩባንያታት ዝብላኦን ዝጽሕፍኦን ብዙሕ ክዝረብ ይኽእል’ዩ። ከም ፖሊሲ ግን፡ ኣብ ክንዲ መሰረታዊ ዕብየት ከምጽኡ ኣብ ዝኽእሉ መደባት ኣተኲርና ምስራሕ፡ እዚ ጸጋታት’ዚ ከም ማና ንኹሉ ጸገማትና ክፈትሓልና’ዩ ኢልና ኣእምሮናን ኣካላትናን ከነኸርዝዝ! እዚ ዘይጭበጥ ስእልታት ስለ ዝህብ፡ ኣብ’ቶም ንዘላቒ (ሳስተይነብል) ናይ ልምዓት መደባትና ዝደፍኡልና ስራሓት ክንዛረብ ክንክእል ኣለና። ኩሎም እቶም ንምትግባሮም ኣብ መንገዲ ዘለዉ ናይ ትሕተ ቅርጺ መደባትና ይጽንሑ ዲና ክንብል? መነባብሮ ከቢሩ፣ ገዛ ክራይ ከቢሩ፣ ኣስቤዛ ከቢሩ፣ ስለ’ዚ ከም’ዚ ዘይግበር? ክትብል ኣዝዩ ኣጸጋሚ’ዩ። ይትረፍዶ ኣብ ዓበይቲ ልምዓታዊ መደባት ዝወጽእ፡ እዞም ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎምን ካልኦት ዘይተዘከሩን ሓዊስካ ዝሓትዎ ወጻኢታት ክንደይ ኰን ይኸውን! እንድሕሪ ኢልካ፡ ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሓሙሽተ ቢልዮን ዶላር ዝኸዱ ፕሮጀክትታት’ዮም። ኣብ ጁባ ክንድኡ ዝኣክል ገንዘብ እንተ ዝህሉ፡ ሕጂ ከተበግሶ’ውን ትኽእል ኢኻ። ከተበግሶም እንተ ደሊኻ ኣታዊታትካ’ዩ ዝውስኖ። እቲ ንሳቶም ዘውጽእዎ ኣሃዛት፡ ብምሉኡ ተደሚሩ ናይ ፍርቂ ዓመት ናይ ነዳዲ ባጀትና‘ውን ኣይሽፍንን’ዩ። “እንታይ ከም ዘሎ እንታይ ከም ዘየለ ሓበሬታ ኣለኒ እፈልጥ’የ? ዝብል እንተ ሃልዩ ክዛረቦ እኽእል’የ። ኣብ ጽርግያ ወሪደ ዝዛረበሉ ምኽንያት ግን የብለይን። ብእኡ ዝሰናበድን ዝጭነቕን ሰብ የለን። ዘወጻጽኣና ንገብር፣ ይብዛሕ ይውሓድ ኣብ መዓልኡ ከም ዝውዕል ንገብር፣ ምጥፍፋእ ዝበሃል የለን፣ ኣብ ዘይምዓልኡ ምውዓል የለን፣ እቲ ዘገድስ ድማ ንሱ እዩ። እቲ ኣብ መዓላ ዝውዕል’ውን ንሎሚ፡ ንጽባሕ፡ ንድሕሪ ጽባሕ ኣብ ዘገድሱ መደባት ተኸፋፊሉ፡ ብጥንቃቐን ብመጽናዕትን ክቐርብ ኣለዎ። ንኣብነት ብዛዕባ ባጽዕን ዓሰብን ኣቐዲመ ተዛሪበ ነይረ። ቀዳምነታት ኣብ ዘይኮነ መደባት ኣቲና ክነጽንዕ እንድሕር ኢልና፡ ናይ ዕድል ክሳራ ኣለዎ። ኣብ ዓለማውን ዞባውን ቁጠባ ኣቲኻ ክትሰርሕ እንድሕር ኼንካ እዚኣቶም ቀዳምነታት ኣይኰኑልካን’ዮም። ምናልባት ብድሕሪት ክትሰርዖም ትኽእል ትኸውን። ምስ ሓጽብታት፡ ጽርግያታት፡ ናይ ጸዓት ፕሮግራማት ከተቀዳድሞም ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብ’ቲ ዝደለኻሉ እዋን ኢኻ ክትወዳደር ትኽእል። ኣብ’ዚ ፕሮጀክትታት’ዚ ዝተጻንዐ ሰነድ እንድሕር ኣለኒ ኾይኑ፡ ንትግባረኡ ጽባሕ ድየ ክጅምሮ ወይስ ድሕሪ ጽባሕ ከም ዓቕመይ ዝሰለጠኒ እገብር። ኮፍ ኢሉ ክቑዝም፡ ክምህለል፡ ክሓልም፡ ዝውዕል፡ ዘየለ ነገር ከም ዘሎ ኲይኑ እናተራእዩ ክህውትት ዝውዕል ኣሎ። ነዚታት ክትፈትሕ ኢልካ ኣብ ጽርግያ ኣይትዛረብን ኢኻ። ክንዛረበሉ ኣይንደልን እምበር ብዙሕ ካብ’ቲ ዝግበኣና ኣይንወስድን ኢና። ብብዙሕ ምኽንያታት እቲ ውዕላት ርትዓዊ ኣይኰነን። ውዕላት ርትዓዊ ዘይኰነሉ ከኣ፡ ካብ ዳህሳስ፡ ኲዕታን ምዝመዛን ክሳብ እትበጽሕ ዓቕሚ እንድሕር ዘይብልካ እቲ ኣብኡ ትረኽቦ ብርኪታት ይጠፍእ’ዩ። ብዙሓት ናብ ከም’ዚ ዝኣመሰለ ናይ ዕደና ስራሕ ዝኣትዋ ሃገራት ሓቐን’የን ከምኡ ክገብራ ኢኻ ትብል። ርትዓዊ ድዩ ኣይኰነን ግን ብናትካ ዓቕሚ ዝውሰድ’ዩ። ናይ ክኢላታት፡ ቴክኖሊጂ፡ መሳለጥያታት ዓቕሚ የብልካን። ካብ’ቲ ዝደቐቐ ክሳብ ናይ ቤት ጽሕፈት ንዝሰርሕ ሰብ ዝግበር ወጻኢታት ኣብ ሕሳብ ናይ’ቲ ፕሮጀክት ዕደና ስለ ዝኣቱ፡ ንስኻ ክትረኽቦ ዝግበኣካ ብርኪ ኣይትረክብን ኢኻ። ሓደ ካብ’ቲ ክኽለስን ዳግማይ ክጽናዕ ዘለዎን ፖሊሲታትን ጉዳያትን እዚ’ዩ። ኣብ ኣተሓሕዛ ኩላቶም ዓይነት ማዕድናትና ብደረጃ ሃገር ንጹር ስእሊ ክህልወና ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ግዜ ጥልያን ዝተገብረ ዳህሳሳት ኣሎ። ድሕሪኡ ዝተገብረ ዳህሳሳት ኣሎ። ኣብ’ዚ ቀረባ እዋን ዝተገብረ ዳህሳሳት’ውን ኣሎ። ሕጂ’ውን መረባዓት ወይ ብሎክስ ተባሂሉ ዳህሳሳት ዝካየደሉ ከባቢታት ኣሎ። ኣብ ነብሲ ወከፍ ክንደይ ዝኣክል ዕቑር ማዕድን ኣሎ? ኣበየናይ ከባቢታት እዩኽ ዝርከብ? ኣብ ጽፍሒ መሬት ድዩ ኣብ ዕምቆት? እንታይ ዘይዳህሰሰናዮምከ ኣለዉ። ነዚ ክንፈልጥ ምእንቲ ሓያላት ትካላት የድልዩና። ንዕኡ ክእዝዝ ዝኽእል ኣሰራርሓ ወይ ስርዓታት ከኣ ክህልወና ክኽእል ኣለዎ። በዚ ሕጂ ንገብሮ ዘለና ክንቅጽልን ዘይክንቅጽልን ንዝሓለፈ ተመኲሮ ተጠንቂቕና ከነጽንዮ ክንክእል ኣለና። ከመይ ገይርና ኢና ምስ እዘን

ምሳና ዝሰራሓ ኩባንያታት ክሳብ ናይ ምምዝማዝ ጸጋታትና ንበጽሕ? ቅድሚ ሕጂ ደሓን እስኪ ንግዜኡ ከወጻጽኣና ይኽእል'ዩ ኢልና ዝኣተናዮ ውዕላት ኣሎ። ክንደይ ብርከታት ረኺብናን ከመይ ተሸይጡን ካልእ ኣርእስቲ እዩ። ድሕሪ ሕጂ ግን ኣብ'ዚ ሃገር ዘለዉ ማዕድናውን ዘይማዕድናውን ጸጋታት፡ ሓደ ብሓደ ቁጠባ ኣብ ምምዕባልን መነባብሮ ህዝቢ ኣብ ምምሕያሽን፡ ብኸመይ ከም እንጥቀመሎምን፡ ከመይ ጌርናኸ እቲ ዝግበኣና ንረክብ ክንሰርሓሉ ኢና። ሞያ ቀሲምና ኣለና፣ ቴክኖሎጂ ኣለና፣ ማሺነሪን መሳለጥያታትን ኣለና። ብዙሕ ድማ ተማሂርና ኣለና። እቲ ዘገርም ኣብ ልዕለና ምስ ዘሎ ቁጠባዊ ሸርሒ፡ “ናይ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ወርቂ ዕደና ፕሮግራማት ክንምንጥሎ ክንክእል ኣለና፡ ኣታዊታቱ ኣብ ምንታይ ይኣቱ ዘሎ? ንኣጽዋር ንህልቂት ዝጥቀሙሉ ከይኮኑ?” ዝበሃል ኩሉ ኣብ ዜና ዝዝርጋሕ ስለ ዝኾነ ብኡ ብዙሕ ዘሰክፍ ነገር የብልናን። ዋና ነገር ግን፡ ክሳብ ሕጂ ምስ ዝተፈላለያ ኩባንያታት ጌርናዮ ዘለናን ብሕጂ እንገብሮን ፈተነታት ህድኣ ኢልና ከም ብሓድሽ ክንግምቶ ክንክእል ኣለና። ኣብ ቢሻ ክንድዚ ዝኣክል ወርቂ ኣሎ፣ ክንድዚ ዝኣተወ ቢልዮናት ኣሎ ኢሉ ዝሓልም እንድሕር ኣሎ ኰይኑ፡ የቃንዓልካ ሕልምኻ ሓቂ ይግበረልካ ጥራይ'የ ክብሎ ዝኽእል።

ንሰብ ተስፋ ምሃብ ሓደ ነገር እዩ። ንሰብ ምጥባር ግን ነውሪ'ዩ። ብፖሊሲታትካ ሰብ ክትጥብር ምፍታን ከኣ ኣሸካዕላል ስለ ዝኾነ መንግስቲ ዘሸካዕልለሉ ነገር የለን። ዝሰርቕ መንግስቲ የለን። ካብ ወርቂ ናይ ቢሻን ካብ'ዝን ካብ'ትን ኣኻኺቡ ኣብ ጅባኡ ዘእቱ የለን።

**ክቡር ፕረዚደንት፡ መንግስቲ ኣብ መሰረታውያን ሃለኽቲ ነገራት፡ ጾር መነባብሮ ህዝቢ ንምቅላል እናደጎመ'ዩ ክኸይድ ጸኒሑ። ንዝያዳ መረዳእታ መጠን ናይ ድጎማታት ክሳብ ክንደይ ይኸውን? ናህሪ ዋጋታት፡ ዝቐባበ፡ ከምኡ ከኣ ዕዳጋታት ንምርግጋእ እንታይ ይሕሰብ ኣሎ?**

ኣሃዛት ስለ ዘለዉ ከምጽኦም እኽእል'የ። ግን ንመረዳእታ እምበር ዝኸዓ ተዓዛቢ ክድምሮም፡ ክንክዮምን ከዛምዶምን ዘይክእል ኣይኮነን። ንኣብነት ናይ 2013 ናይ ፈርናስ፡ ናፍታ፡ ጋዝ፡ ላምባ ወጻኢታትና ልዕሊ 320 ሚልዮን ዶላር ነይሩ። እዚ ካብ ናይ ጸዓትን ኤለክትሪክን መደባትና ክፋል ኣለዎ። ናይ ሕርጊጎ መደበር ኤለክትሪክ ኣብ ወርሒ ክንደይ ፈርናስ እዩ ዘህልኽ? ብዘይካ እቲ ዝዝርጋሕ ኤለክትሪክ ዝባኽን ወሲኽካ ንሓደ ኪሎዋት ሰዓት ክንደይ እዩ ዝኸፈል? ተገልጋላይ ብዶላር ክኸፍሎ ኣይክእልን'ዩ። ተገልጋሊ፡ ዋኒናት፡ ናይ ኢንዳስትሪታትን ፋብሪካታትን፡ ንኣብነት ናይ ስሚንቶ ፋብሪካን ካልኦት ንኣሽቱን ማእከሎትን ትካላት'ውን ኣለዉ። ኩላቶም ይብዛሕ ይውሓድ ነናቶም የህልኹ። ኣብ ጥቕሚ ምስ ወዕለ ግን ክንድ'ቲ ዝኸፈልካዮ ማልስ ትረኽበሉ ዲኻ ዝብል ሕቶ ክትግምቶ ቀሊል እዩ። ብዶላር ዘምጻእካዮ ብናቕፋ ኢኻ ትመልሶ ዘለኻ። ዘውጻእካዮ ወጻኢታት የምጽኣልካዶ? እቲ እተኸፍሎ ወይ ታሪፍከ ምስ ወጻኢታትካ ዝኸይድ ድዩ? ናይ ነዳዲ ዋጋ ክድይብን ክወርድን ከምኡ'ውን ካልኦት ዝተፈላለዩ ጸገማት ክህልዉ ከለዉ፡ ካብ ዘምጻእካ ኣምጺእካ ተቐርብ ኣለኻ። ኣብ ዝኸዓ ዕዳጋ ብናቕፋ ዝግዛእ ነዳዲ የለን። እዚ ድጎማ ይበሃል ወላ ካልእ ስም ይወሃቦ፡ ኣብ ርእሲ ቁጠባ ገዚፍ ጽዕነትን ዓቢ ብድሆን'ዩ። ናይ ኤለክትሪክ ኢና ንዛረብ ዘለና እምበር፡ መብዛሕትኦም ናይ ሕርሻ ፕሮግራማትና ብመንግስቲ ዝካየዱ'ዮም። ናይ ብሕትን መንግስትን ክንደይ ከም ዘኽፍላ ድማ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ሰሚዕናዮ ኣለና። እዘን ኩለን ትራክተራት መንግስቲ ይኹና ብሕቲ ነዳዲ'የን ዘህልኻ። መንግስቲ ካብ'ዚ እንታይ ይረክብ? ብኡ መጠን ኣብ ምህናጽን ምጽጋንን ጽርግያታት፡ ሓጽብታት፡ ናይ ትሕተ ቅርጺ ፕሮግራማት ካብ ዓባይ ዶዘር ጀሚርካ ክሳብ ዝነኣሰት ነዳዲ'ዮም ዝጥቀሙ። እዚ ኩሉ ዝወጽእ ነዳዲ ተመላሲኡ መዓስ'ዩ? ዘይንገድፎ ካልእና ዘይንገብር፡ ብዛዕባ ኣብ ክብድና ዝኣቱ ዘይንሓስብ ክበሃል ይኽእል ይኸውን። ኣይፋሉን!! ናይ ነዊሕ ግዜ መደባት እዩ'ሞ፡ እቲ ሕጂ ነውፍሮ ዘለና ጽባሕ ንግሆ ተመላሲ ክንረኽበሉ ምዃንና ኣሚንና ኢና እንሰርሕ ዘለና። ኣብ ናይ መጻኢ ቁጠባዊ ዕብየትን ልምዓትን ኣበርክቶ ስለ ዘለዎም፡ ብኽሳራ ዝኸዱ ዘለዉ ፕሮጀክትታት'ዮም። ኣብ መወዳእታ ግን ተመላሲ ኣለዎ።

መንግስቲ ዘይጽንቀቕ ጸጋታት ዘለዎ፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ዝደለኻዮ ነገር ኩሉ ከማልእ ዝኽእል “ኣብስትራክት” (ዘይጭበጥ) ገይርና ኣይንርኣዮ። ብዙሓት ካብ ኣገልግሎታትና ብጻዕርን ሰንከልከልን እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ንኣብነት ናይ መጎዓዝያ ኣውቶቡሳትና ሰንከልከል'የን ዝብላ ዘለዋ። ንምምሕያሹ ግን

ኣብ ቀጻሊ ጻዕሪ ንርከብ። ኣብ'ዚ ክልተ ሰለስተ ዓመታት ዝተራእየ ናይ መጓዓዝያ ናይ ኣገልግሎት ምምሕያሽ ኩሉ ሰብ ዝርእዮ ስለ ዝኾነ ምዝራቡ ኣየድልን። ገዚፍ ነገር ክትገብር ኣይንኽእልን። ጥዑያት ጽርግያታት የብልናን። ግን ከነሐይሾ ኣለና ተባሂሉ፡ ኣብ ርእሲተን ዝነበራ ኣውቶቡሳት ዓሚ'ውን ተወሲኸን፡ ንተገልጋሊ ብዘይሃሲ ታሪፍ ይንቀሳቐሳ ኣለዋ። ዝሃልኽ ዘሎ ነዳዲ በቲ ተወሲኑ ዘሎ ታሪፍ ክምለስ ዝኽእል ኣይኮነን። ብጥሪኡ ድኅማ ጥራይ ኢልካ ካብ ምሕላፉ እዛ ሃገር ዓመት ዓመት ብኸመይ ትኽይድ ከም ዘላ ክንርዳእ ምእንቲ ኢለ'የ ዝገልጾ ዘለኹ። እዚ ተመላሲ ክርከቦ እንድሕር ኰይኑ፡ መንግስቲ ብመጠን ወጻኢታቱ ዋጋታት ክውስኽ'ዩ ዘለዎ። እንተ ዘይተወሲኹ ግን ብኽሳራ ይኸይድ ኣሎ። ድኅማ ድማ ቁጠባዊ ኣገዳስነቱን ጥቕሙን ብግቡእ ክግምገም ክኽእል ኣለዎ። ናይ “ቻሪቲ” (ልግሲ) ጉዳይ ኣይኮነን። ሕጂ እዚ ገይረ ጽባሕ ኣብ ዝሓሸ ዕብየት ናይ ቁጠባ ክበጽሕ እየ፡ ዝብል ዕላማ ክህልወካ ኣለዎ።

ብዓቢኡ ኣብ'ዚ ሃገር ብዝተፈላለየ ርዱእ ምኽንያታት ማሕበራዊ ሓላፍነታት ኣሎ። ውጹዓት ክፍልታት ሕብረተሰብ ኣለዉ። እዚ ድማ ሓላፍነት መንግስቲ'ዩ። ንኣብነት ትምህርቲ ብናጻ (ብዘይ ክፍሊት) እዩ ዝካየድ። ኩሉ ወጻኢታት መንግስቲ'ዩ ዝሸፍኖ። ናይ ጥዕና ኣገልግሎታት'ውን ከምኡ። ብዘይካ'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝፈሪ፡ ዋጋ ናይ'ቲ መንግስቲ ብዶላር ዝገዝኦ መድሃኒታት ይኹን ካልእ ምስ ኣታዊታቱ ዝዳረግ ኣይኮነን። እዚ ድኅማ ድዩ ክበሃል ወይስ መደብ ልምዓት ዝኾነ ሰብ ነናቱ መግለጺ ይሃበሉ። መንግስቲ ለዋህ ስለ ዝኾነ ዝገብሮ ኣይኮነን። እዚ ናይ ሃገር'ዩ፣ ናይ ህዝቢ'ዩ፣ ናይ መንግስቲ'ዩ፣ ኢልካ'ውን ክትፈላሊ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሓደ ዝውስን ኣካል ከም ዘሎ'ሞ፡ ንሱ ከምዘጽድቖ ገይርካ ዝውሰድ ነገር የለን። ከምኡ ዝኣመሰለ ባህሊ ኣይጸንሓናን። ከምኡ ዝኣመሰለ ባህሊ ክኹስኮስ'ውን የብሉን። ብደረጃ መንግስቲ ዝወጽእ ፖሊሲታት ናይ ህዝቢ'ዩ። ናይ'ዚ ኩሉ ፍታሕ ድማ ኣብ መወዳእታ ኣብ ኩሉ ጽላታት ዝህልወና ኣፍራይነት ከነዕቢ ክንክእል ኣለና። “ፎር ፍሪ” (ብናጻ) ዝበሃል ነገር የለን። ክትሰርሕ ክትክእል ኣለካ። ሃገር ብጥቕልሉ ክሰርሕ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ዘይኮነ ትጽቢታት ዘኽይድ ምኽንያት የብልናን።

**ንጥፈታት ንግዳዊ ሃገራዊ እቶት፡ ንዜጋታት ሰፊሕ ናይ ስራሕ ዕድላት ኣብ ምፍጣር ዘለዎ ግደ ብቐሊል ዝግመት ኣይኮነን። ፍቓድ ዋኒን ብዝምልከት ክስረሓሉ ዝጸንሐ ፖሊሲ ግን ብርግጽ ነዚ ዕላማ እዚ ዝሕግዝ ድዩ? መጻኢ ኣታሕዛኡኸ ከመይ ክመስል'ዩ? ምስ'ዚ ተኣሳሲሩ ስርዓተ ግብርን ቀረጽን ንምውርጻጽ ዝተታሕዘ መደብ ኣሎዶ?**

እዚ ጉዳይ'ዚ ፍሉይ መደብ እንተ ተገብረሉ ጽቡቕ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ጽርግያ ዝዝረብ ብዙሕዩ። “ልቸንሳ ስለ ዘይተዋህበ፣ ፍቓድ ናይ ንግድ ስለ ዘይተዋህበ፣ . . . ዝበሃል ነገር ብዙሕ እዩ። ኣብዚ ክልተ ሰለስተ ሰሙን ምስ ብዙሓት ዝምልከቶም ኣካላት እዛረበሉ ነይረ። ኣብ ኣወሃህባ ዋኒን፡ እቶም ፍቓድ ዋኒን (ልቸንሳ) ዘድልዮም መን እዮም? ብኸመይ መገዲ'ዩ ፍቓድ ዝወሃቦም? መወከሲ ክህሉ ኣለዎ። ኣብ 2009 ዝጸሓፍኩዋ ጽሕፍቲ ኣላ፣ ክህበኩም እኽእልየ። ምናልባት ሎሚ ኣብ ዜና ከም መዘከርታ ከተምጽእዎ። ከየስተብሃልናሎም በብቕሩብ ዝጠራቐሙ ጸገማት ናይ ኣሰራርሓ ነይሮም'ዮም። ኣብ መወዳእታ 2009፡ እዚ ንንግዳዊ ንጥፈታት ዝወሃብ ፍቓድ መስመሩ ይስሕት ስለ ዘሎ ኣገባቡ ክመዓራረ ክኽእል ምእንቲ፡ መን'ዩ ኣብ ንግዳዊ ንጥፈታት (መብዛሕትኡ ኣብ ሓፈሻዊ ንግድ እዩ ዝነጥፍ ዝብል ሕቶ ክለሳ ይገበረሉ። ንኣወሃህባ ፍቓድ ክማልኡ ዘለዎም ረቛሒታት ከም መወከሲ ፍሉጣት ክኾኑ ኣለዎም። ዝርዝራት ድማ ብንጹር ክሕንጸጹ ይግባእ። ምኽንያቱ ክማልኡ ዘለዎም ሕጋዊ ግዴታታት'ውን ክማልኡ ስለ ዘለዎም። ዝስረሓሉ ዝነበረ ፖሊሲታት፡ ኣገባባት ወላ ፎርምታት እውን ተመሓይሹ ክወጽእ ክኽእል ኣለዎ ዝብል'ዩ ነይሩ። ብዝነበሮ እንተቐጺሉ ናብ ዘየድሊ መንገዲ ከምርሕ ይኽእል'ዩ። “ኮራፕት” ወይ ድማ ብኩላት ንብሎም ኣብ መንጎ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ብሰበይትኻ ድኳን ምውጻእ፣ ብስም ሓውኻ ወዲ ሓወቦኻ ገለ ትገብር፣ ገለ ተሳልጠሉ፣ ብሕታዊ ክፋል እናበልካ ትዛረብ፣ ኣብ ደገ ኣሐኪሙኒ፡ ከም'ዚ ኣሳሊጡለይ፡ በጊዕ ኣምጺኡለይ፡ እናተባህለ ክስራሕ ዝከኣል ኣይኮነን። ንግድ እንድሕር ኰይኑ፡ ጽሩይ ንግድ ክኸውን ኣለዎ። ዝኾነ ሰብ መሰል ኣለዎ። እንድሕር ደኣ ክነግድ እየ ኢሉ ክነግድ ይኽእል እዩ። ግን ግሉጽነት ዘለዎ ኣገባብ ክህሉ ኣለዎ። ዝግባእ ቅጥዕታት ክማልእን ግብርን ቀረጽን ክኸፍልን ኣለዎ። መወዳእታ ነቲ ዝወጽእ ፖሊሲታትን

መምርሒታትን ግቡእ ቁጽጽር ክግበረሉ የድሊ። ንትግባረ ዝቆጻጸሩ ኣካላት እንድሕር ዘየለዉ ኾይኖም፡ ጽቡቕ ኣዋጃት ስለ ዝወጸ ጽቡቕ ፖሊሲታት ስለ ዝተሓንጸጹ፡ ንግዳዊ ወይ ናይ ወፍሪ ንጥፈታት ብግቡእ ክኸይድ እዩ ክበሃል ኣይከኣልን'ዩ። ካብኡ ዝገደደ ይውሓዱ ይብዝሑ፡ እቶም ክቖጻጸሩ ዝግብኦም መሻርኽቲ ናይ ሸርሒ፡ ናይ ምጥፍፋእ፡ ናይ ብከላ እንድሕር ዝኾኑ ኰይኖም፡ ቀስ ብቐስ እናሰረበ ከም ቫይረስ ኣብ ባህልን ኣሰራርሓን ምስ ተዘርግሐ፡ ፈጺምካ ክትሰርሕ ኣይትኽእል ኢኻ። እዚ ኩሉ ካብ 2009 ጀሚሩ፡ ገምጋም ክግበር ኣለዎ ተባሂሉ ክሳብ ሎሚ ክዝረበሉ ጸኒሑ። ናይ ኮንትሮባንዳ ወይ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ንግድ'ውን ከምኡ። እዚ ብዕቱብ ከዛርብ ካብ ዝጀምር ኣርባዕተ ዓመት እንድዩ ገይሩ ኣሎ። እንታይ ተሰሪሑ? እንታይ ድኽመታት ተራእዩ? ብቕዓት ተቖጻጸርቲ ኣካላትከ ከመይ እዩ? ካብ'ቶም ዝካየዱ ዘለዉ ንጥፈታት ዝእከብ ወይ ዝእገድ እንድሕር ዝድለ ኰይኑ፡ ክንደይ ይኸፍል ወይ ይሽፍን? . . . ብዙሕ ክዝረበሉ ዘለዎ ኣርእስትታት ስለ ዝኾነ፡ ኣብ 5 ወይ 10 ደቓይቕ መልሲ ሂበ ክሓልፎ ኣይደልን'የ። እዚ ጉዳይ እዚ ንመነባብሮ ህዝቢ ዝትንክፍ ስለ ዝኾነ፡ ግዜ ተዋሂብዎ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ንጹር ስእሊ ክቐርብ ምእንቲ ፍሉይ መደብ እንተተዳለወሉ ይበልጽ።

**ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣቐድም ኣቢሉ ቁጠባዊ ወፍሪ ንምትብባዕ ዋዕላታት ተኻይዱ ነይሩ። ነዚ ዋዕላታት'ዚ ተኸቲሉ፡ ዝተኻየደ ስራሕ እንታይ ኣሎ? ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዕድላት ወፍርን ዘይተመዝመዘ ጸጋታትን ትጽቢት ዝግበረሉ ዘቤታውን ግዳማውን ወፍሪ ብዝምልከት ስፍሕ ዝበለ መብርሂ እንተ ትህበና?**

ቃለ መሕትት ጥራይ ዘይኰነ ክፉት መድረኽ ናይ “ዲስካሽን” (ዘተ) ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ከም ግሉጽነት ዝመስልዎ ነገር የለን። ወላ ብገርሂ ካብኡ ክትሃድም ምፍታን ሃሳዊ'ዩ። ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘሎ ህዝቢ ብምሉኡ ኣብ ልምዓት ክሳተፍ እንተ ኾይኑ ከኣ፡ ነቔሑ ፈሊጡ ክሳተፍ ኣለዎ። ፖሊሲታት ምውጻእ ጥራይ ዘይኰነ ጥጡሕ ባይታን ሃዋህውን ክህሉ ኣለዎ። ወፍሪ ከኣ ኣብ ንጹር መረዳእታን ኣብ ጥጡሕ ባይታን ሃዋህውን ክኸይድ ክኽእል ኣለዎ ተባሂሉ ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ኮንፈረንሳት ከም መበጋገሲ ጽቡቕ ስርሓት'ዩ ተኻይዱ። ኮንፈረንሳት ምስ ተበገሰ ካብ ብሕታዊ ክፉል ክንደይ ኣውፊርቲ ጠለብ ኣቕሪቦም፡ ኣበየኖት መዳያት'ዮምከ ከውፍሩ ጠሊቦም? ገለ ገሊኡ ምምላሱ'ውን ዘየድሊ ክኸውን ይኽእል። ንኣብነት ዝኾነ ከውፍር እኽእል'የ ዝብል ሰብ ኣሎ - ጽቡቕ!! ጽቡቕ ድሌት ነውሪ ኣይኰነን። ናይ ግድን ሚልዮናት ክህልወካ ኣለዎ ዝብል'ውን የለን። ግና ናይ ምውፋር ዓቕምኻ እንታይ ይመስል ተባሂሉ ክሕተት ኣለዎ። ። ጽቡቕ ናይ ወፍሪ መንፈስ ምብግጋስ ጥራይ ስለ ዘይኣክል፡ ዝምልከተን ኣካላት መንግስቲ ብፍላይ ሚኒስትሪታት ኣብ ጸጽላተን፡ ናይ ኩሉ ዕድላት ወፍሪ መራሒ ጎደና ከውጽኣ ክኽእላ ኣለወን። እቲ ከውፍር'የ ዝብል'ውን ወላ'ኳ ሓሲቡዎ ክመጽእ ዝኽእል እንተ ኾነ፡ ኣይፋልን እቲ መራሒ ጎደና እዚ'ዩ። ኣብ ሕርሻ፡ መፍረ እንስሳ፡ ኣብ ምምስራሕ (ማኑፋክቸሪን) ወይ ምስናዕ፡ ኣብ ኣገልግሎት ከም'ዝን ከም'ዝን ዝኣመሰለ ዕድላት ኣሎ . . . ተባሂሉ ሓደ መራሒ ጎደና ክበጽሕ ኣለዎ። ንሱ ንኹሉ ከጠቓልል ይኽእል። ጽላት ብጽላት ነዚ ክገብር ክኽእል ኣለዎ። እተን ዝቐርባ ነጥብታት ኣብ ዜና ክዝረበለን ክኽእል ኣለዎ። ንኣብነት ካብ'ቲ ኩሉ ዘርዚረ ክቕርቦ እንተ ዘይከኣልኩ'ኳ፡ እቲ ዝበዝሐ ኣብ ኣገልግሎታትን ኣብ ቱሪዝምን ዝሰለጠ ዝመስሎ፡ ናይ ዝተፈላለየ ደረጃታት ኮኾብ ዘለወን ሆቴላት፡ መመገቢ - ኣብያተ መግቢ፡ እንዳ ሻሂ፡ መዘናግዒ ክኸፍት ይደሊ። ኣብ ካልእ ዘይፈልጦ ክብድ ዝበለ ዋኒን ክኣቱ ኣይደልን። ኩሉ ናብኡ ገጹ ጥራይ ካብ ዝኸይድ ኣብኡ ዘለ ጭቡጥ ዕድላት ከተረድኦ ክትክእል ኣለካ። እዚ ኣብ ደገ ንዘለዉ ጥራይ ዝምልከት ኣይኰነን። ዶላር ንዘለዎ ጥራይ ዝምልከት'ውን ኣይኰነን። ብሓፈሻ ድማ ገንዘብ ንዘለዎ ጥራይ ዝምልከት ኣይኰነን። ሓንጎል ዘለዎ፡ ብኣእምሮኡ፡ ብሞያኡ፡ ብፍልጠቱ፡ ከውፍር ዝኽእል'ውን ኣሎ። ጁባይ ጥርሑ እንተ ኾይኑ ሓሳባት ኣለዉኒ። ይንኣስ ይዕበ፡ ቁሩብ ደገፍ እንድሕር ረኺበ ከም'ዚ ክገብር እኽእል'የ ዝብል ሰብ ዘለቅሖ እንድሕሪ ረኺቡ፡ ክብገስ ይኽእልዩ። ጽባሕ ንግሆ ኣፍርዩ ልቓሑ መሊሱ ናብ ዝዓበየ ነገር ክኸይድ ይኽእል'ዩ። ስለ'ዚ እቲ ጎስጓስ፡ ነቶም ናይ ደገን ዶላር ዘለዎምን ሰባት ንምስሓብ ጥራይ ዝግበር ዘሎ ከይመስል። እቲ ወፍሪ ኣዝዩ ገፊሕ'ዩ። ኣብ ውሽጢ ሃገር'ውን ብገፊሕ ክሳተፉ ክኽእሉ ኣለዎም። ሕጂ ግዜ ምእንቲ ከይነውሓና ነቶም ዘዝምልከቶም

ኣካላት እስከ ክልተ ኮንፈረንሳት ተኻይዱ’ሞ፡ ኣብ ዓውድኹም እንታይ ጠለባት መጺእኩም? ከመይከ ይመስል? መራሒ ጎደና ወፍሪን ሱታፌን ልምዓት ናይ ኩሎም ዜጋታታት ምእንቲ ክንፈልጥ ዘለኩም ስእሊ እስከ ሃቡና ኢልኩም ጽቡቕ ሕቶታት ኣዳሊኹም ሓደ “ኢንተራክቲቭ” (ተገባብሮኣዊ) ዝኾነ ምይይጥ እንተ ኣካየድኩም ኣገዳስን እዋናውን’ዩ። ጽቡቕ ድልየት ጥራይ ገሊጽካ፡ ኮንፈረንሳት ጥራይ ወዲብካ፡ ኣዋጃት ኣውጺእካ፡ ክኸይድ ዘለዎ ኣይኮነን።

**ሕራይ ክቡር ፕረዚደንት ናብ መዳይ ጥዕና ክንሰግር፣ ኣብ ምጥፋእ ሕማማት ዓሶን ፖልዮን ከምኡ’ውን ክንክን ኣደን ህጻንን ብመንጽር ሸቶታት ሚለንዩም ኤርትራ ዝምስገን ምዕባለ ከምዘርኣየት ተመስጊኑላ’ዩ። ይኹን’ምበር ዜጋታትና ኣብዚ እዋን’ዚ ንዝሓሸ ዝማዕበለ መመርመሪ ይኹን ኣገልግሎት ጥዕና ንምርካብ ናብ ዝተፈላለያ ጎረባብቲ ሃገራት ይኸዱ ኣለዉ። ሕጂ ካብዚ ዘሎ ኣገልግሎት ጥዕና ዝያዳ ንምምዕባል ወይ ንምስፋሕ እንታይ ይሕሰብ ኣሎ?**

\- ምናልባት እቲ ቁጽሪ ኣዝዩ ውሑድ’ዩ። ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ጥዕና፡ ሓደ ካብ’ቶም ዓበይቲ ጠለባት’ዩ። ጥዕና ከም ኣገልግሎት ብዓይነትን ብስፍሓትን እናተመሓየሸ ክኸይድ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ’ቲ መሰረታዊ ኣርእስቲ ኢና ክንዛረብ ዘለና። ኣብ ሽዱሽተ ዞባታት መወከሲ ሆስፒታላትን ካብኡ ዝተጨናፈረ ናይ ጥዕና ማእከላትን ብዙሓት ካልኦትን ኣለዉ። ናይ ጥዕና ኣገልግሎታት መሳርሒ፡ መሳለጥያታት፡ መድሃኒትን ካልእ ዘድልዮ ኩሉ ክማልኣሉ ይኽእል’ዩ። ዘይርካ ዘይርካ ግን ኣብ ጸጋታት ሰብ ኢኻ እትመጽእ። ብልጭልጭ ዝብሉ ሆስፒታላት፡ ዘመናውያን ቴክኖሎጂታት ዘምጽእዎም መሳርሒታት ከተምጽእ’ውን ትኽእል ኢኻ። መንን ብኸመይን ትጥቀመሉ? ብኸመይ ብዓይነት ተማዕብሎን ተመሓይሾን? ኣተኩሮ የድሊ። ንዝሰፍሐ ሓፋሽ ዝግበር ኣገልግሎት ምሉእ ኣይኮነን። ኣምቡላንስ፡ መሳለጥያታት ኣብ ውሽጢ’ቲ ሆስፒታላት ዝህሉ ኣገልግሎታት፡ ካብ ተራ ኣገልገልቲ ቴክኒሻናትን ሓካይምን ኣብ ኩሉ ዓይነት ሕማማት ከተዕቢ ምስ እዚ ኩሉ ብድሆታት ቀሊል ኣይኮነን። እቲ ዝዓበየ ብድሆ፡ ናይ ሰብ ጸጋ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ፍልጠት’ዩ። እዚ ብኹሉ መዳይ ንኽምዕብል ይስርሓሉ ኣሎ። ኣብ ምንታይ ደረጃ ኣሎ? ነቲ ጠለባት የማልእ ኣሎ ድዩ? ብፍላይ ድማ ክብድ ክብድ ዝበሉ ሕማማት ወይ ጸገማት ናይ ጥዕና ኣብ ዝቕልቀልሉ እዋን፡ ኣብዚ ሃገር እንድሕሪ ዘይፍወሱ ኮይኖም፡ እቲ ሰብ ኣገልግሎት ክረክብ ክኽእል ኣለዎ። ንማእከላይ ምብራቕ፡ ንኣቡዳቢ፡ ንዱባይ፡ ጀርመን፡ ኢጣልያ . . . ካልኦት ዝተፈላለያ ሃገራት ዝለኣኽ ነይሩ። ብዘይካ’ቲ ብናተይ ወጻኢ ክኸይድ ወይ ሰብ ኣለኒ ዝብል፡ መንግስቲ’ውን ከም ሓላፍነት ወሲዱ ሂወት ሰብ ክሕሉ ግድን’ዩ። እቲ ኣገልግሎት ኣብ’ዚ እንድሕሪ ክቕርብ ዘይክእል ኰይኑ፡ ናይ ግድን ናብ ደገ ክኸይድ ኣለዎ። ብኸምኡ ድማ ክስርሓሉ ጸኒሑ። ንፍሉይ ቀጸላ ወይ ንፍሉያት ሰባት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ሓደ ደረጃ ናይ ጥዕና ቅልውላው ዝኣተወ’ሞ ኣብ ውሽጢ ሃገር ሓገዝ ክግበረሉ ዘይክእል እንተ ኾይኑ፡ እቲ ሰብ ኣብ ደገ ኣገልግሎት ክረክብ ክኽእል ኣለዎ። እቲ “ኣብ’ዚ ዝጠቅም ኣገልግሎት የለን፡ ኣብ ደገ’ዩ ዘሎ” ዝብል ኣተሓሳስባ፡ ስምዒታዊ ወይ ምስ “ፕርሰፕሽን” (ግንዛበ) ዝተኣሳሰረ’ዩ። ደገ ስለ ዝኸድካ፡ ዝበለጸ ሕክምና ትረክብ ማለት ኣይኮነን። እዚ ንነዊሕ ዓመታት ከም ተርእዮ ክቕጽል ስለ ዝጸንሐ እንታይ’ዩ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ? ምስ ኣየኖት ሃገራት ኢና ክንተሓጋገዝ ንኽእል? ኣብ’ዚ መዳይ፡ ንዝሓመሙ ወይ ናይ ጥዕና ጸገማት ንዘለዎም ክንዲ ናብ ሕክምና ምስዳድ ኣብ ምምዕባል ጸጋ ሰብ ብቐረባ ምስ ሱዳን ክንተሓጋገዝ ንኽእል። ብኸመይ ገይርና ከነማዕብሎ ከም እንኽእል ድማ ክስርሓሉ ዘለዎ’ዩ። ናብ ደገ ዝኸዱ ክንደይ ወጻኢታት ተገይሩሎም ኣይኮነን እቲ ሕቶ። ጥዕና ልዕሊ ኩሉ ስለ ዝኾነ፡ ናይ ወጻኢታቶም ግዲ ክግበረሉ የብሉን። መን’ዩ ናብኡ ዝኸይድ ዘሎ? እንታይ ዓይነት ናይ ጥዕና ጸገም’ዩ ዘለዎ? ብኸመይ’ዩ ዝፍወስ ዘሎ፡ ኣብ’ዚ ክፍወስከ ይኽእልዶ ነይሩ? ብዙሕ ናይ ጽርግያ ዘረባ ክስማዕ ይኽእል’ዩ። ኣብ መወዳእታ ግን እዚ ናይ ምትሕግጋዝ ስራሕ ክህሉ ግድን’ዩ። ቀዳማይ ዕላማኡ ጸጋ ሰብ ምምዕባል’ዩ።

ኣብ ሃገርና ናይ ጥዕና ኮለጅን ዝተፈላለየ ናይ ስልጠና መደባትን ኣሎ። ኣብ ርእሲ ካብ’ቲ ምስ ሱዳን፡ ጀርመን፡ ጥልያን፡ ቻይናን ካልኦትን እንገብሮ ምትሕግጋዝ እንቐስሞ ፍልጠት ኣሎ። መን ቻይና ከይዱ

ይሕከም፣ መን ዱባይ ከይዱ ይሕከም፣ መን ሱዳን ከይዱ ይሕከም ኣይኰነን እቲ ሕቶ። እቲ ዋና ነገር ንሕና እዚ ናይ ምትሕግጋዝ መደባት ንጸቕጠሉ ምኽንያት ዓቕሚ ሰብና ከነሐይል ምእንቲ'ዩ። ድሕር'ዚ ድማ መሳለጥያታት ኣሎ ድዩ ወይ ብቑዕ ድዩ ዝብል ሕቶ ክመጽእ ይኽእል። ኣብ'ዚ ሓደ ዓመት ዘይገበረ ተመኩሮ፡ እከለ ናብ ሱዳን ከይዱ ተሓኪሙ፣ ንሱዳን ከይዶም ተሓኪሞም፡ እናተባህለ ክዝረብ ይኽእል'ዩ። ኣብ ካልኦት ዓድታት ከይዶም ዝተሓከሙ'ውን ኣለዉ። እቶም ናይ ደገ ብኽኢላታቶም፡ ብመሳለጥያታቶም፡ ኣብ'ዚ መጺኦም ክሰርሑ፡ ናትና ሓካይም ኣብኡ ከይዶም ክሰርሑ፡ ተማሃሮኦም ኣብ'ዚ መጺኦም ክፍትኑ፡ ናትና ተማሃሮ ኣብኡ ከይዶም ክፍትኑ ብምግባር ተመኩሮ ምልውዋጥ'ዩ። ካብ ናብ ርሑቕ ሃገራት ሰዲድና ናይ መኽየድን መምጽእን ንመነባብሮን ካልኦትን ዘየድሊ ወጻኢታት ነህልኽ፡ ናብ ሱዳን ይቐልል። ናብ ሱዳን ምኻድ ዳርጋ ናብ ተሰነይ ምኻድ'ዩ። ብብዙሕ ባህላዊ ብልጫታቱ'ውን ዝቐለለ ስለ ዝኾነ ተመራጺ'ዩ። እንድሕሪ ብሉጽ ኣገልግሎት ሕክምና ኣሎ ኹይኑ ናብኡ ንኸይድ።

እቲ ዋና ዕላማ ናይዚ መደባት ግን፡ እዞም ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎም'ዮም። ወጻኢታት ንምውሓድ ተባሂሉ ጥራይ'ውን ኣይኰነን። ዓቢዩ ናይ ሞያን ስርዓትን ምውህሃድን ምልቕቓሕን ብልጫ ስለ ዘለዎ'ዩ ዝኽየድ ዘሎ። እዚ ግን ብደረጃ ሃገር ነቲ መሰረታዊ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ኣይፈትሖን ዘሎ። ንሕና እቲ ናይ መድሃኒት ቀረብ፡ መሳለጥያታት፡ መሳርሒ፡ ናይ ክኢላታት ብኹሉ ጽፍሕታት ወይ ብኹሉ ደረጃታት ከነዕብዮ ክንክእል ምእንቲ፡ ምስ'ቲ ካልእ ናይ ልምዓት መደባትና ተዛሚዱ ክኸይድ ኣለዎ።

**ክቡር ፕረዚደንት፡ ምስ'ዚ ዝተኣሳሰር፡ እዚ ናይ ብሕቲ ክሊኒካት ኣብ'ዛ ዓዲ ዳርጋ ኣይፍቀድን'ዩ። ብዝሒ ሓካይም ዝርከብወን ሆስፒታላት ኣለዋ። እዚ ናቱ ኣሉታዊ ሳዕቤናት'ውን ይፈጥር'ዩ። ምኽንያቱ ህዝቢ ኣብ ሓደ ቦታ ክጨቓጨቕ ይርአ'ዩ። ህላወ ብሕታውያን ክሊኒካት ክህሉ ዶ ኣይነበሮን?**

- እዚኣ ሕቶ እዚኣ ነቶም ኣብ ሕክምናኣ ዘለዉ ሓለፍቲ እንተ ሓተትኩምዎም ጽብቕቲ'ያ። ኣነ ናተይ ትዕዝብትታት ክገልጽ እኽእል'የ። ሕክምና ከም ዝኾነ ካልእ ሞያ፡ ሞያውነትን ስነ-ምግባርን ኣለዎ። እቲ ሕልናዊ ጎድኒ ወይ ስነ ምግባር ዝብል ብብዙሕ መዳያት ዝሓየለ'ዩ። ፍልስፍና'ውን ኣይኰነን። ብሕታዊ ክሊኒካት ክዕወት ይኽእል'ዩ፣ ክሰርሕ ይኽእል'ዩ። ኣብ ሱዳን ዘሎ ብሕታዊ ክሊኒካት ብወገነይ ካብ'ቲ ዕዉት ተመኩሮታት'የ ዝብሎ። ተገብረ ኢልካ ከምኡ ምፍታን ግን ውጽኢት ዝርከቦ ኣይኰነን። ካብ ሞያን ሕልናን ወጻኢ ዝካየድ ናይ ምግባት፡ ንግድ'ዩ። ቀዳማይ ነገር ብቕዓት'ውን የለን። ተማሂሩ ሓኪም ተባሂሉ ምስ ወጸ፡ ንዝተወሰነ ዓመታት ኣብ ትሕቲ ምኩር ሓኪም ወይ ትካል ምስ ተለማመደ'ዩ ብቑዕ ክበሃል ዝግባእ። ከምኡ እንተ ዘይኰይኑ፡ ዝኾነ ሰብ ሕክምና ይኸፍት ማለት'ዩ። ክብሪ ናይ'ቲ ሞያን ምስኡ ዝኸይድ ናይ ሕልናን ስነ-ምግባርን ጉዳይን ብግቡእ ክርአ ዘለዎ'ዩ።

እዞም ናይ ግሊ ሓካይም፡ ኣብ'ቲ ናይ መንግስቲ ሕክምናታት ቁሊሕ ኣይብሉክን'ኻን'ዮም፣ ኣብቲ ናታቶም ክሊኒክ ምስ ከድካ ግን ሸበድበድ መዓት'ዩ፣ ፍሕሹው ገጻት መሊኡ'ዩ እዩ ዝብሃል። ብሕልና ንምንታይ ኢኻ ነቲ ናይ መንግስቲ ኣገልግሎት ከተዳኽሞ ትደሊ? ስለምንታይ ኢኻ ካብኡ ወጺእካ ካልእ ክትሰርሕ ትደሊ? ኩሉ ዕላማኻን ድሌትካን ገንዘብ ድዩ? ብገንዘብን ብጥዕና ሰባትን ስለምንታይ ትጻወት? ዝኣክል ብቕዓት ኣለካ ድዩ ኸ? ሕጂ ብዙሓት ኣርእስታት ስለዝለዓሉ ኣብ ቀጻሊ እንተ ዝዝረበሎም። ሓደ ጽቡቕ ናይ ዜና መደባት ዝብሎ ኣነ፡ ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ ዝበሃል መደብ ኣሎ። ምስ ሓደ ሓደ ብድሆታቱ ነቲ ቅድሚ ምፍዋስ ምክልኻል ዝብልዎ ኣምር ናይ ብሓቂ ብግብሪ ዘረጋግጾ ዘሎ'ዩ። ንቕሓት ሰባት ኣብ ምሕያል ተራኡ የበርክት። እቲ እቶም ሓካይም ኣብ ውሽጢ እስቲድዮ ኮይኖም ዝህብዎ ዘለዉ ምኽሪ፡ ዳርጋ ኣብ ክሊኒክ ኣትዮም ዝፍውሱ ዘለዉ ስለ ዝኾነ፡ ከምዚ ዓይነት ባህሊ ከነማዕብል ኣድላይ'ዩ። እዚ ማለት ግን ብሕታዊ ክሊኒካት፡ ብሕታዊ ኣገልግሎት ጥዕና ክህሉ የብሉን ማለት ኣይኮነን። ብሕታዊ ትካል ጥዕና፡ መንግስታዊ ትካላት ኣገልግሎት ጥዕና ከማልእኦን ዘይክእላ እንድሕር ዘማልእ ኮይኑ፡ ኣብቲ ሓፈሻዊ ናይ ህዝቢ ጥዕና ዝግብኦ ኣበርክቶ ዝገብር እንተ

ኮይኑ፡ ጸገም የብሉን። እዚ ናትና ግን ቁሩብ ሰገጥ ዘብል ብዙሕ ሕቶታት ዘለዓዕል ጉዳይ ስለ ዝኾነ፡ ብጥንቃቐ ክርአ ዘለዎ'ዩ።

**ክቡር ፕረዚደንት ኣብ ብዙሓት ልምዓታዊ ፕሮግራማት ተዛሪብና ኣለና? ዜርካ ዘርካ ብቐዓት ትግባረ ኣብ ኣድማዕነት ምሕደራ ስለዝምርኮስ ነዚ እንውጥኖ ዘለና መደባት ልምዓት ዘኽእለና ውዳበን ምሕደራን ኣለና ድዩ? ምስዚ ተኣሳሲሩ ዳግመ ውደባን ቅርጻዊ ምትዕርራይን ክግበር ምዃኑ ክግለጽ ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ዕማም'ዚ ኣብ ምንታይ በጺሑ ኣሎ?**

- ምምሕዳርን ምሕደራን ዳይናሚካዊ'ዩ። ቀጻሊ እናተሓደሰን እናሓየለን 'ስፓይራል' (ጥውይዋይ) ዝኾነ ኣተዓባብያ ክህልዎ ክኽእል ኣለዎ። ቀዋሚ ዝበሃል የለን ሞያ ምውሳኽ ኣሎ፣ ፍልጠት ምድላብ ኣሎ፣ ተሞክሮ ምድላብ ኣሎ፣ ንዕኡ እናኣደየብካዮ ትኸይድ። እዚ ኣሳታፊ ምእንቲ ክኸውን ድማ ዝተፈላለየ ኣካላት መንግስቲ እንታይ ዝመስል ተራ ክህልዎም ከም ዘለዎ ክውደን ይግባእ? ምቅይያር ምእንቲ ምቅይያር፡ ዝንቕ ምእንቲ ዝንቕ ዘይኮነ፡ ናይ ብሓቂ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ኣወዳድባ ክንድይብ ምእንቲ ድኽመታት ክንኣልዮም፡ ሓይሊ ከነኻዕብት፡ ብዝተፈላለየ መኣዝን ንዝመጹ ሓሳባትን ሓበሬታታትን ኣብ ምትግባር ነፊኻ፡ ኣወሃሂድካ ኣብ ሓደ መዕለቢ ክትበጽሕ ግዜ ወሲዱ። ድሕሪ ዝተገብረ ስራሓት ምሕደራ ኣብ ሓደ ቦታ ደው ዘይብል ስለ ዝኾነ ድማ፡ ምስ ግዜ ዝተፈልየ ሓሳባት ይመጽእ። እቲ ገለ ቅቡል'ዩ። ስለ'ዚ እቲ ኣብ መወዳእታ ዝበጻሕካዮ መጻረዪ ውሳነ ምሉእ ወይ ውርጹጽ'ዩ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ። ስለ ዝኾነ ድማ ነዚ ተገይሩ ዘሎ ንእግረ መገድና እናኣማዓራረናዮ ንኸይድ። እቲ ናይ ዞባታት ናይ ምምሕዳር ኣካላት'ውን ምሉእ ምቅይያርን ምትዕርራይን ክትገብረሉ ኣለካ። ምእንቲ ምቅይያር ናይ ሰባት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዘይኮነ፡ እቲ ስርዓት ከም ዝሕይል ትገብር። ብቐዓት ክሕይል ምእንቲ ድማ፡ ስሩዕ ናይ ስልጠና መደባት ክተኣታቶ ስለ ዘለዎ፡ ንሱ'ውን ይስርሓሉ ኣሎ። እዚ ከም ኣብነት'የ ዘምጽኦ ዘለኹ። ኣብ ሚኒስትሪታትን ካልኦት ኣካላት መንግስትን ክኸይድ ዝጸንሐ ቅርጺ፡ ስርዓትን ኣከያይዳን ምቅይያር ስለ ዘድልዮ፡ ምስ ነብሲ ወከፍ ግዜን ኩነታትን ከመይ ኢሉ ክስጉም ይከኣል ተባሂሉ ብንድፊ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ኩላተን ሚኒስትሪታት ንዓኣተን ብዝመስለን ኣብ ውሽጠን ክግበር ዘለዎ ምትዕርራያት ከተግብራ ዘኽእል ስራሕ ክካየድ ጸኒሑ። ኣብ መወዳእታኡ በጺሑ ኢልና ግን ክንዛረብ ኣይኽእልን። ካብኡ ናብኡ'ውን ሰለስተ ልምዓታዊ መደባት ስለ ዘለዉና፡ እተን ትካላት ነቲ ንጽርግያታት ድዩ ንድልድላት ወይ ንሓጽብታት ዝምልከት ፕሮጀክትታት፡ ነቶም ስትራተጂያውያን ንብሎም መደባት ከመይ ገይረን ይሕዝኦ ነናተን ፕሮጀክት ወሲደን ኣለዋ። ንትግባረ ሓፈሻዊ ንድፊ ይኹን ወረቓቕቱ ወይ ሰነዳት ነፍሲ ወከፍ ኩባንያ ነናተን ዝትግበር ፕሮጀክትታት ወሲደን ኣለዋ - ብውሕዱ ንድፊ ወሲደን ኣለዋ። ኣበይ ከባቢ'የን ዝሰርሓ፡ ዘለወን ጸጋታት ብኣድማዕነት ብኸመይ ይጥቀማሉ? ከመይ ገይረን'የን ናብ ርሑቓን ቀረባን ቦታታት ዝንቀሳቐሳ? ፋሕ ፋሕ ኢለን ተመጢጠን ድየን ክሰርሓ፡ ወይስ ዓቕመን ጠርኒፈን ኣብ ውሱን ከባቢታት ዝብሉ ሕቶታት ምስ'ቲ ውዳበ ዝኸይድ'ዩ።

እቲ ካልእ መንበሪ ኣባይትን ኣገልግሎታዊ ህንጻን ዝበሃል'ዩ። ብዙሓት ኩባንያታት'የን ጸኒሐናና። ብኸምኡ ገይርና ግና ክንቅጽል ኣይንኽእልን ኢና። እቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ ነጥብታት ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ኩለን ኩባንያታት ተኣኪበን ኣብ ሰለስተ ቀንዲ ኩባንያታት "ሪስትራክቸርድ" (ዳግመ-መዋቕር ክግበረለን) ኣለዎ ተባሂሉ፡ ሕጂ መደብ ተወዲኡ ኣሎ - ኣብ ሰለስተ ትካላት። ንኣባይትን ኣገልግሎታዊ ህንጻታትን ዝበሃል ግን፡ እተን ክሰርሓ ዝጸንሓ ኩባንያታት ኣብ ሰለስተ ተጠርኒፈን ኣለዋ። ምስ'ዚ ነተኣታትዎ ዘለና ሓድሽ ይኹን ኣብ ኢድና ዝጸንሐ ቴክኖሎጂ ተለማሚደን፡ ካብ ሞያዊ ጀሚርካ ክሳብ ክኢላዊ ዝበሃል ዓቕሚ ሰብ ኣጥርየን፡ ማሺነሪ ከምኡ'ውን ካልኦት ናውቲ ወይ መሳለጥያታት ደሚረን ናብ ሰለስተ ይቖረጻ ኣለዋ። ክሳብ ዝወሃሃድ ከኣ እቲ ሰለስተ ኣካላት በበቲ ዘለዎ ክለማመድ ስለ ዘለዎ፡ እዘን ኣብ ከባቢ ኣስመራ ተወጢነን ዘለዋ ፕሮጀክትታት ኣባይቲ፡ ሰለስቲአን ነናተን እጃም ወሲደን ከተግብራ ክጅምራ'የን። እዚ፡ መጽረዪ ኢድን መለማመድን'ዩ። ድሕሪኡ ነፍሲ ወከፈን ነናብ ዞባኡ ይኸዳ። እታ ኣብ ሓደ ዞባ ዘላ ትካል ዓቕማ ትወስድ። እንተ ሃልዩ ብዘይካ'ቲ ብብሕታውያን ትካላት

ዝግበር ናይ ኣባይቲ መደብ ማለት'ዩ። እዚ ዳግመ-ስርርዕ ናይ ልምዓታዊ መደባት ካብ ካልኦት ቀዳምነት ክወሃቦ ኣለዎ እየ ዝብል። ምኽያንቱ ዓበይቲ ናይ ልምዓት መደባት ከተተግብር እንተ ኼንካ፡ እዚ ዓቅሚ'ዚ ክድይብ ክኽእል ኣለዎ። ምሕያል ከኣ መካይን ስለ ዝወሰኽካ፡ መሳለጥያታት ስለ ዘብዛሕካ ኣይኮነን።

ሕጂ እቲ ዝዓበየ ብድሆና ነዳዲ'ዩ። ኣብኡ ኢና ንቋየቕ ዘለና። ምኽንያቱ ናይ 2012 ወጻኢታትና ከቢድ ስለ ዝነበረ ሕጂ ወረቓቕቲ ነዳፍና ኣዳሊናዮም ዘለና ፕሮጀክትታት ንኣባይቲ ዝምልከቱ ይኹኑ ንትሕተ ቅርጺ ዝምልከቱ ከኣ ወጻኢታቶም ከቢድ ስለ ዝኾነ የዋጸጽኣና ድዩ ኣየወጸጽኣናን? 2014 ቅድሚ ምእታዉ ክጅምራ እንተ ኼይነን እንታይ ይገበር? ክሳብ ሎሚ ደርበስበስ እናበላ፡ ነቲ ናይ ግድን ክግበር ዘለዎ ናይ ምጽግጋን ስራሓት ይሰርሓ ኣለዋ። እቲ ዳግመ ስርርዕ ተወዲኡ፡ ነፍሲ ወከፈን ኣብ'ዘን ዝብለን ዘለኹ ፕሮግራማት ከኣትዋ'የን። ኣብ ኩሉ ጽላታትን ሚኒስትሪታትን ድማ ብኸምኡ መገዲ ንርኣዮ። ዘይርካ ዘይርካ ግን እቲ ዳግመ ምውዳብ ዝበሃል ዲናሚካዊ'ዩ። ሓንሳብ ፍወሳ ረኺብካሉ ወይ ሓንሳብ ስለ ዝቐየርካ ናይ መወዳእታ መልክዑ ሒዙ ኣሎ ኢልካ ከትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ። ምስ ግዜ ቀጻሊ ምትዕርራይ ዝህልዎ'ዩ።

***ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዕማም ምውዳብን ምዕጣቕን ዜጋታት ብዝሰፍሐ ክትግበር ጸኒሑ ኣሎ። ንጥፈታት ህዝባዊ ሰራዊት ምስ ቁጠባዊ ዕማማትን መንብሮ ህዝብን ከምኡ'ውን ምስ ንጥፈታት ትካላት መንግስቲ ንምጥዕዓሙ ኣብ ኣፍራይነት ሃሰያ ከም ዘይወርድ ጌርካ ንምሓዙ እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብል?***

ህዝባዊ ሰራዊት መሰረት 'ዶክትሪም' (ሰረተ እምነት) ናይ'ዛ ሃገር'ዩ። ነዚ መተካእታ ከረኽበሉ እኽእል'የ ዝብለኒ ሰብ እንድሕር ኣሎ ኹይኑ፡ ካብ ታሪኽ ዘይተማህረ ጥራይ እዩ። ከም'ቲ ኣብ'ዚ ጎደቦና ይኹን ከባቢና ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ዝረኣናዮ ድሌታት ድማ፡ ነዚ መሰረታዊ ህላዌና ዘረጋገጸ፡ ቅርስና ዘማዕበለ ናብ'ዚ ንኽንበጽሕ'ውን ዘኽኣለና ባህሊ ወይ 'ዶክትሪን' ኣብ ጸግዒ ክድርብዮ'የ፣ ኣይጠቅምን'ዩ ዝብል ሰብ እንድሕር ኣሎ ኹይኑ፡ ብዙሕ ዘይርድኦ ጥራይ እየ ክብሎ ዝደሊ። ዝሓለፉ ናይ ወራራትን ናይ ዶብ ጸገምን ርኢናዮ ኢና። ኣብ ገለ ገለ እዋናት ዝተፈላለዩ እዋናውያን ዕማማት ስለ ዝውጥጡኻ፡ ነቲ ቀንዲ ክትገብሮ ዘለካ ጉዳይ ትርስዕ ኢኻ። ውግእ ጥራይ ዘይኮነ ዝኾነ ይኹን ካልእ ነገር፡ ህዝቢ ብኣእምሮን ብኣካልን እንተ ዘይዓጢቑሉ ኣይሰርሕን'ዩ። ነዚ ዘይደሊ ኣሎ እንድሕር ኮይኑ፡ ምናልባት ናይ ገዛእ ርእሱ ኣጀንዳታት ክህልዎ ይኽእል'ዩ። ክሳብ ሕጂ ወንዚፍናዮ ኢና ጸኒሕና። ናይ ደቂንስትዮ ተሳታፍነት'ውን ኣዳኺምናዮ ኢና ጸኒሕና። ወላ እቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝበሃል'ውን ከም ግቡእ ኣይሰራሕናሉን። ትምህርቲ ይኹን ካልእ ዝተፈላለየ ሞያ ከይኩለፍ ምእንቲ፡ ብፍላይ መንእሰይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከም ኣምር ጥራይ ይውሰዶ እምበር፡ ናይ ግድን ኣብ ሰራዊት ወይ ኣብ ግንባራት ክኸይድ የብሉን ተባሂሉ ተዋዲቑ። ናይ ማሞስ (ማእከል ሞያዊ ስልጠና) መደባት ብምትእትታው ዝተፈላለየ ሞያውን ትምህርታውን መደባት ከነካይድ ጸኒሕና። ኣብ ነንበይኖም ጽላታት ከነተኣታትዎም ዝጸናሕና መደባት'ውን ሰራዊት ይካፈሎም ኣሎ። ሓይልታት ምክልኻል፡ መድፍዕ፡ ታንክታት፡ ኣየርን ጸረ ኣየርን ዝኽእል ጥራይ ኣይኮነን። ህዝቢ'ዩ ሰራዊት። ስለ'ዚ ንኹሉ ዝጸንሓና ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ዝተደረኸ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ምስ መድረኽ ብዝኸይድ ውዳበ ከነበራብሮ ክንክእል ኣለና። እቲ ዘዋጽኣናን ዝሰርሓልናን 'ዶክትሪን' ነተግብሮ።

ሰለስተ ግንባራት ኣለና። ምስ ተመኩሮናን ኣካይዳናን እቲ ቀዋሚ ግንባራት ኣብ ቦታኡ እናሃለወ፡ ዝኾነ ሓደጋ እንተ መጸ በተግ ኢሉ ክረድእ ዝኽእል ተወርዋሪ ዝበሃል፡ ውዱብ ሓይሊ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ህዝቢ ካብ ልምዓታዊ መደባቱ ከይተሰናኸለ፡ ካብ መዓልታዊ ሂወቱን ንጥፈታቱን ከይተመዛበለ፡ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነ እዋናትን ኩነታትን ክሰርሕ ምእንቲ ዕቁር ሓይሊ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ከም'ቲ ብፍልስፍናን ብፖለቲካዊ ገምጋምን ዝብልዎ ዘይኮነ፡ ንዓይ ብደረጃ ዓለም ዝሓየለ ሰራዊት ናይ መን እዩ እንድሕር ኢልካኒ፡ ዝኾነ ፖለቲካዊ ኩነት ትርጉም ከይሃብኩ ናይ እስራኤል ሰራዊት'ዩ ሓያል እየ ዝብል። ስለ ምንታይ እንተ ኢልና፡ ናቱ ታሪኽን ኣመጻጽኣን ኣለዎ። እቲ ምዱብ ዝበሃል ናይ እስራኤል ሰራዊት ካብ ክልተ ሚእቲ ሽሕ ኣይሓልፍን'ዩ። እቲ ዘይምዱብ ዝብልዎ ድማ፡ ልዕሊ ሓሙሽተ ሚእቲ ሽሕ'ዩ። ኩሉ ኹሉ ደሚርካ ሸውዓተ ሚእቲ ሽሕ'ዩ። እዚ ሓይሊ'ዚ፡ ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚታትን እዋንን ዝሰርሕ'ዩ። ይትረፍዶ ኣብ ውሽጢ እስራኤል ዘለዉ ዜጋታት፡ ኣብ

ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለም ዘለዉ እስራኤላውያን'ውን ኣብ'ዚ መደብ'ዚ እቱዋት'ዮም። ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ኣብ ካልእ ዝተፈላለየ ሃገር ከኣ፡ ህዝቢ ከይዓጠቐ ንበይኑ ምዱብ ሰራዊት ጥራይ ተንጠልጢሉ ኣይነብርን'ዩ። ንዓና ድማ ሓድሽ ነገር ስለ ዘይኮነ፡ ክነጣጠፍን ክሕይልን ኣለዎ። ወላ እቲ ቅርስና ዝኾነ ኣስማት እናቐያየርና ወይ ቀዳምነታት እናሰራዕና ክንከይድ ንኽእል ኢና። ቅርስና ገዲፍና ዘየድለየና ካልእ ስራሕ ክንሰርሕ ስለ ዘይንኽእል፡ ብኡኡ ድማ ስለ ዝቐጸልና፡ ናይ ብሓቂ ውጽኢቱ ተራእዩ። ኣብ ሓጺር ግዜ ዳርጋ ኩሉ ህዝቢ ክሳተፍ ክኢሉ። እዚ ሓድሽ ፍልስፍና፡ ሓድሽ ስራሕ፡ ሓድሽ ኣካይዳ ኲይኑ ዘይኮነ፡ ነቲ እንሰርሓሉ ኢና ኣበራቢርናዮ። ከም'ቲ እንደልዮ ይሰርሕ ኣሎ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ዝተረፈና ብዙሕ ናይ ምውዳብን ካልኦትን ዕማማት ኣሎ። ንኹሉ ተኽእሎታት ከገጥም ዝኽእል ንቑሕ ህዝባዊ ሰራዊት ንምውዳብ ገና ግዜ ዝወስድ'ዩ። ኣካላውን ካልኦት ምቅርራባትን ዝሓትት ስለ ዝኾነ ከምኡ'ውን ነባሪ ውሕስነት ከም ዝህልወካ ዝገብር ስለ ዝኾነ፡ ካብ'ቲ ዛሕቲልዎ ዝጸንሐ ኩነት ከም ዝምዕብልን ዝሕይልን ምግባር'ዩ። ካብ ስግኣት ወይ ካልእ ጸገማት ዝመጸ ዘይኮነ፡ ቅርስን ባህልን ክትዕቅቦ ስለ ዘለካ'ውን እዩ። ወላ ነቲ ምስ ሃገራዊ ድሕነት ዝተኣሳሰረ ሕቶታት'ውን ነዚ ጉዳይ እዚ ሰጊርካ ክትሓስበሉ ዝከኣል ኣይኮነን። **ወታሃደራዊ ዓቕሚ ብብዝሒ ነፈርቲ፡ መዳፍዕ፡ ታንክታት እዩ ዝዕቀን ዝብል ሰብ እንድሕሪ ሃልዩ፡ ካብ ተመኩሮ ህዝቢ ኤርትራ ተበጊሰ ታሪኽ ዘየንበበ ጥራይ'ዩ እየ ዝብሎ።** ሓይሊ ህዝብን ሃገርን ሓይሊ ናይ ምክልኻልን ሓድሽ 'ኣስኮላን' ሓድሽ ፍልስፍናን ኣይኮነን ንዓና። ኣብ ልምዓታዊ መደባት ንኽሳተፍ ዘብቅዖ ኣወዳድባ መሳለጥያን ዝሓዘ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ዝበለጸ ውጽኢቱ ድማ ንኹሉ ህዝቢ ስለ ዘሳትፍ'ዩ። ብዕድመ፡ ጾታ፡ ቦታን ዝተፈላለየ ካልኦት ረቛሒታትን ዘይፈሊ ተሳትፎ ዝገብር ሰራዊት ክህሉ ኣለዎ። ኣብ ኣወዳድባ፡ ኣሰራርሓ፡ ኣሳልጦ፡ ዕጥቂ ድማ እናዓበየ ክኸይድ ኣለዎ።

**ክቡር ፕረዚደንት - ናብ ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን ጉዳያት ክንሰግር። ብይን እገዳ ባይቶ ጸጥታ፡ ዕርቃኑ ተቓሊዑ፡ ሓሊቑ ከሎ ይቕጽል ኣሎ። ስለምንታይ? ጽልውኡኸ ብኸመይ ይግምገም? እቲ እገዳ ኣብ ልዕሌና ዘለዎ ጽልዋን ምዕባለታቱን ብልክዕ ክትገልጸልና። ምስ'ዚ ናይ እገዳ ብዝተኣሳሰር'ውን ኣብ ወጻኢ ዘሎ ኤርትራዊ ናብ ስድራቤቱ ዝሕውሎ ገንዘብ ናይ ምዕጋት ዘመተታት ይካየድ ኣሎ። ነዚ ንምብርዓን ክካየድ ዘለዎ ህዝባዊ፡ ሕጋውን ዲፕሎማሲያውን መኸተ ኣመልኪትካ እንታይ ትብለና?**

ዕርቃኑ ተቓሊዕ'ዩ፡ ክብል ከለኹ ብዙሕ ኣርእስትታት ክለዓል ይኽእል'ዩ። ኣብ ውሽጢ መቓን ክትርእዮ ከለኻ ግን፡ ንዓና ስለ ዝትንክፈና ኣጋኒንና ክንዛረበሉ ንኽእል ንኸውን። ግን ካብኡ ዝኸፍአ፡ ዘሕፍር ንፍትሕን ንሓቂን ዝቐብር እገዳታት ተገይሩ'ዩ ኣይብልን ኣነ። ምናልባት ንድሕሪት ናብ ታሪኽ ተመሊስና ክንርኢ ንኽእል ኢና። ዋና ዕላማኡ እንታይ ከም ዝነበረ'ውን ሕጂ ምድጋም ዘድልዮ ኣይኮነን። ንሕና ነቲ ውሳኔ ኣይተቐበልናዮን፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት'ውን ክንቅበሎ ኣይኮንናን። ስለ ዝትንክፈና ወይ ስለ ዝሃስየና ዘይኮስነ ብስሩ'ውን ሕጋዊ ተቐባልነት ስለ ዘይብሉ'ዩ። ብዝተተፈላለየ ናይ ሽርሒ መደባት ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ይኹን ጸጥታዊ ሽርሕታት ክንጽብጽቦ ንኽእል ኢና። እዚ ሓደ ክፋሉ እዩ። ንጸጋታት ሃገር፡ ብፍላይ ከኣ መንእሰያት ንምብትታን መልክዕ እናቐየረ ብቐጻሊ ዝኸይድ ፈተነ ድማ ካልእ ክፋል ናይ'ቲ ፕሮግራም'ዩ። ሳልሳይ ክፋሉ ብቐንዱ ኣብ ቁጠባ ዝኾነ ኣታዊታት ከም ዘይርከብ፡ ልምዓት ደው ከም ዝብል፡ ኮታ ብኹሉ መልከዓቱ ቁጠባዊ ዕንወት ንምውራድ'ዩ። ካብ ዕደና ወርቂ ጀሚርካ ክሳብ ሓዋላ ደው ከብሉ'ዩ ትምኒቶም። እቲ ዝሕውል ኣብ ወጻኢ ዘሎ ዜጋ፡ ሰሪሑ ርሂጹ ደኣ'ምበር ብልግሲ ዘምጸኦ ገንዘብ ኣይኮነን። ኣብ ዝኾነ ከባቢ ናይ ዓለም፡ ዝኾነ ሰብ ሰሪሑ መሰሉ ክረክብ ግቡኡ'ዩ። ነቲ ዝረኸቦ ገንዘብ ከኣ፡ ኣብ ዝደለዮ ከውዕሎ ክኽእል ኣለዎ። ንቑጠባ ይሕግዝ'ዩ ኢልካ ክዝረብ ይከኣል ይኸውን። ክሳብ ክንደይ እዩ ግን ገዚፍ? ኣብ ዜና ክንዛረበሉ ኣይደለናን፣ ኣብኡ ኸሎ ንሕለፎ ኢልና። ናይ እገዳ ፈተነታት ተገይሩ። 'ረሚታንስ' (ሓዋላ)፡ ወላ እዘን ነእትወን ዘለና መካይን "ኣብ ኣገልግሎት ክውዕላ ስለ ዝኾና ክኽልከላ ኣለወን" ኢሎም። ጭንቀትቶምን ፍሽለቶምን እናተዋህለለ ምስ መጸ፡ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሕሱር መገዲ ኣትዮም ምህላዎም ተቓሊዖም፡ ዕርቃኖም ወጺኦም ማለት'ዩ።

ዓሚ "ኣጽዋር ዝጸዓነት ነፋሪት ካብ ኤርትራ ናብ ሶማል ኣትያ" ክብሉ ኣብ ሕልሚ'ውን ዘይተራእየ 'ፋንታስያ' ክምህዙ ሃቂኖም። መዓልቲ መዓልቲ 'ፋብሪከይት' ጌርካ (ዘየለ ነገር መስሪሕካ) ዝግበር

ሽርሒታት መወዳእታ የብሉን። እገዳ እናኸረረ ዕላምኡ ክወቅዕ ምእንቲ፡ ህዝቢ፡ ንመንእሰያት ንምድንጋርን ሓድነት መንእሰያት ንምብትታንን ዘይገብርዎ የብሎምን። ገለ ዓወት ረኺቦም ክኾኑ ይኽእሉ ይኾኑ። ገለ ዝተበታተነ መንእሰይ ርእዮም ይኾኑ። ከም'ቲ ዝደለይዎ ግን ክረኽቡ ኣይከኣሉን። ብስም 'ሂዩማን ራይት' (መሰል ደቂ ሰብ) ዝብልዎ፡ ዝሃቀንዎ ዘርጊ ናይ ምእታው ፈተነታት ዕርቃኑ ወጺኡ። ሎሚ ኣእዛኑ ከፊቱ ዝሰምዕም የለን። በቃ ኣብቂዑ! በዚ ሓሶት'ዚ ጸሚምና። ሓቅነት ኣለዎ ክብል ዝኽእል የለን። ኣብ'ዛ መወዳእታ ዝቐረበ ናይ እገዳ ኣንፈት ብዙሓት ኣባል ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ነጺገንኦ። ተዛሪበን ዘይፈልጣ ሃገራት'ውን ብድፍረት ተዛሪበን። ስለ'ዚ ዕራቃኑ ወጺኡ ጥራይ ዘይኮነ እናንቀልቀለ ይኸይድ ኣሎ። ሕጂ እቲ መሰረት ዘይነበሮ ጠቐነ ከይለዓል ምእንቲ'የን ጻዕሪ ዝገብራ ዘለዋ። ነቲ ኣቐዲሙ ዝሓለፈ ውሳነ "ብጌጋ ወይ ከይፈለጥኩ ተቐቢለዮ" ዝብላን ዝጠዓሳን እንተ ዘይኰይነን መሲሉና ተቐቢልናዮ ዝብላ ኣባላት'ውን የለዋን። ኣብ መወዳእታ ዕርቃኑ ወጺኡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሕጂ ዘሎ ቃልሲ እቲ መጎት ይለዓልን ኣይለዓልን'ዩ ዘሎ ክንብል ንኽእል። ምናልባት ምስ ህሉው ፖለቲካዊ ኩነታት ናይ'ዚ ከባቢ ናይ ወያነ ክለዓል ይኽእል ይኸውን፣ ግን ካልኦት ጉዳያት ይዕብልሉዎ ኣለዉ ክንብል ንኽእል ኢና። እዚ ተጻብኦታት'ዚ ብመቓን ኣብ ዓለም ዘሎ ለውጥታት፡ ኣብ ዞባና ዝካየድ ዘሎ ለውጢ ክትርእዮ ከለኻ፡ ካብ'ቲ ዝጀመረሉ ካብ 2009 ክሳብ ሕጂ ሃስያ ኣየውረደን ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና። ንኣርባዕተ ዓመታት ዝኣክል ዓቕሊ ስለ ዝገበረና መደባትና ኣይተዓንቀፈን፡ ቑጠባዊ ጸቕጥታት ስንብራት ኣይገደፈልናን እንተ ዘይበልና'ኳ፡ ምስ ኩሉ ብድሆታት ናይ ልምዓት መደባትና ከነካይድ ክኢልና ኢና። እቲ ኩሉ ናይ ናዕብን ምብትታንን ፈተና ድማ ነቲ ሓደ ሓደ ተረፍ መኣዲ ዝጽበ ገዲፍካ ንህዝቢ ግን መሊሱ ኣትሪርዎ'ዩ። እዚ ከኣ ብልጫ እዩ። ንሓደ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ መጺኣካ ብዘይ ምኽንያት ክትቶኺትኾ ከለኻ፡ "እንታይ ኰይኑ'ዩ ከምኡ ዝገብር ዘሎ?" እዩ ዝብለካ። ኣብ መወዳእታ ግን ተንቅሖ ኢኻ ዘለኻ። ኩሉ ናይ ሽርሒ ፈተነታት ብተዘዋዋሪ ከምኡ ዓይነት ስምዒት ስለ ዝገደፈ፡ ብፖለቲካዊ፡ ጸጥታዊ፡ ቁጠባዊ. . . መልክዓቱ ዕርቃኑ ወጺኡ ጥራይ ዘይኰነስ ኣብ ምንቁልቋል'ዩ ዘሎ፡ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል።

**ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብ ጉዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ገበን ንምኽዋልን ንምምጣጥን ዝካየድ ናይ ህዝባዊ ርክባት ጸወታ ከም ዘሎ ኣቐዲምካ ጠቒስካዮ ነይርካ። ብዛዕባ እዚኦም ህቀናታት እዚኦም ተወሳኺ መብርሂ እንተ ትህበና! ጉዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ይኹን፡ ኤርትራን ጂቡቲን መወዳእትኡ ብኸመይ መዕለቢ ክረከብ እዩ?**

ጠንቂ ናይ'ዚ ኩሉ ንዛረበሉ ዘለና ናይ ዶብን ሽርሕን ጸገማት፡ ከም ኣስማት በዓል ወያነ ክጥቀሱ ይኽኣሉ ደኣ'ምበር፡ ንሳቶም ኣይኰኑን። ሕጂ እቲ ጉዳይ ከም ናይ ወያነ፡ ናይ ኢትዮጵያ ወይ ናይ ጅቡቲ እንድሕር ክንዛረበኩ ኼንና ቁሩብ ክኸኹየኒ'ዩ። ምኽንያቱ ብመቓን ታሪኽ ክርእዮ ከለኹ፡ ዝመጸ ስርዓት ስለ ዘይኮነ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ክንብል ከለና ክብረት ንህቦም ዘለና ኰይኑ ጥራይ'ዩ ዝስመዓኒ። መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ነይሩ ድዩ? ብልምዲ ስለ ዝተባህለ ድዩ? ኢትዮጵያ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝተፈጥረት ሃገር'ያ። እቲ ድሕሪኡ ዝመጸ ኩነታት ዓለማዊ ስርዓት፡ ነዛ ኢትዮጵያ እትበሃል ንሱ ብዝሓረዮም ገዛእቲ ክጥቀመላ ምእንቲ ዝፈጠራ ሓይሊ እያ። እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ስርዓት ብናይ ገዛእ ርእሱ ዘቤታዊ ዳይናሚክስ ንዓና ወሪሩ ዝገዝኣና ዘይኰነስ፡ ከም ወኪል ናይ ደገ ሓይልታት፡ ከም ተለኣኣኺ ስለ ዝኾነ፡ ቀጥታዊ ገዛኢና ነይሩ ክትብል ኣይትኽእልን ኢኻ። ካብ ዘመነ ዝሑል ኲናት፡ ምስ ናይ ምዕራብን ሶቭየትን ገዚፍ ደገፍ ተቓሊስና ኢና ሓሊፍናዮ። ንኢትዮጵያ ከም ሃገር፡ ከም ስርዓት፡ ከም መግዛእቲ ንምክት ነይርና ኣይብልን ኣነ። ድሕሪ ናጽነት ዝተፈጥረ ውክልና ኸኣ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ታሪኻዊ ሰንሰለት'ዩ ጥራይ'የ ክብሎ ዝኽእል።

ካልእ ክንሓቶ ዝግበኣና መሰረታዊ ሕቶ ኣሎ። ናይ የመን ሽግር ምስ መጸ፡ ንድሕሪት ተመሊስኩም ሕተቱ'ሞ፡ ካብ 1991 ክሳብ ቅድሚኡ ማለት 1974 ተላዒሉ ይፈልጥዶ? ኣብ መንጎ'ቲ ሽዑ ዝነበረ መንግስቲ ደቡብ ይኹን ሰሜን የመን ብውክልና ንኤርትራ ሒዙዋ ዝነበረ ስርዓት ኣዲስ ኣበባን ናይ ባሕሪ ጉዳይን ስለምንታይ ተላዒሉ ዘይፈልጥ? ኤርትራ ናጻ ምስ ኰነት ደኣ እንታይ ኣምጺኡ? ዶብ ናይ ባድመ'ኸ ሽግር ክኸውን ይኽእልዶ ነይሩ? ስለ ምንታይከ ተላዒሉ? ኣብ መንጎ ኤርትራን ጅቡቲንከ ቀደም ተላዒሉ ይፈልጥዶ ነይሩ? ጅቡቲ ተዛሪባትሉ ትፈልጥዶ? ድሕሪ እዚ ኩሉ ዝሓለፈ ሓያሎ

ዓመታት (ካብ 1977 ክሳብ 91) እንታይ ኣበገሶ? ንምንታይ’የ እዚ ኩሉ ዝብል ዘለኹ፡ መበገሲ ናይ’ዚ ኩሉ ብዝተፈላለዩ ወከልቲ ኣንጻር ኤርትራ ዝለዓል ተጻብኦታት፡ ናይ ካልኦት ኣጀንዳታት ምዃኑ ንምብራህ’የ። ካብ ታሪኻዊ መቓናት ወጺእና ክንርእዮ ከኣ ኣይንኽእልን ኢና። እገዳ’ውን ካብኡ ክንርእዮ ኣይንኽእልን ኢና። ብናተይ ገምጋም ናይ ኢትዮጵያ ወይ ናይ “ፒኣር” (ህዝባዊ ርክባት) ተበግሶታት ናይ ወያነ ኣጀንዳታት ኣይኰነን። እቲ ብዝተፈላለዩ ግዱሳት ዝበሃሉ፡ ብታሕቲ ታሕቲ ዝስደድ መልእኽቲ፡ “ከም’ዚ እንተ ተሰርሐ፡ ከም’ዚ እንተ ተገብረ ይሓይሽ” ዝብል ዘረባታት ናይ ወያነ ኣጀንዳ ኣይኰነን። ወያነ ምናልባት ረብሓ ክህልዎ ይኽእል ይኸውን። ንወያነ ከም ተለኣኣኺ፡ ከም ኣገልጋሊ፡ ከም ቆልማጺ ብዙሕ ስም ክወሃብ ይኽእል’ዩ። እንተዘይኰነ ባዕሎ ዘበግሶ ኣጀንዳ ኣይኰነን።

ኩሉ’ ካብ 2009 ገሚሩ ኣብ ዕደና፡ ሓዋላ ብሓፈሻ ኣብ ናይ ቁጠባ ሽርሒ ንምፍጣር ህዝቢ ንምብትታን ዝተገብሩ ማእለያ ዘይብሎም ሽርሕታት፡ ወያነ ዝሃንደሶ ወይ ዝመሃዞ ኣይኰነን። ምናልባት ወያነ ከም ተግባሪ ከም ረጋሒ ክሕወስ ይኽእል ይኸውን። በዞም ሕጂ ካብ ቱርኪ፡ ኤውሮጳ ድዮም ካልኦት ውልቀ ሰባት ክግበሩ ዝጸንሑ ፈተነታት ጸገም ናይ ኣረዳድኣ ዘለዎም’ዮም። እታ ምንጪ መበገሲቶም ሓንቲ’ያ። ድንቁርና እዩ እየ ዝብሎ ኣነ። በቲ ሓደ ወገን’ውን ኣሸካዕላል ክበሃል ይኽእል - እቲ ዝነበረ “ፕራይም (ቀዳማይ) ሚኒስተር ከይዱ እዩ’ሞ፡ ሕጂ ኩነታት ተቐይሩ ኣሎ፡ ዝብል ሓሳብ ሒዞም ክምዝምዙ ፈቲኖም። ከም’ዚ ንሕና ምስ ውልቀ ሰባት ጽልኢ ዘለና ኣምሲሎም ክተኣታተዉ ሃቂኖም። ነዚ ኩሉ መን’ዩ ዘበግሶ ዘሎ? ንምንታይከ? ድሕሪ’ቲ ኩሉ መጻወድያታት ናብ “ፒኣር” ከእትዉና ንየው ነጀው ምባሎም ናይ’ቶም ኣበገስቲ ዕሽነት ድዩ ወይስ ኣሸካዕላል? ወይ ድማ ንዕቀት? ንሕና እከለ ከም’ዚ ገይሩ፣ ጂቡቲ ከም’ዚ ገይራ ኢልና፡ ነቲ ጉዳይ ብዙሕ ከነጋንኖ፡ ንጃህራ ክንጥቀመሉ፡ ዘመተ ከነካይደሉ ኣይንደልን ኢና። ኣጠቓላሊ ግን ምስ’ቲ ጸቕጢ ንምፍጣርን ንምኽራርን ዝግበር እገዳ፡ ማዕረ ማዕሪኡ ከኣ ተረኺበ ተባሂሉ እቲ ናይ “ፒኣር” ጸወታታት መጺኡ። ሕጂ ሓድሽ ዝመስል ግን ዝበለየ ሜላ ኣብቂዑ’ዩ እየ ዝብሎ። ብሕጂ ዝገብርዎ ፈተነታት ንጭንቀቶም መወሰኺታ ይኾኖም ስለ ዘሎ፡ ንሕና ከኣ ባዕሎም ዘምጽእዎ ጭንቀት ክንፍውስ ግዱዳት ስለ ዘይኰንና፡ ስራሕና ጥራይ እንተ ሰራሕና ይሕሸና።

- **ክቡር ፕረዚደንት፡ ኤርትራ ኣብ ልዕሊኣ ንዝፍጸም ዘሎ ገበናዊ ፍልሰት ሰብ፡ ማለት (ሂዩማን ትራፊኪን) ኣመልኪታ ናብ ሕቡራት ሃገራት ዘቕረበቶ ጽሑፍ ነይሩ። ብኣንጻሩ ድማ ንመንግስቲ ኤርትራ ብፍልሰት ሰብ ከምኡ ድማ ብግህሰት ሰብኣውን ሃይማኖታውን መሰላት ተኸሳሲ ንምግባር ዝካየድ ዘመተታት ኣሎ። እዚ ዘመተታት እዚ ኣብ መወዳእታ ክወቅዖ ዝድለ ዕላማ ብርግጽ እንታይ’ዩ? ንምብርዓኑኽ ብወገንና ክካየድ ዘለዎ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ስራሕ ከመይ ይመስል?**

ኣብ ውሽጢ ገፊሕ መቓን ወይ ‘ኮንቴክስት’ ኣእቲኻ ክትርእዮ ኣለካ። እቲ ተጻብኦ ከም ኣምር እንታይ ዝርዝራት ኣለዎ? እቶም ዝተፈላለዩ ዘመተታት እንታይ ክወቕዑ እዮም ዝካየዱ? ስለ’ዚ ነቶም ዝተፈላለዩ ዘመተታት በብሓደ ምርኣይ የድሊ እዩ። ብፍላይ ኣብ ፍልሰት ሰባት ወይ ‘ሂዩማን ትራፊኪን’ ግን ኣብ ውሽጢ እዚ ዓሰርተው ሓሙሽተ ዓመታት ካብ ዝነበረ መሰረታዊ ወይ ቀንዲ ኩናት ወይ ግንባር እዩ ክበሃል ይከኣል። ምኽንያቱ እቶም ንዕኡ ዘበጋግሱ ምናልባት ኣጸቢቕና ኣይንርድኦን ንኸውን፣ ናይ ኤርትራ ጉዳይ ኣብ ዝለዓለሉ እቲ መሰረት ናይ ህዝቢ ሓይሊ ከም ዝኾነ ስለ ዝስወጦም’ዩ። ስለ’ዚ ከመይ ገይርካ ንዕኡ ተዳኽሞ ወይ ከመይ ገርካ ትበታትኖ’ዩ እቲ ዕላማ። ሕጂ ብብዙሕ መንገዲ እንተ ርኢናዮ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ጽንዓት ዘይጻዓድ ምዃኑ፡ ዘለዎ ዕቑር ተኽእሎታት ኣብ ግምት ኣእቲኻ ኣብ ውሽጢ’ቲ ገዚፍ ስትራተጂ ክረአ ዘለዎ’ዩ። ንኤርትራ ክትጻባእ ወይ ከተዳኽም እንድሕር ኰይንካ፡ ቅድም እቲ ህዝቢ ክዳኸም ክኽእል ኣለዎ፣ ካብኡ ናብኡ ግን ቀንዲ ‘ታርገት’ (ዕላማ) መንእሰያት እዮም። እቲ ከም መቐጸልታ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተኣታተወ ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ምስ መንእሰይ ተኣሳሲሩ ‘ታርገት’ እዩ። ነቲ ‘ታርጌት’ ከመይ ገርካ ትበታትኖ? ኤርትራ ዓቕሚ ከይትድልብ ምእንቲ፡ ናብ ህዝቢ ዝቐንዐ እዉጅ ኲናት እናሃለወ፡ እቲ ናይ መንእሰያት ፍልሰት ምስዓቡ፡ ብዓቢኡ ኣብ ውሽጢ ከም’ዚ ዝኣመሰለ መደብ ኣእቲና ክንሪኦ ዘለና። እዚ ንነዊሕ ዓመታት ክንከታተሎ ኢና ጸኒሕና። ምኽንያቱ ኣተግባርቱ ናይ ብዙሓት ሃገራት ናይ ስለያ ትካላት’የን። ብቐንዱ ከኣ ናይ ኣመሪካ ናይ ስለያ ትካል (ሲ.ኣይ.ኤ) እዩ። ከመይ ገይርካ ብዝተፈላለየ ዘመተ ኣብ ደገ ስራሕ

ኣሎ፣ ገንዘብ ኣሎ፣ እናበልካ ገነት ከም ዘሎ ኣምሲልካ እቲ መንእሰይ በቲ ወረ ተናዊጹ ሃጽ ከም ዝብል ትገብሮ'ዩ። ብፍላይ ተመኩሮ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘይነበሮ ዜጋ እዩ ድማ እቲ ቀንዲ ተጠቃዒ። ነዚ ንምትግባር ግን ብዘይካ ምምዋል መርበባት ምስራዕ የድሊ። ካብ ዝኾነ ከባቢ ናይ ኤርትራ፡ ብዝተፈላለዩ ጂኦግራፊያዊ መሳኹቲ ከመይ ገይርካ ሰባት ተህድም፡ ንሱዳን ክሰግር ዝበለ እቶም ኣስገርቲ ውዱባት'ዮም። ዝተፈላለዩ ዓይነት ደላሎ ናይ ሰብ ኣለዉ። ሰብ ዝሸጡ ሰብ ዝቕይሩ ማለት'ዩ። ካብ'ዚ ክሳብ ከተማታት ናይ ሱዳን ዝተወደበ መርበባት ኣሎ። ካብኡ ናብ ግብጺ ወይ ናብ ሊብያ ዝኣትዉ እንተ ኾይኖም ኣብ ዶብ ወደብቲ ኣለዉ። ካብ ግብጺ ዶብ ምስ ሰገሩ፡ ብቐይሕ ባሕሪ ገይሮም ዝሰግሩ እንተ ኾይኖም ሰገግሩ ኣለዉ። ንኣብነት ናብ እስራኤል ዝወስዱ ወደብቲ ኣለዉ። ኩሉ ዘድሊ ከም መካይን፡ መራኸቢታት፡ መራኸብ ዝኣመሰለ መሳለጥያታት ኣሎ። ኣብ ውሽጢ'ዚ መርበብ ነጋዶ ናይ ፍልሰት ሰብ ጥራይ ዘይኮኑ ናይ ጸጥታ ትካላት'ውን ብውዱብ መልክዕ ይኹን ብውልቂ ንገንዘብ ኢሎም ዝሰርሑ ተሓባበርቲ ኣለዉ። እቲ መርበብ ኣዝዩ ገዚፍ'ዩ። እቶም ኣሰጋገርቲ ዝበሃሉ ዝኽፈልዎ ኣሎ፣ እቲ ክፍሊት 12 - 13 ሽሕ ዶላር ዝበጽሓሉ እዋናት ኣሎ። እቲ ገንዘብ ካበይ ይመጽእ - ገዚፍ ኣርእስቲ'ዩ። ዝርዝራቱ ብዓቕሊ ክንከታተሎ ነዊሕ ግዜ ወሲዱ። ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብየቱታ ወይ ጥርዓን ኣቕሪብና። እቲ ዘገርም ከኣ ነዚ ዝምልከት ናይ መንግስቲ ኣመሪካ ኣዋጅ ብስም ስደተኛታት ንኤርትራውያንን ሶማልያውያንን ጥራይ ዓዲ ክኣትዉ ዘፍቅድ ምኺኑ'ዩ። ከምዚ ዝበለ ነገር ተሰሚዑ ኣይፈልጥን። ስለ ምንታይ እየን ኣብ ውሽጢ'ዚ መርበብ'ዚ ብፍላይ ንኤርትራውያን ዝቕበላ ትካላት ሕቡራት ሃገራት ክህልዋ ተደልዩ? ብዙሓት ካብ ኣባላተን ብዘይ ወግዓዊ መንገዲ ኣብ'ቲ መርበብ ተወዲቦም ዝሰርሑ ኣለዉ። ዝኣኽለና ትንታነ ዘይኮነ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ክንእክብ ጸኒሕና። ቅድም ኣቤት ምባል፡ ብውሑዱ ምስ'ተን መሰጋገሪ ዝኾና ዘለዋ ሃገራት ክንዛረበሉ መሪጽና። ኣብ'ዚ ቀረባ እዋናት ምስ መንግስቲ ሱዳን ዝጀመርናዮ ምትሕብባራት ነይሩ። ምኽንያቱ ፍልሰት ሰባት ገበን ስለ ዝኾነ። ምኽንያቱ እቲ መርበብ ፍሉጥ ስለ ዝኾነ፡ ኣብኡ ዝሰርሑ ሰባት ብምህላዎም ንሳቶም'ውን ስለ ዝፈልጥዎ፡ ገለ ንሳቶም ዘይፈልጥዎ ንሕና ንፈልጦ ድማ ስለ ዝነበረ፡ ነቶም ቀንዲ ቀንዲ ገበነኛታት ንምርካብ ኣብ ሓበሬታ ምልውዋጥ ምትሕብባር ጀሚርና። ኣብ ግብጺ ዝነበረ ስርዓት ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ስራሕ እቱው ስለ ዝነበረ፡ መስመራት ከፊትካ ምትሕግጋዝ ኣጸጋሚ'ዩ ነይሩ። እዋን ለውጢ ምስ መጸ ናብ ሙርሲ (ፕረዚደንት ዝነበረ መሓመድ ሙርሲ) ወግዓዊ መልእኽቲ ሰዲድና። ኣብ'ቲ መደብ ምሳና ክተሓጋገዙ፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ብደረጃ ዓለም፡ እዚ ገበን'ዚ ኣብ ልዕሊ ሃገር ዝፍጸም ዘሎ ስለ ዝኾነ ናይ ሓባር ዲፕሎማስያውን  ፖለቲካውን ዘመተታት ከነካይደሉ ተሰማሚዕና። ኣብ ሊብያ ምስ ስርዓት ቓዛፊ ብዙሕ ግዜ ዝተበኣስናሉ ጸገማት ነይሩ። ወላ እቲ ቁጽሪ ብዙሕ ኣይኹን ባሕሪ መዲተራንያን ሰጊሮም ናብ ኤውሮጳ ዝሰግሩ መንእሰያት፡ ብዙሓት ካብኣቶም ብመንገዲ ሊብያ እዮም ዝኸዱ።

ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፡ ሓደ ኣዝዩ ተንካፊ ፍጻመ ተፈጺሙ። ናይ'ቲ ስርዓት (ስርዓት ቓዛፊ) ናይ ጸጥታ ሰባት ካብ'ቶም ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣብኡ ዝነበሩ መንእሰያት 40 ደቀንስታዮ ምስ ናይ ጣልያን ሽፋቱ ተሰማሚዖም ሸይጦመን። ብዛዕባ ምምላስ ኤርትራውያን ናብ ሃገሮም እናተዛረብና ከለና፡ ስለ ምንታይ ከምኡ ይግበር? ኢልና ምስ መንግስቲ ሊብያ ሓደን ክልተን ተባሂልና። ስለ'ዚ እቲ ምስ ሓደ ክልተ ሃገራት ዝፈጠርናዮ ናይ ምትሕብባር ዝምድና፡ ኣብ ብዙሕ ኣይሰርሐን። ምኽንያቱ እቲ መርበባት ኣዝዩ ዝተፈላለየ ጽልዋ ዘለዎን ዓቢን'ዩ። ምድንጋራት'ውን ማእለያ የብሉን። ካልእ'ውን ኣብ ዶብ ናይ ግብጽን ሱዳንን 'ጀበል ኣውላድ' ዝበሃል ከባቢ፡ ብለይቲ ክሰግሩ ከለዉ፡ ነፈርቲ ብዘይ ኣብረርቲ መጺኣን ቀቲለንኦም'ውን ይበሃል'ዩ። እቶም ዝሞቱ መብዝሓትኦም ንፍልሰት ዝኸዱ ዝነበሩ ኤርትራውያን እዮም። ብዛዕባ ፍልሰት ሰባት ብዙሕ ኣሰቃቒ ዛንታታት ኣሎ። ክንቆጻጸሮ ክንክእል ምእንቲ ምስ መንግስታትን ነቲ ጉዳይ ዝሓዛ ትካላትን ምትሕግጋዝ ክግበር ተፈቲኑ። ገዚፍ ውጽኢት ነይርዎ እንተ ዘይበልና'ኳ፡ ከም ሓደ  ኣማራጺ ሒዝናዮ ነይርና። እቲ ገበናት መወዳእታ ምስ ተሳእኖ ኣቤት ክንብል ነይሩና። ብዘይ ዝኾነ ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ዝፍጸም ዘሎ ገበን ከቢድ'ዩ። ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት፡ ዘይጭበጥ ተስፋታት እናሃብካ መጻኢ ዕድሎም ብምስባር ለመንቲ ምግባር፡ ካብኡ ዝዓቢ ገበን ያለን።

ስለምንታይ’ዮም ሰባት ካብ ኤርትራ ዝወጹ ዘለዉ? ፖለቲካዊ በደል ስለ ዘሎ? ወይ ጭኮና ስለ ዘሎ? ደሞክራስያዊ ስርዓት ስለ ዘየለ? ካብ ጭኮና ዝሃድሙ ዘለዉ ኣምሲልካ፡ ምስ ዘሎ ናይ ዜናን ናይ ፕሮፓጋንዳን ዓቕሚ ናይ’ተን ትካላት ቀጻሊ ጸለመ ክካየድ ጸኒሑ። መወዳእታ ኣብ’ዚ ሃገር ምግሃስ መሰል ወዲ ሰብ ከም ዘሎ ንምምሳል ናይ ሃይማኖትዶ ናይ ከም’ዚ መሰል የለን እናበልካ ነቲ ገበናት ትሸፍኖ። ነዚ ኩሉ ገበን ፈጺምካ ከኣ “መንግስቲ ኤርትራ’ዩ ተሓታቲ” ምባሎም ኣየገርምንዶ? ከም ኣብነት ናይ’ዞም ክንዛረበሎም ዝጸናሕና ኣብ እስራኤል ዘለዉ 30 ሽሕ ሰባት ኩነታት ዘስካሕክሕዩ እንተ ተባህለ ዝተጋነነ ኣይኮነን። እዞም ሰባት እዚኣቶም ክምለሱ እንተ ኾይኖም ቅድም ቀዳድም እቲ ገበን ክምርመርን መዕለቢ ክግበረሉን ክኽእል ኣለዎ። ምኽንያቱ ኣብ ልዕሊ’ዞም ሰባት ገበን’ዩ ተፈጺሙ። ዝተሰብረ ዕድሎምን ዘጥፍእዎ ግዜን ክካሓሱ ክኽእሉ ኣለዎም። ገበን ምዃኑ ምርግጋጽ ጥራይ ኣይኮነን። ካሕሳኦም ክረኽቡ ክኽእሉ ኣለዎም። መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ሓላፍነት ዜጋታቶም ክስከሙ ግዴታ ኣለዎም።

ፍልሰት መንእሰያት ምጅማር ኩናት’ዩ። እዞም መንእሰያት ብሃገራዊ ኣገልግሎት ዝሓለፉ ስለ ዝኾኑ፡ ካብ ሃገር ምስ ወጹ ወተሃደራዊ ስልጠና ስለ ዘየድልዮም ኣብ ደገ ኣኻኺብካ ፖለቲካዊ ተቓውሞ ትፈጥር፣ ኣብ መወዳእታ ድማ መንግስቲ ምግምጣል እዩ እቲ ዕላማ። ሓደ ካብቲ ጭንቀት ዝፈጠረሎም፡ ሰብ ወላ ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ይሰደድ ንቤተሰቡ ንህዝቡ ንሃገሩን ስለ ዝብል’ዩ። ምናልባት ሓደ ክልተ ተረፍ ሽሓኒ ዘልምጹ ዘጸልሙ ኣይሰኣኑን። ስለ’ዚ ብዘይካ’ቲ እነቕርቦ ኣቤቱታ እቶም ብፍቓዶም ክምለሱ ዝደልዩ’ውን ከም ዝምለሱ ንምግባር ዝስራሓሉ ዘሎ’ዩ። ግን ከም’ቲ ኣቕዲመ ዝበልኩዎ፡ ተሓታቲ ናይ’ዚ ገበን፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ወይ ኣብ ዝኾነ ዳኛ ቀሪቡ ናይ ገበን ተሓታትነቱ ክረጋገጽ ኣለዎ። እንተ ዘይቀሪቡ’ውን እቲ ሓቂ ክፍለጥ ክኽእል ኣለዎ። ሕጂ እናተጋለጸ ስለ ዝኸደ ንሕና’ውን ኣሎና እንብሎ መርትዖታት ስለ ዘሎ፡ ብናጻ ኣካል ክምርመር ኣለዎ። ምናልባት ከደንቕ ይኽእል ይኸውን፣ ግና መርትዖታትና ኣቕሪብና፡ መሰል ዜጋታትና፡ መሰል ህዝቢ፡ መሰል ሃገር፡ ክንከታተል ክንክእል ኣለና። ምስቲ’ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ፡ እዞም ሰባት ድማ ውዒሎም ሓዲሮም ተኻሒሶም ንዓዶም ዝምለሱሉ መንገዲ ንሰርሓሉ ኣሎና። ብዛዕባ መሰል ሰባት ስለ ዝተሓተትና ወይ ካልእ ዘይኮነ ግዴታና’ዩ። ከም ናይ መኸተ ግንባር ወሲድና ንሰርሓሉ ሓላፍነትን ግዴታን ከኣ’ዩ።

**ክቡር ፕረዚደንት ኣቐዲምካ ኩነታት እስራኤል ጠቒስካ ነይርካ። እስራኤል ነቶም ብፍልሰት ከይዶም ኣብ መሬታ ዝርከቡ ስደተኛታት ናብ ካልእ ሳልሳይ ሃገር ክትጥርዞም’ያ ይበሃል ኣሎ። ሓንሳብ ናብ ኡጋንዳ ሓንሳብ ድማ ናብ ጁባ . . . ክትሰዶም’ያ ድማ ይበሃል። ኣመለኻኽታ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ’ዚ ጉዳይ’ዚ ከመይ’ዩ?**

ኣነ ኣብ ናይ ዜና ቆይቍ ክኣቱ ኣይደልን’የ። ነቲ ጉዳይ ከም ምስ ካልኦት፡ ምስ መንግስቲ እስራኤል’ውን ብዕቱብ ሒዝና ንሰርሓሉ ስለ ዘለና፡ ኣብ ዘረባታት ኣቲና ክንምልሽ ኣይንደልን። ብዛዕባ’ቶም ኣብኡ ዘለዉ ዜጋታትና ጉዳይ ግን ብወግዓዊ መንገዲ ምስ መንግስትን ትካላት መንግስትን ንዛረበሉ ኣለና።

**ክቡር ፕረዚደንት ናብ  ዞባውን ዓለማውን ጉዳያት ክንሰግር። ዞባና ማለት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዕስራ ዓመታት ብፖለቲካውን ቁጠባውን ቅልውላዋት ናዕብታትን ግዳማዊ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ምትእትታውን ቅሉዕ ወራራት ከም በዓል ሶማል ዒራቕ ከምኡ’ውን ከምዚ ሕጂ ክትጠቕሶ ዝጸናሕካ፡ ናይ ‘ሂዩማን ትራፊኪን’ ይኹን ናይ ቅርስና ሽግራት ክሕመስ ዝጸንሐ ዞባ’ዩ። ኣብ መንጎ ሃገራት ናይ’ዚ ዞባ ዘሎ ውድድር ናይ ጎብለልነት’ውን ነቲ ጸገማት ዝያዳ ክሕንክሮ ዝጸንሐ’ዩ። ስለ’ዚ እዚ ተወጊዱ ኣብ መንጎ ሃገራት ናይ’ዚ ከባቢ ናይ ምምምላእን ናይ ምትሕግግዛ ጎደቦ ንምምስራት ዝሎ ኣረኣእያናን ፖሊስታትናን ገለ መብርሂ ክትህበና?**

ፖሊሲታትና እንታይ እዮም ወይ እንታይ ክንገብር ጸኒሕና ኢልና ክንዛርብ ንኽእል ኢና። ግን ኩሉ ግዜ ዕለት ብዕለት፡ ወርሒ ብወርሒ ወይ ዓመት ብዓመት ዝመጹ ዘይኮነ፡ ኣብ ውሽጢ’ቲ ዝሰፍሐ ትርኢት ምዃኑ ክንርእዮ ክንክእል ኣለና። ኣብ’ዚ ዕስራ ዓመታት ናዕቢ ብኹሉ ኣንፈት፡ ብኹሉ ቁልውላው ምሕቛን እንታይ’ዩ ጠንቅታቱ? ኢልካ ምሕታት ይከኣል’ዩ። ንሕና እሙን ጎደቦ፡ ርጉእ ጎደቦ፡ ናይ ምትሕግጋዝ ጎደቦ ክኸውን’ዩ ድልየትናን ፖሊሲናን። ስለምንታይ እዚ ሕርያ እዚ ወሲድና እንድሕር

ኢልካ፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ነፍሲ ወከፍ ሃገር ነናቱ ናይ ሃገራዊ ድሕነት ስትራተጂታት፡ ፖሊስታት ወይ ቀዳምነታት ክህልዎ ይኽእሉ እዮም። ናይ ሃገራዊ ድሕነት ፖሊሲ ስትራተጂ ቀዳምነታት ብምንታይ'ዮም ዝውሰኑ? ብባዓሌዊ ድሌት ወይ ብስምዒት ዝውሰን ኣይኰነን። ዞባና ኣብ ዓለም ዘሎ ኩነታት ዝውስኖ እዩ። ስለምንታይ ኢና፡ ኣብ ዞባና ናይ ኩለን ሃገራት፡ ናይ ኩሎም ህዝብታት ምምልላእን ምትሕግጋዝን'ዩ፡ እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ ወይ ሕርያ ንብል? ሕርያ ሃገራዊ ድሕነት ወይ ፖሊሲ ሃገራዊ ድሕነት ብኸባቢ ደኣ'ምበር ባዕልኻ ትውስኖ ኣይኰነን። ምናልባት ንድሕሪት ተመሊስና ቅድሚ ናጽነት ወይ ቅድሚ ሓርነት ዝነበረ ኩነታት ናይ ዓለም፡ ኣብ ዞባና እንታይ ይመስል ነይሩ? እንታይ ሕርያታት ነይሮምና? ከመይ ገይርናኽ ኣብ'ቲ ክንበጽሖ እንደሊ በጺሕና? ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና። እዚ ብናይ ግዜ መለክዒታት እንተ ርኢናዮ ሓርነታዊ ቃልሲ ተዓዊቱ ኣብ መዕለቢኡ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን ብዓለምን ብዞባን ደረጃ ዝተራእዩ ወይ ዝተኸስቱ ምቅይያራት ነይሮም። ተስዓ- ተስዓን ሓደን ክልተ 'ፖላር' (ቁጥቢ) ወይ ናይ ምብራቕን ምዕራብን ደምበ ዘብቃዓሉ ዘመን'ዩ ነይሩ። እዚ ሕጂ ዝብሎ ዘለኹ ሕርያ ነቲ ዝመጸ ምዕባለታት ገምጊምካ እቲ ተመኩሮ ኣብ ቦታኡ እናሃለወ፡ ኤርትራ ናጻ ኰይና፡ ኣብ ሶማል ለውጢ መጺኡ፡ ኢትዮጵያ'ውን ሓራ ኾይና፣ ኣብ '89 እውን ኣብ ሱዳን ዝመጸ ለውጢ ነይሩ። ኩሉ እዚ ክስተታት እዚ ብዞባ ደረጃ ክንርእዮ ከለና፡ እቲ ርኡይ ዕድላት ንኹሎም ህዝብታት ናይዚ ዞባ'ዚ ንጹር ኰይኑ ተራእዩ ነይሩ። ካብ ዘመን ዝሑል ኲናት ወጺእና ሓደስቲ ክስተታት ስለ ዝተፈጥሩ፡ እቲ እንኮ ኣማራጺ ወይ ሕርያ፡ ኩሎም እዚ ዕድል ዘጋጠሞም ህዝብታት ኣብ ቁጠባዊ ምትሕብባርን ካልኦት ዝተፈላለየ ጽላታትን ምትሕግጋዝ ንኽገብሩ ጽቡቕ ዕድል'ዩ ተባሂሉ። ሽው እዚ ሕጂ ከም ቀዋሚ መማእዘኒ ንሰርሓሉ ዘለና ፖሊሲና ቅድሚ ምኽታም ዝሑል ኲናት'ውን ነይሩ'ዩ። ሕጂ ንድሕሪት ተመሊስና ክንርእዮ ከለና፡ ዓይነት ኩነት ዓለማዊ ስርዓት ኣይኰነን። ምንኽንያቱ ብተመኩሮና ኣጸቢቕና ንፈልጦ ኢና። መን'ዩ ኣብ ሕብረት ሶቬት ነበር ዝጻብኣና ዝነበረ፣ ኣብ ዘበነ ሃይለስላሰ፡ ኣብ ዘበነ ደርግኸ መን'ዩ ዝጻብኣና ዝነበረ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ኣብኡ ዝነበረ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሓገዝ ንጹር እዩ። ብተመኩሮ ከኣ ንዕኡ ሰጊርና መጺእና። ኣብ'ዞም ዕስራ ዓመታት ዝሓለፉ ተርእዮታት ክንግምግም እንተ ኼንና እቲ መቓን'ውን ክንግምግሞ ኣለና። ዝሓለፉ ዕስራ ዓመታት፡ ሓደ ናይ ቁጠባ ወይ ናይ መዓስከር ዓብላልነት ኣብ ዝተቐልቀለሉ ኣጋጣሚ'ዩ ብዋሽንግቶን ዝምራሕ ሓደ ቁጥባዊ ሓይሊ ዝተቐልቀለ።

ሓደገኛነት ናይ'ቲ ተርእዮ እንታይ'ዩ? ኩሎም እቶም ዝስርዑ ፖሊስታት፡ ንዓለም ብናታቶም መነጽር ብምርኣይ ዘቐምጥዎ ታርጌት እንታይ'ዩ? ዝሑል ኲናት ተወዲኡ፡ ሓደ መዓስከር ጥራይ ተሪፉ። እቲ ሓደ ደምበ "ዓለም ናትና ኮይና'ያ" ዝብል እምነት ኣሕዲሩ። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ንዓለም ናበይ ገጽና ንውሰዳ ክብሉ ጀሚሮም። በቲ ናታቶም ኣገላልግጻ ወይ ተርሚኖሎጂ ምድልዳል ዓብላልነት'ዩ። ብእንግሊዝ "ኮንሰሊዴሽን ኦፍ ሀጀመኒ" እዩ ዝበሃል። 'ሀጀመኒ' (ዓብላልነት) ቅድሚ ምፍራስ ሶቬት ሕብረት'ውን ኣይነበረን ማለት ኣይኰነን። ኣብ ዘመነ ዝሑል ኲናት ዝነበረ ምስሕሓብን ምስፍሕፋሕን ንገዛእ ርእሱ ድልየት ዕብለላ ዘንቀሎ'ዩ። ድሕሪ ምኽታም ዝሑል ኲናት ግን፡ ናይ ሓደ መዓስከር ዕብለላ ምድልዳል'ዩ ኰይኑ። እዚ ኣብ ሰነዳቶም ዘሎ'ዩ። "ንዝመጽእ ሓምሳ ዓመታት ዓለም ኣብ ትሕቲ ቊጽጽርና'ያ። ስለ'ዚ ብኸመይ ከም እነመሓድራን እንቆጻጸራን ስትራተጂ ክንሕንጽጽ" ተባሂሉ ብትካላቶም ዝወጸ ጽሑፍ ዘረጋግጾ'ዩ። ዋና ትሕዝቶኡ ጻጋታት ናይ ዓለም ብምቁጽጻር ምግባት'ዩ። ጻጋታት ዓለም ክትቆጻጸርን ክትግብትን እንተ ኼንካ ድማ ብሓይሊ ክትዕብልል ኣለካ። ብሓይሊ ንዓለም ክትቆጻጸራ እንተ ኼንካ'ውን ክትከፋፍላ ኣለካ ማለት'ዩ። ብጂኦግራፊያዊ ኣገዳስነት፡ ብክፍለ ዓለማዊ ጂኦግራፊያዊ ምክፍፋል ወይ ብቁጠባዊ ኣገዳስነት. . . እተን ናይ ምቁጽጻር ማእከላት ዝብልወን ሰሪዖመን ኣለዉ። ነዘን ማእከላት ብቐጥታ ክትቆጻጸረን እንተ ዘይክኢልካ ብወከልቲ፡ ወይ ብናታቶም ቋንቋ ብ"መልሕቓት" ገይርካ ትቆጻጸረን። ነዚ ተግባራዊ ንምግባር፡ ኣብ ሓደ ናይ ጽልዋ ዞባ ወኪል ኰይኑ ንረብሓታቶም ዝሰርሕ ሓደ ጎብለል ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ስለ'ዚ ንምቁጽጻር ማእከል ጻጋታትን፡ ጸጥታዊ ውሕስነትን (ብናታቶም ቋንቋ "ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት" ዝብልዎን ዝውክላ ጎደቦታት ይሓርዩ። ብዘይካ'ዚ ናይ ዓለም ባንክ፡ ኣይ.ኤም.ኤፍ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ባይቶ ጸጥታ፡ ዞባዊ ውድባት፡ ማሕበራት ግብረ ሰናይ፡ ዘይመንግስታውያን ውድባት፡ ናይ ባህሊ ማእከላት፡ ናይ ትምህርቲ

ማእከላት፡ ማላዊ ማእከላት. . . ኣብ ቁጽጽር ከኣትዋ ኣለወን። ምኽንያቱ ንሳተን ከም ናውቲ መቆጻጸሪ ኣገደስቲ ስለ ዝኾና። ክትግብት እንተ ኼንካ፡ ንኹሉ ብዝተወደበ መልክዕ ኣብ ሓደ ስትራተጂያዊ ውጥን ከተእትዎ ኣለካ። ንዕስራ ዓመታት ድማ እዚ ፖሊሲ እዚ'ዩ ክሰርሕ ጸኒሑ።

ብዛዕባና እምበኣር ኣብ ውሽጢ'ዚ መቓን'ዚ ኣቲና ንሕሰብ። እዚ ስትራተጂ'ዚ ኣብ ኤስያ፡ ኣውስትራልያ፡ ደቡብ ኣመሪካ፡ ኣፍሪቃን ካልኦት ክፍለ ዓለማትንከ ከመይ ነይሩ? ክንመዝን እንተ ክኢልና፡ ጉዳይ ዓብላልነት ኣብ ዞባና'ውን ኣብ'ዚ መቓን'ዚ ኣእቲና ንርኣዮ። ኣብ'ቲ ናታቶም ወረቐት ኣፍሪቃ ኣብ ዝተፈላለያ ዞባታት ተኸፋፊላ ማለት'ዩ። ደቡባዊ ክፍሊ ኣፍሪቃ ብሓደ ጎብለል ተወኪሉ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ክኣቱ፥ ምዕራብ ኣፍሪቃ ብሓደ ጎብለል ክውክል፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምስ ኩሉ ተኣፋፍነቱ ኢትዮጵያ ክትመርሖ፡ ኬንያ ከኣ ከም ላቐባ ኺይና ክትሰርሕ፡ ብኸምዚ መንገዲ ዓብላሊ ሓይሊ ብምፍጣር ነቲ ዘሎ ቁጠባዊ፡ ጸጥታዊ፡ ይኹን ካልእ ረብሓታት ከም ትቆጻጸሮ ትገብር። ቀይሕ ባሕሪ ኣጠቓሊልካ እዚ ዞባ'ዚ፡ ምስ'ቲ ዝዓበየ ጸጋታት ነዳዲ ዘለዎ ማእከላይ ዞባ ዝተኣሳሰር ስለ ዝኾነ፡ ካብ ካልኦት ዞባታት ወይ ክፍለ ዞባታት ንላዕሊ ኣገዳስነት ኣለዎ። ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምዕባለታት እምበኣር ምስ'ዚ ስትራተጂ'ዩ ዝረአ። እቶም ቅድም ዝነበሩ ስርዓታት ነዚ'ዮም ዝውክሉ ነይሮም።

ኤርትራ ስለምንታይ'ያ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ናጽነታ ዘይረኸበት እንተ ኢልና ናታቶም ውሳኔ'ዩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነበሩ ሰበስልጣን ዝወሰንዎ ኣይኮነን። ናይ ኤርትራ ናጽነት ንረብሓና ስለ ዘየገልግል ኤርትራ ጥብቆ ናይ ኢትዮጵያ ትኹን ተባሂሉ ክውሰን ከሎ፡ ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ስለ ዝነበረ'ዩ። እዚ ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ካብ 1991 ንደሓር መልክዑ ቀይሩ ቀጺሉ። ኣብ መንን'ዚ ስትራተጂ'ዝን ናትና ሕርያን ድማ ግጭት ተፈጢሩ። ሕርያና ነቲ ስትራተጂ ስለ ዘየገልግል ኣይተደልየን። ዝምድናታትና ደሓን ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ኣብ ተስዓታት፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምድረ በዳነትን ደርቅን ዝቆጻጸር ኢጋድ ዝበሃል ሓደ ኣካል'ውን ተመስሪቱ። ዝሑል ኩናት ካብ ዘስዓቦ ሽግራት ምእንቲ ክንገላልገል፡ ናይ ገዛእ ርእስና "መካኒዝም" ክንፈጥር ክንክእል ነይሩና። ናይ ምምልላእ ፖሊሲ ክህሉ ምእንቲ፡ ኬንያ፡ ሶማል፡ ጅቡቲ፡ ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ኡጋንዳ ብዝፈጠረኦ ኢጋድ (ውድብ ልምዓት ንተፈጥሮ) ኣቢልና ክንሰርሕ ከኣ ተባሂሉ። እዚ ግና ኣይሰርሐን። ምኽንያቱ እቲ ናይ ኣመሪካ ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ምስኡ ተጋጭዩ።

ናይ ሶማል ጉዳይከ ስለምንታይ'ዩ ክሳብ እዛ ሰዓት'ዚኣ ኣብ ቀጻሊ ቅልውላው ዘሎ? ናይ ሱዳን ጉዳይ ብኻልእ ጉዳይ ክፍታሕ ዝግብኦ ዝነበረ ናብ ምምቕቃል ናይ ሱዳን ኣምሪሑ። ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ኬንያ፡ ኣብ ኡጋንዳ ዘሎ ኩነታት፡ ምስ የመን፡ ጅቡቲን ኢትዮጵያን ዝተላዕለ ናይ ኤርትራ ናይ ዶብ ሽግር፡ ኩሉ ኣብ ከሊ ናይ'ዚ ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ኢና እንርእዮ። እቲ ዝደልይዎ ንኽረኽቡ ሓላል ይኹን ሓራም ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ድሕር ኣይብሉን'ዮም። ኣብ'ቲ ዝሓለንዎ ሽቶ ምብጻሕ ጥራይ'ዩ ዘድልዮም። ነዚ ንምትግባር ድማ እተን ኣርባዕተ (ሓሶት፡ ምትላል፡ ምስሉይነትን ዓመጽን) ናይ'ቲ ስትራተጂ ባህሪያት ከም ኣጽዋር ይጥቀሙለን። ናይ ኢጋድ ምምስራት እምበኣር ምስ ናታቶም ስትራተጂ ዘሳኒ ኰይኑ ኣይተረኽበን። በዚ መሰረት ኢጋድ ኣሎ ድዩ ሕጂ? ኢልና እንተ ሓቲትና ኢጋድ የለን። ኢጋድ፡ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ኤኮዋስ፡ ሳደክ፡ እንተላይ ጀምዓ ኣል ዓረብያ ዝኣመሰላ ዝነበራን ሓደስትን ዓለማውን ዞባውን ውድባት፡ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ንናታቶም ስትራተጂ እንተ ዘይተኣዚዘንን ዘይኣገልጊለንን፡ ክዓንዋ ወይ ከኣ ክዳኸማ ክኽእላ ኣለወን። ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝፍጸም ተጻብኦታት ድማ ካብዚ መቓን'ዚ ወጺእካ ዝረአ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ኣብ ርእሰና ሃሰያታት ወሪዱ ክነሱ፡ ናይ ታሪኽ ጅሆ ክንከውን ኣይመረጽናን። ቀደም ጸላእትና ስለ ዝነበሩ ጸላእትና'ዮም ኢልና ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝን ምምልላእን ኣይንሕሰምን። እቲ ኣብ ዓለምና ይኹን ዞባና ዝህሉ ሓድሽ ክስተት፡ እንተ ድኣ ናይ ሓባር ረብሓታት ዝሕሉ ኰይኑ፡ ሓያል ይኹን ድኹም፡ ነብሲ ወከፍ ወገን፡ ምስ ዝኾነ ክፍሊ ናይ ዓለም ዝምድና ክፈጥር ይኽእል'ዩ፡ ዝብል ስነ ሓሳብ ምስ'ቲ ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ኣይተቓደወን። ናትና

ናይ ዶባት ሽግራት፡ ፍልሰት ሰባት፡ ቁጠባዊ ጸቕጢ፡ ቁጠባዊ እገዳ፡ ኣብ መውዳእታ'ውን ብባይቶ ጸጥታ ዝለዓል ጉዳይ እገዳ እምበኣር፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ስትራተጂ'ዚ ጥራይ ኳንካ ዝረአ'ዩ።

እዚ ስትራተጂ ኣብ'ዚ ዕስራ ዓመታት እንታይ ኣምጺኡ እንተ ኢልና፡ ምምዝባላት ጥራይ'ዩ ኣምጺኡ። ምናልባት ጉዳይ ግብረ ሽበራ ንበይኑ ከንዛረበሉ ንኽእል ኢና።

ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ወይ ኢጋድ፡ ናይ ምትሕብባር ሕርያ ጥራይ ኣይኰነን በርዒኑ ወይ ከም ዝዓኑ ተገይሩ። ሳዳም ከመይ'ዩ ነይሩ ብዘየገድስ፡ ካብ ጂኦግራፍ ወሽመጥ ዓረብ ዒራቕ ምውጻኣ ሓደ ጠንቂ ምምዝባላት'ዩ። ናይ ዒራቕ ምብትታን፡ ኣብቲ ዞባ'ቲ ፈጢሩዎ ዘሎ ምምዝባል ንዝኾነ ሰብ ስዉር ኣይኰነን። እዚ ሓደ ካብ'ቶም ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ዋሽንግቶን'ዩ። ሽበራ ክንዋጋእ፡ ንሽበራ ክነጥፍእ፡ ዓለም ውሕስቲ ክንገብራ ተባሂሉ ኣብ ኣፍጋኒስታን ዝተወሰደ ስጉምቲ ንገዛእ ርእሱ፡ ስጉምቲ ካብ ዝተወሰደሉ ዕለት ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ ሓደ ካብ'ቶም ናይ'ቲ ዞባ'ዚ ቅልውላዋት ኰይኑ ኣሎ። ንግብጺ ካብ'ቲ ጂኦግራፍ ምውጻእ ድማ ሕጂ ዝመጸ ዘይኰነስ ካብ ዝሓለፈ ሰላሳ ኣርብዓ ዓመታት ክስራሓሉ ዝጸንሐ'ዩ።

ረብሓታቶም ዝሕልዋ ወከልቲ ንምፍጣር ደኣ'ምበር፡ ጎባልል ስለ ዘድልያና ኣይኰኑን ጎባልል ዝፈጠሩ። ጎብለል ዘይብሉ ዞባታትን ክፍለ ዞባታትን ዘይህልወሉ ምኽንያት የለን። እዚ ናይ ሓያላን ስትራተጂ ኣብ ዘመነ ዝሑል ኲናት ተሰሪሑሉ ሕጂ ድማ ብሓድሽ መልክዕ ይቕጽል ኣሎ። እዚ ትማሊ ዝረኣናዮ ለውጢ ናይ ዝተጠራቕሙ ጸገማት ሳዕቤን'ዩ። ግብጺ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ይኹን ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ፡ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ናይ ኒል ተፋሰስ ይኹን ማእከላይ ምብራቕ ተራ ኣይጸንሓን። እዚ ከኣ ብዝተወጠነ መገዲ ዝተሰርሐ'ዩ። ብዞባ ደረጃ እንተ ርኢናዮ ናይ ግብጺ ካብ'ቲ ስእሊ ምውጻእን ምምዝባል ምፍጣሩን ተራኡ ንእሽቶ ኣይኰነን። ኲሉ'ዚ ኣብ ውሽጢ ዕስራ ዓመታት ዝተቐልቀለ ቅልውላዋት ሳዕቤን ናይ ስትራተጂ ዕብለላን ግብትናን'ዩ። ናትና ሕርያ ግን ኣብ ቦታኡ ኣሎ። ኣብ ዞባና ናይ ዝተፈላለየ ህዝብታትን ሃገራትን ምውህሃድ እምነ ኩርናዕ ናይ ወጻኢ ፖሊስና'ዩ። እሙን ጎደቦ፡ ርጉእ ጎደቦ፡ ክንብል ከለና መዕቐቢ ዝኾነና ጎደቦ ክንፈጥር ስለ ዝደለና ኣይኰነን፡ **እንተ ኾነ ግን እዚ ጎባልል ዞባ ንምፍጣር ዝዓለመ ምትእትታው ዝፈጠሮ ምምዝባል ክዕረ ክኽእል ኣለዎ።** ግብጺ ተራኣ ክትሕዝ ኣለዋ። እተን ንጎብለልነት ክቀዳደማ ነዚ ከባቢ'ዚ ኣራግጽ ወዲኣናአ ዘለዋ፡ ሙብዛሕትአን ጎባልል ንክኾና ናይ ገዛእ ርእሰን ዘቤታዊ ዓቕምታት የብለንን። ብውክልና ጎባልል ንክኾና ምስ ዘራያት ይጽግዓ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝጸንሐ ሰለስተ ተኸታታሊ ስርዓታት ወኪል ኰይኑ ጥራይ'ዩ ጎብለል ክኸውን ዝኽእል። **ኣብ ጎደቦኡ ንዘለዋ ሶማል፡ ኬንያ፡ ሱዳን፡ ኤርትራን ካልኦትን ረጊጹ ረጋጊጹ ክዕብልል እንተ ኾይኑ፡ ዘራይ ክህልዎ ኣለዎ።** ንኣብነት እስራኤል ጎብለል ናይ'ቲ ዞባ ኰይና ጸኒሓን ኣላን። እዚ ናይ ገዛእ ርእሱ ዳይናሚክስ ኣለዎ። እዘን ሕጂ ዝወዳደራ ዘለዋ ብመፍቶ “ብፈይቨር” ናይ'ቶም ሓያላት'የን ጎብለል ክኾና ዝደልያ። ንዓና እዚ ኣየድልየናን'ዩ። **ብወከልቲ ይኹን ብቐጥታ ዝግበር ናይ ዕብለላ ውጥናት ዞባዊ ምምዝባልን ዘይምርግጋእን'ዩ ሳዕቤኑ።** እዚ ኩሉ ህልቂት፡ ጥምየት፡ ዕንወት ትሕተ ቅርጺ፡ ዕንወት ዕድላት ሳዕቤን ናይ'ዚ ስትራተጂ'ዩ። ብዞባ፡ ብኽፍለ ዓለም ይኹን ብዓለም ደረጃ፡ መሰረት ናይ ወጻኢ ፖሊሲታትና ካብኡ ዝነቕለ'ዩ። ካብ ምምዝባል ንምንጋፍ ድማ ሕርያና ኣብ ምምልላእን ምትሕግጋዝን ዝተመርኮሰ ዝምድና ዘለዎ ርጉእን እሙንን ጎደቦ ምህላውን ጥራይ'ዩ። ኣብ'ዚ ዕስራ ናይ ናጽነት ዓመታት ከም ዝረኣናዮ፡ ብደገ ዝመጽእ ዝተፈላለየ ምትእትታዋት ኣብ ዞባና ይኹን ካብ ዞባና ወጻኢ ስቅያት፡ ሽግራትን ቅልውላዋተንን ጥራይ እዩ ፈጢሩ። ወላ ኩሉ ጸገማት ናቱ ሳዕቤን'ዩ ኣይንበሎ፡ ብዓቢኡ ግን ብእኡ ዝተጸልወ'ዩ።

ዘይጥዑይ ምትእትታዋት ኣየድለየናን'ዩ። ፈታዊ ሃይማኖት ትመስል፡ ፈታዊ ዲሞክራሲ ትመስል፡ ፈታዊ መሰል ሰብ ትመስል፡ ኣብ ሓቂ ግን እዞም ክብርታት ኣብ ኣእምሮኻ ስለ ዘየለዉ እቲ ብግብሪ እትሰርሓሉ

ብኣንጻሩ ይኸውን። ስለ'ዚ ንምስሉይነትካ በቲ ሓላል መልክዑ ክትገልጾ ትደሊ። ናይ ውክልና ጎብለልነት ብዘይካ ቅልውላውን ሃጓፉት ምፍጣርን ካልእ ሳዕቤን የብሉን።

**ክቡር ፕረዚደንት፡ እዚ ሕጂ ዘቕርቦ ሕቶ፡ ኣቐድም ኣቢልካ ተናኺፍካዮ ስለ ዝጸናሕካ፡ ካብኡ ብምብጋስ፡ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ካብ 2011 ጀሚሮም ክነትጉ ዝጸንሑ ህዝባዊ ምልዕዓላት፡ ክሳብ ሎሚ ኣይረግኡን ኣለዉ። ብፍላይ ናይ ግብጺ ኩነታት ኣሰካፊ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ኣብ ጉዳይ ግብጺ መርገጽን ኣመለኻኽታን መንግስቲ ኤርትራ ከመይ'ዩ? ብዛዕባ መርገጺ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ "ሚልየኒዩም ዳም" እውን መብርሂ ክትህበና?**

ኣብ ዜናታት እንተ ተኸታቲልካ ብዙሕ ሰብ ሓደ መራሒ እንተ ተኣልዩ፡ ምስ መን ደው ትብል ኮን ትኸውን እዩ ዝጸናጸን። ኣብ ከምኡ ዝበለ ናይ ህጻናት ሕርያታት ኣይንኣቱን ኢና። ስለምንታይ ግብጺ ወዲቓ እንድሕሪ ኢልካ፡ ኣብ ውሽጢ ሳላሳ ወይ ኣርባዓ ዓመታት ክጠራቐም ዝጸንሐ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካውን ጸጥታው ቅልውላው'ዩ እቲ ጠንቂ። ዓብላሊ ወይ ጎብለል ናይ'ዚ ዞባ ክትውን ኣለዋ ማለት ዘይኮነ እቲ ሃጓፍ'ቲ ንገዛእ ርእሱ ምምዝባላት ስለ ዘኸትል፡ ለውጢ ክመጽእ ክኽእል ኣለዎ። እዚ ትማሊ 25 ጥሪ ዝነተጐ ተቓውሞ ሸው ዝመጸ ኣይኮነን። ቅድሚኡ ብዝተፈላለዩ መንግስታትን ሓይልታትን ዝዝረበሉ ዝነበረ ጉዳይ'ዩ። **ግብጺ ካብ'ዚ ስእሊ'ዚ ምውጽኣ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣብ ጉዳይ ዓረብን እስራኤልን፡ ኣብ ጉዳይ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ጉዳይ ተፋሰስ ኒል፡ ኣብ ጉዳይ ወሽመጥ ዓረብ ክትጻወቶ ዝግባኣ ዝነበረ ሃናጺ ተራ ካብ ምጽዋት ተቐይዳ።** ካልኦት ጎባልል እናኣተዉ፡ ዝተፈላለየ ቅልውላዋት እናመጸ እዚ ከባቢ ርግኣት ስኢኑ ኣሎ። ኣብ ግብጺ ለውጢ ንኽመጽእ ትጽቢት ዝግበረሉ ዝነበረ'ዩ። እቲ ትጽቢት ግን ብዝተወደበ መልክዕ ኣይመጸን። እዚ ረቢዕ ዓረቢ፡ ቀውዒ ዓረብ ዝብልዎ፡ ኣብ ደገ ብዙሕ ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። ረቢዕ ድዩ ቀውዒ ድዩ ክራማት ድዩ ሓጋይ ድዩ ንሱ ካልእ ኣርእስቲ'ዩ። ግብጺ ናብ ቦታኣ ክትምለስ ኣለዋ። ናይ'ዚ ከባቢ ርግኣት ክረጋገጽ እንድሕሪ ኰይኑ፡ ቅድም እቲ ምምዝባላት ክመዓራረ ክኽእል ኣለዎ። ግብጺ ከኣ ቦታኣ ክትሕዝ ክትክእል ኣለዋ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ክልተ ዓመታት ዝነበረ ኩነታት እንተ ርኢኻዮ፡ ኣብ ግብጺ ናይ ዝነበራ ፖለቲካዊ ሓይልታት ውሽጣዊ ምድኻም'ዩ። ብፍላይ ምስ ምውዳቕ ዝሑል ኲናት፡ ሃገራውያን ዝበሃላ ናይ ፖለቲካ ውድባት ወይ ኣወዳድባታት ጠፊኣን። ብሄራዊ ዓረባዊ ምንቅስቓሳት ዝበሃል ንስሙ እምበር የለን። ካልኦት ነቲ ለውጢ ክመርሑ ዝኽእሉ ሓይልታት ኣይጸንሑን። ናይ ህዝቢ ግብጺ መሰረታዊ ጠለብ ክሳብ ናዕቢ ክበጽሕ ዝኸኣለ፡ ካብ'ቶም ኣብ ሰላሳ ኣርባዓ ዓመታት ዝተጠራቐሙ ጸገማት ዝተበገሰ'ዩ ነይሩ። ነቲ ናዕቢ ዝወደቦ፡ ዘበገሶን ዝመርሖን ዝተወደበ ፖለቲካዊ ሓይሊ ስለ ዘይነበረ ግን ኣብ'ዚ ሕጂ ዘላቶ ምምዝባላት ወዲቓ። ንኣብነት ናይ ቱኒዝያ እንተ ወሲድና፡ ምስ'ቲ ዝነበረ ናይ ህዝቢ ምረት እቲ ቁጥዐ ብሓደ ስራሕ ስኢኑ ነብሱ ዘንደደ መንእሰይ'ዩ ተባሪዑ። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ፍኑው ምዕባለታት ኣብ'ቲ ማዕበል ክውጣሕ ዝደለዩ ጸለውቲ ኢና ዝብሉ ውልቀ ሰባት ነቲ ኣጀንዳ በብናቶም ድልየት ወይ ዕላማ ክውጥሕዎ ይደልዩ። እቲ ማዕበል ግን ናይ ህዝቢ ማዕበል'ዩ። ዝተዋህለለ ነትጒ'ዩ። ኣብ ግብጺ፡ ነቲ ለውጢ መን መሪሑዎ ወይ ኣንቀሳቒሱዎ እንተ ኢልካ፡ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ንስርዓት ሙባረክ ንምውዳቕ ወጢኑ፡ ስትራተጂ ኣውጺኡ፡ ሰብ ወዲቡ ዝመርሖ ሓይሊ ኣይነበረን። ፍኑው ተቓውሞ'ዩ ነይሩ። ሕውነት ኣስላም (ሙስሊም ብራዘርሁድ) ነቲ ኩነታት ብምጥቃም ኣብ ውሽጢ'ዚ መስርሕ'ዩ ተወዲቡ። እዚ ውድብ'ዚ ናይ ተብተብ'ዩ ነይሩ። ኣብ ግብጺ ነቲ ዝተፈጥረ ሃጓፍ ክመልእ ዝኽእል ውዱብ ሓይሊ ስለ ዘይነበረ፡ እቲ ሙስሊም ብራዘርሁድ ወይ ድማ ሕውነት ኣስላም ዝበሃል ምንቅስቓስ ነቲ ዕድል ተጠቒሙሉ። ናይ ሙርሲ ስርዓት ድማ መጺኡ። ንዓና ንሳቶም ድዮም ክቕጽሉ ወይ ካልእ ክመጽእ ዝብል ሓሳብ ኣይምልከተናን'ዩ። እቲ እንደልዮ ግብጺ ናብ ንቡር ተመሊሳ ዞባዊ ቦታኣ ክትሕዝ ክትክእል'ዩ። እቶም ውህሉላት ሽግራት ከኣ ክፍትሑ ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብ ወርሒ ኣርባዕተ ብጉዳይ ፍልሰት ሰባት ይኹን ህሉው ፖሊሲና ኣብ ልዕሊ ግብጺ ብዝምልከት ናብ ሙርሲ መልእኽቲ ኣብ ዝሰደድኩሉ እዋን እቲ ኩነታት ከም መሰጋገሪ መድረኽ ከም እንርእዮ ኢና ኣፍሊጥና። መሰጋገሪ መድረኽን ኣድላይነቱን ብዝኾነ ይኹን ሰብ ክከሓድ ዝኽእል ኣይኮነን። ድልየትና ወይ ትምኒትና፡ ግብጺ ብሙስሊም ብራዘርሁድ ይኹን ብኻልኦት ሓይልታት፡ ነዚ ናይ ለውጢ መድረኽ ብቕኑዕ መንገዲ

ክትሰግሮ ክትክእል ኣለዋ። ብኸመይ ይሰግርዎ ናታቶም ውሽጣዊ ጉዳይ'ዩ። ስለ ዝኾነ ኣብ'ዚ ፖሊሲ'ዚ ብምምርኳስ ምስ መንግስቲ ሙርሲ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ካብ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ስርዓት ብዝበለጸ ርክባትን ምይይጥን ጀሚርና። ኣይዲዮሎጂ ወይ ስነ-ሓሳቦም ብዘየገድስ ብዝኾነ መንገዲ ነቲ መሰጋገሪ መድረኽ ብግቡእ ክኣልይዎ ዘለና ድሌት ምግላጽ ነውሪ ኣይኮነን። እቲ ጸገም ግን ሙስሊም ብራዘርሁድ ዝውክሎ ሓይሊ ኣዝዩ ንእሽቶ'ዩ። ምስ ተሰዓ ሚልዮን እሞ ድማ ብዝተፈላለየ በደላት ዝሓለፈ ህዝቢ ግብጺ ኣነጻጺርካ ንዝበዝሐ ህዝቢ ዝውክል ኣይኮነን። ብዝኾነ ይኹን መለከዒታት ነቲ ዕድል ስለ ዝተጠቕመሉን ዝሓሸ ኣወዳድባ ስለ ዝነበሮን ግን ነቲ መሰጋገሪ መድረኽ ክኣልዮ ይኽእል'ዩ ኢልካ ክትጽበን ክትምነን ትኽእል። እቲ ስርዓት ካብ መጸ ክንጸምድ ክንክእል ኣለና። ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ኢልና ኣየደናገናዮን። ናይ "ኢንጌጅመንት" (ጽምዶ) ፖሊሲታትና ከኣ ከነነጽር ኣለና ተባሂሉ ብኡ መሰረት ክንሰርሕ ጀሚርና። ጽቡቕ ዝምድናታት እውን ኣቢጋጊስና ክበሃል ይከኣል። ዕድል ናይ ስልጣን ምስ ረኸቡ ስልጣኖም ከደልድሉ ኢሎም ዘተኣታተዉዎ ዝተፈላለየ ፖሊሲታት ረጽሚ ፈጢሩ። ሙርሲ ምስ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ስርዓት ብብልሽውና ዝጽላእ ዝነበረ ሽፊቕ ኣብ ውድድር ምእታዉ፡ ተወዳዲረ ናይ ህዝቢ ድምጺ ረኺበ ክብል ዝኽእል ኣይኮነን። ምናልባት ሙርሲ ናብ ስልጣን ንኽመጽእ ግን ሓጊዙ ይኸውን። ናይ ሙርሲ ምምጻእ ተቐቢልናዮ። ግን ነቲ መሰጋገሪ መድረኽ ብዝግባእ ኣይኣለይዎን። ኣብ ስልጣን ምርግጋጽን ሓይሊ ምድልዳልን ጥራይ ሰሪሑም። ዓመት ከይመልአ ድማ እዚ ናይ 30 ሰነ ናዕቢ ተበጊሱ።

እቲ ኹነ እዚ፡ ኣብ መወዳእታ ግብጺ ካብ'ዚ ናይ ሰላሳ ኣርብዓ ዓመታት ምርማስ ወጺኣ ኣብ'ዚ ዘባ ሃናጺ ተራ ክትጻወት ክትክእል ኣለዋ። ናብ'ዚ ደረጃ ምእንቲ ክትበጽሕ ከኣ መሰጋገሪ መድረኽ ክውዳእ ክኽእል ኣለዎ። ዝምድናና ከኣ ካብ መንግስቲ ሙርሲ ጀሚሩ ክሳብ እዚ ሕጂ ዘሎ ስርዓት ኣብ ውሽጢ ናይ "ኢንጌጅመንት" (ጽምዶ) ፖሊሲና ብኣወንታ ይምዕብል ኣሎ። እዚ መሰረታዊ መትከል ናይ ወጻኢ ፖሊሲና ኮይኑ፡ ነዚ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ሓፈሻዊ መቓን ናይ'ዚ ዞባና ዘርኢ'ዩ። ምኽንያቱ ብሰሪ ናይ ግብጺ ዘይምህላዉ፡ በብመኣዝኖም ዝመጹ ዘለዉ ክኹኑ ዝደልዩ ወገናት ንኸባቢና በራግጽ ክዳኸምዎ ኣይኮኑን። ስለ'ዚ እቲ "ባላንስ" (ሚዛን) ክመጽእ ምእንቲ ግብጺ ናብ'ዚ ክትሰጋገር ክትክእል ኣለዋ። ንሕውነት ኣስላም ወይ ንዝተፈላለዩ ካልኦት ሓይልታት ደጊፍና ወይ ተቓዊምና ማለት ኣይኮነን።

**ክቡር ፕረዚደንት መርገጺ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ህንጸት ሓጽቢ መዋእል ወይ ሚለንዩም እንታይ እዩ?**

እዚ ገዚፍ ኣርእስቲ'ዩ። ምናልባት'ውን ፍሉይ ግዜ ተገይሩሉ ክዝረበሉ ዘለዎ ጉዳይ'ዩ። ብዛዕባ መርገጺና ቅድሚ ሎሚ መግለጺ ሂበ ነይረ። እዚ ናይ ኒል ተፋሰስ ወይ ናይ ኒል በንዚን ንመዋእላት ዝጸንሐ'ዩ። ኣብ ግዜ መግዛእቲ ይኹን ካብ መግዛእቲ ንነጀው ዝተገብሩ ዝተፈላለዩ ውዕላት ኣለዉ። ንዓታቶም ግን ታሪኽ ኢልና ክንገድፎም ንኽእል። ምስ'ዚ ሕጂ ዘሎ ሓፈሻዊ መቓን ክንርእዮ ከለና፡ እዚ ቅልውላው እቶም ዘቤታዊ ተዋሳእቲ ዘምጽኡዎ ድዩ ወይስ ብደገ'ዩ ዝድረኽ ዘሎ? እቶም ዝምልከቶም ህዝብታትን ሃገራትንከ እንታይ'ዩ ረብሓኦም? ኣብ መወዳእታኸ ብኸመይ'ዩ ክፍታሕ? ዝብሉ ዓበይቲ ሕቶታት እዮም። እቲ ዝጸንሐ ታሪኽ እንተ ርኢናዮ፡ ብዛዕባ ማይ ኒል ንህዝብታትን ሃገራትን ዘምጽእ ረብሓታት ምርግጋእ ንምፍጣር ዘለዎ ኣበርክቶን ዘይኮነ፡ ብስም ኒል ቅልጽምካ ናይ ምርኣይ ጉዳይ'ዩ ጸኒሑ። ብቐዳምነት ካብ ከም'ዚ ዝበለ ኣታሓሳስባ ክውጻእ ኣለዎ። ዘሰሓሕብ ጉዳይ እንድሕር ኣሎ ኹይኑ ቅጥዑን ኣገባብን ኣፈታትሓኡን ተራእዩ ክፍታሕ ክኽእል ኣለዎ። ይዝከረኒ ኣብ ግዜ ደርግ ኣዕራብ ንኤርትራ ይድግፍዋ ኣለዉ ዝበሃለሉ ዝነበረ፡ ግዜ መንግስቱ እንታይ ኢሉ ዓረብ ኩሉ ግዜ ጸላእቲ ናይ ኢትዮጵያ'ዮም ዝበሃል ዘረባታት ስለ ዝነበረ፡ "ዓረብ ነዳዲ እንተ ሃለዎም ንሕና ከኣ ማይ ኒል ኣለና" ኢሉ ፈኪሩ ነይሩ። እዚ ቅልጽም ናይ ምርኣይ ጉዳይ'ዩ እምበር፡ ምስ ማይን ንህዝብን ሃገራትን ዘምጽኦ ረብሓን ዝተዛመደ ኣይኮነን ነይሩ። ከም'ዚ ሓይልኻን ቅልጽምካን እተርእየሉ ጉዳይ'ዩ። ንሕና ድማ ኣብ'ዚ ምፍኽኻርን ቅልስን ናይ ጎባልል ዘእቱ ምኽንያት የብልናን። ትሽዓተ ኣባል ሃገራት ነይረን። ምናልባት ምስ ምምቃል ደቡብ ሱዳን ቁጽሪ ኣባላት ወሲኹ ክንብል ንኽእል ኢና። ኣባልነትኩም

ኣረጋግጹልና ኣብ ዝተባሃልናሉ ግዜ፡ ንሕና ኣባልነት ኣይንደልን ኢና፣ ተዓዘብቲ ጥራይ ኢና ክንከውን ንደሊ፡ ኢልና ኣይኣተናዮን። እተን ቀንዲ ተቐበልቲ ዝበሃላ ሱዳንን ግብጺን'የን። እተን ምንጪ ናይ'ቲ ማይ ዝበሃላ ብዙሓት እንተ ኾና'ኳ፡ እቲ ዝበዝሐ (ኣስታት 80%) ክፋል ናይ'ቲ ማይ ግን ካብ ኢትዮጵያ'ዩ ዝመጽእ። እዚ ናይ ሚለንዩም ሓጽቢ እምበኣር ካብ'ዚ ኣቐዲሙ ዝጠቐስኩዎ ኣረኣእያታት ዝወጸ ኣይኮነን። ብዛዕባኡ ክንምድር እንድሕር ኾንና፡ ብግቡእ ከነጽንዖም ዘለና ጉዳያት ኣለዉ። ካብ'ቲ መሰረታዊ ፖሊሲና ክይወጻእና፡ እቲ ሓጽቢ እንተ ፈረሰ እቲ ካብኡ ዝብገስ ውሕጅ ንኻርቱም ክሓጽባ'ዩ፣ ዕልቕልቕን ዕንወትን ክምጽእ'ዩ፡ ዝብል ሰንኮፍ ምኽንያታትን ካልኦት ስምዒት ዘረሳስኑ ዘረባታትን ሒዝካ፡ ኣብ ናይ ፖለቲካን ዲፕሎማሲን ፕሮፓጋንዳዊ ቆይቍ ካብ ምእታው፡ መሰረታውያን ኣብ ዝኾኑ መትከላት ክዘራረቡ ይግባእ።

ፈለግ ኒል ቅድሚ ሎሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣይተጠቐመሉን፣ ህዝቢ ሱዳን ኣይተጠቐመሉን፣ ህዝቢ ግብጺ ኣይተጠቐመሉን፣ እተን ማይ ንሕውስ ኢና ዝብላ ካልኦት'ውን ኣይተጠቐማሉን። እቲ ምኽንያት ታሪኽ ናይ መግዛእቲ ክንብሎ ንኽእል፡ መሰረታዊ ምዕባለታት ትሕተ ቅርጺ ስለ ዘይነበረ ክንብል ንኽእል፣ ናይ መንግስታትን ፖሊሲታትን ጸገማት ክንብሎ ንኽእል። ብኸፊል ተጠቒመናሉ ክኾና ይኽእላ። እቶም ክጥቀሙሉ ዝግበኦም ህዝብታት ግን ኣይተጠቐሙሉን። እዚ ማያት እዚ ናይ ህዝብታት ማይ'ዩ። ስለ'ዚ እዚ ማይ ምስ ኣድማዒ ኣጠቓቕማን ሂወት ናይ ህዝብታትን ክተኣሳስር ክኽእል ኣለዎ። ምስ ናይ ቅድሚ ውዕላት ከምኡ'ውን ሰንኮፍ ምኽንያታት እናተኣሳሰርካ ዝረአ ኣይኮነን።

እቲ ማይ ዓቐኑ ክሳብ ክንደይ'ዩ? ካበይ ይመጽእ? ናበይከ ይኸይድ? ህዝብታት ክጥቐሙሉ እንተ ድኣ ኮይኖም፡ ኣብ ምንታይ'ዮም ክጥቐሙሉ? ኣብ ጸዓት ኣብ ኤለክትሪሲቲ ኣብ ሕርሻ ኣብ ኢንዱስትሪ . . . ብኸመይ እዮምከ ክጥቀሙሉ? ዝኾነ ዝግበር ስምምዕ ወይ ውዕል መጻኢ ወለዶ ሚዛናዊ ረብሓ ብዝረኽበሉ መንገዲ ክተሓዙ ኣለዎም። ምስ ርግኣት ናይ'ዚ ዞባ'ዚ ክረአ ክኽእል ኣለዎ። እንተ ዘይኮይኑ በዚ ሕጂ ዘሎ ኣተሓሕዛ፡ ጉዳይ እናጨለፍካ ናብ ዕንትርናን ቅልጽምካ ምርኣይን ዝእንፍት እንተ ኾይኑ፡ ዝኸፍአ ሳዕቤን ክህልዎ'ዩ። እዚ ሕጂ ዘሎ ቃና ድማ ናብኡ ገጹ ዝዘንበለ'ዩ። እዚ ድማ ምስ ኩላቶም እቶም ዝምልከቶም እንዘራረበሉ ናይ ጽምዶ ፖሊሲ'ዩ።

እቲ ሓጽቢ ምስ ተተኽለ 5000 ሜጋዋት ከውጽእ'ዩ. . . ናብ ግብጺ ናብ ሱዳን ክሸየጥ'ዩ ዝበሃል ዘረባታት ሸፈጥ'ዩ። 5000 ሜጋዋት ንህዝቢ ኢትዮጵያ ወላ ሓንቲ ኣይኮነን። ኢትዮጵያ 80 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ኣዝያ ገዛፍ ሃገር'ያ። ህዝቢ እስራኤል ካብ 7 ሚልዮን ዝሓልፍ ኣይኮነን። ድምር ናይ እተመንጭዎ ጸዓት ግን 11,000 ሜጋ እዩ። በዚ መንጽር'ዚ ብዛዕባ ናይ መጻኢ ዝሓሸ ወይ ዝበለጸ መነባብሮ ናይ ህዝቢ እንተ ሓሲብና፡ 5000 ሜጋዋት ንኢትዮጵያ እንታይ ትርጉም ኣለዎ? እቲ ሓጽቢ ምስ ተሰርሐ ንዝተፈላለየ ጽላታትን ንኣገዳሲ ቁጠባዊ ክፋላትን'ውን ክንጥቀመሉ ኢና'ውን ተባሂሉ። ኣበይ ኣሎ እቲ ትሕተ ቅርጺ? ንገዛእ ርእሱ መርበብ ወይ ግሪድ ናይ መዘርግሒ ጸዓትከ ኣሎ ድዩ? ዝብሉን ካልኦትን እንተ ገምጊምካዮ ኣብ ዘይጭበጡ ኣርእስትታት ምህውታት'ዩ። ብሓፈሻ እንተ ርኢኻዮም ድማ ነቶም ናይ ብሓቂ ጉዳያት ብግቡእ ዝሕዝ ኣዘራርባ ወይ ኣረኣእያ የለን። እዚ ማይ'ዚ ኣብ ውሽጢ ዞባዊ ምውህሃድን ምምልላእን ህዝቢ ኢትዮጵያ ክጥቀመሉ፡ በቲ ዘምጽኦ ለውጢ ወይ ዕብየት ድማ፡ ምስ ካልኦት ተወሃሂዱ ኣበርክቶ ክገብር ክኽእል ኣለዎ።

እዚ ሕጂ ብዛዕባ ሓጽቢ ሚለንዩም ዝበሃል ዘሎ ዘረባታት ግን ምስ ክዉንነት ዘይዛመድን ትርጉም ዘይብሉን'ዩ። ንኽዉንነት መጻኢ ዝጠመተ'ውን ኣይኮነን። ንፖለቲካዊ ሃልኪ፡ ጎብለል ኼንካ ክትረአ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዓቢ ነገር ከም ዝገበርካ'ሞ ነተን ዝጻብኣኻ ሓይልታት ክትምክት ከም እትኽእል ከተርኢ ክተፈራርሕ፡ ዝተዓወትካ መሲልካ ክትረአ . . . ኣብ መወዳእታ እዚ እንታይ ትርጉም ኣለዎ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ይኹን ኣብ ካልእ መርገጺና፡ ጽባሕ ንግሆ ኢትዮጵያ ምስ ካልኦት ሓይልታት ብምውህሃድ፡ ንርግኣት እዚ ዞባ'ዚ ዝግባእ ኣበርክቶ ክትገብር'ዩ። ቅድም ቀዳድም ግን እዚ ማይ'ዚ

ህዝቢ ኢትዮጵያ ክጥቀመሉ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ኦሞ፡ ኣዋሽ፡ ሸገለብ፡ ጁባ . . . ኣብ ኒልን ዝተፈላለየ ካልኦት ብኻልኣይ ደረጃ ዝስርዑ ወሓይዝን እንድሕር ሃልዮም ኰይኖም፡ ብኣጠቓላሊ ተደማሚሮም ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከርብሑ ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብ መንጎና ናይ ዶብ ሽግር ስለ ዘሎ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክረብሕ የብሉን፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክጠሚ ኣለዎ ኢልና እንሓስበሉ ምኽንያት የለን። ናይ መጻኢ ወለዶታት ዕድል ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ረብሓ ናይ'ተን ካልኦት እውን ክሕሎ ኣለዎ።

ናይ ግብጺ ስኽፍታ ርዱእ'ዩ። ግብጺ ኣብ መወዳእታ መስመር ወይ ሰንሰለት ናይ ተጠቃምነት'ያ ትኣቱ ዘላ። ግብጺ ንገዛእ ርእሳ ነቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ውዕላት'ውን ክትጥቀመሉ ኣይከኣለትን። ግብጺ ካብ'ቶም ዓበይቲ "ኢምፖርተርስ" (ኣምጻእቲ) ናይ ስርናይ'ያ። ናይ ግብጺ ናይ ስርናይ ቀረጽ ብዋሽንግተንን ብኻልኦት ሓይልታትን ዝምወል'ዩ። ሓደ ካብቲ ናይ ግብጺ ድኻማት ድማ ምስ'ቲ ዝነበረ ዕድላት፡ ጸጋታት ናይ ኒል ክትጥቀመሉ ኣይጸንሐትን። ግና በዚ ሕጂ ዝካየድ ዘሎ ቆይቊን ምፍኽኻርን ድዩ ክፍታሕ? ካልእ ኣማራጺ ክናደ ኣለዎ። ንሕና ኣብ'ቲ ጉዳይ ካብ ነዊሕ ዝጸንሐ ንጹር ፖሊሲ ኣለና። ኣብ'ቲ ዕልቕልቕ፡ ኣብ'ቲ ምጉጅጃል፡ ኣብ ናይ መዓስከራት ምክፍፋል ክንኣቱ ኣይንደልን። ዘይደለና ምስናይ ዝተፈላለየ ለባም ዝመስል ምኽርታት ዘይትኣትዉ፡ እንታይ ገደሰኩም ኣብ ውሽጢ ኾንኩም እንተ ሰራሕኩምዶ ኣይሕሸኩምን ዝብሉ ለባም ዝመስሉ ምኽርታት ሰሚዕና ኣብኡ ኣቲና ክንቋየቑ፣ ምስ'ዚ መዓስከር ኢና ምስ'ቲ መዓስከር ኢና ኢልና እንስረዓሉ ምኽንያት የብልናን። ሓሳብና ወይ መርገጺና ከኣ ተኣማሚንና ነቕርቦ። ኣብኡ ጥራይ ኢና ድማ እንረግጽ። ሚለንዩም ዳም፡ ሓጽቢ ሚለንዩም እናተባህለ መዓልቲ መዓልቲ ኣብ ማዕከናት ዜና ዝዝረብ ስግድግድ ዘብል ዓይነት ዘረባታት ትርጉም ዘለዎ ኣይኰነን፣ ስለ'ዚ ከኣ ኣብኡ ኣይንኣቱን።

ሓደገኛነት ናይ'ቲ ተርእዮ እንታይ'ዩ? ኩሎም እቶም ዝስርዑ ፖሊስታት፡ ንዓለም ብናታቶም መነጽር ብምርኣይ ዘቐምጥዎ ታርጌት እንታይ'ዩ? ዝሑል ኲናት ተወዲኡ፡ ሓደ መዓስከር ጥራይ ተሪፉ። እቲ ሓደ ደምበ "ዓለም ናትና ኮይና'ያ" ዝብል እምነት ኣሕዲሩ። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ንዓለም ናበይ ገጽና ንውሰዳ ክብሉ ጀሚሮም። በቲ ናታቶም ኣገላልግጻ ወይ ተርሚኖሎጂ ምድልዳል ዓብላልነት'ዩ። ብእንግሊዝ "ኮንሰሊዴሽን ኦፍ ሀጀመኒ" እዩ ዝበሃል። 'ሀጀመኒ' (ዓብላልነት) ቅድሚ ምፍራስ ሶቬት ሕብረት'ውን ኣይነበረን ማለት ኣይኰነን። ኣብ ዘመነ ዝሑል ኲናት ዝነበረ ምስሕሓብን ምስፍሕፋሕን ንገዛእ ርእሱ ድልየት ዕብለላ ዘንቀሎ'ዩ። ድሕሪ ምኽታም ዝሑል ኲናት ግን፡ ናይ ሓደ መዓስከር ዕብለላ ምድልዳል'ዩ ኰይኑ። እዚ ኣብ ሰነዳቶም ዘሎ'ዩ። "ንዝመጽእ ሓምሳ ዓመታት ዓለም ኣብ ትሕቲ ቊጽጽርና'ያ። ስለ'ዚ ብኸመይ ከም እነመሓድራን እንቆጻጸራን ስትራተጂ ክንሕንጽጽ" ተባሂሉ ብትካላቶም ዝወጸ ጽሑፍ ዘረጋግጾ'ዩ። ዋና ትሕዝቶኡ ጸጋታት ናይ ዓለም ብምቊጽጻር ምግባት'ዩ። ጸጋታት ዓለም ክትቆጻጸርን ክትግብትን እንተ ኼንካ ድማ ብሓይሊ ክትዕብልል ኣለካ። ብሓይሊ ንዓለም ክትቆጻጸራ እንተ ኼንካ'ውን ክትከፋፍላ ኣለካ ማለት'ዩ። ብጂኦግራፊያዊ ኣገዳስነት፡ ብክፍለ ዓለማዊ ጂኦግራፊያዊ ምክፍፋል ወይ ብቁጠባዊ ኣገዳስነት. . . እተን ናይ ምቊጽጻር ማእከላት ዝብልወን ሰሪዖመን ኣለዉ። ነዘን ማእከላት ብቐጥታ ክትቆጻጸረን እንተ ዘይክኢልካ ብወከልቲ፡ ወይ ብናታቶም ቋንቋ ብ"መልሕቓት" ገይርካ ትቆጻጸረን። ነዚ ተግባራዊ ንምግባር፡ ኣብ ሓደ ናይ ጽልዋ ዞባ ወኪል ኰይኑ ንረብሓታቶም ዝሰርሕ ሓደ ጎብለል ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ስለ'ዚ ንምቊጽጻር ማእከል ጸጋታትን፡ ጸጥታዊ ውሕስነትን (ብናታቶም ቋንቋ "ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት" ዝብልዎን ዝውክላ ጎደቦታት ይሓርዩ። ብዘይካ'ዚ ናይ ዓለም ባንክ፡ ኣይ.ኤም.ኤፍ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ባይቶ ጸጥታ፡ ዞባዊ ውድባት፡ ማሕበራት ግብረ ሰናይ፡ ዘይመንግስታውያን ውድባት፡ ናይ ባህሊ ማእከላት፡ ናይ ትምህርቲ ማእከላት፡ ማላዊ ማእከላት. . . ኣብ ቁጽጽር ክኣትዋ ኣለወን። ምኽንያቱ ንሳተን ከም ናውቲ መቆጻጸሪ ኣገደስቲ ስለ ዝኾና። ክትግብት እንተ ኼንካ፡ ንኹሉ ብዝተወደበ መልክዕ ኣብ ሓደ ስትራተጂያዊ ውጥን ክተእትዎ ኣለካ። ንዕስራ ዓመታት ድማ እዚ ፖሊሲ እዚ'ዩ ክሰርሕ ጸኒሑ።

ብዛዕባና እምበኣር ኣብ ውሽጢ'ዚ መቓን'ዚ ኣቲና ንሕሰብ። እዚ ስትራተጂ'ዚ ኣብ ኤስያ፡ ኣውስትራልያ፡ ደቡብ ኣመሪካ፡ ኣፍሪቃን ካልኦት ክፍለ ዓለማትንከ ከመይ ነይሩ? ክንመዝን እንተ ክኢልና፡ ጉዳይ ዓብላልነት ኣብ ዞባና'ውን ኣብ'ዚ መቓን'ዚ ኣእቲና ንርኣዮ። ኣብ'ቲ ናታቶም ወረቐት ኣፍሪቃ ኣብ ዝተፈላለያ ዞባታት ተኸፋፊላ ማለት'ዩ። ደቡባዊ ክፍሊ ኣፍሪቃ ብሓደ ጎብለል ተወኪሉ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ክኣቱ፥ ምዕራብ ኣፍሪቃ ብሓደ ጎብለል ክውከል፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምስ ኩሉ ተኣፋፍነቱ ኢትዮጵያ ክትመርሖ፡ ኬንያ ከኣ ከም ላቐባ ኺይና ክትሰርሕ፡ ብኸምዚ መንገዲ ዓብላሊ ሓይሊ ብምፍጣር ነቲ ዘሎ ቁጠባዊ፡ ጸጥታዊ፡ ይኹን ካልእ ረብሓታት ከም ትቆጻጸሮ ትገብር። ቀይሕ ባሕሪ ኣጠቓሊልካ እዚ ዞባ'ዚ፡ ምስ'ቲ ዝዓበየ ጸጋታት ነዳዲ ዘለዎ ማእከላይ ዞባ ዝተኣሳሰር ስለ ዝኾነ፡ ካብ ካልኦት ዞባታት ወይ ክፍለ ዞባታት ንላዕሊ ኣገዳስነት ኣለዎ። ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምዕባለታት እምበኣር ምስ'ዚ ስትራተጂ'ዩ ዝረአ። እቶም ቅድም ዝነበሩ ስርዓታት ነዚ'ዮም ዝውክሉ ነይሮም።

ኤርትራ ስለምንታይ'ያ ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ናጽነታ ዘይረኸበት እንተ ኢልና ናታቶም ውሳኔ'ዩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነበሩ ሰበስልጣን ዝወሰንዎ ኣይኮነን። ናይ ኤርትራ ናጽነት ንረብሓና ስለ ዘየገልግል ኤርትራ ጥብቆ ናይ ኢትዮጵያ ትኹን ተባሂሉ ክውሰን ከሎ፡ ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ስለ ዝነበረ'ዩ። እዚ ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ካብ 1991 ንደሓር መልክዑ ቀይሩ ቀጺሉ። ኣብ መንን'ዚ ስትራተጂ'ዝን ናትና ሕርያን ድማ ግጭት ተፈጢሩ። ሕርያና ነቲ ስትራተጂ ስለ ዘየገልግል ኣይተደልየን። ዝምድናታትና ደሓን ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ኣብ ተሰዓታት፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምድረ በዳነትን ደርቅን ዝቆጻጸር ኢጋድ ዝበሃል ሓደ ኣካል'ውን ተመስሪቱ። ዝሑል ኲናት ካብ ዘሰዓቦ ሽግራት ምእንቲ ክንገላገል፡ ናይ ገዛእ ርእስና "መካኒዝም" ክንፈጥር ክንክእል ነይሩና። ናይ ምምልላእ ፖሊሲ ከህሉ ምእንቲ፡ ኬንያ፡ ሶማል፡ ጅቡቲ፡ ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ኡጋንዳ ብዝፈጠረኦ ኢጋድ (ውድብ ልምዓት ንተፈጥሮ) ኣቢልና ክንሰርሕ ከኣ ተባሂሉ። እዚ ግና ኣይሰርሐን። ምኽንያቱ እቲ ናይ ኣመሪካ ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ምስኡ ተጋጭዩ።

ናይ ሶማል ጉዳይከ ስለምንታይ'ዩ ክሳብ እዛ ሰዓት'ዚኣ ኣብ ቀጻሊ ቅልውላው ዘሎ? ናይ ሱዳን ጉዳይ ብኻልእ ጉዳይ ክፍታሕ ዝግብኦ ዝነበረ ናብ ምምቕቃል ናይ ሱዳን ኣምሪሑ። ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ኬንያ፡ ኣብ ኡጋንዳ ዘሎ ኩነታት፡ ምስ የመን፡ ጅቡቲን ኢትዮጵያን ዝተላዕለ ናይ ኤርትራ ናይ ዶብ ሽግር፡ ኩሉ ኣብ ክሊ ናይ'ዚ ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ኢና እንርእዮ። እቲ ዝደልይዎ ንኽረኽቡ ሓላል ይኹን ሓራም ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ድሕር ኣይብሉን'ዮም። ኣብ'ቲ ዝሓለንዎ ሽቶ ምብጻሕ ጥራይ'ዩ ዘድልዮም። ነዚ ንምትግባር ድማ እተን ኣርባዕተ (ሓሶት፡ ምትላል፡ ምስሉይነትን ዓመጽን) ናይ'ቲ ስትራተጂ ባህሪያት ከም ኣጽዋር ይጥቀሙለን። ናይ ኢጋድ ምምስራት እምበኣር ምስ ናታቶም ስትራተጂ ዘሳኒ ኰይኑ ኣይተረኸበን። በዚ መሰረት ኢጋድ ኣሎ ድዩ ሕጂ? ኢልና እንተ ሓቲትና ኢጋድ የለን። ኢጋድ፡ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ኤኮዋስ፡ ሳደክ፡ እንተላይ ጀምዓ ኣል ዓረብያ ዝኣመሰላ ዝነበራን ሓደስትን ዓለማውን ዞባውን ውድባት፡ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ንናታቶም ስትራተጂ እንተ ዘይተኣዚዘንን ዘይኣገልጊለንን፡ ክዓንዋ ወይ ከኣ ከዳኽማ ኽኽእላ ኣለወን። ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝፍጸም ተጻብኦታት ድማ ካብዚ መቓን'ዚ ወጻኢካ ዝረአ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ኣብ ርእስና ሃስያታት ወሪዱ ክነሱ፡ ናይ ታሪኽ ጅሆ ክንከውን ኣይመረጽናን። ቀደም ጸላእትና ስለ ዝነበሩ ጸላእትና'ዮም ኢልና ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝን ምምልላእን ኣይንሕሰምን። እቲ ኣብ ዓለምና ይኹን ዞባና ዝህሉ ሓድሽ ክስተት፡ እንተ ድኣ ናይ ሓባር ረብሓታት ዝሕሉ ኾይኑ፡ ሓያል ይኹን ድኹም፡ ነብሲ ወከፍ ወገን፡ ምስ ዝኾነ ክፍሊ ናይ ዓለም ዝምድና ክፈጥር ይኽእል'ዩ፡ ዝብል ስነ ሓሳብ ምስ'ቲ ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ኣይተቓደወን። ናትና ናይ ዶባት ሽግራት፡ ፍልሰት ሰባት፡ ቁጠባዊ ጸቕጢ፡ ቁጠባዊ እገዳ፡ ኣብ መውዳእታ'ውን ብባይቶ ጸጥታ ዝለዓል ጉዳይ እገዳ እምበኣር፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ስትራተጂ'ዚ ጥራይ ኬንካ ዝረአ'ዩ።

እዚ ስትራተጂ ኣብ'ዚ ዕስራ ዓመታት እንታይ ኣምጺኡ እንተ ኢልና፡ ምምዝባላት ጥራይ'ዩ ኣምጺኡ። ምናልባት ጉዳይ ግብረ ሸበራ ንበይኑ ክንዛረበሉ ንኽእል ኢና።

ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ወይ ኢጋድ፡ ናይ ምትሕብባር ሕርያ ጥራይ ኣይኰነን በርዒኑ ወይ ከም ዝዓኑ ተገይሩ። ሳዳም ከመይ'ዩ ነይሩ ብዘየገድስ፡ ካብ ጂኦግራፍ ወሽመጥ ዓረብ ዒራቕ ምውጻኣ ሓደ ጠንቂ ምምዝባላት'ዩ። ናይ ዒራቕ ምብትታን፡ ኣብቲ ዞባ'ቲ ፈጢሩዎ ዘሎ ምምዝባል ንዝኾነ ሰብ ስዉር ኣይኰነን። እዚ ሓደ ካብ'ቶም ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ዋሽንግቶን'ዩ። ሽበራ ክንዋጋእ፡ ንሽበራ ከነጥፍእ፡ ዓለም ውሕስቲ ክንገብራ ተባሂሉ ኣብ ኣፍጋኒስታን ዝተወስደ ስጉምቲ ንገዛእ ርእሱ፡ ስጉምቲ ካብ ዝተወስደሉ ዕለት ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ ሓደ ካብ'ቶም ናይ'ቲ ዞባ'ዚ ቅልውላዋት ኰይኑ ኣሎ። ንግብጺ ካብ'ቲ ጂኦግራፍ ምውጻእ ድማ ሕጂ ዝመጸ ዘይኰነስ ካብ ዝሓለፈ ሰላሳ ኣርብዓ ዓመታት ክስራሓሉ ዝጸንሐ'ዩ።

ረብሓታቶም ዝሕልዋ ወከልቲ ንምፍጣር ደኣ'ምበር፡ ኅባልል ስለ ዘድልያና ኣይኰኑን ኅባልል ዝፈጠሩ። ኅብለል ዘይብሉ ዞባታትን ክፍለ ዞባታትን ዘይህልወሉ ምኽንያት የለን። እዚ ናይ ሓያላን ስትራተጂ ኣብ ዘመነ ዝሑል ኲናት ተሰሪሑሉ ሕጂ ድማ ብሓድሽ መልክዕ ይቕጽል ኣሎ። እዚ ትማሊ ዝረኣናዮ ለውጢ ናይ ዝተጠራቐሙ ጸገማት ሳዕቤን'ዩ። ግብጺ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ይኹን ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ፡ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ናይ ኒል ተፋሰስ ይኹን ማእከላይ ምብራቕ ተራ ኣይጸንሓን። እዚ ከኣ ብዝተወጠነ መገዲ ዝተሰርሐ'ዩ። ብዞባ ደረጃ እንተ ርኢናዮ ናይ ግብጺ ካብ'ቲ ስእሊ ምውጻእን ምምዝባል ምፍጣሩን ተራኡ ንእሽቶ ኣይኰነን። ኲሉ'ዚ ኣብ ውሽጢ ዕስራ ዓመታት ዝተቐልቀለ ቅልውላዋት ሳዕቤን ናይ ስትራተጂ ዕብለላን ግብትናን'ዩ። ናትና ሕርያ ግን ኣብ ቦታኡ ኣሎ። ኣብ ዞባና ናይ ዝተፈላለየ ህዝብታትን ሃገራትን ምውህሃድ እምነ ኲርናዕ ናይ ወጻኢ ፖሊስና'ዩ። እሙን ኅደቦ፡ ርጉእ ኅደቦ፡ ክንብል ከለና መዕቖቢ ዝኾነና ኅደቦ ክንፈጥር ስለ ዝደለና ኣይኰነን፡ **እንተ ኾነ ግን እዚ ኅባልል ዞባ ንምፍጣር ዝዓለመ ምትእትታው ዝፈጠሮ ምምዝባል ክዕረ ክኽእል ኣለዎ።** ግብጺ ተራኣ ክትሕዝ ኣለዋ። እተን ንኅብለልነት ክቀዳደማ ነዚ ከባቢ'ዚ ኣራግጽ ወዲኣናኦ ዘለዋ፡ ሙብዛሕትኦን ኅባልል ንክኾና ናይ ገዛእ ርእሰን ዘቤታዊ ዓቕምታት የብለንን። ብውክልና ኅባልል ንክኾና ምስ ዘራያት ይጽግዓ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝጸንሐ ሰለስተ ተኸታታሊ ስርዓታት ወኪል ኰይኑ ጥራይ'ዩ ኅብለል ክኸውን ዝኽእል። **ኣብ ኅደቦኡ ንዘለዋ ሶማል፡ ኬንያ፡ ሱዳን፡ ኤርትራን ካልኦትን ረጊጹ ረጋጊጹ ክዕብልል እንተ ኾይኑ፡ ዘራይ ክህልዎ ኣለዎ።** ንኣብነት እስራኤል ኅብለል ናይ'ቲ ዞባ ኰይና ጸኒሓን ኣላን። እዚ ናይ ገዛእ ርእሱ ዳይናሚክስ ኣለዎ። እዘን ሕጂ ዝወዳደራ ዘለዋ ብመፍቶ "ብፈይቨር" ናይ'ቶም ሓያላት'የን ኅብለል ክኾና ዝደልያ። ንዓና እዚ ኣየድልየናን'ዩ። **ብወከልቲ ይኹን ብቐጥታ ዝግበር ናይ ዕብለላ ውጥናት ዞባዊ ምምዝባልን ዘይምርግጋእን'ዩ ሳዕቤኑ።** እዚ ኲሉ ህልቂት፡ ጥምየት፡ ዕንወት ትሕተ ቅርጺ፡ ዕንወት ዕድላት ሳዕቤን ናይ'ዚ ስትራተጂ'ዩ። ብዞባ፡ ብኽፍለ ዓለም ይኹን ብዓለም ደረጃ፡ መሰረት ናይ ወጻኢ ፖሊሲታትና ካብኡ ዝነቐለ'ዩ። ካብ ምምዝባል ንምንጋፍ ድማ ሕርያና ኣብ ምምልላእን ምትሕግጋዝን ዝተመርኮሰ ዝምድና ዘለዎ ርጉእን እሙንን ኅደቦ ምህላውን ጥራይ'ዩ። ኣብ'ዚ ዕስራ ናይ ናጽነት ዓመታት ከም ዝረኣናዮ፡ ብደገ ዝመጽእ ዝተፈላለየ ምትእትታዋት ኣብ ዞባና ይኹን ካብ ዞባና ወጻኢ ስቅያት፡ ሽግራትን ቅልውላዋተንን ጥራይ እዩ ፈጢሩ። ወላ ኲሉ ጸገማት ናቱ ሳዕቤን'ዩ ኣይንበሎ፡ ብዓቢኡ ግን ብእኡ ዝተጸልወ'ዩ።

ዘይጥዑይ ምትእትታዋት ኣየድለየናን'ዩ። ፈታዊ ሃይማኖት ትመስል፡ ፈታዊ ዲሞክራሲ ትመስል፡ ፈታዊ መሰል ሰብ ትመስል፡ ኣብ ሓቂ ግን እዞም ክብርታት ኣብ ኣእምሮኻ ስለ ዘየለዉ እቲ ብግብሪ እትሰርሓሉ ብኣንጻሩ ይኸውን። ስለ'ዚ ንምስሉይነትካ በቲ ሓላል መልክዑ ክትገልጾ ትደሊ። ናይ ውክልና ኅብለልነት ብዘይካ ቅልውላውን ሃጓፋት ምፍጣርን ካልእ ሳዕቤን የብሉን።

**ክቡር ፕረዚደንት፡ እዚ ሕጂ ዘቕርቦ ሕቶ፡ ኣቐድም ኣቢልካ ተናኺፍካዮ ስለ ዝጸናሕካ፡ ካብኡ ብምብጋስ፡ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ካብ 2011 ጀሚሮም ክነትጉ ዝጸንሑ ህዝባዊ ምልዕዓላት፡ ክሳብ ሎሚ ኣይረገኡን ኣለዉ። ብፍላይ ናይ ግብጺ ኲነታት ኣሰካፊ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ።**

**ኣብ ጉዳይ ግብጺ መርገጽን ኣመለኻኽታን መንግስቲ ኤርትራ ከመይ'ዩ? ብዛዕባ መርገጺ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ "ሚልየኒዩም ዳም" እውን መብርሂ ክትህበና?**

ኣብ ዜናታት እንተ ተኸታቲልካ ብዙሕ ሰብ ሓደ መራሒ እንተ ተኣልዩ፡ ምስ መን ደው ትብል ኲን ትኸውን እዩ ዝጸናጸን። ኣብ ከምኡ ዝበለ ናይ ህጸናት ሕርያታት ኣይንኣቱን ኢና። ስለምንታይ ግብጺ ወዲቓ እንድሕሪ ኢልካ፡ ኣብ ውሽጢ ሳላሳ ወይ ኣርባዓ ዓመታት ክጠራቐም ዝጸንሐ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካውን ጸጥታው ቅልውላው'ዩ እቲ ጠንቂ። ዓብላሊ ወይ ጎብለል ናይ'ዚ ዞባ ክትውን ኣለዋ ማለት ዘይኮነ እቲ ሃገፍ'ቲ ንገዛእ ርእሱ ምምዝባላት ስለ ዘኸትል፡ ለውጢ ክመጽእ ክኽእል ኣለዎ። እዚ ትማሊ 25 ጥሪ ዝነተጐ ተቓውሞ ሽው ዝመጸ ኣይኮነን። ቅድሚኡ ብዝተፈላለዩ መንግስታትን ሓይልታትን ዝዝረበሉ ዝነበረ ጉዳይ'ዩ። **ግብጺ ካብ'ዚ ስእሊ'ዚ ምውጽኣ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣብ ጉዳይ ዓረብን እስራኤልን፡ ኣብ ጉዳይ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ጉዳይ ተፋሰስ ኒል፡ ኣብ ጉዳይ ወሽመጥ ዓረብ ክትጻወቶ ዝግባኣ ዝነበረ ሃናጺ ተራ ካብ ምጽዋት ተቐይዳ።** ካልኦት ጎባልል እናኣተዉ፡ ዝተፈላለየ ቅልውላዋት እናመጸ እዚ ከባቢ ርግኣት ስኢኑ ኣሎ። ኣብ ግብጺ ለውጢ ንኽመጽእ ትጽቢት ዝግበረሉ ዝነበረ'ዩ። እቲ ትጽቢት ግን ብዝተወደበ መልክዕ ኣይመጸን። እዚ ረቢዕ ዓረቢ፡ ቀውዒ ዓረብ ዝብልዎ፡ ኣብ ደገ ብዙሕ ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። ረቢዕ ድዩ ቀውዒ ድዩ ክራማት ድዩ ሓጋይ ድዩ ንሱ ካልእ ኣርእስቲ'ዩ። ግብጺ ናብ ቦታኣ ክትምለስ ኣለዋ። ናይ'ዚ ከባቢ ርግኣት ክረጋገጽ እንድሕሪ ኰይኑ፡ ቅድም እቲ ምምዝባላት ክመዓራረ ክኽእል ኣለዎ። ግብጺ ከኣ ቦታኣ ክትሕዝ ክትክእል ኣለዋ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ክልተ ዓመታት ዝነበረ ኲነታት እንተ ርኢኻዮ፡ ኣብ ግብጺ ናይ ዝነበራ ፖለቲካዊ ሓይልታት ውሽጣዊ ምድኻም'ዩ። ብፍላይ ምስ ምውዳቕ ዝሑል ኲናት፡ ሃገራውያን ዝበሃላ ናይ ፖለቲካ ውድባት ወይ ኣወዳድባታት ጠፊኣን። ብሄራዊ ዓረባዊ ምንቅስቓሳት ዝበሃል ንስሙ እምበር የለን። ካልኦት ነቲ ለውጢ ክመርሑ ዝኽእሉ ሓይልታት ኣይጸንሑን። ናይ ህዝቢ ግብጺ መሰረታዊ ጠለብ ክሳብ ናዕቢ ክበጽሕ ዝኸኣለ፡ ካብ'ቶም ኣብ ሰላሳ ኣርባዓ ዓመታት ዝተጠራቐሙ ጸገማት ዝተበገሰ'ዩ ነይሩ። ነቲ ናዕቢ ዝወደቦ፡ ዘበገሶን ዝመርሖን ዝተወደበ ፖለቲካዊ ሓይሊ ስለ ዘይነበረ ግን ኣብ'ዚ ሕጂ ዘላቶ ምምዝባላት ወዲቓ። ንኣብነት ናይ ቱኒዝያ እንተ ወሲድና፡ ምስ'ቲ ዝነበረ ናይ ህዝቢ ምረት እቲ ቁጥዐ ብሓደ ስራሕ ስኢኑ ነብሱ ዘንደደ መንእሰይ'ዩ ተባሪዑ። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ፍኑው ምዕባለታት ኣብ'ቲ ማዕበል ክውጣሕ ዝደለዩ ጸለውቲ ኢና ዝብሉ ውልቀ ሰባት ነቲ ኣጀንዳ በብናቶም ድልየት ወይ ዕላማ ክውጥሕዎ ይደልዩ። እቲ ማዕበል ግን ናይ ህዝቢ ማዕበል'ዩ። ዝተዋህለለ ነትጒ'ዩ። ኣብ ግብጺ፡ ነቲ ለውጢ መን መሪሑዎ ወይ ኣንቀሳቒሱዎ እንተ ኢልካ፡ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ንስርዓት ሙባረክ ንምውዳቕ ወጢኑ፡ ስትራተጂ ኣውጺኡ፡ ሰብ ወዲቡ ዝመርሖ ሓይሊ ኣይነበረን። ፍኑው ተቓውሞ'ዩ ነይሩ። ሕውነት ኣስላም (ሙስሊም ብራዘርሁድ) ነቲ ኲነታት ብምጥቃም ኣብ ውሽጢ'ዚ መስርሕ'ዩ ተወዲቡ። እዚ ውድብ'ዚ ናይ ተብተብ'ዩ ነይሩ። ኣብ ግብጺ ነቲ ዝተፈጥረ ሃጓፍ ክመልእ ዝኽእል ውዱብ ሓይሊ ስለ ዘይነበረ፡ እቲ ሙስሊም ብራዘርሁድ ወይ ድማ ሕውነት ኣስላም ዝበሃል ምንቅስቓስ ነቲ ዕድል ተጠቒሙሉ። ናይ ሙርሲ ስርዓት ድማ መጺኡ። ንዓና ንሳቶም ድዮም ክቐጽሉ ወይ ካልእ ክመጽእ ዝብል ሓሳብ ኣይምልከተናን'ዩ። እቲ እንደልዮ ግብጺ ናብ ንቡር ተመሊሳ ዞባዊ ቦታኣ ክትሕዝ ክትክእል'ዩ። እቶም ውህሉላት ሽግራት ከኣ ክፍትሑ ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብ ወርሒ ኣርባዕተ ብጉዳይ ፍልሰት ሰባት ይኹን ህሉው ፖሊሲና ኣብ ልዕሊ ግብጺ ብዝምልከት ናብ ሙርሲ መልእኽቲ ኣብ ዝሰደድኩሉ እዋን እቲ ኲነታት ከም መሰጋገሪ መድረኽ ከም እንርእዮ ኢና ኣፍሊጥና። መሰጋገሪ መድረኽን ኣድላይነቱን ብዝኾነ ይኹን ሰብ ክከሓድ ዝኽእል ኣይኮነን። ድልየትና ወይ ትምኒትና፡ ግብጺ ብሙስሊም ብራዘርሁድ ይኹን ብኻልኦት ሓይልታት፡ ነዚ ናይ ለውጢ መድረኽ ብቕኑዕ መንገዲ ክትሰግሮ ክትክእል ኣለዋ። ብኸመይ ይሰግርዎ ናታቶም ውሽጣዊ ጉዳይ'ዩ። ስለ ዝኾነ ኣብ'ዚ ፖሊሲ'ዚ ብምምርኳስ ምስ መንግስቲ ሙርሲ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ካብ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ስርዓት ብዝበለጸ ርክባትን ምይይጥን ጀሚርና። ኣይዲዮሎጂ ወይ ስነ-ሓሳቦም ብዘየገድስ ብዝኾነ መንገዲ ነቲ መሰጋገሪ መድረኽ ብግቡእ ክኣልይዎ ዘለና ድሌት ምግላጽ ነውሪ ኣይኮነን። እቲ ጸገም ግን ሙስሊም ብራዘርሁድ ዝውክሎ ሓይሊ ኣዝዩ ንእሽቶ'ዩ። ምስ ተሰዓ ሚልዮን እሞ ድማ ብዝተፈላለየ በደላት

ዝሓለፈ ህዝቢ ግብጺ ኣነጻጺርካ ንዝበዝሐ ህዝቢ ዝውክል ኣይኮነን። ብዝኾነ ይኹን መለከዒታት ነቲ ዕድል ስለ ዝተጠቕመሉን ዝሓሸ ኣወዳድባ ስለ ዝነበሮን ግን ነቲ መሰጋገሪ መድረኽ ክኣልዮ ይኽእል'ዩ ኢልካ ክትጽበን ክትምነን ትኽእል። እቲ ስርዓት ካብ መጸ ክንጸምድ ክንክእል ኣለና። ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ኢልና ኣየደናገናዮን። ናይ "ኢንጌጅመንት" (ጽምዶ) ፖሊሲታትና ከኣ ከነነጽር ኣለና ተባሂሉ ብኡ መሰረት ክንሰርሕ ጀሚርና። ጽቡቕ ዝምድናታት እውን ኣበጋጊስና ክበሃል ይከኣል። ዕድል ናይ ስልጣን ምስ ረኸቡ ስልጣኖም ከደልድሉ ኢሎም ዘተኣታተዉዎ ዝተፈላለየ ፖሊሲታት ረጽሚ ፈጢሩ። ሙርሲ ምስ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ስርዓት ብብልሸውና ዝጽላእ ዝነበረ ሽፊቕ ኣብ ውድድር ምእታዉ፡ ተወዳዲረ ናይ ህዝቢ ድምጺ ረኺበ ክብል ዝኽእል ኣይኮነን። ምናልባት ሙርሲ ናብ ስልጣን ንኽመጽእ ግን ሓጊዙ ይኸውን። ናይ ሙርሲ ምምጻእ ተቐቢልናዮ። ግን ነቲ መሰጋገሪ መድረኽ ብዝግባእ ኣይኣለይዎን። ኣብ ስልጣን ምርግጋጽን ሓይሊ ምድልዳልን ጥራይ ሰሪሖም። ዓመት ከይመልአ ድማ እዚ ናይ 30 ሰነ ናዕቢ ተበጊሱ።

እቲ ኹነ እዚ፡ ኣብ መወዳእታ ግብጺ ካብ'ዚ ናይ ሰላሳ ኣርብዓ ዓመታት ምርማስ ወጺኣ ኣብ'ዚ ዞባ ሃናጺ ተራ ክትጻወት ክትክእል ኣለዋ። ናብ'ዚ ደረጃ ምእንቲ ክትበጽሕ ከኣ መሰጋገሪ መድረኽ ክውዳእ ክኽእል ኣለዎ። ዝምድናና ከኣ ካብ መንግስቲ ሙርሲ ጀሚሩ ክሳብ እዚ ሕጂ ዘሎ ስርዓት ኣብ ውሽጢ ናይ "ኢንጌጅመንት" (ጽምዶ) ፖሊሲና ብኣወንታ ይምዕብል ኣሎ። እዚ መሰረታዊ መትከል ናይ ወጻኢ ፖሊሲና ኰይኑ፡ ነዚ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ሓፈሻዊ መቓን ናይ'ዚ ዞባና ዘርኢ'ዩ። ምኽንያቱ ብሰሪ ናይ ግብጺ ዘይምህላዉ፡ በብመኣዝኖም ዝመጹ ዘለዉ ክኾኑ ዝደልዩ ወገናት ንኽባቢና በራግጽ ከዳኽምዎ ኣይኮኑን። ስለ'ዚ እቲ "ባላንስ" (ሚዛን) ክመጽእ ምእንቲ ግብጺ ናብ'ዚ ክትሰጋገር ክትክእል ኣለዋ። ንሕውነት ኣስላም ወይ ንዝተፈላለዩ ካልኦት ሓይልታት ደጊፍና ወይ ተቓዊምና ማለት ኣይኮነን።

**ክቡር ፕረዚደንት መርገጺ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ህንጻት ሓጽቢ መዋእል ወይ ሚለንዩም እንታይ እዩ?**

እዚ ገዚፍ ኣርእስቲ'ዩ። ምናልባት'ውን ፍሉይ ግዜ ተገይሩሉ ክዝረበሉ ዘለዎ ጉዳይ'ዩ። ብዛዕባ መርገጺና ቅድሚ ሎሚ መግለጺ ሂበ ነይረ። እዚ ናይ ኒል ተፋሰስ ወይ ናይ ኒል በንዚን ንመዋእላት ዝጸንሐ'ዩ። ኣብ ግዜ መግዛእቲ ይኹን ካብ መግዛእቲ ንነጀው ዝተገብሩ ዝተፈላለዩ ውዕላት ኣለዉ። ንዓታቶም ግን ታሪኽ ኢልና ክንገድፎም ንኽእል። ምስ'ዚ ሕጂ ዘሎ ሓፈሻዊ መቓን ክንርእዮ ከለና፡ እዚ ቅልውላው እቶም ዘቤታዊ ተዋሳእቲ ዘምጽኡዎ ድዩ ወይስ ብደገ'ዩ ዝድረኽ ዘሎ? እቶም ዝምልከቶም ህዝብታትን ሃገራትንከ እንታይ'ዩ ረብሓኦም? ኣብ መወዳእታኸ ብኸመይ'ዩ ክፍታሕ? ዝብሉ ዓበይቲ ሕቶታት እዮም። እቲ ዝጸንሐ ታሪኽ እንተ ርኢናዮ፡ ብዛዕባ ማይ ኒል ንህዝብታትን ሃገራትን ዘምጽእ ረብሓታት ምርግጋእ ንምፍጣር ዘለዎ ኣበርክቶን ዘይኮነ፡ ብስም ኒል ቅልጽምካ ናይ ምርኣይ ጉዳይ'ዩ ጸኒሑ። ብቐዳምነት ካብ ከም'ዚ ዝበለ ኣታሓሳስባ ክውጻእ ኣለዎ። ዘሰሓሕብ ጉዳይ እንድሕር ኣሎ ኾይኑ ቅጥዑን ኣገባብን ኣፈታትሓኡን ተራእዩ ክፍታሕ ክኽእል ኣለዎ። ይዝከረኒ ኣብ ግዜ ደርግ ኣዕራብ ንኤርትራ ይድግፍዋ ኣለዉ ዝበሃለሉ ዝነበረ፡ ግዜ መንግስቱ እንታይ ኢሉ ዓረብ ኩሉ ግዜ ጸላእቲ ናይ ኢትዮጵያ'ዮም ዝበሃል ዘረባታት ስለ ዝነበረ፡ "ዓረብ ነዳዲ እንተ ሃለዎም ንሕና ከኣ ማይ ኒል ኣለና" ኢሉ ፈኪሩ ነይሩ። እዚ ቅልጽም ናይ ምርኣይ ጉዳይ'ዩ እምበር፡ ምስ ማይን ንህዝብን ሃገራትን ዘምጽኦ ረብሓን ዝተዛመደ ኣይኮነን ነይሩ። ከም'ዚ ሓይልኻን ቅልጽምካን እተርእየሉ ጉዳይ'ዩ። ንሕና ድማ ኣብ'ዚ ምፍኽኻርን ቅልስን ናይ ጎባልል ዘእቱ ምኽንያት የብልናን። ትሽዓተ ኣባል ሃገራት ነይረን። ምናልባት ምስ ምምቃል ደቡብ ሱዳን ቁጽሪ ኣባላት ወሲኹ ክንብል ንኽእል ኢና። ኣባልነትኩም ኣረጋግጹልና ኣብ ዝተባሃልናሉ ግዜ፡ ንሕና ኣባልነት ኣይንደልን ኢና፣ ተዓዛብቲ ጥራይ ኢና ክንከውን ንደሊ፡ ኢልና ኣይኣተናዮን። እተን ቀንዲ ተቐበልቲ ዝበሃላ ሱዳንን ግብጺን'የን። እተን ምንጪ ናይ'ቲ ማይ ዝበሃላ ብዙሓት እንተ ኾና'ኳ፡ እቲ ዝበዝሐ (ኣስታት 80%) ክፋል ናይ'ቲ ማይ ግን ካብ ኢትዮጵያ'ዩ ዝመጽእ። እዚ ናይ ሚለንዩም ሓጽቢ እምበኣር ካብ'ዚ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ኣረኣእያታት ዝወጸ ኣይኮነን። ብዛዕባኡ ክንምድር እንድሕር ኾንና፡ ብግቡእ ክነጽንዖም ዘለና ጉዳያት ኣለዉ። ካብ'ቲ

መሰረታዊ ፖሊሲና ከይወጻእና፡ እቲ ሓጽቢ እንተ ፈረሰ እቲ ካብኡ ዝብገስ ውሕጅ ንኻርቱም ክሓጽባ'ዩ፣ ዕልቕልቕን ዕንወትን ከምጽእ'ዩ፡ ዝብል ሰንኮፍ ምኽንያታትን ካልኦት ስምዒት ዘረሳስኑ ዘረባታትን ሒዝካ፡ ኣብ ናይ ፖለቲካን ዲፕሎማሲን ፕሮፓጋንዳዊ ቆይቑ ካብ ምእታው፡ መሰረታውያን ኣብ ዝኾኑ መትከላት ክዘራረቡ ይግባእ።

ፈለግ ኒል ቅድሚ ሎሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣይተጠቕመሉን፣ ህዝቢ ሱዳን ኣይተጠቕመሉን፣ ህዝቢ ግብጺ ኣይተጠቕመሉን፣ እተን ማይ ንሕውስ ኢና ዝብላ ካልኦት'ውን ኣይተጠቕማሉን። እቲ ምኽንያት ታሪኽ ናይ መግዛእቲ ክንብሎ ንኽእል፡ መሰረታዊ ምዕባለታት ትሕተ ቕርጺ ስለ ዘይነበረ ክንብል ንኽእል፣ ናይ መንግስታትን ፖሊሲታትን ጸገማት ክንብሎ ንኽእል። ብኸፊል ተጠቒመናሉ ክኾና ይኽእላ። እቶም ክጥቀሙሉ ዝግበኦም ህዝብታት ግን ኣይተጠቕሙሉን። እዚ ማያት እዚ ናይ ህዝብታት ማይ'ዩ። ስለ'ዚ እዚ ማይ ምስ ኣድማዒ ኣጠቓቕማን ሂወት ናይ ህዝብታትን ክተኣሳሰር ክኽእል ኣለዎ። ምስ ናይ ቅድሚ ውዕላት ከምኡ'ውን ሰንኮፍ ምኽንያታት እናተኣሳሰርካ ዝረአ ኣይኮነን።

እቲ ማይ ዓቕኑ ክሳብ ክንደይ'ዩ? ካበይ ይመጽእ? ናበይከ ይኸይድ? ህዝብታት ክጥቐሙሉ እንተ ድኣ ኰይኖም፡ ኣብ ምንታይ'ዮም ክጥቐሙሉ? ኣብ ጸዓት ኣብ ኤለክትሪሲቲ ኣብ ሕርሻ ኣብ ኢንዱስትሪ . . . ብኸመይ እዮምከ ክጥቀሙሉ? ዝኾነ ዝግበር ስምምዕ ወይ ውዕል መጻኢ ወለዶ ሚዛናዊ ረብሓ ብዝረኽበሉ መንገዲ ክተሓዘ ኣለዎም። ምስ ርግኣት ናይ'ዚ ዞባ'ዚ ክረአ ክኽእል ኣለዎ። እንተ ዘይኰይኑ በዚ ሕጂ ዘሎ ኣተሓሕዛ፡ ጉዳይ እናጨለፍካ ናብ ዕንትርናን ቅልጽምካ ምርኣይን ዝእንፍት እንተ ኾይኑ፡ ዝኸፍአ ሳዕቤን ክህልዎ'ዩ። እዚ ሕጂ ዘሎ ቃና ድማ ናብኡ ገጹ ዝዘንበለ'ዩ። እዚ ድማ ምስ ኩላቶም እቶም ዝምልከቶም እንዘራረበሉ ናይ ጽምዶ ፖሊሲ'ዩ።

እቲ ሓጽቢ ምስ ተተኸለ 5000 ሜጋዋት ከውጽእ'ዩ. . . ናብ ግብጺ ናብ ሱዳን ክሸየጥ'ዩ ዝበሃል ዘረባታት ሸፈጥ'ዩ። 5000 ሜጋዋት ንህዝቢ ኢትዮጵያ ወላ ሓንቲ ኣይኮነን። ኢትዮጵያ 80 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ኣዝያ ገዛፍ ሃገር'ያ። ህዝቢ እስራኤል ካብ 7 ሚልዮን ዝሓልፍ ኣይኮነን። ድምር ናይ እተመንጭዎ ጸዓት ግን 11,000 ሜጋ እዩ። በዚ መንጽር'ዚ ብዛዕባ ናይ መጻኢ ዝሓሸ ወይ ዝበለጸ መነባብሮ ናይ ህዝቢ እንተ ሓሲብና፡ 5000 ሜጋዋት ንኢትዮጵያ እንታይ ትርጉም ኣለዎ? እቲ ሓጽቢ ምስ ተሰርሐ ንዝተፈላለየ ጽላታትን ንኣገዳሲ ቁጠባዊ ክፉላትን'ውን ክንጥቀመሉ ኢና'ውን ተባሂሉ። ኣበይ ኣሎ እቲ ትሕተ ቕርጺ? ንገዛእ ርእሱ መርበብ ወይ ግሪድ ናይ መዘርግሒ ጸዓትከ ኣሎ ድዩ? ዝብሉን ካልኦትን እንተ ገምጊምካዮ ኣብ ዘይጭበጡ ኣርእስትታት ምህውታት'ዩ። ብሓፈሻ እንተ ርኢኻዮም ድማ ነቶም ናይ ብሓቂ ጉዳያት ብግቡእ ዝሕዝ ኣዘራርባ ወይ ኣረኣእያ የለን። እዚ ማይ'ዚ ኣብ ውሽጢ ዞባዊ ምውህሃድን ምምልላእን ህዝቢ ኢትዮጵያ ክጥቀመሉ፡ በቲ ዘምጸኦ ለውጢ ወይ ዕብየት ድማ፡ ምስ ካልኦት ተወሃሂዱ ኣበርክቶ ክገብር ክኽእል ኣለዎ።

እዚ ሕጂ ብዛዕባ ሓጽቢ ሚለንዩም ዝበሃል ዘሎ ዘረባታት ግን ምስ ክዉንነት ዘይዛመድን ትርጉም ዘይብሉን'ዩ። ንኽዉንነት መጻኢ ዝጠመተ'ውን ኣይኮነን። ንፖለቲካዊ ሃልኪ፡ ኀብለል ኼንካ ክትረአ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዓቢ ነገር ከም ዝገበርካ'ሞ ነተን ዝጸብኣኻ ሓይልታት ክትምክት ከም እትኽእል ክተርኢ ክተፈራርሕ፡ ዝተዓወትካ መሲልካ ክትረአ . . . ኣብ መወዳእታ እዚ እንታይ ትርጉም ኣለዎ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ይኹን ኣብ ካልእ መርገጺና፡ ጽባሕ ንግሆ ኢትዮጵያ ምስ ካልኦት ሓይልታት ብምውህሃድ፡ ንርግኣት እዚ ዞባ'ዚ ዝግባእ ኣበርክቶ ክትገብር'ዩ። ቅድም ቀዳድም ግን እዚ ማይ'ዚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክጥቀመሉ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ኦሞ፡ ኣዋሽ፡ ሸገለብ፡ ጁባ . . . ኣብ ኒልን ዝተፈላለየ ካልኦት ብኻልኣይ ደረጃ ዝስርዑ ወሓይዝን እንድሕር ሃለዮም ኰይኖም፡ ብኣጠቓላሊ ተደማሚሮም ንህዝቢ ኢትዮጵያ ክርብሑ ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብ መንጎና ናይ ዶብ ሽግር ስለ ዘሎ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክረብሕ የብሉን፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክጠሚ ኣለዎ ኢልና እንሓስበሉ ምኽንያት የለን። ናይ መጻኢ ወለዶታት ዕድል ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ረብሓ ናይ'ተን ካልኦት እውን ክሕሎ ኣለዎ።

ናይ ግብጺ ስኽፍታ ርዱእ'ዩ። ግብጺ ኣብ መወዳእታ መስመር ወይ ሰንሰለት ናይ ተጠቃምነት'ያ ትኣቱ ዘላ። ግብጺ ንገዛእ ርእሳ ነቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ውዕላት'ውን ክትጥቀመሉ ኣይከኣለትን። ግብጺ ካብ'ቶም ዓበይቲ "ኢምፖርተርስ" (ኣምጻእቲ) ናይ ስርናይ'ያ። ናይ ግብጺ ናይ ስርናይ ቀረጽ ብዋሸንግተንን ብኻልኦት ሓይልታትን ዝምወል'ዩ። ሓደ ካብቲ ናይ ግብጺ ድኻማት ድማ ምስ'ቲ ዝነበረ ዕድላት፡ ጸጋታት ናይ ኒል ክትጥቀመሉ ኣይጸንሐትን። ግና በዚ ሕጂ ዝካየድ ዘሎ ቆይቊን ምፍኽኻርን ድዩ ክፍታሕ? ካልእ ኣማራጺ ክናደ ኣለዎ። ንሕና ኣብ'ቲ ጉዳይ ካብ ነዊሕ ዝጸንሐ ንጹር ፖሊሲ ኣለና። ኣብ'ቲ ዕልቕልቕ፡ ኣብ'ቲ ምጉጅጃል፡ ኣብ ናይ መዓስከራት ምክፍፋል ክንኣቱ ኣይንደልን። ዘይደለና ምስናይ ዝተፈላለየ ለባም ዝመስል ምኽርታት ዘይትኣትዉ፡ እንታይ ገደስኩም ኣብ ውሽጢ ኼንኩም እንተ ሰራሕኩምዶ ኣይሕሸኩምን ዝብሉ ለባም ዝመስሉ ምኽርታት ሰሚዕና ኣብኡ ኣቲና ክንቋየቑ፣ ምስ'ዚ መዓስከር ኢና ምስ'ቲ መዓስከር ኢና ኢልና እንስረዓሉ ምኽንያት የብልናን። ሓሳብና ወይ መርገጺና ከኣ ተኣማሚንና ነቕርቦ። ኣብኡ ጥራይ ኢና ድማ እንረግጽ። ሚለንዩም ዳም፡ ሓጽቢ ሚለንዩም እናተባህለ መዓልቲ መዓልቲ ኣብ ማዕከናት ዜና ዝዝረብ ስግድግድ ዘብል ዓይነት ዘረባታት ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን፣ ስለ'ዚ ከኣ ኣብኡ ኣይንኣቱን።

ሓደገኛነት ናይ'ቲ ተርእዮ እንታይ'ዩ? ኩሎም እቶም ዝሰርዑ ፖሊስታት፡ ንዓለም ብናታቶም መነጽር ብምርኣይ ዘቐምጥዎ ታርጌት እንታይ'ዩ? ዝሑል ኲናት ተወዲኡ፡ ሓደ መዓስከር ጥራይ ተሪፉ። እቲ ሓደ ደምበ "ዓለም ናትና ኮይና'ያ" ዝብል እምነት ኣሕዲሩ። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ንዓለም ናበይ ገጽና ንውሰዳ ክብሉ ጀሚሮም። በቲ ናታቶም ኣገላልጻ ወይ ተርሚኖሎጂ ምድልዳል ዓብላልነት'ዩ። ብእንግሊዝ "ኮንሰሊዴሽን ኦፍ ሀጀመኒ" እዩ ዝበሃል። 'ሀጀመኒ' (ዓብላልነት) ቅድሚ ምፍራስ ሶቬት ሕብረት'ውን ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን። ኣብ ዘመነ ዝሑል ኲናት ዝነበረ ምስሕሓብን ምስፍሕፋሕን ንገዛእ ርእሱ ድልየት ዕብለላ ዘንቀሎ'ዩ። ድሕሪ ምኽታም ዝሑል ኲናት ግን፡ ናይ ሓደ መዓስከር ዕብለላ ምድልዳል'ዩ ኰይኑ። እዚ ኣብ ሰነዳቶም ዘሎ'ዩ። "ንዝመጽእ ሓምሳ ዓመታት ዓለም ኣብ ትሕቲ ቊጽጽርና'ያ። ስለ'ዚ ብኸመይ ከም እነመሓድራን እንቆጻጸራን ስትራተጂ ክንሕንጽጽ" ተባሂሉ ብትካላቶም ዝወጸ ጽሑፍ ዘረጋግጸ'ዩ። ዋና ትሕዝቶኡ ጸጋታት ናይ ዓለም ብምቊጽጻር ምግባት'ዩ። ጸጋታት ዓለም ክትቆጻጸርን ክትግብትን እንተ ኼንካ ድማ ብሓይሊ ክትዕብልል ኣለካ። ብሓይሊ ንዓለም ክትቆጻጸራ እንተ ኼንካ'ውን ክትከፋፍላ ኣለካ ማለት'ዩ። ብጂኦግራፊያዊ ኣገዳስነት፡ ብክፍለ ዓለማዊ ጂኦግራፊያዊ ምክፍፋል ወይ ብቁጠባዊ ኣገዳስነት. . . እተን ናይ ምቊጽጻር ማእከላት ዝብልወን ሰሪዖመን ኣለዉ። ነዘን ማእከላት ብቐጥታ ክትቆጻጸረን እንተ ዘይክኢልካ ብወከልቲ፡ ወይ ብናታቶም ቋንቋ ብ"መልሕቓት" ገይርካ ትቆጻጸረን። ነዚ ተግባራዊ ንምግባር፡ ኣብ ሓደ ናይ ጽልዋ ዞባ ወኪል ኰይኑ ንረብሓታቶም ዝሰርሕ ሓደ ኀብለል ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ስለ'ዚ ንምቊጽጻር ማእከል ጸጋታትን፡ ጸጥታዊ ውሕስነትን (ብናታቶም ቋንቋ "ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት" ዝብልዎን ዝውክላ ኀደቦታት ይሓርዩ። ብዘይካ'ዚ ናይ ዓለም ባንክ፡ ኣይ.ኤም.ኤፍ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ባይቶ ጸጥታ፡ ዞባዊ ውድባት፡ ማሕበራት ግብረ ሰናይ፡ ዘይመንግስታውያን ውድባት፡ ናይ ባህሊ ማእከላት፡ ናይ ትምህርቲ ማእከላት፡ ማላዊ ማእከላት. . . ኣብ ቁጽጽር ክኣትዋ ኣለወን። ምኽንያቱ ንሳተን ከም ናውቲ መቆጻጸሪ ኣገደስቲ ስለ ዝኾና። ክትግብት እንተ ኼንካ፡ ንኹሉ ብዝተወደበ መልክዕ ኣብ ሓደ ስትራተጂያዊ ውጥን ክተእትዎ ኣለካ። ንዕስራ ዓመታት ድማ እዚ ፖሊሲ እዚ'ዩ ክሰርሕ ጸኒሑ።

ብዛዕባና እምበኣር ኣብ ውሽጢ'ዚ መቓን'ዚ ኣቲና ንሕሰብ። እዚ ስትራተጂ'ዚ ኣብ ኤስያ፡ ኣውስትራልያ፡ ደቡብ ኣመሪካ፡ ኣፍሪቃን ካልኦት ክፍለ ዓለማትንከ ከመይ ነይሩ? ክንመዝን እንተ ክኢልና፡ ጉዳይ ዓብላልነት ኣብ ዞባና'ውን ኣብ'ዚ መቓን'ዚ ኣእቲና ንርኣዮ። ኣብ'ቲ ናታቶም ወረቐት ኣፍሪቃ ኣብ ዝተፈላለያ ዞባታት ተኸፋፊላ ማለት'ዩ። ደቡባዊ ክፍሊ ኣፍሪቃ ብሓደ ኀብለል ተወኪሉ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ክኣቱ፥ ምዕራብ ኣፍሪቃ ብሓደ ኀብለል ክውከል፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምስ ኩሉ ተኣፋፍነቱ ኢትዮጵያ ክትመርሖ፡ ኬንያ ከኣ ከም ላቐባ ኼይና ክትሰርሕ፡ ብኸምዚ መንገዲ ዓብላሊ ሓይሊ ብምፍጣር ነቲ ዘሎ ቁጠባዊ፡ ጸጥታዊ፡ ይኹን ካልእ ረብሓታት ከም ትቆጻጸሮ ትገብር። ቀይሕ

ባሕሪ ኣጠቓሊልካ እዚ ዞባ'ዚ፡ ምስ'ቲ ዝዓበየ ጸጋታት ነዳዲ ዘለዎ ማእከላይ ዞባ ዝተኣሳሰር ስለ ዝኾነ፡ ካብ ካልኦት ዞባታት ወይ ክፍለ ዞባታት ንላዕሊ ኣገዳስነት ኣለዎ። ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምዕባለታት እምበኣር ምስ'ዚ ስትራተጂ'ዩ ዝረአ። እቶም ቅድም ዝነበሩ ስርዓታት ነዚ'ዮም ዝውክሉ ነይሮም።

ኤርትራ ስለምንታይ'ያ ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ናጽነታ ዘይረኸበት እንተ ኢልና ናታቶም ውሳኔ'ዩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነበሩ ሰበስልጣን ዝወሰንዎ ኣይኮነን። ናይ ኤርትራ ናጽነት ንረብሓና ስለ ዘየገልግል ኤርትራ ጥብቆ ናይ ኢትዮጵያ ትኹን ተባሂሉ ከውሰን ከሎ፡ ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ስለ ዝነበረ'ዩ። እዚ ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ካብ 1991 ንደሓር መልክዑ ቀይሩ ቀጺሉ። ኣብ መንጎ'ዚ ስትራተጂ'ዝን ናትና ሕርያን ድማ ግጭት ተፈጢሩ። ሕርያና ነቲ ስትራተጂ ስለ ዘየገልግል ኣይተደልየን። ዝምድናታትና ደሓን ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ኣብ ተስዓታት፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምድረ በዳነትን ደርቅን ዝቆጻጸር ኢጋድ ዝበሃል ሓደ ኣካል'ውን ተመስሪቱ። ዝሑል ኲናት ካብ ዘስዓቦ ሽግራት ምእንቲ ክንገላልገል፡ ናይ ገዛእ ርእስና "መካኒዝም" ክንፈጥር ክንክእል ነይሩና። ናይ ምምልላእ ፖሊሲ ክህሉ ምእንቲ፡ ኬንያ፡ ሶማል፡ ጅቡቲ፡ ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ኡጋንዳ ብዝፈጠርኦ ኢጋድ (ውድብ ልምዓት ንተፈጥሮ) ኣቢልና ክንሰርሕ ከኣ ተባሂሉ። እዚ ግና ኣይሰርሐን። ምኽንያቱ እቲ ናይ ኣመሪካ ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ምስኡ ተጋጭዩ።

ናይ ሶማል ጉዳይከ ስለምንታይ'ዩ ክሳብ እዛ ሰዓት'ዚኣ ኣብ ቀጻሊ ቅልውላው ዘሎ? ናይ ሱዳን ጉዳይ ብኻልእ ጉዳይ ክፍታሕ ዝግብኦ ዝነበረ ናብ ምምቕቃል ናይ ሱዳን ኣምሪሑ። ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ኬንያ፡ ኣብ ኡጋንዳ ዘሎ ኩነታት፡ ምስ የመን፡ ጅቡቲን ኢትዮጵያን ዝተላዕለ ናይ ዶብ ሽግር፡ ኩሉ ኣብ ክሊ ናይ'ዚ ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ኢና እንርእዮ። እቲ ዝደልይዎ ንኽረኽቡ ሓላል ይኹን ሓራም ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ድሕር ኣይብሉን'ዮም። ኣብ'ቲ ዝሓለንዎ ሽቶ ምብጻሕ ጥራይ'ዩ ዘድልዮም። ነዚ ንምትግባር ድማ እተን ኣርባዕተ (ሓሶት፡ ምትላል፡ ምስሉይነትን ዓመጽን) ናይ'ቲ ስትራተጂ ባህሪያት ከም ኣጽዋር ይጥቀሙለን። ናይ ኢጋድ ምምስራት እምበኣር ምስ ናታቶም ስትራተጂ ዘሳኒ ኰይኑ ኣይተረኸበን። በዚ መሰረት ኢጋድ ኣሎ ድዩ ሕጂ? ኢልና እንተ ሓቲትና ኢጋድ የለን። ኢጋድ፡ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ኤኮዋስ፡ ሳደክ፡ እንተላይ ጀምዓ ኣል ዓረብያ ዝኣመሰላ ዝነበራን ሓደስትን ዓለማውን ዞባውን ውድባት፡ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ንናታቶም ስትራተጂ እንተ ዘይተኣዚዘንን ዘይኣገልጊለንን፡ ክዓንዋ ወይ ከኣ ክዳኸማ ክኽእላ ኣለወን። ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝፍጸም ተጻብኦታት ድማ ካብዚ መቓን'ዚ ወጺእካ ዝረአ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ኣብ ርእሰና ሃስያታት ወሪዱ ክነሱ፡ ናይ ታሪኽ ጅሆ ክንከውን ኣይመረጽናን። ቀደም ጸላእትና ስለ ዝነበሩ ጸላእትና'ዮም ኢልና ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝን ምምልላእን ኣይንሕሰምን። እቲ ኣብ ዓለምና ይኹን ዞባና ዝህሉ ሓድሽ ክስተት፡ እንተ ድኣ ናይ ሓባር ረብሓታት ዝሕሉ ኾይኑ፡ ሓያል ይኹን ድኹም፡ ነብሲ ወከፍ ወገን፡ ምስ ዝኾነ ክፍሊ ናይ ዓለም ዝምድና ክፈጥር ይኽእል'ዩ፡ ዝብል ስነ ሓሳብ ምስ'ቲ ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ኣይተቓደወን። ናትና ናይ ዶባት ሽግራት፡ ፍልሰት ሰባት፡ ቁጠባዊ ጸቕጢ፡ ቁጠባዊ እገዳ፡ ኣብ መውዳእታ'ውን ብባይቶ ጸጥታ ዝለዓል ጉዳይ እገዳ እምበኣር፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ስትራተጂ'ዚ ጥራይ ኴንካ ዝረአ'ዩ።

እዚ ስትራተጂ ኣብ'ዚ ዕስራ ዓመታት እንታይ ኣምጺኡ እንተ ኢልና፡ ምምዝባላት ጥራይ'ዩ ኣምጺኡ። ምናልባት ጉዳይ ግብረ ሽበራ ንበይኑ ክንዛረበሉ ንኽእል ኢና።

ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ወይ ኢጋድ፡ ናይ ምትሕብባር ሕርያ ጥራይ ኣይኮነን በርዒኑ ወይ ከም ዝዓኑ ተገይሩ። ሳዳም ከመይ'ዩ ነይሩ ብዘየገድስ፡ ካብ ጂኦግራፍ ወሽመጥ ዓረብ ዒራቕ ምውጻኣ ሓደ ጠንቂ ምምዝባላት'ዩ። ናይ ዒራቕ ምብትታን፡ ኣብቲ ዞባ'ቲ ፈጢሩዎ ዘሎ ምምዝባል ንዝኾነ ሰብ ስዉር ኣይኮነን። እዚ ሓደ ካብ'ቶም ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ዋሽንግቶን'ዩ። ሽበራ ክንዋጋእ፡ ንሽበራ ክነጥፍእ፡ ዓለም ውሕስቲ ክንገብራ ተባሂሉ ኣብ ኣፍጋኒስታን ዝተወስደ ስጉምቲ ንገዛእ ርእሱ፡ ስጉምቲ ካብ ዝተወስደሉ ዕለት ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ ሓደ ካብ'ቶም ናይ'ቲ ዞባ'ዚ ቅልውላዋት ኰይኑ ኣሎ።

ንግብጺ ካብ'ቲ ጂኦግራፍ ምውጻእ ድማ ሕጂ ዝመጸ ዘይኰነስ ካብ ዝሓለፈ ሰላሳ ኣርብዓ ዓመታት ክስራሓሉ ዝጸንሐ'ዩ።

ረብሓታቶም ዝሕልዋ ወከልቲ ንምፍጣር ደኣ'ምበር፡ ጎባልል ስለ ዘድልያና ኣይኰኑን ጎባልል ዝፈጠሩ። ጎብለል ዘይብሉ ዞባታትን ክፍለ ዞባታትን ዘይህልወሉ ምኽንያት የለን። እዚ ናይ ሓያላን ስትራተጂ ኣብ ዘመነ ዝሑል ኲናት ተሰሪሑሉ ሕጂ ድማ ብሓድሽ መልክዕ ይቕጽል ኣሎ። እዚ ትማሊ ዝረኣናዮ ለውጢ ናይ ዝተጠራቐሙ ጸገማት ሳዕቤን'ዩ። ግብጺ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ይኹን ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ፡ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ናይ ኒል ተፋሰስ ይኹን ማእከላይ ምብራቕ ተራ ኣይጸንሓን። እዚ ከኣ ብዝተወጠነ መገዲ ዝተሰርሐ'ዩ። ብዞባ ደረጃ እንተ ርኢናዮ ናይ ግብጺ ካብ'ቲ ስእሊ ምውጻእን ምምዝባል ምፍጣሩን ተራሉ ንእሽቶ ኣይኰነን። ኲሉ'ዚ ኣብ ውሽጢ ዕስራ ዓመታት ዝተቐልቀለ ቅልውላዋት ሳዕቤን ናይ ስትራተጂ ዕብለላን ግብትናን'ዩ። ናትና ሕርያ ግን ኣብ ቦታኡ ኣሎ። ኣብ ዞባና ናይ ዝተፈላለየ ህዝብታትን ሃገራትን ምውህሃድ እምነ ኲርናዕ ናይ ወጻኢ ፖሊስና'ዩ። እሙን ጎደቦ፡ ርጉእ ጎደቦ፡ ክንብል ከለና መዕቖቢ ዝኾነና ጎደቦ ክንፈጥር ስለ ዝደለና ኣይኰነን፡ **እንተ ኾነ ግን እዚ ጎባልል ዞባ ንምፍጣር ዝዓለመ ምትእትታው ዝፈጠሮ ምምዝባል ክዕረ ክኽእል ኣለዎ።** ግብጺ ተራኣ ክትሕዝ ኣለዋ። እተን ንጎብለልነት ክቀዳደማ ነዚ ከባቢ'ዚ ኣራግጽ ወዲኣናኦ ዘለዋ፡ መብዛሕትአን ጎባልል ንክኾና ናይ ገዛእ ርእሰን ዘቤታዊ ዓቕምታት የብለንን። ብውክልና ጎባልል ንክኾና ምስ ዘራያት ይጽግዓ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝጸንሐ ሰለስተ ተኸታታሊ ስርዓታት ወኪል ኰይኑ ጥራይ'ዩ ጎብለል ክኸውን ዝኽእል። **ኣብ ጎደቦኡ ንዘለዋ ሶማል፡ ኬንያ፡ ሱዳን፡ ኤርትራን ካልኦትን ረጊጹ ረጋጊጹ ክዕብልል እንተ ኾይኑ፡ ዘራይ ክህልዎ ኣለዎ።** ንኣብነት እስራኤል ጎብለል ናይ'ቲ ዞባ ኰይና ጸኒሓን ኣላን። እዚ ናይ ገዛእ ርእሱ ዳይናሚክስ ኣለዎ። እዘን ሕጂ ዝወዳደራ ዘለዋ ብመፍቶ "ብፈይሸር" ናይ'ቶም ሓያላት'የን ጎብለል ክኾና ዝደልያ። ንዓና እዚ ኣየድልየናን'ዩ። **ብወከልቲ ይኹን ብቐጥታ ዝግበር ናይ ዕብለላ ውጥናት ዞባዊ ምምዝባልን ዘይምርግጋእን'ዩ ሳዕቤኑ።** እዚ ኩሉ ህልቂት፡ ጥምየት፡ ዕንወት ትሕተ ቅርጺ፡ ዕንወት ዕድላት ሳዕቤን ናይ'ዚ ስትራተጂ'ዩ። ብዞባ፡ ብኽፍለ ዓለም ይኹን ብዓለም ደረጃ፡ መሰረት ናይ ወጻኢ ፖሊሲታትና ካብኡ ዝነቐለ'ዩ። ካብ ምምዝባል ንምንጋፍ ድማ ሕርያና ኣብ ምምልላእን ምትሕግጋዝን ዝተመርኮሰ ዝምድና ዘለዎ ርጉእን እሙንን ጎደቦ ምህላውን ጥራይ'ዩ። ኣብ'ዚ ዕስራ ናይ ናጽነት ዓመታት ከም ዝረኣናዮ፡ ብደገ ዝመጽእ ዝተፈላለየ ምትእትታዋት ኣብ ዞባና ይኹን ካብ ዞባና ወጻኢ ስቅያት፡ ሽግራትን ቅልውላዋተንን ጥራይ እዩ ፈጢሩ። ወላ ኩሉ ጸገማት ናቱ ሳዕቤን'ዩ ኣይንበሎ፡ ብዓቢኡ ግን ብእኡ ዝተጸልወ'ዩ።

ዘይጥዑይ ምትእትታዋት ኣየድለየናን'ዩ። ፈታዊ ሃይማኖት ትመስል፡ ፈታዊ ዲሞክራሲ ትመስል፡ ፈታዊ መሰል ሰብ ትመስል፡ ኣብ ሓቂ ግን እዞም ክብርታት ኣብ ኣእምሮኻ ስለ ዘየለዉ እቲ ብግብሪ እትሰርሓሉ ብኣንጻሩ ይኸውን። ስለ'ዚ ንምስሉይነትካ በቲ ሓላል መልክዑ ክትገልጾ ትደሊ። ናይ ውክልና ጎብለልነት ብዘይካ ቅልውላውን ሃጓፉት ምፍጣርን ካልእ ሳዕቤን የብሉን።

**ክቡር ፕረዚደንት፡ እዚ ሕጂ ዘቕርቦ ሕቶ፡ ኣቐድም ኣቢልካ ተናኺፍካዮ ስለ ዝጸናሕካ፡ ካብኡ ብምብጋስ፡ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ካብ 2011 ጀሚሮም ክነትጉ ዝጸንሑ ህዝባዊ ምልዕዓላት፡ ክሳብ ሎሚ ኣይረግኡን ኣለዉ። ብፍላይ ናይ ግብጺ ኩነታት ኣሰካፊ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ኣብ ጉዳይ ግብጺ መርገጽን ኣመለኻኽታን መንግስቲ ኤርትራ ከመይ'ዩ? ብዛዕባ መርገጺ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ "ሚልየኒዩም ዳም" እውን መብርሂ ክትህበና?**

ኣብ ዜናታት እንተ ተኸታቲልካ ብዙሕ ሰብ ሓደ መራሒ እንተ ተኣልዩ፡ ምስ መን ደው ትብል ኰን ትኸውን እዩ ዝጸናጸን። ኣብ ከምኡ ዝበለ ናይ ህጻናት ሕርያታት ኣይንኣቱን ኢና። ስለምንታይ ግብጺ ወዲቓ እንድሕሪ ኢልካ፡ ኣብ ውሽጢ ሳላሳ ወይ ኣርባዓ ዓመታት ክጠራቐም ዝጸንሐ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካውን ጸጥታው ቅልውላው'ዩ እቲ ጠንቂ። ዓብላሊ ወይ ጎብለል ናይ'ዚ ዞባ ክትውን

ኣለዋ ማለት ዘይኮነ እቲ ሃጓፍ'ቲ ንገዛእ ርእሱ ምምዝባላት ስለ ዘኸትል፡ ለውጢ ክመጽእ ክኽእል ኣለዎ። እዚ ትማሊ 25 ጥሪ ዝነተጐ ተቓውሞ ሽው ዝመጸ ኣይኮነን። ቅድሚኡ ብዝተፈላለዩ መንግስታትን ሓይልታትን ዝዝረበሉ ዝነበረ ጉዳይ'ዩ። **ግብጺ ካብ'ዚ ስእሊ'ዚ ምውጽኣ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣብ ጉዳይ ዓረብን እስራኤልን፡ ኣብ ጉዳይ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ጉዳይ ተፋሰስ ኒል፡ ኣብ ጉዳይ ወሽመጥ ዓረብ ክትጻወቶ ዝግባኣ ዝነበረ ሃናጺ ተራ ካብ ምጽዋት ተቐይዳ።** ካልኦት ጎባልል እናኣተዉ፡ ዝተፈላለየ ቅልውላዋት እናመጸ እዚ ከባቢ ርግኣት ስኢኑ ኣሎ። ኣብ ግብጺ ለውጢ ንኽመጽእ ትጽቢት ዝግበረሉ ዝነበረ'ዩ። እቲ ትጽቢት ግን ብዝተወደበ መልክዕ ኣይመጸን። እዚ ረቢዕ ዓረቢ፡ ቀውዒ ዓረብ ዝብልዎ፡ ኣብ ደገ ብዙሕ ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። ረቢዕ ድዩ ቀውዒ ድዩ ክራማት ድዩ ሓጋይ ድዩ ንሱ ካልእ ኣርእስቲ'ዩ። ግብጺ ናብ ቦታኣ ክትምለስ ኣለዋ። ናይ'ዚ ከባቢ ርግኣት ክረጋገጽ እንድሕሪ ኰይኑ፡ ቅድም እቲ ምምዝባላት ክመዓራረ ክኽእል ኣለዎ። ግብጺ ከኣ ቦታኣ ክትሕዝ ክትክእል ኣለዋ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ክልተ ዓመታት ዝነበረ ኩነታት እንተ ርኢኻዮ፡ ኣብ ግብጺ ናይ ዝነበራ ፖለቲካዊ ሓይልታት ውሽጣዊ ምድኻም'ዩ። ብፍላይ ምስ ምውዳቕ ዝሑል ኲናት፡ ሃገራውያን ዝበሃላ ናይ ፖለቲካ ውድባት ወይ ኣወዳድባታት ጠፊአን። ብሄራዊ ዓረባዊ ምንቅስቓሳት ዝበሃል ንስሙ እምበር የለን። ካልኦት ነቲ ለውጢ ክመርሑ ዝኽእሉ ሓይልታት ኣይጸንሑን። ናይ ህዝቢ ግብጺ መሰረታዊ ጠለብ ክሳብ ናዕቢ ክበጽሕ ዝኸኣለ፡ ካብ'ቶም ኣብ ሰላሳ ኣርባዓ ዓመታት ዝተጠራቐሙ ጸገማት ዝተበገሰ'ዩ ነይሩ። ነቲ ናዕቢ ዝወደቦ፡ ዘበገሶን ዝመርሖን ዝተወደበ ፖለቲካዊ ሓይሊ ስለ ዘይነበረ ግን ኣብ'ዚ ሕጂ ዘላቶ ምምዝባላት ወዲቓ። ንኣብነት ናይ ቱኒዝያ እንተ ወሲድና፡ ምስ'ቲ ዝነበረ ናይ ህዝቢ ምረት እቲ ቁጥዐ ብሓደ ስራሕ ስኢኑ ነብሱ ዘንደደ መንእሰይ'ዩ ተባሪዑ። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ፍኑው ምዕባለታት ኣብ'ቲ ማዕበል ክውጣሕ ዝደለዩ ጸለውቲ ኢና ዝብሉ ውልቀ ሰባት ነቲ ኣጀንዳ በብናቶም ድልየት ወይ ዕላማ ክውጥሕዎ ይደልዩ። እቲ ማዕበል ግን ናይ ህዝቢ ማዕበል'ዩ። ዝተዋህለለ ነትጉ'ዩ። ኣብ ግብጺ፡ ነቲ ለውጢ መን መሪሑዎ ወይ ኣንቀሳቒሱዎ እንተ ኢልካ፡ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ንስርዓት ሙባረክ ንምውዳቕ ወጢኑ፡ ስትራተጂ ኣውጺኡ፡ ሰብ ወዲቡ ዝመርሖ ሓይሊ ኣይነበረን። ፍኑው ተቓውሞ'ዩ ነይሩ። ሕውነት ኣስላም (ሙስሊም ብራዘርሁድ) ነቲ ኩነታት ብምጥቃም ኣብ ውሽጢ'ዚ መስርሕ'ዩ ተወዲቡ። እዚ ውድብ'ዚ ናይ ተብተብ'ዩ ነይሩ። ኣብ ግብጺ ነቲ ዝተፈጥረ ሃጓፍ ክመልእ ዝኽእል ውዱብ ሓይሊ ስለ ዘይነበረ፡ እቲ ሙስሊም ብራዘርሁድ ወይ ድማ ሕውነት ኣስላም ዝበሃል ምንቅስቓስ ነቲ ዕድል ተጠቒሙሉ። ናይ ሙርሲ ስርዓት ድማ መጺኡ። ንዓና ንሳቶም ድዮም ክቕጽሉ ወይ ካልእ ክመጽእ ዝብል ሓሳብ ኣይምልከተናን'ዩ። እቲ እንደልዮ ግብጺ ናብ ንቡር ተመሊሳ ዞባዊ ቦታኣ ክትሕዝ ክትክእል'ዩ። እቶም ውህሉላት ሽግራት ከኣ ክፍትሑ ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብ ወርሒ ኣርባዕተ ብጉዳይ ፍልሰት ሰባት ይኹን ህሉው ፖሊሲና ኣብ ልዕሊ ግብጺ ብዝምልከት ናብ ሙርሲ መልእኽቲ ኣብ ዝሰደድኩሉ እዋን እቲ ኩነታት ከም መሰጋገሪ መድረኽ ከም እንርእዮ ኢና ኣፍሊጥና። መሰጋገሪ መድረኽን ኣድላይነቱን ብዝኾነ ይኹን ሰብ ክከሓድ ዝኽእል ኣይኮነን። ድልየትና ወይ ትምኒትና፡ ግብጺ ብሙስሊም ብራዘርሁድ ይኹን ብኻልኦት ሓይልታት፡ ነዚ ናይ ለውጢ መድረኽ ብቕኑዕ መንገዲ ክትሰግሮ ክትክእል ኣለዋ። ብኸመይ ይሰግርዎ ናታቶም ውሽጣዊ ጉዳይ'ዩ። ስለ ዝኾነ ኣብ'ዚ ፖሊሲ'ዚ ብምምርኳስ ምስ መንግስቲ ሙርሲ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ካብ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ስርዓት ብዝበለጸ ርክባትን ምይይጥን ጀሚርና። ኣይዲዮሎጂ ወይ ስነ-ሓሳቦም ብዘየገድስ ብዝኾነ መንገዲ ነቲ መሰጋገሪ መድረኽ ብግቡእ ክኣልይዎ ዘለና ድሌት ምግላጽ ነውሪ ኣይኮነን። እቲ ጸገም ግን ሙስሊም ብራዘርሁድ ዝውክሎ ሓይሊ ኣዝዩ ንእሽቶ'ዩ። ምስ ተስዓ ሚልዮን እሞ ድማ ብዝተፈላለየ በደላት ዝሓለፈ ህዝቢ ግብጺ ኣነጻጺርካ ንዝበዝሐ ህዝቢ ዝውክል ኣይኮነን። ብዝኾነ ይኹን መለክዒታት ነቲ ዕድል ስለ ዝተጠቕመሉን ዝሓሸ ኣወዳድባ ስለ ዝነበሮን ግን ነቲ መሰጋገሪ መድረኽ ክኣልዮ ይኽእል'ዩ ኢልካ ክትጽበን ክትምነን ትኽእል። እቲ ስርዓት ካብ መጸ ክንጸምድ ክንክእል ኣለና። ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ኢልና ኣየደናጎናዮን። ናይ "ኢንጌጅመንት" (ጽምዶ) ፖሊሲታትና ከኣ ከነነጽር ኣለና ተባሂሉ ብኡ መሰረት ክንሰርሕ ጀሚርና። ጽቡቕ ዝምድናታት እውን ኣበጋጊስና ክበሃል ይከኣል። ዕድል ናይ ስልጣን ምስ ረኸቡ ስልጣኖም ከደልድሉ ኢሎም ዘተኣታተዉዎ ዝተፈላለየ ፖሊሲታት ረጽሚ ፈጢሩ። ሙርሲ ምስ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ስርዓት ብብልሽውና ዝጽላእ ዝነበረ ሽፊቕ ኣብ ውድድር ምእታዉ፡ ተወዳዲረ ናይ

ህዝቢ ድምጺ ረኺበ ክብል ዝኽእል ኣይኰነን። ምናልባት ሙርሲ ናብ ስልጣን ንኽመጽእ ግን ሓጊዙ ይኸውን። ናይ ሙርሲ ምምጻእ ተቐቢልናዮ። ግን ነቲ መሰጋገሪ መድረኽ ብዝግባእ ኣይኣለይዎን። ኣብ ስልጣን ምርግጋጽን ሓይሊ ምድልዳልን ጥራይ ሰሪሖም። ዓመት ከይመልአ ድማ እዚ ናይ 30 ሰነ ናዕቢ ተበጊሱ።

እቲ ኹነ እዚ፡ ኣብ መወዳእታ ግብጺ ካብ'ዚ ናይ ሰላሳ ኣርብዓ ዓመታት ምርማስ ወጺኣ ኣብ'ዚ ዞባ ሃናጺ ተራ ክትጻወት ክትክእል ኣለዋ። ናብ'ዚ ደረጃ ምእንቲ ክትበጽሕ ከኣ መሰጋገሪ መድረኽ ክውዳእ ክኽእል ኣለዎ። ዝምድናና ከኣ ካብ መንግስቲ ሙርሲ ጀሚሩ ክሳብ እዚ ሕጂ ዘሎ ስርዓት ኣብ ውሽጢ ናይ "ኢንጌጅመንት" (ጽምዶ) ፖሊሲና ብኣወንታ ይምዕብል ኣሎ። እዚ መሰረታዊ መትከል ናይ ወጻኢ ፖሊሲና ኰይኑ፡ ነዚ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ሓፈሻዊ መቓን ናይ'ዚ ዞባና ዘርኢ'ዩ። ምኽንያቱ ብሰሪ ናይ ግብጺ ዘይምህላዉ፡ በብመኣዝኖም ዝመጹ ዘለዉ ክኹኑ ዝደልዩ ወገናት ንኽባቢና በራግጽ ከዳኽምዎ ኣይኰኑን። ስለ'ዚ እቲ "ባላንስ" (ሚዛን) ክመጽእ ምእንቲ ግብጺ ናብ'ዚ ክትሰጋገር ክትክእል ኣለዋ። ንሕውነት ኣስላም ወይ ንዝተፈላለዩ ካልኦት ሓይልታት ደጊፍና ወይ ተቓዊምና ማለት ኣይኰነን።

**ክቡር ፕረዚደንት መርገጺ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ህንጻት ሓጽቢ መዋእል ወይ ሚለንዩም እንታይ እዩ?**

እዚ ገዚፍ ኣርእስቲ'ዩ። ምናልባት'ውን ፍሉይ ግዜ ተገይሩሉ ክዝረበሉ ዘለዎ ጉዳይ'ዩ። ብዛዕባ መርገጺና ቅድሚ ሎሚ መግለጺ ሂበ ነይረ። እዚ ናይ ኒል ተፋሰስ ወይ ናይ ኒል በንዚን ንመዋእላት ዝጸንሐ'ዩ። ኣብ ግዜ መግዛእቲ ይኹን ካብ መግዛእቲ ንነጀው ዝተገብሩ ዝተፈላለዩ ውዕላት ኣለዉ። ንዓታቶም ግን ታሪኽ ኢልና ክንገድፎም ንኽእል። ምስ'ዚ ሕጂ ዘሎ ሓፈሻዊ መቓን ክንርእዮ ከለና፡ እዚ ቅልውላው እቶም ዘቤታዊ ተዋሳእቲ ዘምጽኡዎ ድዩ ወይስ ብደገ'ዩ ዝድረኽ ዘሎ? እቶም ዝምልከቶም ህዝብታትን ሃገራትንከ እንታይ'ዩ ረብሓኦም? ኣብ መወዳእታኸ ብኸመይ'ዩ ክፍታሕ? ዝብሉ ዓበይቲ ሕቶታት እዮም። እቲ ዝጸንሐ ታሪኽ እንተ ርኢናዮ፡ ብዛዕባ ማይ ኒል ንህዝብታትን ሃገራትን ዘምጽኦ ረብሓታት  ምርግጋእ ንምፍጣር ዘለዎ ኣበርክቶን ዘይኰነ፡ ብስም ኒል ቅልጽምካ ናይ ምርኣይ ጉዳይ'ዩ ጸኒሑ። ብቐዳምነት ካብ ከም'ዚ ዝበለ ኣታሓሳስባ ክውጻእ ኣለዎ። ዘሰሓሕብ ጉዳይ እንድሕር ኣሎ ኹይኑ ቅጥዑን ኣገባብን ኣፈታትሓኡን ተራእዩ ክፍታሕ ክኽእል ኣለዎ። ይዝከረኒ ኣብ ግዜ ደርግ ኣዕራብ ንኤርትራ ይድግፍዋ ኣለዉ ዝበሃለሉ ዝነበረ፡ ግዜ መንግስቱ እንታይ ኢሉ ዓረብ ኩሉ ግዜ ጸላእቲ ናይ ኢትዮጵያ'ዮም ዝበሃል ዘረባታት ስለ ዝነበረ፡ "ዓረብ ነዳዲ እንተ ሃለዎም ንሕና ከኣ ማይ ኒል ኣለና" ኢሉ ፈኪሩ ነይሩ። እዚ ቅልጽም ናይ ምርኣይ ጉዳይ'ዩ እምበር፡ ምስ ማይን ንህዝብን ሃገራትን ዘምጸኦ ረብሓን ዝተዛመደ ኣይኰነን ነይሩ። ከም'ዚ ሓይልኻን ቅልጽምካን እተርእየሉ ጉዳይ'ዩ። ንሕና ድማ ኣብ'ዚ ምፍኽኻርን ቅልስን ናይ ጎባልል ዘእቱ ምኽንያት የብልናን። ትሽዓተ ኣባል ሃገራት ነይረን። ምናልባት ምስ ምምቃል ደቡብ ሱዳን ቁጽሪ ኣባላት ወሲኹ ክንብል ንኽእል ኢና። ኣባልነትኩም ኣረጋግጹልና ኣብ ዝተባሃልናሉ ግዜ፡ ንሕና ኣባልነት ኣይንደልን ኢና፣ ተዓዘብቲ ጥራይ ኢና ክንከውን ንደሊ፡ ኢልና ኣይኣተናዮን። እተን ቀንዲ ተቐበልቲ ዝበሃላ ሱዳንን ግብጺን'የን። እተን ምንጪ ናይ'ቲ ማይ ዝበሃላ ብዙሓት እንተ ኾና'ኳ፡ እቲ ዝበዝሐ (ኣስታት 80%) ክፋል ናይ'ቲ ማይ ግን ካብ ኢትዮጵያ'ዩ ዝመጽእ። እዚ ናይ ሚለንዩም ሓጽቢ እምበኣር ካብ'ዚ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ኣረኣእያታት ዝወጸ ኣይኰነን። ብዛዕባኡ ክንምድር እንድሕር ኾይንና፡ ብግቡእ ከነጽንዖም ዘለና ጉዳያት ኣለዉ። ካብ'ቲ መሰረታዊ ፖሊሲና ከይወጻእና፡ እቲ ሓጽቢ እንተ ፈረሰ እቲ ካብኡ ዝብገስ ውሕጅ ንኻርቱም ክሓጽባ'ዩ፣ ዕልቕልቕን ዕንወትን ከምጽእ'ዩ፡ ዝብል ሰንኮፍ ምኽንያታትን ካልኦት ስምዒት ዘረሳስኑ ዘረባታትን ሒዝካ፡ ኣብ ናይ ፖለቲካን ዲፕሎማሲን ፕሮፓጋንዳዊ ቆይቊ ካብ ምእታው፡ መሰረታውያን ኣብ ዝኾኑ መትከላት ክዘራረቡ ይግባእ።

ፈለግ ኒል ቅድሚ ሎሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣይተጠቐመሉን፣ ህዝቢ ሱዳን ኣይተጠቐመሉን፣ ህዝቢ ግብጺ ኣይተጠቐመሉን፣ እተን ማይ ንሕውስ ኢና ዝብላ ካልኦት'ውን ኣይተጠቐማሉን። እቲ ምኽንያት ታሪኽ

ናይ መግዛእቲ ከንብሎ ንኽእል፡ መሰረታዊ ምዕባለታት ትሕተ ቅርጺ ስለ ዘይነበረ ክንብል ንኽእል፣ ናይ መንግስታትን ፖሊሲታትን ጸገማት ክንብሎ ንኽእል። ብኸፊል ተጠቒመናሉ ክኾና ይኽእላ። እቶም ክጥቀሙሉ ዝግበኦም ህዝብታት ግን ኣይተጠቕሙሉን። እዚ ማያት እዚ ናይ ህዝብታት ማይ'ዩ። ስለ'ዚ እዚ ማይ ምስ ኣድማዒ ኣጠቓቕማን ሂወት ናይ ህዝብታትን ክተኣሳሰር ክኽእል ኣለዎ። ምስ ናይ ቅድሚ ውዕላት ከምኡ'ውን ሰንኮፍ ምኽንያታት እናተኣሳሰርካ ዝረአ ኣይኮነን።

እቲ ማይ ዓቕኑ ክሳብ ክንደይ'ዩ? ካበይ ይመጽእ? ናበይከ ይኸይድ? ህዝብታት ክጥቀሙሉ እንተ ድኣ ኮይናም፡ ኣብ ምንታይ'ዮም ክጥቀሙሉ? ኣብ ጸዓት ኣብ ኤለክትሪሲቲ ኣብ ሕርሻ ኣብ ኢንዱስትሪ . . . ብኸመይ እዮምከ ክጥቀሙሉ? ዝኾነ ዝግበር ስምምዕ ወይ ውዕል መጻኢ ወለዶ ሚዛናዊ ረብሓ ብዝረኽበሉ መንገዲ ክተሓዙ ኣለዎም። ምስ ርግኣት ናይ'ዚ ዞባ'ዚ ክረአ ክኽእል ኣለዎ። እንተ ዘይኮይኑ በዚ ሕጂ ዘሎ ኣተሓሕዛ፡ ጉዳይ እናጨለፍካ ናብ ዕንትርናን ቅልጽምካ ምርኣይን ዝእንፍት እንተ ኾይኑ፡ ዝኸፍአ ሳዕቤን ክህልዎ'ዩ። እዚ ሕጂ ዘሎ ቃና ድማ ናብኡ ገጹ ዝዘንበለ'ዩ። እዚ ድማ ምስ ኩላቶም እቶም ዝምልከቶም እንዘራረበሉ ናይ ጽምዶ ፖሊሲ'ዩ።

እቲ ሓጽቢ ምስ ተተኽለ 5000 ሜጋዋት ከውጽእ'ዩ. . . ናብ ግብጺ ናብ ሱዳን ክሽየጥ'ዩ ዝበሃል ዘረባታት ሸፈጥ'ዩ። 5000 ሜጋዋት ንህዝቢ ኢትዮጵያ ወላ ሓንቲ ኣይኮነን። ኢትዮጵያ 80 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ኣዝያ ገዛፍ ሃገር'ያ። ህዝቢ እስራኤል ካብ 7 ሚልዮን ዝሓልፍ ኣይኮነን። ድምር ናይ እተመንጭዎ ጸዓት ግን 11,000 ሜጋ እዩ። በዚ መንጽር'ዚ ብዛዕባ ናይ መጻኢ ዝሓሸ ወይ ዝበለጸ መነባብሮ ናይ ህዝቢ እንተ ሓሲብና፡ 5000 ሜጋዋት ንኢትዮጵያ እንታይ ትርጉም ኣለዎ? እቲ ሓጽቢ ምስ ተሰርሐ ንዝተፈላለየ ጽላታትን ንኣገዳሲ ቁጠባዊ ክፋላትን'ውን ክንጥቀመሉ ኢና'ውን ተባሂሉ። ኣበይ ኣሎ እቲ ትሕተ ቅርጺ? ንዝእ ርእሱ መርበብ ወይ ግሪድ ናይ መዘርግሒ ጸዓትከ ኣሎ ድዩ? ዝብሉን ካልኦትን እንተ ገምጊምካዮ ኣብ ዘይጭበጡ ኣርእስትታት ምህውታት'ዩ። ብሓፈሻ እንተ ርኢኻዮም ድማ ነቶም ናይ ብሓቂ ጉዳያት ብግቡእ ዝሕዝ ኣዘራርባ ወይ ኣረኣእያ የለን። እዚ ማይ'ዚ ኣብ ውሽጢ ዞባዊ ምውህሃድን ምምልላእን ህዝቢ ኢትዮጵያ ክጥቀመሉ፡ በቲ ዘምጽኦ ለውጢ ወይ ዕብየት ድማ፡ ምስ ካልኦት ተወሃሂዱ ኣበርክቶ ክገብር ክኽእል ኣለዎ።

እዚ ሕጂ ብዛዕባ ሓጽቢ ሚለንዩም ዝበሃል ዘሎ ዘረባታት ግን ምስ ክዉንነት ዘይዛመድን ትርጉም ዘይብሉን'ዩ። ንኽዉንነት መጻኢ ዝጠመተ'ውን ኣይኮነን። ንፖለቲካዊ ሃልኪ፡ ጎብለል ኺንካ ክትረአ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዓቢ ነገር ከም ዝገበርካ'ሞ ነተን ዝጻብኣኻ ሓይልታት ክትምክት ከም እትኽእል ክተርኢ ክተፈራርሕ፡ ዝተዓወትካ መሲልካ ክትረአ . . . ኣብ መወዳእታ እዚ እንታይ ትርጉም ኣለዎ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ይኹን ኣብ ካልእ መርገጺና፡ ጽባሕ ንግሆ ኢትዮጵያ ምስ ካልኦት ሓይልታት ብምውህሃድ፡ ንርግኣት እዚ ዞባ'ዚ ዝግባእ ኣበርክቶ ክትገብር'ዩ። ቅድም ቀዳድም ግን እዚ ማይ'ዚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክጥቀመሉ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ኦሞ፡ ኣዋሽ፡ ሸገለብ፡ ጁባ . . . ኣብ ኒልን ዝተፈላለየ ካልኦት ብኻልኣይ ደረጃ ዝስርዑ ወሓይዝን እንድሕር ሃልዮም ኮይናም፡ ብኣጠቓላሊ ተደማሚሮም ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከርብሑ ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብ መንነና ናይ ዶብ ሽግር ስለ ዘሎ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክረብሕ የብሉን፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክጠሚ ኣለዎ ኢልና እንሓስበሉ ምኽንያት የለን። ናይ መጻኢ ወለዶታት ዕድል ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ረብሓ ናይ'ተን ካልኦት እውን ክሕሎ ኣለዎ።

ናይ ግብጺ ስኽፍታ ርዱእ'ዩ። ግብጺ ኣብ መወዳእታ መስመር ወይ ሰንሰለት ናይ ተጠቃምነት'ያ ትኣቱ ዘላ። ግብጺ ንገዛእ ርእሳ ነቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ውዕላት'ውን ክትጥቀመሉ ኣይከኣለትን። ግብጺ ካብ'ቶም ዓበይቲ "ኢምፖርተርስ" (ኣምጻእቲ) ናይ ስርናይ'ያ። ናይ ግብጺ ናይ ስርናይ ቀረጽ ብዋሽንግተንን ብኻልኦት ሓይልታትን ዝምወል'ዩ። ሓደ ካብቲ ናይ ግብጺ ድኻማት ድማ ምስ'ቲ ዝነበረ ዕድላት፡ ጸጋታት ናይ ኒል ክትጥቀመሉ ኣይጸንሐትን። ግና በዚ ሕጂ ዝካየድ ዘሎ ቆይቊን ምፍኽኻርን ድዩ ክፍታሕ? ካልእ ኣማራጺ ክናደ ኣለዎ። ንሕና ኣብ'ቲ ጉዳይ ካብ ነዊሕ ዝጸንሐ ንጹር ፖሊሲ ኣለና።

ኣብ'ቲ ዕልቕልቕ፡ ኣብ'ቲ ምጉጅጃል፡ ኣብ ናይ መዓስከራት ምክፍፋል ክንኣቱ ኣይንደልን። ዘይደለና ምስናይ ዝተፈላለየ ለባም ዝመስል ምኽርታት ዘይትኣትዉ፡ እንታይ ገደሰኩም ኣብ ውሽጢ ኼንኩም እንተ ሰራሕኩምዶ ኣይሕሸኩምን ዝብሉ ለባም ዝመስሉ ምኽርታት ሰሚዕና ኣብኡ ኣቲና ክንቋየቕ፣ ምስ'ዚ መዓስከር ኢና ምስ'ቲ መዓስከር ኢና ኢልና እንስረዓሉ ምኽንያት የብልናን። ሓሳብና ወይ መርገጺና ከኣ ተኣማሚንና ነቕርቦ። ኣብኡ ጥራይ ኢና ድማ እንረግጽ። ሚለንዩም ዳም፡ ሓጽቢ ሚለንዩም እናተባህለ መዓልቲ መዓልቲ ኣብ ማዕከናት ዜና ዝዝረብ ስግድግድ ዘብል ዓይነት ዘረባታት ትርጉም ዘለዎ ኣይኰነን፣ ስለ'ዚ ከኣ ኣብኡ ኣይንኣቱን።

**ነመስግነካ ክቡር ፕረዚደንት።**